
# ፍረ ጻዕሪ

ቍ. ሕታም 01 ጥሪ 2023

ብሚኒስትሪ ሕርሻ እትዳሎ መጽሔት

- ቃለ-መሕትት ምስ ሚኒስተር ኣረፋይነ በርሀ
- ኣርካናት ሕርሻ
- ጉሓፍና'ውን ጸጋና'ዩ
- ሓመድ-ኣልቦ ሕርሻ



ቃለ ኣሰናዳኢ ........................................................ 2

**ቃለ-መሕትት ምስ ክቡር ሚኒስተር ሕርሻ**
ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ .................................................. 3

ገስጋስ ሕርሻዊ ዋኒንን ወፍርን ኣብ ኤርትራ ............... 15

## ኣርካናት ሕርሻ

- ነፍስሄር ካሕሳይ ኣስመሮም .............................. 18
- ነፍስሄር ሙስጦፋ መሓመድ ሳልሕ .................... 20
- ወ/ሮ ዮርዳኖስ ሃብታይ .................................. 22
- ኣቶ ማሕሙድ ሮሞዳን .................................. 24

## ገስጋስ ክፍልታት

- ሕርሻዊ ኤክስተንሽን ....................................... 27
- ሕርሻዊ ምርምር ............................................ 35
- ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቊጽጽርን ...................... 40
- ሓጺር ሌላ ምስ ሃገራዊ ላቦራቶሪ ጥዕና እንስሳን ብቝልን ............................................ 44

## ጋዜጠኛ ሕርሻ

- ገብረኣምላኽ ኣረጋይ - ልዕሊ ርብዒ ዘመን ኣብ ሕርሻዊ ጋዜጠኝነት ........................................... 46

## ባህርያዊ ሕርሻ

- ሃገራዊ ሸማግለ ምውሓስ ባህርያዊ ድኾዕን ጸረ-ባልዕ ብቝልን .............................. 49
- ባህርያዊ ፈሳሲ ድኾዒ ባሕሪ .......................... 51
- ምምስራሕ ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ ........................... 54
- ኣብነታውያን ተጠቀምቲ ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ ......... 56
- “ጐሓፍና’ውን ጸጋና’ዩ” ................................... 57

## ቴክኖሎጂ ሕርሻ

- ሓመድ ኣልቦ ሕርሻ ........................................ 60
- ትኹላዊ ሕርሻ ውሽጢ ገዛ .............................. 61
- ጸሃዩት ማሽን .................................................. 61
- ውሁድ ሰብ-ሰርሖ ብልሒ ዝዓጠቐት ነጻጊት ማሽን ................................................. 61
- ሓድሽ ቴክኖሎጂ ሕርሻ ባሕሪ ......................... 62
- ጸዓት-ኣልቦ መጨንጉዒ ማይ ............................ 62

## ቀመም ፍረ-ጻዕሪ

- ብኻዶ... ...................................................... 63

ብሚኒስትሪ ሕርሻ ጨንፈር ህዝባዊ ርክባት
እትዳለወት መጽሔት

ፍረ-ጻዕሪ ቊ.1
ጥሪ 2023

ዋና ኣሰናዳኢ
ኤርምያስ ሰሎሞን

ኣሰናዳኢ ቦርድ
መስፍን ገብረሂወት
ተስፋኣለም ገብረስላሴ (ጫረ)
ፊልማዊት መዓሾ
ዓንደመስቀል በርሀ

ለይ-ኣውትን ግራፊክስን
ሶፊያ ፍቓዱ

ዲዛይን ገበር
ዮሴፍ ኣረገሆኝ (JOሲ)

ስእሊ
ኣርዓዶም በረኸት
ሃብትኣብ ዓንደማርያም
ኣብርሃም ብርሃነ
ቶማስ መሓሪ
ኣርካይቭ ሚኒስትሪ ሕርሻ
ኣርካይቭ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ

ኣድራሻ መጽሔት
ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ጨንፈር ህዝባዊ ርክባት
ቊ. ስልኪ 292-1-182225
ቊ.ሳ.ፖ 1048
ኢ-መይል፡ fretsaeri@gmail.com

# ቃል ኣሰናዳኢ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፣ ተልእኾኡን ራእይኡን ንምትግባር ካብ ዝጥቀመሉ ስልትታት ሓደ፣ ሕርሻዊ ጉስጓስን ሓበሬታን እዩ። እዚ ስልቲ'ዚ ኣብ ባይታ በቶም ኣብ ቅድመ ግንባር ዘለዉ ክኢላታት ሕርሻ ክትግበር ከሎ፣ ሓፈሻዊ ንቕሓት ማሕበረሰብ ሕርሻ ክብ ንምባል ድማ ብመገዲ ማዕከናት ዜና ዘየባትኽ ጉስጓሳት ካብ ዝገብር ልዕሊ ዕስራ ዓመታት ኲይኑ ኣሎ።

እዚ ብሬድዮ ዝጀመረ ስሩዕ ሕርሻዊ ጉስጓስን ሓበሬታን፣ ቀጺሉ ብቴሌቪዥንን ጋዜጣን እናዓበየ ኸይዱ። ብፍላይ ካብ 2018 ኣትሒዙ፣ ብምትሕብባር ሚኒስትሪታት ዜናን ሕርሻን 'ንኹሎም ሓረስቶት ናብ ኣብነታውያን ሓረስቶት ንቐይሮም' ብዝብል ቴማ፣ ውዱብ መደባት ቴሌቪዥንን ሬድዮን ኣበጊሱ። እዚ 'ፍረ ጻዕሪ' እተሰምየ መደብ፣ ዋላ'ኳ ደቂቕ መጽናዕቲ ዘድልዮ እንተኾነ፣ ኣብ ብዙሓት ሓረስቶት ዝፈጠሮ እወታዊ ድርኺት ግና ካብቲ ዝርከብ ቀጥታውን ተዘዋዋርን መልሰ-ዕንጋለታት ንምርዳእ ተኻኢሉ እዩ።

እዚ 'ፍረ ጻዕሪ' ስም ተሓንጊጡ ኣብ ቴሌቪዥንን ጋዜጣን ክካየድ ዝጸንሐ ኣስተምህሮኣውን ጉስጓሳውን መደባት፣ እንሆ ደረት ጉጅለ ዒላማኡ (target group) ኣስፊሑ ናብ መጽሔት ይብርኽ ኣሎ።

ሚኒስትሪ ሕርሻ ምስ ሰፍሓት ዕማማቱ፣ ናይ ባዕሉ መጽሔት ኣብ ምድላው ከም ዝደንጎየ ርዱእ'ኳ እንተኾነ፣ እንሆ ግዚኡ ኣኺሉ ኣሃዱ ኢሉ ጀሚሩዎ ኣሎ። በዚ ድማ ኣተኲሮ እዛ መጽሔት፣ ኪንዮ ኣስተምህሮ፣ ሓበሬታን ሕርሻ-ጠቀስ ምዝንጋዕን ከጠቓልል እዩ።

ኣብዚ ፈላሚ ሕታም ናይዛ መጽሔት፣ ምስ ክቡር ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ፣ ኣብ ጽላታዊ ፖሊሲን ስትራተጅን፣ ፍሩያት ዓወታት ናይዚ ጽላትን እተሓልፈ ብድሆታትን ከምኡ'ውን ናይ መጻኢ መደባት ዘተኰረ ሰፊሕ ቃለ መሕትት ተኻዪዱ ኣሎ። ብተወሳኺ፣ ካልኦት ላዕለዎት ሓለፍቲ ናይዚ ሚኒስትሪ ኣብ ዝርዝራዊ ገስጋስ 31 ዓመታት ናይዚ ጽላት ዘተኰረ ሓበሬታ ሂቦም ኣለዉ።

ብተወሳኺ፣ እዛ ቦኽሪ መጽሔት፣ ጉዕዞ ህይወት ገለ ኣብነታውያን ሓረስቶት፣ ኣንፈት ምስግጋር ናብ ባህርያዊ ሕርሻ፣ ኣንፈት ሕርሻዊ ዋኒናት፣ ቴክኖሎጂ ሕርሻ ወዘተ. ሓቝፋ ኣላ።

ኣብ መሰርሕ ምድላው መጽሔት ግና ካብ ምጅማር ንላዕሊ፣ ብዘላቕነት ምቕጻል ስለ ዝኸብድ፣ ርእይቶ፣ ሓበሬታ ከምኡ'ውን ኣበርክቶ ኩሎም ግዱሳት ኣንበብቲ ብሓፈሻ፣ ኣበርክቶ ክኢላታት ሕርሻ ድማ ብፍላይ ስለ ዘድሊ ብስም ጨንፈር ህዝባዊ ርክባት ጻውዒተይ ኣቕርብ።

# ቃለ-መሕትት

## ምስ ክቡር ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ

## "ምርግጋጽ ውሑስ መኣዛዊ መግቢ፡ ጭርሖ ዘይኮነ፡ ተልእኾ ወይ ዕላማ ናይዚ ጽላት እዩ"

**• ክቡር ሚኒስተር፡ ፈለማ ብዛዕባ ጉዕዞ 31 ዓመታት ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝርዝራዊ መግለጺ ንምሃብ ዝሃብካና ዕድል ነመስግን። ብዕላማን ኣቃውማን ሚኒስትሪ ሕርሻ ክንጅምር።**

- ኣነ'ውን፡ ጨንፈር ህዝባዊ ርክባት፡ ነዚ ተበግሶ ምውሳድኩም ኣመስግን። ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ከም ኩለን ሚኒስትሪታት፡ ብሕጋዊ ምልክታ ቍጽሪ 11፡ ብ1993 እዩ ቈይሙ። ብ 2 መጋቢት 1994 ድማ ተኽቲሙ ግብራዊ ስራሑ ጀሚሩ።

እቲ ሒዙዎ ዝተበገሰ ሓፈሻዊ ዕላማ፡ 'ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ' ኹይኑ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ንዝሃልኽ ጥራይ ዘይኮነ፡ እንተላይ ንሰደድ ዝዓለመ ሕርሻዊ ምህርቲ ኣብ ምፍራይ መሪሕ ተራ ምጽዋት እዩ። ሕርሻዊ ፍርያት ክንብል ከሎና ድማ ኣእካል ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣሕምልትን ፍረታትን፥ እንስሳን ውጽኢት እንስሳን የጠቓልል። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ዝኾነ ዓይነት ኢንዱስትሪ ካብ ሕርሻ ስለ ዝብገስ፡ ኣብዚ መዳይ ኣበርክቶ ምግባር'ውን ሓደ ካብ ዕላማታቱ እዩ ነይሩ።

እዚ ሚኒስትሪ፡ ሕርሻዊ ልምዓት ምቅልጣፍ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ሃገር ንዝፈርዩ ይኹኑ ካብን ናብን ሃገር ንዝንቀሳቐሱ ወይ ንዝኣትዉን ንዝወጽኡን ብቑልን እንስሳታትን ከምኡ'ውን ውጽኢቶም ናይ ምቍጽጻር ሓላፍነት እውን ኣሎዎ። ኩለንተናዊ ምህርቲ ሕርሻ ንምምዕባል፡ ምርምራዊ ንጥፈታት ምክያድ ከኣ ሓደ ኻብቶም ነዚ ሚኒስትሪ ዘቑምዎ ዓንድታት እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ንደረት ስልጣን ናይ ካልኦት ኣካላት መንግስቲ ብዘይትንክፍ መገዲ፡ ኣብያተ ትምህርቲ ሕርሻ ብምኽፋት፡ ዓቕሚ ሰብ ከማዕብል፡ ሓደ ካብ ዕላማታቱ እዩ።

**• ኣብ እዋን ናጽነት ኤርትራ፡ ጽላት ሕርሻ ሃገርና ኣብ ከመይ ኩነታት እዩ ጸኒሑ?**

- ኣብ 1991፡ ጽላት ሕርሻ ኣብ ክልተ ጫፋት እዩ ጸኒሑ ምባል ይከኣል። በቲ ሓደ ጫፍ፡ ጽላት ሕርሻ ብሰንኪ'ቲ ዝነበረ ተኸታታሊ መግዛእትን ኲናትን ኣዝዩ ተዳኺሙ እዩ ነይሩ።





ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ ሚኒስትሪ ሕርሻ እቲ ኣብ ፈለማ ክገብሮ ዝነበሮ ዕማም፡ ኣብ ምትካል እግሪ ዘተኮረ እዩ ነይሩ። ሓረስቶት ሓሪሶም ምህርቲ ክረኽቡ እንተኾይኖም፡ ኣብዑር የድልዮም፣ ዘርኢ የድልዮም፣ ነቶም ኣብ ንኡስ መጠን ጀርዲን ዝነጥፉ ዝነበሩ ድማ ብቐንዱ ሞተረታት ማይ የድልዮም። ስለዚ፡ ኣብ ፈለማ ዓመታት ናጽነት፡ እቲ ሚኒስትሪ ከምዚ ዓይነት ኣገልግሎታት ኣብ ምቕራብ እዩ ዝነጥፍ ነይሩ። ብኣንጻሩ፡ እቲ ኻልኣይ ጫፍ ድማ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብርክት ዝበለ ማሽነሪታት ተዋሂቡዎ፡ ኣብ መላእ ሃገር ንኣሽቱን ማእከሎትን ዲጋታት ይሰርሕ ነይሩ። ምናልባት፡ እቶም ሽዑ ዓበይቲ ዝብሃሉ ዝነበሩ ከዘንቲ ማያት፡ ምስዚ ሎሚ ተጠርዩ ዘሎ ዓቕሚ ንኣሽቱ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ንኣብነት፡ ሓደ ኻብቶም ሽዑ ዝተሰርሑ ዓበይቲ ከዘንቲ ማያት፡ 'ዲጋ ሓርነት' ኰይኑ፡ ኣስታት ሓደ ሚልዮን ኲቢክ ሜተር ናይ ምሓዝ ዓቕሚ ነይሩዎ። መብዛሕትኦም እቶም ሽዑ እተሰርሑ ዲጋታት ግና ትሕቲ ሓደ ሚልዮን ኲቢክ ሜተር ዝሕዙ እዮም ነይሮም። እቶም ሽዑ እተሰርሑ ከዘንቲ ማያት ብጠቕላላ ካብ ሓደ ሚእቲ ዘይሓልፉ ኾይኖም፡ ሓይሎም ኣብ ቀረብ ዝስተ ማይ ንሰብን ጥሪትን እዩ ነይሩ። ስለዚ ድማ ጽልዋኦም ኣብ ሕርሻዊ ዕብየት ዝጋነን ኣይነበረን።

**• ኣብቲ ሽዑ እዋን ብኣተኲሮ ዝሰርሓሎም ዝነበሩ ንጥፈታትክ ከመይ ይመስሉ ነይሮም?**

- እቶም ኣብ ፈለማ ኣተኲሮ ዝተዋህቦም ንጥፈታት፡ ሓደ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ እዩ። ካልኣይ ምዕቃብ ሓመድን ማይን እዩ። ሳልሳይ ምስራሕ ዲጋታትን ልምዓት መስኖን እዩ። እቲ ራብዓይ ድማ ምኽየና ወይ ድማ ምትእትታው ሕርሻዊ ማሽነሪታት እዩ።

**• ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ እዋን ምቛሙ ዝነበሮ ቅርጺ ከመይ ይመስል?**

- እዚ ሚኒስትሪ፡ ኣብ ርእሲ'ቶም ኩሎም ወሃብቲ ደገፍ ዝኾኑ ኣካላት፡ ክፍሊ ሃብቲ መሬትን ልምዓት ብቖልን (Land Resources and Crop Production)፡ ምርምርን ምዕባለ ዓቕሚ ሰብን ከምኡ'ውን ክፍሊ ሃብቲ እንስሳ ዝብሃላ ሰለስተ ቴክኒካዊ ክፍልታት ነይሩዎ።

**• ድሕሪኡ እተገብረ ቅርጻዊ ለውጥታትከ እንታይ ነይሩ?**

- እዝክረኒ ኣነ ብ1997 ናብዚ ሚኒስትሪ ክመጽእ ከለኹ፡ ኣካል ማሽነሪ ከም ሓውሲ መንግስታዊ ትካል ኰይኑ ብኣታዊታቱ ክመሓደር እዩ ተወሲኑ ነይሩ። እንተኾነ፡ ብእተፈላለየ ምኽንያታት እቲ ውሳነ ከይተተግበረ ስለ ዝጸንሐ፡ እዚ ኣካል ከም ሓደ ክፍሊ ናይዚ ሚኒስትሪ ኰይኑ ክቕጽል ብዘቕረብናዮ እማመ፡ ክፍሊ ሕርሻዊ ማሽነሪ፡ ሓደ ዓቢ ኣካል ናይ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኰይኑ ማለት'ዩ።

**• ሕራይ፡ ኣብ ፈለማ 10 ዓመታት ናጽነት፡ ጽላት ሕርሻ ከመይ ሰጕሙ፡ ዝነበሮ ቀንዲ ብድሆታትከ እንታይ ነይሩ?**

- ኣብቲ ግዜ፡ እተን ኣብ ግዜ ስርዓት ኢጣልያ ዝተሰርሓ ውሑዳት ዲጋታት እንተዘይኰይነን፡ ዝርጋሐ ዲጋታት ኣዝዩ ውሑድ'ዩ ነይሩ። በዚ'ዩ ድማ ኣብ ፈለማ ዓመታት ናጽነት ኣብ ምስራሕ ከዘንቲ ማያት ልዑል ወፍሪ እተገብረ። እንተኾነ፡ ዋላ'ውን ድሕሪ ምጅማር ዲጋታት፡ ገና ህዝብና ኣብ ልምዓት መስኖ ትሑት ንቕሓት ስለ ዝነበሮ፡ ከምቲ ዝግባእ ኣይጥቀመሉን ነይሩ። በዚ ድማ ካብ ብርክት ዝበሉ ከባቢታት ሃገርና እተዋጽኡ ሓረስቶትን ወከልቲ ዓድታትን ናብቲ ነዊሕን ኣድማዕን ታሪኽ ልምዓት ትሕቲ ዲጋ ዝነበሮ 'ዓዲ ላምዛ' እናኣምጻእና ተመኩሮ ከም ዝወስዱ ንገብር ነይርና። ንኣጠቓቕማ ማይን መሬትን ዝምልከት ሕግታትን መምርሒታትን እውን ኣውጺእና። እዚ፡ ነቲ ድሕሩ ዝዓምበበ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ዓቢ ድርኺት ፈጢሩ።

ካልኣይ እተገብረ ወፍሪ ኣብ መፍረ ንህቢ እዩ። ኣብ 1998 ጥራይ 10 ሽሕ ዘመናዊ ቀፎ ንህቢ ኣእቲና። ብድሕሪኡ'ውን ብዙሕ ወሲኽና። እቲ ቕጽሪ ኣብዚ እዋን ውሑድ ክመስል ይኽእል'ዩ፥ ኣብ እዋኑ ግና ነጥበ መቐይሮ እዩ ነይሩ። ኣብ ሃብቲ እንስሳ፡

ምትብባዕ ምድቓል እንስሳ፡ ልምዓት ቀጠልያ መግቢ እንስሳን መግሃሚታትን ደሓን ከም ዘስጉም ገይርና። ንገደናን ንንግድን ዝኹና ደርሁ ኣተኣታቲና፡ ብሓጺሩ ኣብቲ እዋን ብርክት ዝበለ ሕርሻዊ ማሽነሪታት፡ ቴክኖሎጂታትን ሜላታትን ናብ ሓረስቶት ኣተኣታቲና ኢና።

**• ሓደ ኻብቲ ዓበይቲ ብድሆታት ሃገርና፡ ዋሕዲ ዝናብን ምድካይ መሬትን እዩ። እዚ ጉዳይ ካብ ፈለማ ብኸመይ'ዩ ተታሒዙ?**

- መንግስቲ ኤርትራ፡ ካብ ፈለማ ዓመታት ናጽነት ኣትሒዙ፡ ኣብ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ብርክት ዝበለ ተበግሶታት እዩ ወሲዱ። ኣብ ርእሲ'ቲ ብህዝቢ ዝትግበር ዝነበረ ንጥፈታት፡ ኣብ 1994፡ ክረምታዊ ማእቶት ተመሃሮ ኣበጊሱ፣ ቀጺሉ'ውን ናይ ህዝብን ሰራዊትን ውሁድ መደባት ልምዓት ቀጺሉ። ብሓጺሩ፡ መንግስቲ ኤርትራ ነቲ ብባህርያዊ ይኹን ሰብ-ሰርሖ ጠንቅታት ዝተኸስተ ምድካይ መሬትን ብርሰት ሸፈነ ኣግራብን ናብ ንቡር ንምምላስን ንምምዕባሉን፡ ወትሩ ኣብ ቀዳምነት ዝሰርዖ ጉዳይ እዩ። ኣብ ምምዕባልን ምምስራትን ሕዛእቲ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ምትእትታውን ምዝርጋሕን ሞጎጎ ኣድሓነት`ውን ደሓን ገስጋስ ተመዝጊቡ።

**• ሓደ ኻብቲ ኣብ ፈለማ 10 ዓመታት ናጽነት ዝተኣታተወ መደባት፡ ጥሙር ኣገባብ ማሕረስ እዩ። ዕላማኡን ውጽኢቱን ከመይ ነበረ?**

- ጥሙር ማሕረስ ክነተኣታቱ ኸሎና፡ ኣብ ፈለማ ብዙሕ ሰብ ግር ኢሉዎ ነይሩ። ምኽንያቱ፡ እቲ ዝጥመር ዝነበረ ነገር፡ እቲ ኣብ መሬት ዝግበር ወፍርን ኣገልግሎታትን ደኣ'ምበር፡ እቲ ዝሕረስ መሬት ኣይኮነን ካብ ተጠቀምቲ ዝውሰድ ወይ ደረት ዝፈርስ ነይሩ። ንኣብነት፡ ሓንቲ ትራክተር ኣብ ሓንቲ ንእሽቶ ቃጽያ ኣትያ ክትሓርስ ስለ ዘይት'ኽእል፡ ኣብ ሓደ ቦታ ንዘለዉ ሓረስቶት ደረቶም ተነጺሩ፡ ሓደ ዓይነት ኣገልግሎት ይረኽቡ ማለት'ዩ። እዚ ጥሙር መሬት ድማ ኣብ ሓደ እዋን ተመሳሳሊ ኣገልግሎት ምክልኻል ጻህያይን ድኹዕን ይረክብ፡ ዘራእቲ ምስ ኣኸለ ድማ ብሓባር ይእከብ። ብሓጺሩ፡ ጥሙር ማሕረስ፡ በቲ ሓደ ብልዑል ተሳትፎ ማሽነሪ እተተግበረ ኣብነታዊ መደብ ክኸውን ከሎ፡ በቲ ኻልእ ድማ ናብ ዘመናዊ ኣገባብ ሕርሻ ከስግረና ዝኽእል መንጠሪ ባይታ ምኳኑ ኣመስኪሩ እዩ። እዝከረኒ ሽዑ፡ 1998 እዩ ነይሩ፡ ነቲ እተገብረ ኩለንተናዊ ምድላዋት፡ ጥሉል ክራማት ተወሲኹዎ ብርኩት ምህርቲ ሓፊስና።

**• ናብ ዝቐጸለ መድረኽ ጽላት ሕርሻ ንስገር። ድሕሪ ሓድሽ መዋእል (2000) ልምዓታዊ ስትራተጂና ከመይ ቀጺሉ?**

- ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ብቐጻሊ እተፈላለየ ቅርጻዊ ለውጥታት ይገብርን ቀዳምነታቱ ይኸልስን ነይሩ። ኣብ 2003 ንኣብነት፡ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽርን ዝብሃል ኣገዳሲ ኣካል ወሲኹ። እቲ ብኽፍሊ ሃብቲ መሬትን ልምዓት ብቑልን ዝፍለጥ ዝነበረ ክፍሊ'ውን ቅርጻዊ ምቅይያራት ብምግባርን ሃብቲ እንስሳን ጥዕና እንስሳን ናብ ሕቝፎኡ ብምእታው፡ ናብ ክፍሊ ሕርሻዊ ልምዓት ተለዊጡ። ኣብ 2005'ውን ክፍሊ ማሽነሪ ካብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ወጺኡ ኣብ ካልእ ኣካል መንግስቲ ከም ዝሕቑፍ ኰይኑ። እዚ፡ እቲ ዓበይቲ ለውጥታት ኰይኑ፡ ኣብተን ወሃብቲ ደገፍ ዝብሃላ ኣካላት'ውን ብተመሳሳሊ ቀጻሊ ለውጥታት ይግበር ነይሩ።

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ናይ ፈለማ ንጹር ፖሊሲኡን ስትራተጂኡን ዝሓንጸጸሉ እዋን ግና ኣብ 2006 እዩ ነይሩ። ኣብቲ እዋን ኩሎም ዝምልከቶም ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ምስቲ ሚኒስትሪ ዝምድና ካብ ዘለወን ኣካላት እተዋጽኡ ክኢላታትን መሻርኽትን ብሓባር ብምዃን፡ ንነዊሕ እዋን ዝኸይድ ሰፊሕ ዘተ ብምክያድ፡ ካብ ተልእኾኡን ራእይኡን ጀሚርካ፡ ቅርጹ፡ ስትራተጂኡን ቀዳምነታትን ናይዚ ጽላትን ኣብ ምንዳፍ ዕዙዝ ተራ ተጻዊቶም። እዚ ፖሊሲን ስትራተጅን ግና ኣብ ባይታ ምስ ዝነበረ ውዱዕ ኩነታት ንኽኸይድ፡ ምስ ግዜ እናተኸለሰን ዝያዳ እናወርጸጸን ይኸይድ ነይሩ። ኣብቲ እዋን፡ ልዑል ኣድህቦ እተዋህቦም ጉዳያት፡ መሬት ሕርሻ - ኣጠቓቕማኡን ኣተሓሕዛኡን፡ ፖሊሲ ልምዓት ብቑልን ምኽዩናን፡ ሃብቲ እንስሳ፡ ተኽእሎ ዕድላት ፋይናንስን ልቓሕን ብፍላይ ኣብ ገጠራት ወዘተ. ኾይኖም፡ ናይ መወዳእታ ዕላማኡ ድማ ከመይ ጌርና እቶትን እቶታውነትን ነሰስን ዝብል'ዩ ነይሩ። ኣብ ርእሲ'ዚ ንድፊ ፖሊሲን ስትራተጅን፡ እዚ ሚኒስትሪ ሕጂ'ውን ምስኡ ዝሳነ ቅርጻዊ ምልውዋጥ ገይሩ። ንኣብነት ኣብ 2011፡ እቲ ክፍሊ ሕርሻዊ ልምዓት ዝብሃል ዝነበረ፡ ናብ ሰለስተ ጨናፍር ማለት፡- ባህርያዊ ሃብትን ልምዓት መስኖን፡ ልምዓት ብቑልን እንስሳን ከምኡ'ውን ጥዕና ብቑልን እንስሳን ዝሓቘፈ 'ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስተንሽን' ተቐይሩ። ነፍሲ-ወከፍ ጨንፈር ድማ ዝርዝራዊ ሕርሻዊ ዓውድታት (commodities) ከም ዝህልዎ ተገይሩ።

**• ድሕሪ'ዚ ኹሉ ለውጥታት፡ ቀዳምነት ተዋሂቡዎም ዝተሰርሓሎም ሕርሻዊ ዓውድታት (ኮሞዲቲስ) ኣየኖት ነይሮም?**

- ሕጂ'ውን ምዕቃብ ሓመድን ማይን ከምኡ'ውን ምዕቃብን ምስሳንን ባህርያዊ ሃብቲ መሰረት ሕርሻዊ ልምዓትና ኰይኑ እዩ ቐጺሉ። ምስራሕ ዛላታት፡ ከትርታት፡ ዲጋታት፡ ራህያታት ወዘተ. ዓቕምና ብዝፈቕዶ ብዝለዓለ ደፊእናሉ። ምዝርጋሕ ሞጎጎ ኣድሓነት፡ ሓደ ካብቲ ርኡይ ገስጋስ ዝተመዝገበሉ ዓውድታት እዩ ነይሩ። ኣብ ዕቀባን ምስሳንን ባህርያዊ ሃብቲ፡ ዋላ'ኳ ከምቲ ባህግና ኣይኹን ብዙሕ ተሰሪሑ። እቲ ኣብ 2006 እተበገሰ መደብ 'ሓያል ጻዕሪ ንሓምላይ ወፍሪ' ነዚ ንጥፈታት ሓያል ድርኺት ወሲኽሉ። ባህሊ ምግራብ ኣብ ምዕባይን ኣብ ምብራኽ ንቕሓት ሕብረተሰብን ወሳኒ ተራ ተጻዊቱ። ንኣብነት፡ ቅድሚ ምብጋስ ሓምላይ ወፍሪ ኣብ ሰንዓፈ ጥራይ ዝነበረት ሓንቲ ሓምላይ ክለብ ተመሃሮ፡ ኣብዚ እዋን ኣስታት 600 በጺሐን ይርከባ። ኣብ 2012 ድማ መንግስቲ ንሓፈሻዊ ዕብየት ባህርያዊ ሃብቲ እንተላይ እንስሳ ዘገዳም ንምድራኽ፡ በዓል ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ኣቚሙ። ብሓጺሩ ቀንዲ ሕላገታት ሓምላይ ወፍሪ፡ መሰረቱ ኣብ ዓዲ ዝገበረ፡ ውህደት ኩለን ዝምልከተን ኣካላት ዘውሓሰ፡ ተዓቃኒን ብውጥን ዝሰራሕ ዕማም ዚሎዎን እዩ።

ንልምዓት ብቑሊ ድማ ኣብ ኣእካል፡ ኣሕምልትን ፍረታትን ኢና ፈሊናዮ። እቶም ኣእካል እውን ኣብ ክንዲ ብሓፈሻ ዝተሓዙ፡ ብሱል ኣእካል፡ ጥረታትን ናይ ቀብኢ ወይ ናይ ዘይቲ ኣእካልን ኢልና ክንሰርሓሎም ጀሚርና። ኣብ ሃብቲ እንስሳ'ውን እቲ ሓፈሻዊ ዝነበረ ኣተሓሕዛ፡ ብዝርዝር ተዳቒቑ፡ ካብቲ ዝደቐቐ ንህቢ ጀሚርካ፡ ደርሁን እንቋቑሖን፡ ናይ ጸባ ከብቲ፡ ስጋን ቈርበትን ዝከታተል ኣሃዱታትን ክኢላታትን ክሳዕ ደረጃ ንኡስ ዞባ ተመዲቦምሉ። ጥዕና እንስሳን ብቑልን እውን ከምኡ ነብሶም ክኢሎም ንጹር ዕማማት ተዋሂቡዎም። እዚ ኹሉ ለውጥታት፡ ኣብ ምኽዕባት እቶትን እቶታውነትን ይኹን ኣብ ምሕያል ዓቕሚ ኣባላት ደራኺ ተራ ምጽዋቱ ይፍለጥ።

**• ምስዚ ኣብ ዝተኣሳሰር ጉዳይ፡ ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ እውን ኣብ ጽላት ሕርሻ ናቱ ኣበርክቶ ንኽገብር ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝቘመ ላዕለዋይ ትካል ትምህርቲ እዩ። ብመንጽር ዝቘመሉ ዕላማ፡ ኣበርክቶኡ ኣብ ጽላት ሕርሻ ከመይ ይግምገም?**

- ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ነዚ ኮሌጅ ናይ ምምስራት ዕዮ ገዛ ምስ ተዋህቦ፡ ላዕለዋይን ቴክኒካውን ኮሚቴታት ብምቛም፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ማለት ካብ 2004-2005 ኣብ ዝነበረ ግዜ ነቲ ኮሌጅ ከም ዝቐውም ገይሩ። እቲ ሽዑ ዝነበረ መትከል፡ እቲ ኮሌጅ ኣብ ክንዲ ሞያ ዘቕስም ትካል ጥራይ ዝኸውን፡ ማእከል ምርምር ክኸውን፥ ኣብ ርእሲኡ ድማ ኣብ ከባቢኡ ንዝርከቡ ሓረስቶትን ሕርሻታትን ዝጸሉን ኣገልግሎት ኤክስተንሽን ዝህብን ክኸውን ዝብል እዩ ነይሩ። እቶም ካብዚ ኮሌጅ ዝፈርዩ ሞያውያን መንእሰያት ድማ ምስ ግዜ ነቶም ልምዳውያን ሓረስቶት ብምትካእ፡ ብጉጅለ ይኹን ብተናጸል ንጽላት ሕርሻ ናብ ሞያውን ዘመናውን ደረጃ ከማዕብሉዎ ዝብል ዕላማ እዩ ነይሩ። ኣብ መንግስቲ ተመዲቦም ነዚ ጽላት ዝመርሑን ዘማእዝኑን ሞያውያን ምፍራይ እውን ሓደ ካብ ዕላማታቱ ነይሩ። ኣብ ንግዳውያን ሕርሻታት ንኽነጥፉ'ውን ተዓሊሙ። ካብኡ ሓሊፉ'ውን ኣብ ናይ ነዊሕ ዕላማ፡ ኣብ ከባቢና ይኹን ኣብ ዞባና በዚ ሞያ ዝልለዩን ዝጥለቡን ሞያውያን ምፍራይ ተሓሲቡሉ እዩ።

**• ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ፡ ብመንጽር እቲ ዝቘመሉ ዕላማታት፡ ኣበርክቶኡ ኣብ ጽላት ሕርሻ ከመይ ይግምገም።**

- ሓቂ'ዩ ኩሉ ዕላማታቱ ኣብ ሓጺር እዋን ክትግብር ይኽእል'ዩ ዝብል ሓሳብ'ውን ኣይነበረን። እንተኾነ፡ ዋላ'ኳ ምስ ውሁብ ሃገራዊ ኩነታት ማዕረ'ቲ ባህግና ኣይሰጉም፡ ኣብዚ እዋን ንጽላት ሕርሻ ዘማእዝኑዎ ዘለዉ ክኢላታት ግና ፍርያት ናይቲ ኮሌጅ ምዃኖም ርኡይ'ዩ። ነቲ ልክዕ ዕላማ ንምትግባር ዝኽእል መድረኽ ክፍጠር ምዃኑ ስለ እንኣምን ግና ንኣብነት ኣብ ሚኒስትሪና፡ ኣዝዮም ብዙሓት እማመ ሕርሻዊ ዋኒናት ብመንእሰያት ተዳልዮም ኣለዉ።

**• ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣብ ምምዕባል ትካላውነት ናብ ዝዓመሞ ንጥፈታት ክንሰግር። እዚ ሚኒስትሪ ስትራተጅያዊ ውጥናቱ ኣብ ምትግባር ከመይ ይግምገም?**

- ምስ ባህግና ብምንጽጻር ኣዝዩ ብዙሕ'ዩ ዝተርፈና። እቲ ጽቡቕ ነገር ግና እዚ ሚኒስትሪ፡ ወትሩ ሓድሽ ነገር ኣብ ምትእትታውን እቶትን እቶታውነትን እተፈላለዩ ዓውድታት ሕርሻ ኣብ ምስሳንን እወታዊ ተራ ክጻወት ምጽንሑ፡ እቲ ኣብ ባይታን ኣብ ዕዳጋን ዘሎ ሕርሻዊ ፍርያት ንባዕሉ ምስክር እዩ። እዚ ሚኒስትሪ፡ ሒዙዎ ዘሎ ምስ መግቢ ዝተሓሓዝ ዓቢ ተልእኾ ብምንጽጻር ግና እቲ ጉዕዞ ገና ቀጻሊ'ዩ።
ብሓፈሻ ድማ ፖሊሲ፡ ስትራተጅን ስትራተጅያዊ ውጥን ምህላው ጥራይ ንባዕሉ ቀሊል ነገር ኣይኰነን። ምኽንያቱ፡ ሽቶኻን መኣዝንካን ኣነጺርካ ስለ ዘለኻ፡ ገስጋስካ ክትመዝንን ዝተርፈካ ብንጹር ክትፈልጥን ስለ ዝሕግዝ፡ እዚ ሚኒስትሪ ኣብዚ ጉዳይ ሃብታም ተመኩሮ ኣጥሪዩ ኣሎ። ብተወሳኺ፡ እዚ ሚኒስትሪ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ጽፍሒ፡ ስሩዕ ኣኼባታት ናይ ምግባር ባህሊ ስለ ዘኹስኩሰ፡ ትግባረ መደባት ንምክትታል ይሕግዝ'ዩ።


**• እዚ ሚኒስትሪ ኣብ ምምዕባል ሕርሻዊ ንጥፈታትን ዋኒናትን ዘሎዎ ስትራተጂ ክትገልጸልና?**

- ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ካብ 2013 ኣትሒዙ፡ ብንኡስ መጠን ንዝብገሱ ሓረስቶት ዝኸውን፡ ብ'ንኡስ ውሁድ ስድራቤታዊ መደብ ሕርሻ' (Minimum Integrated Household Agricultural Package – (MIHAP)) ዝፍለጥ ንጹር መደብ ኣበጊሱ። እቲ






ኻልኣይ ድማ ስትራተጂ ንኡስን ማእከላይን ንግዳዊ ሕርሻታት (Small and Medium Commercial Farmers Strategy – (SMCFS)) ዝብል እዩ።




‘ንኡስ ውሁድ ስድራቤታዊ መደብ ሕርሻ’ ኣብ ሓደ ማይ-ኩዖኡ ብግቡእ እተፈወሰን ንእሽቶ ዲጋን ዘሎዎን ቦታ ዝትግበር ኩይኑ፡ ናይ ሓደ ተጠቃሚ ስድራቤት መበገሲ ስፍሓት መሬት ድማ እንተውሓደ ርብዒ ሄክታር’ዩ። ኣብዚ መደብ ዝሕቑፉ ዓውድታት ድማ፡ ናይ ጸባ ከብቲ ወይ ጤለ-በጊዕ፡ ልምዓት ዘራእቲ፡ ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ደርሁ፡ መፍረ ንህብን መዓርን፡ ኣግራብ፡ ምድላው ኮምፖስት፡ ሞጎጎ ኣድሓነት፡ ዓይኒ ምድሪ ወዘተ. እዮም።

እቲ ኻልኣይ ድማ ኣብ ክልተ ዓንድታት ማለት፡- ቴክኖሎጅያዊ ደገፍን ምፍጣር ምቹእ ሃዋሁን ዘተኩረ ኹይኑ፡ ንንኣሽቱን ማእከሎትን ንግዳውያን ሕርሻታት ዝወጸ ስትራተጂ እዩ።




**• ኣብ ዝሓለፈ 31 ዓመታት ንሓረስቶት ዝወሃብ ዝነበረ ኣገልግሎታት ከመይ ይግምገም?**

- ከምቲ ዝገለጽናዮ፡ ዋላ’ኳ ከም ባህግና ኣይኾን፡ እዚ ጽላት ኣብ ብዙሕ መዳያት ርኡይ ዝላ’ዩ ኣመዝጊቡ። እዚ ድማ ብውህደት ኣካላት መንግስትን ሓያል ጻዕሪ ሓረስቶትን እዩ ተረኺቡ። እዚ ሚኒስትሪ፡ ካብ ቀረብ መኻዕበቲ እቶት ኣትሒዙ ክሳዕ ኣብ ኵሉ ዓውድታት ሕርሻ ስሩዕ ስልጠናታት ብምሃብ፡ ነዚ ጽላት ናብ ሓድሽ መድረኽ ኣብ ምስግጋር ዝከኣሎ ጻዕሪ ኣካዪዱ እዩ። ኣብቶም ንኣሽቱ ሓረስቶት ጥራይ ዘይኮነ፡ ነቶም ናብ ንግዲ እተሰጋገሩ ሓረስቶት እውን ብደረጃ ማሕበራት እናጠርነፈ፡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዓቕሞም ዘዕብዩሉ ኩነታት ፈጢሩ እዩ። ዝነበሮም ዋሕዲ ቀረብ ናውቲ ኣብ ምፍኳስ’ውን እዚ ሚኒስትሪ ተራኡ ተጻዊቱ እዩ፣ ገና’ውን ኣበርክቶኡ ይቕጽል ኣሎ። ብሓጺሩ፡ እዚ ሚኒስትሪ፡ ነዚ ኣብዚ እዋን ንርእዮ ዘሎና ሕርሻዊ ምህርቲ

ንምፍራይ ዘበቕዑ ሓረስቶት ኣብ ምፍጣር ምቕሉል ተራኡ ተጻዊቱ እዩ። ኣዝዩ ብዙሕ ክፋል ካብዚ ሕጂ ብዘላቕነት ኣብ ሃገርና እነፍርዮ ዘሎና ሕርሻዊ ፍርያት'ኳ፡ ካብ ጐረባብትና ኢና ነእትዎ ኔርና። ኣብዚ እዋን ግና ኩነታት ዘምጽኦ ናህሪ መፍረዪ ዋጋ (cost of production) እንትዘይኰይኑ፡ ጽላት ሕርሻ ብዘላቕነት ክፍርየሉ ዝኽእል ባይታ ኣንጺፉ'ዩ እንተበልና ዝጋነን ኣይኰነን።

**• ናብ ዝርዝራዊ ገስጋስ ሕርሻዊ ዓውድታት ክንኣቱ። እዚ ሚኒስትራ፡ ከምቲ ብተደጋጋሚ ዝገለጽካዮ፡ ዕቃበን ምስሳንን ባህርያዊ ጸጋ፡ ኣብ ቅድመ-ግንባር ዝሰራዕ ቀዳምነቱ እዩ። ኣብዚ ዓውዲ ዝተመዝገቡ ፍሩያት ዓወታት እንታይ ይመስሉ?**

- ባህርያዊ ጸጋ መሰረት ሕርሻ ስለ ዝኾነ፡ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ናብ ባህሊ ንምቕያር ሓያል ጻዕሪ እዩ ተኻይዱ፣ ገና'ውን ይቕጽል ኣሎ። መሬትና ብእተፈላለየ ጠንቅታት ኣዝዩ ደኺዩ ስለ ዝጸንሐ፡ እቲ ዝነበረ ብድሆታት ዓቢ'ዩ ነይሩ። እንተኾነ፡ ኣብዚ ዓውዲ ርኡይ ገስጋስ እዩ ተመዝጊቡ። ምስራሕ ከዘንቲ ማያት ሓደ ኻብቲ ብኣማኢት ዕጽፍታት ዝወሰኸ ንጥፈታት እዩ። ኣብ 1991 ኣስታት 138 ጥራይ ዝነበራ ዲጋታት ኣብዚ እዋን ልዕሊ 780 ዲጋታት በጺሐን ኣለዋ። ጽልዋአን ድማ ኣብ ምስፋሕ ሕርሻ ኣሕምልትን ፍረታትን ጐሊሑ ተራእዩ። ልምዓት ኣሕምልቲ ብሸዱሽተ ዕጽፊ ክዓብዩ ከሎ፡ ልምዓት ፍረታት ድማ ብ 71 ዕጽፊ ወሲኹ። ቀደም ብዙሕ ዲጋታት እናሰራሕና፡ ናይ ልምዓት ባህልን ንቕሓትን ድኹም'ዩ ነይሩ። ኣብዚ እዋን፡ ነፍሲ-ወከፍ ዓዲ እያ ዲጋ ክሰርሓላ እትጠልብ። ምኽንያቱ፡ ልምዓት ትሕቲ ዲጋ ማዕረ ኽንደይ ኣርባሒ ምዃኑ ኩሉ ሓረስታይ ነቒሑሉ ዘሎ ጉዳይ እዩ።

**• ሓራይ ክቡር ሚኒስትር፡ ናብ ልምዓት ዘራእቲ ክንሰግር። ኣብዚ መዳይ ከመይ ሰጉምና?**

- ልምዓት ዘራእቲ ብብዙሕ ነገራት እዩ ዝጽሎ። እቲ መሰረታዊ ጉዳይ፡ ማይን መሬትን እዩ። መሬት ዝሃብካዮ እዩ ዝህበካ። ቀጺሉ ቀረብ ምሩጽ ዘርኢ እዩ። ውሁድ ምክልኻል ባልዓትን ሕማማትን ድማ ማዕረ-ማዕረኡ ይሰራዕ። ኩነታት ዝናብ ሃገርና ከምቲ ኩሉና እንፈልጦ ኣተኣማማኒ ኣይኰነን። በዚ'ዩ ድማ ነፍሲ-ወከፍ ሓረስታይ ጥብ-ዘበለት ማይ ንምዕቃብ ኣብ መሬቱ ይኹን ኣብ ማይ-ኩያታት ግቡእ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ክገብር ከምኡ'ውን ብባህርያዊ ድኹዒ መሬቱ ከሀብትም ብቐጻሊ ዝሕበር። ኣብዚ መዳይ፡ ደሓን ስራሕ ተዓሚሙ ኣሎ። ሓረስታይ ብደገፍ ክኢላታት፡ ሓመድን ማይን ምስ ዓቀበ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብመገዲ ሕርሻዊ ምርምር ኣቢሉ፡ መምስ ከባቢኡ ዝሰማማዕ ምሩጽ ዘራእቲ ኣብ ምምዕባልን ኣብ ምዝርጋሕን ክነጥፍ ጸኒሑ። እዚ ኹሉ ምስ ውሁድ ኣገባብ ምክልኻል ባልዓት ተደሚሩ፡ ኣብ እቶትን እቶታውነትን ዘራእቲ ርኡይ ዕብየት እዩ ተመዝጊቡ። ብፍላይ ኣብዚ እዋን፡ ኣብ እዋን ክራማት፡ ልምዓት ዘራእቲ ብሓፈሻ፡ ልምዓት ስርናይ ድማ ብፍሉይ ዘካይዱ ኣብነታውያን ሓረስቶት ኣዝዮም ይስስኑ ኣለዉ። ብማእከላይ ገምጋም ድማ እቶም ንሕርሻኦም ብመስናዕ ዝድግፉ፡ ዘድሊ ክንክን ዘማልኡን ብመስመር ዝዘርኡን ካብ 60-90 ኩንታል ስርናይ ኣብ ሄክታር ክረኽቡ ኽለዉ፡ እቶም ኣብ ዓድታት ግቡእ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ብምክያድ ብግጡም (cluster) ዝዘርኡ ድማ ካብ 30-40 ኩንታል ኣብ ሄክታር ይረኽቡ። እቶም ግቡእ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ዝገብሩ ካልኦት ሓረስቶት ድማ ካብ 20-25 ኩንታል ኣብ ሄክታር ክረኽቡ ይጽዓር ኣሎ። እዚ ናይ ስርናይ ኣብነት ኰይኑ፡ ኣብ ካልኦት ዘራእቲ'ውን ተመሳሳሊ ገስጋስ ይርአ ኣሎ። ብሓፈሻዊ ገምጋም እቶትን እቶታውነትን ዘራእቲ ኣብ መብዛሕትኡ ከባቢታት ሃገርና ብኽልተ ዕጽፊ ከም ዝዓበየ ንግምግም።

**• ኣብ ሃብቲ እንስሳ እተመዝገበ ገስጋስከ ከመይ ይመስል? ብመፍረ ንህቢ ንጀምር?**

- ኩሉ ሳዕ ሕርሻዊ ፍርያት ብተዛማዲ እንተርኢኻዮ እዩ ምሉእ ስእሊ ዝህበካ። ኣብዚ ክልተ ነገር ክተዛምድ ትኽእል። ሓደ ንምዝማድ ዝጠቕመካ ነገር ውጥንካ እዩ። እቲ ኻልኣይ ድማ ምስኡ ዝተሓሓዝ ኰይኑ፡ ኣብ ባይታ ዘመጸ ተዛማዲ ለውጢ እዩ። ኣብ ሃብቲ እንስሳ እምበኣር፡ ብመፍረ ንህብን መዓርን ንጀምር። ኣብ እዋን ናጽነት፡ መዓር ዝጥቀም ክፋል ሕብረተሰብና ኣዝዩ ውሑድ'ዩ ነይሩ። ብዘይካ ያታዊ ቀፎታት ድማ ብሓውሲ ዘመናዊ ኣገባብ ዝመሓደር መፍረ ንህቢ ኣይነበረን። ኣብዚ እዋን ኣብ ምርባሕ ንህቢ እተዋፈረ ሰብ ኣዝዩ ስለ ዝበዝሐ፡ ምህርቲ መዓር ኣብ ዝኾነ እዋን ኣብ ዝኾነ ቦታ ክትረኽብ ኣይትሸገርን ኢኻ። እንተኾነ፡ ካብዚ ዘሎዎ ንላዕሊ ብምፍራይ፡ ዋጋ መዓር ናብቲ ቅቡል ደረቱ ንምብጻሕ፡ ኣብ ርእሲ ዘመናዊ ቖፎ፡ ብቐሊሉን ብውሑድ ወጻኢታትን ዝስራሕ 'ጋብላዊ ቀፎ' ዝብሃል ብምትእትታው፡ እቲ ጻዕሪ ይቕጽል ኣሎ። እንተኾነ፡ ውጽኢት መፍረ ንህቢ፡ መዓር ጥራይ ስለ ዘይኰነ፡ ኣብቶም ካልኦት ውጽኢት ቀፎ ዝኾኑ ፍርያት ከም ሰምዒ፡ ደበኹናይ ወዘተ. ብዙሕ ስራሕ ይተርፈና ኣሎ።

**• ኣብ ጸባን ውጽኢት ጸባን ዘሎ ገስጋስከ ከመይ ይመስል?**

- እዚ ዓውዲ፡ እቲ ካብ ፈለማ ብዙሕ ወፍሪ እተገብረሉ እዩ። ኣብ ውሱን ኣግሮ-ኢንዱስትሪ ጥራይ ዝተሓዝ ዝነበረ መፍረ ጸባ፡ ሎሚ ኣዝዮም ብዙሓት ኣብ ልምዓት ጸባ ዝነጥፉ ሓረስቶት ፈርዮም ኣለዉ። ከም ውጽኢቱ ድማ ኣብ ቀረብ ጸባ፡ ዋላ'ኳ ኣብቲ ዝድለ ደረጃ ኣይብጻሕ፡ ዓቢ ለውጢ እዩ ተራእዩ። እቲ ክሳዕ ሕጂ ኣብ ዋጋ ጸባ ዓቢ ጸቕጢ ዝፈጥር ዘሎ፡ ጉዳይ ልምዓት መግቢ እንስሳ እዩ። እዚ ምስ ጉዳይ መሬትን ጸዓትን ተጠቓሊሉ ዝትግበር ስለ ዝኾነ፡ ዋላ'ኳ በብቑሩብ ይሰጉም እንተሃለወ፡ ኣብዚ ጉዳይ ዓቢ ስራሕ ይጽበየና ኣሎ። ሓደ ኻብቲ ኣብ መግቢ እንስሳ ዘሎና ጸቕጢ ንምፍኳስ ዘወሰድናዮ ስጉምትታት፡ ምትብባዕ ሓመድ-ኣልቦ ሕርሻ (hydroponic fodder farming) እዩ።

ናብ ምምስራሕ ውጽኢት ጸባ እንተ መጺእና፡ ኣብዚ ዓውዲ ርኡይ ገስጋስ ኢና ኣመዝጊብና። ካብ እዋን ናጽነት ክሳዕ ቅድሚ 10 ዓመታት ኣቢሉ፡ ብዘይካ'ቲ ካብ ሓርጭ ጸባ ዝዳሎ ካብ የመን

ዝመጽእ ዝነበረ ርግኦ ግቡእ መስርሑ ሓልዩ ዝዳሎ ዕሹግ ርግኦ ኣይነበረናን። ኣብዚ እዋን ግና 18 ምዝገባት ርግኦ ዘፍርያ ትካላት ኣለዋና። ብዘይካ'ዚ፡ ካብ ቀደም ዝነበራን ሓደስቲ እተመስረታን ፎርማጆን ካልእ ውጽኢት ጸባን ዘፍርያ ትካላት ሰሲነን ኣለዋ።

**• ኣብ ጉዳይ ስጋኽ ከመይ ኣለና?**

- ኣብ ሃገርና ንስጋ ዝኸውን እኹላት ጥሪት ስለ ዘለዋ ብዙሕ ዘሰክፍ ነገር የልቦን። መንግስቲ ድማ ጥዕናአንን ፍርያምነተንን ንምውሓስ ብዙሕ ወፍሪ ዝገብረሉ ጉዳይ ስለ ዝኾነ ጥሪትና ይስስና ኣለዋ። ኣማራጺታት ስጋ ንምብዛሕ እውን፡ ካብ ደርሁ ጀሚርካ፡ ኣብ ምርባሕ ሓሰማን ማንቲለን እውን ተበግሶታት ወሲድና ኢና። ኣብ ተጠቃምነት ስጋ እንስሳ ግና ምስ ቁጠባዊ ኩነታት ናይቲ ህዝቢ ክብታን ለጠቕታን ይርአ እዩ። ኣብ ቀረብ ግና ዘሰክፍ ነገር የብልናን።

ኣማራጺ ቀረብ ስጋ ንምቕራብ እውን ሓሰማታትን ማናቲለን ነእቱ ኢና። ንኣብነት ኣብዚ ሃገር ዝነበራ ሓሰማታት ትውልዲ ናይተን ኣብ ግዜ ስርዓት ኢጣልያ ዝነበራ እየን። ስለዚ ካብ ሽዑ ጀሚሩ ሓድሽ ደም ኣይነበረን ማለት'ዩ። ነዚ ንምምሕያሽ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ሓደስትን ዝተመሓየሻን ዓሌታት ሓሰማን ማንቲለን ብምእታው፡ ንተጠቀምቲ ሓረስቶት ዓዲልና ኢና። ሳላ ኸምኡ ዝገበርና ድማ እተን ካብ ሓሙሽተ ንላዕሊ ዘይወልዳ ዝነበራ ሓሰማታት፡ በተን ዘምጻእናየን ካብ 15-20 ክወልዳ ዝኽእላ ዓሌታት ሓሰማ ይትክኣ ኣለዋ። ብተወሳኺ፡ ኣፍራስ ሃገርና ብእተፈላለየ ምኽንያታት ዓሌቶም ተዳኺሙ ቅንጹባት ስለ ዝኾኑ፡ ነዚ ዓሌት ንምምሕያሽ ምሩጻት ዓሌታት ኣፍራስ ካብ ወጻኢ ሃገር ብምምጻእ፡ ብዘመናዊ ኣገባብ ምድቓል ጀሚርና ኣሎና።

**• ኣብ ቀረብ ደርሆን እንቋቑሖን እተራእየ ገሲጋስከ ከመይ ይመስል?**

- ኣብዚ ጉዳይ፡ ካብ ፈለማ ናጽነት ኣትሒዝና ንመፍረ ገደናን ንንግድን ዝኸውና ደርሁን ጨቓዊትን ስለ ዘእተና፡ ካብቲ ርኡይ ዕብየት እተመዝገበሉ ዓውዲ እዩ። ደርሁ ኣብ ገጠራት ጥራይ ብውሑድ ቁጽሪ ዝተሓዛ ዝነበራ፡ ኣብዚ እዋን ኣማኢት ንግዳውያን ሓረስቶት ተፈጢሮም፡ ምህርቲ እንቋቑሖ ብተዓጻጻፊ እዩ ዓብዩ። ማዕረ-ማዕሪኡ ግና እቲ ብዙሕ ልሙድ ዘይነበረ ጠለብ እንቋቑሖ ብስድራቤታት ይኸውን ኣብያተ ምቁር ሕብስቲ ኣዝዩ ስለ ዝዛየደ፡ ንዕኡ ንምምላእ ሚኒስትሪ ሕርሻ ደርሁ ገደና ንሓረስቶት ብርትዓዊ ዋጋ እናዓደለ ሓያል ጻዕሪ የካይድ ኣሎ። ብተወሳኺ፡ ብንኡስ መጠን ደርሁ እናመረጽና'ውን ነዳቕል ኣለና። በዚ ኣጋጣሚ ክብሎ ዝደሊ ግና ሓረስቶት ኣብ ክንዲ ኣብተን ብመንግስቲ ዝኣትዋ ጨቓዊት ጥራይ ጽግዕተኛታት ዝኾኑ፡ ባዕሎም ምሩጻት ደርሁ እናኣሕቈፉ ከባዝሑ ይግባእ። ኣብ መወዳእታ ግና ካብ ደገ እናኣምጻእና ጥራይ ዘይኮንና፡ ባዕልና ኣዳቒልና ናትና እንብለን ምሩጻት ደርሁ ንምፍራይ እዩ ዕላማና።

**• ናብ ምክልኻል ባልዓት ሕማማትን ብቐሊ ክንሰግር። ኣብዚ ጉዳይ ዘሎና ስትራተጂ ከመይ ይመስል?**



- ብሓፈሻ፡ ንሕርሻዊ ባልዓት ኣብ ክልተ ከፊልና ኢና ንርእዮም። እቶም ሓደ ኽፋል እቶም ብባህርይኦም ድሩት ምንቅስቓስ ዘሎዎም ኲይኖም፡ እቶም ካልኦት ድማ 'ሳገምቲ' ኢልና እንጽውዖም፡ ካብ ቦታ ናብ ቦታ፡ ካብ ሃገር ናብ ሃገር፡ ካብ ኣህጉር ናብ ኣህጉር፡ ኣዝዩ ቅልጡፍን ሓደገኛን ምንቅስቓሳት ብምግባር፡ ኣብ ሓጺር እዋን ንሕርሻዊ ምህርቲ ዝበልዑ እዮም።

በቶም ቀዳማይ ክፋል እንተጀሚርና፡ መንግስቲ ኤርትራ ካብ እዋን ናጽነት ኣትሒዙ፡ ኣብ ውሁድ ኣገባብ ምክልኻል ባልዓት (Integrated Pest Management - IPM) እዩ ዝኣምን። እዚ ድማ ካብ ጥዕናን ፍርያምነትን ሓመድ ምሕላው ጀሚርካ፡ ምቅይያር ዘራእቲ፡ ክንክን ዘራእቲ፡ ስሩዕ ጻህያይ፡ ምጥቃም ንሕማማትን ባልዓትን ዝጻወሩ ዘራእቲ ወዘተ. ዘጠቓልል ኩይኑ፡ ቀመማዊ ጸረ-ባልዕን ሕማማትን ድማ ናይ ግድን ምስ ዝኾኑ ንጥቀመሎም። ካብ ቅድሚ ክልተ ዓመት ኣትሒዝና ድማ ሓንቲ ኣብ ምፍራይ ባህርያዊ ድኹዕን ጸረ-ባልዕን እትነጥፍ ሸማግለ ብምቛም፡ ጉዕዞ ናብ ምሉእ ባህርያዊ ሕርሻ (organic farming) ጀሚርናዮ ኣለና። ኣዝዩ ትስፉው ዝኾነ ተበግሶ ምዃኑ ድማ ብግብሪ ርኢናዮ ኣሎና።

እቲ ካልኣይ ክፋል፡ እቶም ሳገምቲ እንብሎም ባልዓት እዮም። እዚኣቶም፡ ኣንበጣ ምድረ-በዳ፡ ባርኖስ ኣፍሪቃ፡ ኣዕዋፍ ኴልያ-ኴልያ፡ ሳጋሚ ባርኖስ ቀውዒ የጠቓልሉ። ብፍላይ እቶም ቀዳሞት ሰለስተ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዞም ኣብ ሕርሻ ሃገርና ከቢድ ጉድኣት ዘውርዱ ዝነበሩ እዮም። ድሕሪ ናጽነት ግና መንግስቲ ኣቓዲምካ ምክልኻሎም፡ ካብ ደገ በሪሮም ምስ ዝመጹ ድማ፡ ኣብ ሃገርና ሓንሳእ ምስ ዓለቡ ዳግማይ ከይነፈሩ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር ምእታዎም ዝሕመረቱ ስትራተጂ ሓንጺጹ። እንሆ ድማ ካብ ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት ኣትሒዞም፡ እዞም ባልዓት ኣብ ኤርትራ ዘጥቅዑሉ ወይ ሓደጋ ዘውርዱሉ ዕድላት ዳርጋ ናብ ባዶ ወሪዱ ይርከብ።

**• ሃገርና ብፍላይ ኣብ ምቍጽጻር ኣንበጣ ብፍሉይ እትጥቀስ ሃገር እያ። ምንጪ ናይዚ ዓወት እንታይ እዩ?**

- ሃገርና ኣብ ርእሲ'ቲ ካብ ጉረባብቲ ሃገራት ብመሬት ይኹን ብሰግር ባሕሪ ዝመጻ ወራራት ኣንበጣ ምድረ-በዳ፡ ሰፊሕ ክፋል ገማግም ባሕራን ካልኦት ከባቢታትን እውን ምንጪ መራብሒ ናይ ኣንበጣ ስለ ዝኾኑ፡ ዝሃም ሓደገኛታት ዝኾኑ ባልዓት ኣብ ምቍጽጻር፡ ወትሩ ኣብ ተጠንቀቕ እያ እትነብር። ብፍላይ፡ ነቶም ኣብ ውሽጢ ሃገርና ዝራብሑ ኣንበጣ ምድረ-በዳ፡ ወቕቲ እናሓለኻ ሰሩዕ ምክትታል እዩ ዝግበረሎም።

ስትራተጂና ኣብ ምቁጽጻር ኣንበጣ፡ ኣብ ምክልኻል ዘተኮረ እዩ። ብሓፈሻ ድማ ኣብ ርእሲ'ቲ ንሰፊሕ ሸፈነን ንቕልጡፍ ቁጽጽር ኣንበጣን እንጥቀመሉ ቀመማዊ ጸረ-ባልዕ፡ ኣብ ሚኒስትሪና ብዝርከቡ ክኢላታት እተሰነዐ መጣጢ ወይ መጸዩ ማሽን፡ ንኹብኩብታ ኣንበጣ ብምእካብ ኣብ መግቢ ደርሁ ንምውዓሉ ተበግሶታት ተጀሚሩ ኣሎ። ካብ 1996 ኣብ ቦታ ምርምር ተዓቂቡ ብዝጸንሐ መታሪዝዩም እተባህለ ዓይነት ዕሲ'ውን ባዮሎጅያዊ ቁጽጽር ተፈቲኑ፡ ትሰፋው ውጽኢት ሂቡ ኣሎ። ብሓጺሩ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣንበጣ ንምቁጽጻር ኵሉ ዓቕሚ ሰቡን ጸጋታቱን ኣዋፊዱ ወትሩ ኣብ ተጠንቀቕ ስለ ዝርከብ፡ ኣብዚ እንርከበሉ ዞባ ይኹን ብደረጃ ዓለም፡ ኤርትራ ወትሩ ብኣብነት እትጥቀስ ሃገር እያ።

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ብቤ/ጽ ሚኒስተር እትምእከል፡ ብኽፍሊ ሕርሻዊ ኤክስተንሽን፡ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቁጽጽርን፡ ምምሕዳርን ፋይናንስን ጨንፈር ህዝባዊ ርክባትን ዝቘመት፡ ንጉዳይ ምቍጽጻር ኣንበጣ እትከታተል ላዕለወይቲ ሽማግለ ኣላትና። እዛ ሽማግለ ለበዳ ወይ ሰግኣት ኣንበጣ ይሃሉ - ኣይሃሉ ብዘየገድስ፡ ሰሙናዊ ወትሩ ሰኡይ ትእከብ። ኣብ መላእ ሃገር፡ ብደረጃ ዞባን ዓለምን ዘሎ ኩነታት ኣንበጣ ብምክትታል ድማ ዘድሊ ምድላዋት ብምግባር ኣማእዛኒ ተራ ትጻወት። ኣብ ባይታ ዘሎ ሓበሬታ ድማ ካብ ሓበርቲ-ሓረስቶት ወይ ሰካውት፡ ኣትሒዝካ ክሳዕ ቤ/ጽ ሚኒስተር ካብን ናብን ሰሩዕ ናይ ሓበሬታ ልውውጥ ኣሎ። በዚ ኣጋጣሚ'ውን ነቶም ነዚ ሓያል ጻዕርን ተወፋይነትን ወፍሪ ንምዕዋት ተኣምራታዊ ኣበርክቶ ዝገብሩ ዘለዉ ክኢላታትና፡ ኣባላት ሰራዊት፡ ምምሕዳራት፡ ሰካውትን ኣወሃሃድቲ ናይዚ ወፍርን ኩሎም ከመስግኖም እደሊ።

**• እዚ ሚኒስትሪ ኣብ ምልመላ መንእሰያትን ደቀንስትዮን ዘሎዎ ፖሊሲ ከመይ ይመስል?**

- እዚ ሚኒስትሪ ጥራይ ዘይኮነ፡ ፖሊሲ መንግስቲ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ኣብ ተሳትፎ መንእሰያትን ደቀንስትዮን ፍሉይ ኣተኵሮ ስለ ዝገብር፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ድማ ዓቕሚ መንእሰያትን ደቀንስትዮን ንምዕባይ ኩነ፡ ርእሰ-ተኣማንነቶም ንምብራኽ ኵሉ ዝከኣል ዘበለ ዕድላትን መድረኻትን ይፈጥረሎም'ዩ፣ ዝተርፎ ነገር የሎን ማለት ግና ኣይኮነን። ብፍላይ ኣብ ደቀንስትዮ፡ ተሳትፎኦን ዝያዳ ንምዕባዝ ከም ምውዳድ መዋእለ ህጻናት ዝኣመሰለ ዕድላት ኣብ ምፍጣር ንርከብ።

**• ህሉው ቅርጺ ሚኒስትሪ ሕርሻ ካብ መኣስ ጀሚሩ'ዩ ዝሰርሓሉ ዘሎ?**

- እዚ ሕጂ ዘሎ ቕርጺ ካብ 2011 ኣትሒዝና ኢና ንሰርሓሉ ዘለና። እተን ዓበይቲ ክፍልታት፡ ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስተንሽን (Commodity based ኩይኑ)፡ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቁጽጽርን ከምኡ'ውን ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ኩይነን፡ ነዚኣን ደገፍ ዝገብራ ኣካላት ድማ ሃገራዊ ላቦራቶሪ ጥዕና እንስሳን ብቑልን፡ ምምሕዳርን ፋይናንስን፡ ጨንፈር ውጥንን ስታቲስቲክስን፡ ጨንፈር ህዝባዊ ርክባት፡ ጨንፈር ውሽጣዊ ኦዲት፡ ጨንፈር ኣገልግሎት ሕጊ ኾይነን፡ ኣብ 2011 ኣብ እምባትካላ ዝተኣመመ'ሞ፡ ኣብ 2020 ዘቘምናዮ ሓድሽ ጨንፈር ድማ 'ጨንፈር ስርዓተ ስትራተጅያዊ ሓበሬታ ሕርሻ' እዩ። ድሕሪ'ዚ ቅርጻዊ ለውጢ፡ ሃገራዊ ላቦራቶሪ ጥዕና እንስሳን ብቑልን ካብ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽርን ተፈልዩ፡ ኣብ ትሕቲ ቤ/ጽ ሚኒስተር ብምዃን ብቦርድ ክመሓደር ጀሚሩ። ኣብ ምርምር ብተመሳሳሊ ቅርጻዊ ለውጥታት ገይርና። እዚ ትካል ብቐንዱ ንኤክስተንሽን ዝምግብ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ዝበዝሕ መዳዩ ተመሳሳሊ ቅርጺ ከም ዝህልዎ (commodity based) ኾይኑ እዩ ተኸሊሱ።

**• ኣብ ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ ንሰግሮም ዘሎና መድረኻትን ነመዝግቦም ዘሎና ገስጋስን ከመይ ይመስሉ?**

- ክሳዕ 2012፡ ብዛዕባ ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ፡ ካብኡ ናብኡ'ውን ብዛዕባ ምርግጋጽ ውሕስነት ኣእካል እዩ ዝዝረብ ነይሩ፣ ኣባና ይኹን ዋላ ብደረጃ ዓለም። እዚ ሚኒስትሪ ኣብ



2013 'ንኡስ፡ ውሁድ ስድራቤታዊ መደብ ሕርሻ' ዝብል፡ ንኣእካል፡ ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ጸባ፡ መዓር፡ ስጋ፡ እንቋቑሖ ወዘተ ዝሓቍፍ ፕሮግራም ብምብጋስ፡ ካብ 'ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ' ናብ 'ምርግጋጽ ውሕስነት መኣዛዊ መግቢ' ተሰጋጊርና። ብኸምዚ ድማ ክሳዕ መወዳእታ 2020 ኬድና። ካብ ፈለማ ኣዋርሕ 2021 ኣትሒዝና ድማ እቲ ዝቐርብ ሕርሻዊ ፍርያት፡ እኹልን ብቑዕን መኣዛ ዘሎዎ ጥራይ ዘይኮነ ውሑስ'ውን ክኸውን ስለ ዘሎዎ፡ ምስ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ብምትሕብባር፡ ካብ ኮለጃትን ኣብዚ ዓውዲ ብውልቂ ዝግደሱ ክኢላታትን እትሓቍፍ፡ ሓንቲ ኣብ ምፍራይ ባህርያዊ ድኹዕን ባህርያዊ ጸረ-ባልዕን ሕማማትን እትነጥፍ ሃገራዊ ሽማግለ ኣቝምና። በዚ ድማ ካብ 2021 ሕርሻዊ ፍልስፍናና ወይ መትከልና ናብ 'ምርግጋጽ ውሑስ መኣዛዊ መግቢ' በሪኹ። ምኽንያቱ፡ መሬትናን ሕርሻዊ ምህርትናን ብቐመማዊ ድኹዕን ቀመማዊ ጸረ-ባልዕን እንተተበኪሉ ኣብ ጥዕና ሰብን እንስሳታትን ከምኡ'ውን ኣብ ኣከባቢ ዝወርድ ሃሰያ ኣዝዩ ሓደገኛን ብቐሊሉ ዘይፍወስን ስለ ዝኾነ።

**• እዚ ዝጠቐስኩዎ ዝላታት፡ ውጽኢቱ ኣብ ባይታ ከመይ ኣሎ?**

- ኣብዚ እዋን ሚኒስትሪ ሕርሻ ብዝንብረሎም ደገፋት ይኹን ብናታቶም ተበግሶ፡ ብርክት ዝበሉ ሓረስቶት ካብ ሓደ ዓይነት ሕርሻዊ ፍርያት ናብቲ ኵሉ ዓይነት መኣዛታት ዝርከቦ ውሁድ ኣገባብ ሕርሻ ይሰግሩ ኣለዉ። ንሕና ድማ ነዞም ሓረስቶት ኣብቲ ዘለዉዎ ዕንጋሎኣዊ ወይ ካብ ኢድ-ናብ-ኣፍ ዘይሓልፍ ኣገባብ ሕርሻ፡ ናብ ፕሮግራም 'ንኡስ፡ ውሁድ ስድራቤታዊ መደብ ሕርሻ' ንኽሕቈፉ፡ እቶን ዝነጥፉለን ዘለዉ ዓውድታት ብምልላይ፡ እቶን ዝተርፋኦም ድማ በብመድረኽ እናመልኡ ንክኸዱ ብደቂቕ ነጽንዖም ኣለና። ንኣብነት፡ ሓደ ኣብ ልምዓት ዘራእቲ፡ ኣሕምልትን ፍረታትን ጥራይ ዝነጥፍ ሓረስታይ፡ ሓደ ዘመናውን ሓደ ጋብላዊ ቖፎን ከምኡ'ውን ብውሑዱ 25 ጨቓዊት ንኽህልዎ ባይታ ኣብ ምጥጣሕ ንርከብ። ቀስ ኢሉ'ውን ናብ ምርባሕ ናይ ጸባ ከብቲ ወይ ጤለ-በጊዕ ዝሰግረሉ ኣገባብ ይሓስብ ማለት'ዩ።

**• እቲ ናብ ባህርያዊ ኣገባብ ሕርሻ ንምስጋር ዝግበር ዘሎ ተበግሶ ከመይ ይመስል? እንታይ ዓይነት ውጽኢትከ ይርከቦ ኣሎ?**

- ምፍራይ ባህርያዊ ድኹዕን ጸረ-ባልዕን ድማ ዋላ'ኳ ካብ እንጅምሮ ኣስታት ክልተ ዓመታት ጥራይ ይግበር፡ ኣዝዩ ዘተባብዕ ገስጋስ ዘምዝገቦ ዘሎ ዓውድታት እዩ። ንኣብነት፡ እቲ ብሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ዝፈሪ ፈሳሲ ድኹዒ፡ ኣብዚ እዋን ኣብ ወርሒ ክሳዕ 10 ሽሕ ሊትሮ ክበጽሕ ከሎ፡ ብኽኢላታት ሕርሻ፡ ሓረስቶትን ገለ ትካላትን ዝፈሪ ዘሎ ኮምፖስት ድማ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓበየ ይኸይድ ኣሎ።

ካብዚ ዓውዲ ከይወጻእና፡ ንዘቤታዊ ጕሓፍ ናብ ባህርያዊ ድኹዒ ወይ ኮምፖስት ንምቕያር ዝወስድናዮ ተበግሶ ድማ ኣብ ጽላት ሕርሻ ከም ሰውራዊ ለውጢ ኢና እንርእዮ። ምኽንያቱ፡ እዚ ኣብ ጥዕና ሰብን ኣከባብን ኣሉታዊ ተራ ዝነበሮ ጕሓፍ፡ ናብ ሓደ ንወዲ-ሰብ ዝጠቅም ድኹዒ ክንቅይሮ ምጅማርና፡ ኣዝዩ ዕግበት



ዝፈጥር ተበግሶ እዩ። ድሮ ድማ ብንኡስ መጠን ኣብ ገለ ከባቢታት ኣስመራ፡ ምስ ሚኒስትሪ ጥዕና ብምትሕብባር ድማ ኣብ ሆስፒታል ኦሮታ ተፈቲኑ ኣዝዩ ኣዕጋቢ ውጽኢት ተረኺቡዎ ኣሎ። እዚ ጉዳይ ብዝለዓለ ደረጃ ዕብየት ንምሓዙ ድማ ምስ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ብምትሕብባር፡ ካብ ሆቴላት ዝእከብ ጕሓፍ ናብ ድኹዒ ናይ ምቕያር ተበግሶ ተጀሚሩ ኣሎ። ውጽኢቱ እናተገምገመ ድማ ናብ መላእ ሃገር ክሰፍሕ'ዩ።

**• ኣብ ሃገርና ዘሎ ዕቑር ዓቕሚ ሕርሻ ብዝለዓለ ደረጃ ንኽምዝመዝ እንታይ ክግበር ይግባእ ትብል?**

- ዕቑር ዓቕሚ ሕርሻ ብግቡእ ንኽምዝመዝ፡ ውህደት ብዙሓት ኣካላት መንግስትን ህዝብን ዝሓትት ጉዳይ እዩ። እቲ ቐንድን መሰረታውን ጉዳይ፡ መሬት እዩ። ሓረስታይ፡ እቶትን እቶታውነትን ኵሉ ዓይነት ሕርሻዊ ፍርያት ንኸዕቢ፡ ኣብ መሬቱ ኵሉ ዝከኣል ዘበለ ወፍሪ ክገብር ይግባእ። **እቲ ሓረስታይ ከምዚ ንኽገብር ግና መንግስቲ፡ ብመሰረት ናይ 1994 ኣዋጅ መሬት፡ ኣብ ተጠቃምነት መሬት ውሕስነት ክህቦ ከም ዘድሊ ርዱእ እዩ። ምኽንያቱ፡ መለሳ መሬት ሓደ ካብ ዓበይቲ ማሕንቖታት ሕርሻዊ ልምዓት እዩ ኢሉ ዘሎ። ካልኣይ፡ ከምቲ ድሮ'ውን ምሩቓት ኮሌጃት ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት ናይዛ ሃገር ምቕሉል ተራኦም ዝጻወትዎ ዘለዉ፡ ኵሉ ዓውድታት ሕርሻ ግቡእ ሞያ፡ ፍልጠትን ተመኩሮን ብዝዓጠቑ ሓረስቶት ክዕመም የድሊ። ዝበዝሑ ካብ ኮሌጅ ዝምረቑ መንእሰያት ብሓገዝ መንግስቲ (ብልቓሕ) ተበጊሶም፡ ኣብ ዋኒን ዘመናውን ኣፍራዩን ሕርሻ ክዋፈሩ ኣሎዎም።  ሳልሳይ ድማ ኣብ ርእሲ'ቲ ዓበይቲ ሃገራዊ መደባት፡ ዓቕምን ማልን ዘሎዎም ኤርትራውያን ኣብ ሕርሻ ወፍሪ ክገብሩ ምትብባዕ እዩ።** እቶም ድሮ ኣብዚ ዓውዲ ወፍሪ ብምግባር ናብ መጠነ-ንኡስ ንግዳዊ ሕርሻታት ዝተዋፈሩ ሓረስቶት፡ ህይወቶምን ህይወት ከባቢኦምን ክቕይሩ ጀሚሮም ስለ ዘለዉ፡ ኣብዚ ድንግል ዝኾነ መሬትና ወፍሪ ምግባር፡ ኣርባሒ ምዃኑ ክፍለጥ ይግባእ። ምኽንያቱ፡ ሃገርና ከም ዝኾነት ካልእ ሃገር እቲ ናብ ካልእ ኢንዱስትሪታት ክንጥር ዝኽእል ዓውዲ፡ ምምዕባል ሕርሻዊ ኢንዱስትሪታት እዩ።
**• ናብ ናይ መጻኢ ስትራተጂን መደብን ክንሰግር። እዚ ሚኒስትሪ**



**ኣብ መጻኢ ሒዙዎም ዘሎ መደባት እንታይ ይመስል?**

- ብሓፈሻ ናይ ቀረባን ርሑቕን መደባት ኢልና ክንፈልዮም ንኽእል ኢና። እቶም ናይ ርሑቕ መደባት፡ ብሓፈሻ እቶም ኣብ ተልእኾን ራእይን ናይዚ ሚኒስትሪ ተጠቒሶም፡ ብመልክዕ ስትራተጅያዊ ውጥናት በብእዋኑ ተኸፋፊሎም ዝትግበሩ መደባት እዮም። ስለዚ እቶም ኣብዚ ህልዊን ኣብ ቀረባ እዋን እንግምግሞን እንኽልሶን ስትራተጅያዊ ውጥን ዘለዉ ዓበይቲ መደባት ኣለዉ። ብልምዓት ብቑሊ እንተጀሚርናና፡ እዚ ንጥፈት ኣብ መሬት እዩ ዝትግበር። ዛጊት ኣብ ባይታ ንገብሮ ዘለና ሕርሻዊ ልምዓት ድማ ኣብ ዝናብ ዝተመርኰሰ እዩ። እዚ ድማ ምስቲ ሃገርና ዘሎዋ ኣቀማምጣ ዘኸተሎ ውሑድ ዓመታዊ መጠን ዝናብን ቅርጻ መሬትን ኣተኣማማኒ ሕርሻ ምትግባር ኣይከኣልን እዩ። ስለዚ ኵሉ ዓይነት ምዕቃብ ሓመድን ማይን እንተላይ ምስራሕ ከዘንቲ ማያት ልዕሊ ኹሉ ዘሰራዕ ነገር እዩ። ኣብ ግራት ሕርሻ ይኹን ኣብ ማይ ኩዖታት ግቡእ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ብምግባር ጥራይ ናብ እተመሓየሸ ዝናባዊ ሕርሻ (Modified Rainfed Agriculture) ብምስጋር፡ እቶትን እቶታውነትን ምዕባይ ከም ዝከኣል ኣብ ባይታ እተራእየ ሓቂ እዩ። ብምስራሕ ዲጋታትን ምህብታም ትሕተ-ባይታዊ ማይን፡ ዘድሊ ማይ ምስ ሓዝካ ዝስዕብ፡ ምትብባዕ ምዕቡልን ቄጣብን ልምዓት መስኖን ልምዓት ብደገፍ መስኖን እዩ። ነዚ ንጥፈታት፡ ውጽኢት ምርምር ዝኾነ ምሩጽ ዘርእን ውሕሉል ኣገባብ ኣዘራርኣን፡ ባህርያዊ ድኹዕን ባህርያዊ ጸረ-ባልዕን ምስ ተወሰኾ፡ ዘላቒ ዝኾነ ልምዓት ብቑሊ ንመግቢ ሰብን እንስሳን ምፍራይ ይከኣል። ኣብዚ ዓውዲ ኣብ ርእሲ'ቶም ልሙዳት ዓይነታት ብቑሊ (ኣሕምልትን ፍረታትን)፡ ከም ተምሪ ዝኣመሰሉ ኣገደስትን ኣኽሰብትን ፍርያት ብሰፊሑ ንምልማዕ ዓቢ ፕሮግራም ተጀሚሩ ኣሎ። ሃገርና ኣብ ዝመጽእ ሓሙሽተ ዓመታት፡ ተምሪ ንሰደድ ክትልእኽ ዘኽእል መደብ ተጀሚሩ ኣሎ። ድሮ'ውን ኤርትራ፡ ኣብ ካርታ ናይተን ተምሪ ዘፍርያ ሃገራት ተሓቒፋ ኣላ። ተምሪ፡ በቲ ሓደ ልዑል መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘሎዎ መግቢ እዩ፣ በቲ ኻልእ ድማ ኣብ ምፍጣር ዕድላት ስራሕ ንነበርቲ ገማግም ባሕሪ ከምኡ'ውን ኣብ ምክልኻል ምድረበዳነትን ምምጻይ ተፍኢ ካርቦንን ልዑል ተራ ዝጻወት ተኽሊ እዩ።

**• ድንሽን ምቁር ድንሽን'ውን ካብቶም ፍሉይ ኣድህቦ ተገይሩሎም ዘለዉ ሕርሻዊ ፍርያት እዮም። ኣብዚኦም ዘሎና መደብ እንታይ ይመስል?**

- ሓደ ካብቲ ኤርትራ ርኡይ ገስጋስ ዘምጽኣትሎም ስትራተጅያውያን ቡቕልታት፡ ድንሽ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ሓሙሽተ ዓመታት፡ ድንሽ ሳላ ብፍሉይ ኣተኩሮ ዝተሰርሓሉ፡ ኣብ ከበሳ ቀረብ ዘርኢ ኣውሒስና፡ ድሮ'ውን ንፈተነ ናብ ቆላታት ጋሽ-ባርካ፡ ዓንሰባ፡ ሰሜናውን ደቡባውን ቀይሕ ባሕሪ ሰጊርና ኣሎና። ድንሽ ኣብ መላእ ዓለም ድሕሪ ሩዝን ስርናይን ዝስራዕ ኣገዳሲ መግቢ እዩ። ኣብ ሃገርና'ውን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብስፍሓት ልምዓት ይኹን እቶታውነት እናወሰኸ ዝኸይድ ዘሎ ተኽሊ እዩ። በዚ ድማ 'ኣብ ከበሳታት ንዘርእን ንብልዕን፡ ኣብ ቆላታት ድማ ንብልዒ ዝኸውን ድንሽ ምፍራይ' ዝብል ቴማ ሒዝና ንግስግስ ኣሎና። ምቁር ድንሽ'ውን ብተመሳሳሊ ብዘሎዎ ሃብታም መኣዛዊ ትሕዝቶ፡ ብፍላይ ድማ ንቖልዑ ኣዝዩ ኣገዳሲ ምዃኑ ስለ ዝተኣምነሉ፡ ሓደ ካብቶም ብዕቱብ ሒዝናዮም ዘሎና መደባት'ዩ።

**• ናይ ቅብኢ ኣእካል'ውን ካብቶም ፍሉይ ኣተኩሮ ተዋሂቡዎ፡ ኣብ ቀዳምነታት ናይዚ ሚኒስትሪ ተሰሪዖም ዝርከቡ መደባት ምዃኖም ይፍለጥ። ኣብዚኦም ዘሎና መደብ እንታይ ይመስል?**

- ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣብ ውሱን ዓመታት እናኸለሰ ዘመሓይሾም ቀዳምነታት ሰሪዑ እዩ ዝንቀሳቐስ። ክሳዕ 2021 ንኣብነት 17 ቀዳምነታት ሰሪዑ፡ ብመልክዕ ጽሑፍ ኣሕቲሙን ጠሪዙን ክሳዕ ደረጃ ነቑጣ ንኽሰርሓሎም ዘርጊሑ። ዝንቕ ኣዝርእቲ ሓደ ካብኦም እዩ። እዚ ብብሱል ኣእካል ተዓብሊሉ ዘሎ ልምዓትና፡ ኣብ 2024፡ 50% ብብሱል ኣእካል፡ 25% ብጥረታት፡ 25% ድማ ብናይ ቅብኢ ወይ ናይ ዘይቲ ኣእካል ክሽፍን ዝብል መደብ ሒዝና ኢና ንሰርሕ ዘለና። ስለዚ ኣብ ናይ ቅብኢ ኣእካል እንተመጺእና፡ እቲ ዛጊት ዝሸፍኑዎ ዓቐን ኣዝዩ ትሑት ስለ ዘሎ፡ ካብቶም ልሙዳት ናይ ዓድና ኣእካል ከም እንጣጢዕ፡ ኒሁግ፡ ስምስም ወዘተ ክንጅምር ይግባእ። ኣብዚ እዋን ድማ ኣድሪ ዘይቲ ድሮ ጀሚርናዮ ኣሎና፣ ሱፍን ሶያን ወሲኽና ድማ ብፍሉይ ኣተኩሮ ክንሰርሓሎም ኢና። እዚኣቶም ብደረጃ ዓለም ፍሉጣት ምንጪ ዘይቲ ኣብ ርእሲ ምዃኖም፡ ከም ምንጪ ጽገ ንኣናህብ፣



ተረፍ-ምህርቲ ናይዚኣቶም ድማ ንመግቢ እንስሳ ኣዝዩ ኣገዳሲ ብምዃኑ ተወሳኺ ብልጫታት ኣሎዎም።



ሓበሬታ ካብ ደረጃ ሓረስታይ፡ ዓድን መሬት ሕርሻን ከምኡ'ውን ምምዕባል ዓቕሚ ሰብን መጽናዕቲ ጠለብ ዓቕምን ገለ ካብ ቅድመ-ኩነት ንትግባረ መደባትና እዮም።

**• ኣብ ንኡስ ጽላት ሃብቲ እንስሳ ተታሒዙ ዘሎ ስትራተጂን መደብንከ ከመይ ይመስል?**

- እዚ ንኡስ-ጽላት ኣብ ሰለስተ ዓንድታት ማለት ምሩጽ ዓሌት፡ እኹልን ብቑዕን መግቢ ከምኡ'ውን ውሑስ ጥዕና እዩ ዝምርኩስ። ፈለማ ምሩጽ ወይ እተመሓየሸ ዓሌታት ጥሪት ክህልወና የድሊ። እዚ ድማ ኣብ ውሽጥና ብእንገብሮ ኣብ ምርምር እተመርኩሰ ምድቃል ጥሪት ክኸውን ይኽእል ወይ'ውን ካብ ወጻኢ ሃገራት ምሩጻት ዓሌታት ጥሪት ብምትእትታው ዝትግበር'ዩ። ኣብዚ መዳይ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ዘመናዊ ሜላ ምድቃል ተስፋ ዝህብ ገስጋስ ይርአ ኣሎ። ኣብ መጻኢ'ውን ጾታኡ ዝተለለየ ኣገባብ ምድቃል (ሓይሉ ናብ ኣንስትዮ ዝዛዘወ ኣገባብ ምድቃል) ክነተኣታቱ መደብ ኣሎ። እቲ ኻልኣይ ኣገባብ፡ ምሕደራን መግብን እንስሳ እዩ። ዛጊት ንጥቀመሉ ዘሎና ሓይሉ ኣብ ናይ መሮር መግሃጫ (extensive grazing) እተመርኮሰ እዩ። ነዚ ፍኑው ኣገባብ ምምጋብ እንስሳ፡ ልምዓት መጋሃጫታትን ብምዕቃብ ሓመድን ማይን እናኣሀብተምና ብግቡእ ክንምዝምዞ ንኽእል ኢና። ጐድኑ ጐድኑ ድማ ናብ ሓውሲ ጽዑቕ ወይ ሕጹር ኣገባብ (semi-Intensive grazing) ክንሰግር ይግባእ። ምኽንያቱ፡ ንጥሪት ብኸምዚ ኣገባብ ምሓዝ፡ ጥዕናኣንን ፍርያምነትን ንምክትታል፡ ምልክት ወይ ሕላገት ንምግባር፡ ምርምራት ንምክያድ ወዘተ. ኣብ መወዳእታ ድማ ኣፍራይነተን ንምዕባይ ይሕግዝ። ብድሕሪ'ዚ መድረኽ ብመድረኽ ናብቲ ፍጹም-ጽዑቕ (Fully-Intensive) ዝብሃል፡ ውሑዳትን ርቡሓት ጥሪት ብምሓዝ ዝግበር ዘመናዊ ኣገባብ ምስጋር'ዩ እዩ መደብና። ካብ ሃብቲ እንስሳ ክይወጻእና፡ ኣብ ምርባሕ ደርሁ፡ መፍረ ንህቢ (ብፍላይ ብመገዲ ጋብላዊ ቀፎ)፡ ጸባን ውጽኢቱን ወዘተ. ፍሉይ ኣተኩሮ ሂብና ክንሰርሕ ኢና።

ነዚ ኹሉ እተጠቕሰ ውጥናት ንምትግባር ግና ምእካብ ስታቲስቲካውን ስትራተጅያውን

**• ሓፈሻዊ ለበዋ እንተሎካ?**

- ህዝቢ ኤርትራ፡ ኵሉ ዓይነት ተጻብኦታትን ብድሆታትን ሰጊሩ ህላውነቱ ዘመስከረን ዘትረረን ህዝቢ እዩ። ጽላት ሕርሻ ድማ ነዚ ፍሉይ ዝኾነ ህዝቢ ዝኸውን መኣዛዊ መግቢ ኣብ ምቕራብ ዕዙዝ ተራ ክጻወት ሓላፍነቱ እዩ። ኣብ ርእሲ'ቲ እዚ ጽላት ዝገብሮ ጻዕርታት፡ ህዝቢ ድማ ኣብ ምፍራይን ምጥቃምን መኣዛዊ መግቢ ዘሎዎ ንቕሓት ክዓቢ ይግባእ። ብዙሕ ሰብ፡ ሕርሻ ወይ ሕርሻዊ ፍርያት ማለት እኽሊ ወይ ብእኽሊ ዝተዓብለለ ገይሩ እዩ ዝወስዶ። ኣገዳስነት ኣእካል ርዱእ ስለ ዝኾነ፡ መንግስቲ ኤርትራ እውን ኣብ ብዙሕነት ኣእካል (Crop diversification) ንጹር ፖሊሲ እዩ ዘሎዎ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ'ዩ እዚ ንኡስ-ጽላት ብሓፈሻዊ ቅልውላው ኣእካል ብኸቢድ ዘይጽሎ። ኣብ ርእሲ ብዙሕነት ኣእካልና ግና ናይ ቀረባ እዋን መጽናዕትታት ከም ዝሕብሩዎ፡ ኣሕምልትን ፍረታትን ከምኡ'ውን ጥረታት እቶም ዝያዳ ኣገደስቲ ክፉል መኣዛዊ መግቢ እዮም። ስለዚ ነዚ ብምርዳእ፡ ኣብ ምፍራዮም ይኹን ኣብ ምጥቃሞም ክንነቅሕ



ይግባእ። ብፍላይ ገጠራት ድማ ኣብ ርእሲ እዚኣቶም፣ ንኣኣቶምን ንመሸጣን ዝኸውን ደርሁ፣ እንቋቑሖ፣ መዓር፣ ጸባ-ከብቲ፣ ገመል ይኹን ጤለ በጊዕ ብምፍራይ፣ ምሉእነት መኣዛዊ መግቢ ኣብ ምርግጋጽ እጃሞም ከበርክቱ እጽውዕ። ክኢላታት ሕርሻን ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላትን ድማ እዚ ሓቅታት ኣብ ሓረስቶትን ህዝብን ኣብ ምስራጽ ተራኦም ክጻወቱ ይግባእ። **ምኽንያቱ፣ ምርግጋጽ ውሑስ መኣዛዊ መግቢ፣ ጭርሖ ኣይኮነን፤ እንታይ ደኣ ተልእኾ ወይ ዕላማ ናይዚ ጽላት እዩ።** ኮሉ'ዚ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ ኣብ ግብሪ እንተኣውዒልናዮ፣ ሃገርና ብውሑስን መኣዛውን መግቢ ርእሳ ኽኢላ ንሰደድ ዝዓለመ ፍርያት ክተፍሪ ከም እትኽእል ርግጸኛ እየ።

- **ክቡር ሚኒስተር፣ እዛ 'ፍረ-ጻዕሪ' ተሰምያ ዘላ ቦኽሪ መጽሔት ሕርሻ፣ ሓንቲ ካብ ወግዓውያን ልሳናት ሚኒስትሪ ሕርሻ ኩይና ኣላ። ኣብ ምምዕባላ ኹነ ክትሓቑፎም ዝግብኣ ትሕዝቶታት ርእይቶ ወይ ለበዋ እንተ'ሎካ?**

- ብመጀመርታ፣ ጨንፈር ህዝባዊ ርክባት ሚኒስትሪ ሕርሻ፣ ነዚ ዓቢ ሓላፍነት ምስካሙ፣ ዮሃና እብሎ። ቀጺለ ድማ ዓቕሚ ብዝፈቐዶ፣ እዚ መጽሔት ብስሩዕን ብዘይምቍራጽን ክወጽእ ኣሎዎ እብል። ከምዚ ዝኣመሰለ መደብ ዕዉት ዝኸውን ከኣ ዓቕምን ሞያን ብዘሎዎም ኣባላት ዝቘመ ቦርድ ምስ ዝህልዎን ሰፊሕ ሰረት ናይ ኣበርከትቲ ምስ ዝምስርትን እዩ።

የቐንየልና ክቡር ሚኒስተር





# ገስጋስ ሕርሻዊ ዋኒንን ወፍርን ኣብ ኤርትራ

## ብድሆታት ናብ ዕድላት

ኣብዚ እዋን፡ ለብዒ ኮሮና ቫይረስን ካልኦት ዓበይቲ ቅልውላዋትን ዘኸተሎ ምምዝባል ንግዳዊ ምልውዋጥን ዝሕታለ ፊናንስያዊ ትውጊታትን፡ ዓለማዊ ቁጠባ ኣብ ከቢድ ዝቕባበ ከይሽመም ተሰጊኡ ኣሎ። ምስ ለብዒ ኮሮና ቫይረስ ብዝተኣሳሰር ዝተስገደደ ዓለማዊ ዕጽዋ፡ ኣብ ምንቅሳቓስ ንጥፈታት ሕርሻዊ ንግዲ፡ ቀረብ ሕርሻዊ ዓያዩ ጉልበትን ካልእን ዓቢ ስንብራት ፈጢሩ እዩ። ምስ ሕርሻዊ ጽላት ብዝተኣሳሰር፡ ምዝንባል ቀረብን ጠለብን ሕርሻዊ እትዋትን ፍርያትን ካብ ኣፍረይቲ ናብ ኣህለኽቲ ትካላት ኣስዒቡ እዩ። ቅድሚ ለብዒ ኮሮና ቫይረስ ምኽሳቱ'ውን እንተኾነ፡ ዓለማዊ ክሊማዊ ዋዒ፡ ዓለማውን ዞባውን ዘይምርግጋእን ፊናንስያዊ ምክትን፡ ኣብ ዓለማዊ ቁጠባ ብሓፈሻ፡ ሕርሻዊ ልምዓትን ዋኒናትን ከኣ ብፍላይ ዓቢ ብድሆ ፈጢሩ ጸኒሑን ኣሎን። ኣፍራይነትን ተጠቃምነትን ሕርሻዊ እትዋትን እቶትን እውን፡ ሃገራት ብዝውንናኦ ተዛምዲ ንግዳዊ፡ ወፍራውን ቴክኖሎጅያውን ብልጫታት ዝፈላለ ብምዃኑ፡ ቀንዲ ተጠቃዕቲ ናይዚ ክስተት፡ እተን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት እየን ኰይነን።

ጽልዋ ናይቲ ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣብ መንጎ ሩስያን ዩክረይንን ዝተኸስተ ኩናት ከም ኣብነት እንተወሲድና፡ ኣብ ቁጠባ ዓለም ዘኸትሎ ዕንወት ኣዝዩ ዓቢ እዩ። ኣብ ጽባሕ ኩናት ዩክረይንን ሩስያን፡ ዋጋ ዘይተጻረየ ነዳዲ ክሳዕ 115 ዶላር ንበርሚል ክዓርግ ተራእዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣስታት 30 ሚእታዊት ካብ ቀረብ ስርናይ ከምኡ'ውን 75 ሚእታዊት ካብ ቀረብ ዘይቲ ሱፍ ናይ ዓለምና ኣብ ሩስያን ዩረይንን ዝፈሪ ብምዃኑ፡ ድሕሪ ኩናት ሩስያን ዩክረይንን ዋጋን ቀረብን ስርናይን ዘይትን ብኣሉታ ክጽሎ ተራእዩ እዩ። ብዘይካ'ዚ ሩስያ ሓንቲ ካብተን ሸዱሸተ ቀዳሞት ኣቕረብቲ ዘመናዊ ድኹዒ ዓለምና ብምዃና፡ ኣብ ዋጋን ቀረብን እቶትን እቶታውነት ሕርሻዊ ፍርያት ርኡይ ጽልዋ ፈጢሩ እዩ። እዚ ተርእዮ ዘመልክተልና ሓቂ እንተሎ፡ ኣብዛ ብንግድን ሓበሬታን ኣብ ጸባብ ቁሸት ተቐዩራ ዘላ ዓለም፡ ኣብ ሓደ ኩርናዕ ዘጋጠመ ጸገም፡ እቲ ኻልእ ክሕመሎ ግድን ዝኾነ ይመስል። ብሳዕቤናት ኩናት ሩስያን ዩክረይንን ዝተበራበራ ገለ ሃገራት ከኣ ውሽጣዊ ጸጋታተንን ዓቕምታተንን ኣብ ምፍታሽን ምብርባርን ኣትየን ይርከባ። ናይዚ እወታዊ ተበግሶ ኣብነት፡ ምፍራይን ምምስራሕን ካሳቫ ኣብ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ፡ ምፍራይ ስርናይ ኣብ ኢትዮጵያ ወዘተ. ክጥቀስ ይከኣል።

### ሕርሻ ከም ዋኒንን ሚላ መነባብሮን ኣብ ኤርትራ

ከም ኩለን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት፡ ሕርሻ ኣብ ኤርትራ፡ መሰረት ቁጠባን ምንጪ መነባብሮን ዝበዝሐ ክፋል ሕብረተሰብ እዩ። ካብ ሓረስታይ ኤርትራ፡ እቲ ልዕሊ ፍርቂ ኣብ ዕንጋሎኣዊ ወይ ካብ-ኢድ-ናብ-ኣፍ ዘይሓልፍ ሚላ ማሕረስ ዘዘውትር ምዃኑ ሰነዳት የመልክቱ። ብዘይካ'ዚ፡ ዝበዝሐ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ናይ መንእሰይ ክሊ ዕድመ ዝርከብ ብምዃኑ፡ ካብ ዓያዩ ጉልበት ሃገርና ብሚእታዊት ክግለጽ ከሎ፡ እቲ ኣብ ጽላት ሕርሻ ዝሳተፍ ዝበዝሐ ምዃኑ ርእሰ-ግሉጽ እዩ። በዚ'ዩ እምበኣር ሕርሻ፡ ዋኒንን ሚላ መንብሮን ኰይኑ ዝቕጽል ዘሎ።

ሕርሻዊ መጽናዕትታትን ዝተፈላለዩ ሰነዳትን ከም ዘመልክቶ፡ ንዘራእቲ፡ ኣሕምልቲ፡ ፍረታትን ምርባሕ እንስሳን ዝሰማማዕ ጠባየ-ኣየርን ሕርሻዊ ክሊማን (ኣግሮ-ኢኮሎጅያዊ) ኩነታት እትውንን ሃገርና ኤርትራ፡ ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት ንመግዛእታዊ ረብሓታት ዘገልግል ሕርሻዊ ፍርያት ናብ ወጻኢ ሃገር ትልእኽ ከም ዝነበረት ይፍለጥ።

ድሕሪ ናጽነት፡ ንዝበዝሕ ክፋል ሕብረተሰብ ዝጠመተ መርሓ ምንጋስ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝሕላገቱ ኩለ-መዳያዊ ሃገራዊ መደባት ልምዓት፡ ምርግጋጽ ውሕስነት መኣዛዊ መግቢ፡ ከም ቀዳምነት ተሰሪዑ ዝስርሓሉ ዘሎ ዕማም'ዩ። በዚ መሰረት፡ ከም ኣብ ኩለን ልምዓታውን ቁጠባዊ ጽላታት፡ ቀጻልነት ዘሎዎ ልምዓት ንምርጋግጽ፡ ጽላት ሕርሻ እውን ብቐጻሊ ዝዓቢ ሕርሻዊ እቶትን እቶታውነትን ናይ ኩሎም ኣብ መዓላ ናይዚ ጽላት ዝተዋፈሩ ጸጋታት ሃገር ንምርግጋጽ ዝዓዩ፡ መሰረታዊ ናይ ቁጠባ



ኣምራት ዝጠልቦ ሓቂ ስለ ዝኾነ እዩ። ከመይሲ ከም ኤርትራ ዝኣመሰላ ኣብ ሕርሻ ዝተመርኮሰ ቁጠባን ሚላ መንብሮን ዘሎወን ሃገራት፡ ንኻልኦት ጽላታት ቁጠባ ከማዕብላ፡ ንዕኡ መሰረት ዝኾኑኖ ጽላት ሕርሻ ብቐዳምነት ምስራዕን ምምዋልን ምርጫ ዘይኮነ ግዴታ'ውን እዩ። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ሕርሻ ሚላ መንብሮ ዝበዝሐ ክፋል ሕብረተሰብ ኤርትራ ይኹን'ምበር፡ ኣበርክቶ ጽላት ሕርሻ ኣብ ጃምላ ሃገራዊ እቶት ዛጊት ካብ 24 ሚእታዊት ከም ዘይሓልፍ ሰነዳት ይሕብሩ። ኣበርክቶ ጽላት ሕርሻ ኣብ ጃምላ ሃገራዊ እቶት ኣብ መብዛሕትኦን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራትን ሃገራት ትሕቲ-ሰሃራን ክሳዕ 15 ሚእታዊት ከም ዝበጽሕ ሰነዳት የመልክቱ።

ንገጠራትን ሓውሲ ከተማታትን ሓቝፉ ከልምዕ ዝኽእል ገጠራዊ ሕርሻዊ ልምዓት ከኣ ኣፍረይቲ ወይ ኣቕረብቲ  እትዋት ሕርሻ ምስ ኣፍረይቲ ሕርሻዊ ፍርያት፡ ኣፍረይቲ ሕርሻዊ ፍርያት ምስ ሕርሻዊ ዕዳጋታት፡ ኣፍረይቲ ሕርሻዊ ፍርያት ምስ መጠነ ንኡስ ማእከሎትን ዓበይትን መስራሕቲ፡ መስራሕቲ ምስ ኣከፋፈልቲ፡ ኣከፋፈልቲ ምስ ኣህለኽቲ ዘራኽብ መስርሕ ምትእትታውን ናይ ኣፍረይቲ ማሕበራት ምሕያልን ከኣ እዩ ናብ ንኣሽቱ፡ ማእከሎትን ዓበይትን ሕርሻዊ ዋኒናት ዝዓኮኽን ዝምዕብልን።

### ተራ ዓበይቲ ሃገራዊ ፕሮጀክትታት ኣብ ምድራኽ ወፍሪ ኣብ ሕርሻዊ ልምዓትን ዋኒናትን

ኣብ ሃገርና፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ልምዓታዊ መደባት ንምድራኽ ዝትግበር ዘሎ ዓበይቲ ሃገራዊ ስትራተጅያዊ ፕሮጀክትታት፡ ህንጸት ከዘንቲ ማይ፡ መገብቲ ናይ ሓመድ ጽርግያታት፡ መዝሓሊ-መኽዘናት፡ ምዝርጋሕ መስመር ኤለክትሪክ፡ ምዝርጋሕ ሽፈነ መስመር ተንቀሳቓሲ ቴለፎንን ካልእን ደሓን ገስጋስ የርኢ ኣሎ። እዚ ድማ ሕርሻዊ ፍርያት ናብ ዕዳጋታት ኣብ ምርኻብ፡ ሕርሻዊ ሓበሬታት ናብ ሓረስቶት ኣብ ምብጻሕ፡ ዓመታዊ እቶትን እቶታውነትን ናይቲ ዕንጋሎኣዊ-ሚላ-ሕርሻ ዝኽተል ኣካል ሕብረተሰብ ክብ ኣብ ምባል ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣድማዕነትን ዓቕምን ናይተን ንኣሽቱን ማእከሎትን ሕርሻዊ ዋኒናት ንምምሕያሽን ውሕስነት መኣዛዊ መግቢ ስድራቤታት ንምርግጋጽን ዓቢ ድርኺት ኣብ ምፍጣር ይርከብ። ከም መርኣያ ናይዚ ዘይሕለል ጻዕሪ ህዝብን መንግስትን ከኣ ኣብ እተፈላለየ ክፍላት ሃገርና፡ ቁጽረን ዘይነዓቕ ኣብ ምፍራይን ምምስራሕን ጸባን ውጽኢት ጸባን፡ ምፍራይ መዓርን እንቋቑሖን፡ ምፍራይን ምክፍፋልን ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ምፍራይን ምክፍፋልን ቃንጥሻ፡ ምፍራይን ምሻጥን ስጋ ማንቲለን ካልእ መጠነ-ንኡስ ሕርሻዊ ዋኒናትን ዝነጥፋ ትካላት ይዕምብባ ኣለዋ። ኣብ ልዕሊ እተን ብደረጃ ሃገር ዝህነጻ ዘለዋ ስትራተጅያውያን ከዘንቲ ማይ፡ ኣብ ዓመተ 2021 ጥራይ 39 መጠነ ንኡስ ዲጋታት ከም እተሃንጻ፡ ምስቲ ካብ ጽባሕ ናጽነት ኣትሒዙ ኣብ ምህናጽ ትሕተ ቅርጺ ከዘንቲ ማይ ንምህናጽ ዝፈሰሰ ንዋይ ተወሲኹ፡ ኣብ ልዕልን ትሕትን ዲጋታት ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ኣብ ምስፋሕ ዓቢ ድርኺት ከም ዝፈጠረ፡ ብርክት ዝበሉ ሓረስቶት ድማ ዝናብ ክረምቲ ጥራይ ካብ ምጽባይ ተላቒቖም፡ ካብ ሰለስተ ክሳዕ ኣርባዕተ ግዜ እቶት ክሓፍሱ ከም ዝበቕዑን ዕዳጋጋትን ዋጋታትን ሕርሻዊ ፍርያት ምስክር እዩ። በዚ ኸኣ፡ ዘገምታዊ'ኳ እንተኾነ፡ ቁጽሮም ዘይነዓቕ ሓረስቶት ሃገርና ካብ ዕንጋሎኣዊ ሕርሻ ናብ ንኡስ-ውሁድ ስድራ-ቤታዊ ሕርሻ ይሰጋገሩ ከም ዘለዉ ዘመልክት ገስጋስ ይርአ ኣሎ።



ኣብዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ሕርሻዊ ዋኒናትን ትካላትን፡ መጠነ ንኡስ ሕርሻዊ ወፍርታት ዘካይዱን ሓደስቲ ዋኒናት ንምኽፋት እማመታት ዘቕርቡን፡ ኣብተን ዝተኸፍታ ትካላት ብዝረኸብዎ ናይ ስራሕ ዕድል መነባብሮኦም ዘመርሑ ዜጋታት ድማ ቀጽሮም እናበርከተ ይመጽእ ኣሎ።

ከም ኣካል ናይዚ ብደረጃ ሃገር ዝካየድ ዘሎ ዓበይቲ ናይ ልምዓት መደባት፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ'ውን ነቲ ብዕንጋሎኣዊ-ሚላ-ሕርሻ ዝነባበር ክፋል ሕብረተሰብ ናብ መጠነ ንኡስ-ውሁድ ስድራ-ቤታዊ ሕርሻ፡ ነተን መጠነ ንኡስ-ውሁድ ስድራ-ቤታዊ ሕርሻ ድማ ናብ ንኡሳንን ማእከሎትን ንግዳዊ ዋኒናት፡ ነተን ማእከሎት ከኣ ናብ ዓበይቲ ሕርሻዊ ዋኒናት ንምስግጋር ዝሕግዝ 'ስትራተጂ መጠነ ንኡስን ማእከሎትን ንግዳዊ ሕርሻ' ብምድላው ኣብ ምስራሕ ይርከብ።

## ንኡሳን ጽላታት ሕርሻዊ ዋኒን

ሕርሻዊ ዋኒን፡ ካብ መስርሕ ምፍራይ ክሳብ መስርሕ ምህላኽ ሕርሻዊ እትዋትን እቶትን ንዝሎ ኵሉ ዓይነት ቁጠባዊ ንጥፈታት ማለት፦ ምቕራብ፡ ምጉዕዓዝ፡ ምምስራሕ፡ ምክፍፋልን ምሻጥን ዝገልጽን ዝውክልን ኣምርን ክልሰ-ሓሳብን ብምዃኑ፡ ብሕጽር ዝበለ ኣብ ሰለስተ ንኡሳን ጽላታት ክኽፈል ይከኣል። ንሳቶም ከኣ፡ ንኡሳን ጽላታት ሕርሻዊ እትዋት፡ መስርሕ ምፍራይ ከምኡ'ውን ሕርሻዊ እቶት እዮም። በዚ መምዘኒ ኸኣ ኣብ ሃገርና ኤርትራ፡ ደረጃ ምዕባለ ሕርሻዊ ዋኒን ኣብ ሰለስቲኡ ንኡሳን ጽላታት ኣብ እግሪ ተኸሊ እዩ ዘሎ ክብሃል ይከኣል።

ኣብ ንኡስ ጽላት ምፍራይ ዝተፈላለዩ ሕርሻዊ ፍርያት ዝነጥፉ መጠነ ንኡሳንን ማእከሎትን ትካላት፡ ገለ ኻብተን ተስፋ ዝህብ ገሰጋስ ዘርእያ ዘለዋ እየን። ኣብዚ ከም ኣብነት ንምጥቃስ፡ ምፍራይን ምምስራሕን ጸባን ውጽኢት ጸባን፣ ምፍራይ፡ ምቕራብን ምምስራሕን ስጋ ማንቲለን ሓሰማን፣ መፍረ እንቋቝሖ፡ ልምዓት ፍረታትን ኣሕምልትን፡ መፍረ መዓር፡ ልምዓት ዕምባባታት፡ ምፍራይን ምምስራሕን መግቢ እንስሳ፡ ምፍራይ ቃንጥሻ ወዘተ.።

ቅድሚ ገለ ዓመታት ኣብ ድኳናት ዝሸየጥ ዝነበረ 'ርግኦ የመን' ተሪፉ፡ ኣብዚ እዋን ልዕሊ 18 ርግኦ ዘፍርያ ትካላት ከም ዘለዋ፡ ናይ 2021 ጸብጻብ የመልክት። ኣብ ዝተፈላለዩ መግብታት ከም ሃንዛ፡ ሕምባሻ፡ ጣይታን ካልእን ወሰኽ-ክብሪ (value addition) ብምግባር፡ መዓልታዊ ኣታዊታትን ናይ ስራሕ ዕድልን ዝፈጥሩ ዜጋታት ቀጽሮም እናበርከተ ይመጽእ ኣሎ። ፒዛ ድዩ ካልእ ዓይነት መግቢ ኣብ ቤትካ ቴለፎን ብምድዋል ካብ ዝመረጽካዮ ትካል ኣዚዝካ፡ ኣብ ኣፈፌት ቤትካ 'እንሆ' ዝብሉ ኣካፋፈልቲ'ውን ፈጠርቲ ስራሕን ገንዘብን ምዃኖም ኣይዝንጋዕን። እዚ ሕጂ ኣብ ሃገርና ቀሊል ዝመስል ዘሎ እወታዊ ተርእዮታት፡ ከም ድቂ ሕርሻዊ ዋኒን ክውሰድ ዝከኣል እዩ። ከመይሲ፡ ኩሎም'ዞም ሎሚ ብደረጃ ዓለም ዓርሞሽሽ ኲዶኖም ዘለዉ ሕርሻዊ ዋኒናት ብተመሳሳሊ ኣገባብን ደረጃን ስለ ዝሓለፉ።

ናይ 2021 ዓ.ም ጸብጻብ ከም ዘመልክቶ፡ ኣብ ሃገርና ጸባን ውጽኢት ጸባን ዝምስርሓ 19 መጠነ ንኡሳንን ማእከሎትን ትካላት ከምኡ'ውን 3 መግቢ እንስሳ ዝምስርሓ ትካላት ኣለዋ።

ኣብ ንኡስ ጽላት ሕርሻዊ እትዋት ዝርአ ዘሎ ተበግሶታት'ውን ንዝሎ ዕቑር ዕድላት  ዘመልክት ተበግሶ እዩ። ኣብዚ ንኡስ ጽላት ከም ኣብነት ክጥቀስ ዝከኣል፡ ምፍራይን ምምስራሕን ባህርያዊ ድዅዕን ጸረ-ባልዕን፡ ምብዛሕ ዘርኢ ድንሽን ስርናይን፡ መጠነ-ንኡስ ሰንዓ ሕርሻዊ መሳርሒታትን ማሽናትን ናይ ሎሚ ድቂ ሕርሻዊ ዋኒን ናይ ጽባሕ ዓበይቲ ሕርሻዊ ዋኒናት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

ኣብቲ ሳልሳይ ንኡስ ጽላት ማለት ሕርሻዊ እቶት/ ፍርያት እውን መጠነ ንኡስ ናይ ምምስራሕ ተበግሶታት ኣሎ። እዚ ሳልሳይ ንኡስ ጽላት፡ ዝያዳ ኣብ ምጉዕዓዝ፡ ምምስራሕ፡ ምክፍፋልን ምሻጥን ሕርሻዊ ፍርያት ዘተኰረ ዓውዲ እዩ። ኣብዚ ንኡስ ጽላት ከም ኣብነት ንምጥቃስ፡ ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡሳን ዞባታት ኣቑርደት፡ ድግን ሃይኮታን ዝፈረየ ባናና፡ ኣብ ጊንዳዕ፡ ሓመልማሎን ዒላበርዕድን ዝፈረየ ዘይቱን፡ ኣብ ማይ-ዓይኒ፡ ዓላን ሓመልማሎን ዝፈረየ ማንጉስን ኣራንሽን፡ ናብ ኣስመራ ኣብ ምጉዕዓዝ፡ ምኽዛን፡ ምብሳል ምክፍፋልን ምሻጥን ዝፍጸም ንጥፈታት ንሓድሕዱ እተኣሳሰረን ንብዙሓት ኣካላት ምንጪ ኣታዊታቶም፡ መዓልታዊ ንጥፈታቶምን ናይ ስራሕ ዕድል ዝፈጥረሎምን ምዃኑ ርዱእ'ዩ።

ኣብ ምምስራሕ፡ ምጉዕዓዝን ምኽዛንን እተፈላለዩ ሕርሻዊ ፍርያት እውን፡ ከምቲ ኻልእ ገና ኣብ እግሪ ተኸሊ ዘሎ ሰፊሕ ስራሕን ቀጠባዊ ምዕባለን ክድርኽ ዝኽእል ዕድል እዩ። ከም መበገሲ፡ ሓጺር ዕድመ ዘሎዎምን ብቐሊሉ ዝበላሸዉን ሕርሻዊ ፍርያት ከም፦ ኣሕምልትን ፍረታትን ብደረጃ ሃገር ዘሎና ናይ መዝሓሊ ዓቕሚ ክሳዕ 20 ሽሕ ቶን ከም ዝበጽሕ ይሕበር። ስለዚ፡ ኣብዚ ንኡስ ጽላት'ውን ዓቢ ዕድላት ወፍሪ ኣብ ሕርሻዊ ዋኒን ከም ዘሎ የመልክት።

ኣብ መደምደምታ፡ ብደረጃ ሃገር ብውሽጣዊ ዓቕሚ ንዝትግበሩ ዘለዉ ደረኽቲ ወፍርን ልምዓትን ዝኾኑ ሃገራዊ ፕሮጀክትታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ደረጃ ሕርሻዊ ዋኒንን ወፍርን ኣብ ሃገርና፡ ኣብ ደረጃ መነባብሮ ሕብረተሰብን ሓፈሻዊ ሃገራዊ ልምዓት ሰላምን ሃገርን፡ ጽላታውን ሃገራውን ፖሊሲታት ዝምርኰሰ ዓቢ ናይ ወፍርን ስራሕን ዕድላት ናይ ምፍጣር፡ ቁጠባ ሃገር ናይ ምድራኽ ዕድልን ብድሆታትን ዘሎዎ ዓውዲ ከም ምዃኑ መጠን፡ ብዙሓት ዕድላት ክኸስት ዝኽእል ተስፋ ዝህብ ተበግሶታት ዝረኣየሉ ዘሎ ኣካል ሕርሻዊ ልምዓት እውን እዩ።

ምስግና ዑቕባስላሴ
ሓላፊ ኣሃዱ ሕርሻዊ ዋኒንን ምውህሃድ ወፍርን
ሚኒስትሪ ሕርሻ

***

# ነፍስሄር ካሕሳይ ኣስመሮም

## ኣብነታዊ ሸማግለ መንእሰይ ሓረስታይ

ተስፋኣለም ገብረስላሴ (ጫረ)



ኣካልን መንፈስን እንተ ተዓሪቐም፡ ሓቢሮም ይብገሱ፣ ሰሚሮም ይጓዓዙ፣ ናብቲ ዝድለን ዝተሓለነን ምዕራፍ ይበጽሑ። ክሓስቡን ክሰርሑን ኣይጽገሙን፣ "ክሰርሕ እኽእል እየ" ዝብል እወታዊ ስምዒት ድማ የማዕብሉ። ግዳማዊ ኣካሎም እናደኸመ ውሽጣዊ መፈሶም ይሕይል። ብኣንጻሩ እቶም "ይኣኽለኒ ደኺመ'የ" ዝብሉ ሰባት ከኣ፡ ብግስ ከይበሉ ይቑጸዩ፡ ምዕራፍ ከይረገጹ ተስፋ ቈሪጾም የቋርጹ።

ኣእምሮ ወዲ ሰብ ኵሉ ስምዒታት'ዩ ዝኽዝን። ውልቀ-ሰብ፡ በቲ ዝመረጾ ወይ ዘማዕበሎ ስምዒት፡ መልክዕ ህይወት ይሕዝ። ትግሃትን ትህኪትን'ውን ካብተን ቀንዲ ምስ ስራሕን ኣፍራይነትን ተዛሚደን ኣብ ኣእምሮ ሰብ ዝተዳለዋ ውልቃዊ ሕርያታት እየን። ብምርጫ ኸኣ ነቲ ናይ ሰብ ቁመና የትሕዛ። ትግሃት፡ ስራሕን ጻዕርን ዝመርጹ ሰባት፡ ክሳዕ ናይ መወዳእታ ዕምሪ ህይወቶም ኣብ መገዲ ስራሕ ይጓዓዙ፣ ኣካሎምን መንፈሶምን ዝዓግበሉ ዕምሪ ይውንኑ። ብዙሓት ኣብነታውያን ሓረስቶት፡ በዚ ኩርናዕ'ዚ ይጥመቱ። ሓደ ኻብዚኣቶም በዓል ዕድመ ጸጋ ሓረስታይ ካሕሳይ ኣስመሮም እዮም።

ሓረስታይ ካሕሳይ ኣስመሮም፡ ሸማግለ መንእሰይ እዮም ነይሮም ክብሃል ይከኣል። ከየባተኹ ምሉእ ዕምሮም ኣብ ስራሕ ኣሕሊፎሞ። ጸሓይ ህይወት ከይትዓርቦም ኣንጻር ሽምግልናን እርጋን ተቓሊሶም። ደኺመን ይኣኽለንን ከይበሉ ናብ ሜዳ ስራሕ ወፊሮም። ገዲም ሓረስታይን ዕድመ ዝጸገቡ ኣቦን እዮም ኔሮም። ክሳዕ ተስዓን ሓደን ዓመት ዝበጽሑ ወፊሮም። መዓልታዊ ኣብ ግርሁ ይውዕሉ። ይኸዕቱ፡ ይኹስኩሱ፣ ከብቲ የፍርዩ፣ ሓመድ ይዕቅቡ፣ ይግርቡን መሬት ሓምላይ ይቕይሩን ነበሩ። ጻማ ስርሖምን ኣፍልጦ ሞያኦምን ዝገልጽ ከኣ ሚኒስትሪ ሕርሻ 'ሽልማት ምሉእ ህይወት' ሸሊምዎም።

ነፍስሄር ሓረስታይ ካሕሳይ ኣስመሮም ባይረ፡ ካብ ኣስመራ ንሰሜን ሓሙሽተ ኪሎ ሜተር ርሒቓ ኣብ እትርከብ ዓዲ ንፋስ፡ ብ1927 ተወሊዶም። ስድራኦም ሰብ ጸጋ፡ ወነንቲ ከብትን ጤለ-በጊዕን ነበሩ። ካብ ሓረስቶት ስድራቤት ብዝተቐበሉዎ ትውፊት፡ ዓድን ባሕርን እናበሉ ህይወቶም ክመርሑ ግድን ነይሩ። ኣብ ዓመት ክልተ ክረምትን ክልተ ቀውዕን እናሓረሱ በቲ ሓደ፡ መግሃጫ ዓድን ባሕርን ከብቲ እና'ውፈሩ ኸኣ በቲ ኻልእ፡ ዓቕሚ ኣዳም በጺሖም። ፍቕሪ ሕርሻን ህይወት ሓረስታይን ከኣ መመሊሱ ጠዓሞም። ካብ ተራ ማሕረስ ዝናብ ክረምቲ ኸኣ ናብ ዘመናዊ ሕርሻ፡ ሃብቲ እንስሳን ስነ-ጀርዲንን ኣቋመቱ።

ድሕሪ ምብቃዕ ካልኣይ ኩናት ዓለም፡ ኣብቲ እንግሊዝ ንጥልያን ሰዒሩ ንኤርትራ ከመሓድረሉ ዝጀመረ ዓመታት፡ ኣብ ልምዓት ሕርሻ ዝነበሮም ኣመለኻኽታ መሊሱ ሰፍሐ። መሬት ሕርሻ ብዋንነት ሓዙ። ቅዱስ ቅንኢ ዝፈጥረሎም ኣጋጣሚ'ውን ኣጓነፎም። ዲታ ዲርቪቲ ዝብሃል ግሪኻዊ፡ ሰግር ሓዝሓዝ ኣብ እግሪ ዓዲ ንፋስን ልዕሊ ሚእቲ ሽሕ ኣግራብ ቀላሚጦስ ተኺሉ ነበረ። እቲ ሓረስታይ፡ ነቲ ኸባቢ ህልም ዝበለ ሕሉምን ዘይድፈር ጣሻን ቐዪሩዎ። ነዚ ሓምላይ ትርኢት ዝተዓዘቡ ሓረስታይ ኣቦ፡ ቅዱስ ቅንኢ ሓደሮም። ንሶም'ውን ከባቢኦም ሓምላይ ክቕይሩ ተበገሱ። ዲታ ዲርቪቲ ናብ ክግርቡሉ ዝኽእሉ ግን ከኣ ዘይምቹእ ቦታ ኣጸግዮም። ለይትን መዓልትን ከውሒ እናፈንቀሉ፡ መሬት እናደልደሉ፡ ለጥላጥ ጎልጐል ደኰኑ። ኣብቲ ቦታ'ውን መፍረ እንስሳ መስረቱ። ክሳዕ'ቲ ወተሃደራዊ ስርዓት ስልጣን ሒዙ ናብ መሬት ኤርትራ ሰብን እንስሳን ከጥፍኣሉ ዝጅምር ጥራይ ሰላሳን ክልተን ጎባይ ኣብጽሑወን። እንተኾነ፡ ወተሃደራዊ ስርዓት ደርግ፡ ነተን ዝሕለባ ከብቲ ሓሪዱ፡ ነቲ ጫካ ተቐዪሩ ዝነበረ ኣግራብ ቈሪጹ ኣባደሞ። በቲ ግፍዒ ግና ኣይሰንበዱን። ህልኽን ኒሕን ሒዞምም

ከኣ ቦታ ቐየሩ። ኣብ ድርፎ ዳግማይ ሕርሻዊ ንጥፈታት ኣበገሱ። ካብቲ ዝረኸብዎ ዝነበሩ ምህርቲ ህይወቶም ኣመሓየሹ። ናይ ጽዕነት መኪና ትግሬቶን ናይ ገዛ መዛወሪት መኪና መርሰድስን ኣጥረዩ። እንተኾነ፡ ኣሰር እግሮም ዘሰዓበ መግዛእታዊ ኣደራዕ ንድሕሪት ክምለሱ ኣገዲድዎም ነይሩ። እንተኾነ ድሕሪ ናጽነት ዓጸፋ ክሰርሑ ተበገሱ።

ኣብ ቀዳሞት ዓመታት ናጽነት፡ ወዲ 64 ዓመት ዝነበሩ ሓረስታይ ካሕሳይ ኣስመሮም፡ ነቲ ብኹለተናኡ ዓንዩ ዝነበረ ናይ ሕርሻ ቦታኦም ተመለስዎ። ዓቢ ወፍሪ ብምግባር ናብ ዳግመ ሕውየት ኣብጽሕዎ። ምውሓስ ምንጪ ማይ ካብ ቀዳሞትን ቀንዲ ረቛሒታትን ስራሕ ሕርሻዊ ልምዓት እዩ። ብሓያል ጻዕርን ዘይሕለል ስራሕን ብውልቆም ሓንቲ ራህያ ሃነጹ። ስፍሓት ናይታ ራህያ ስሳ ሜትሮ ብሸውዓተ ሜትሮ እዩ። ብእምንን ሓመድን ከኣ'ያ ተሰሪሓ። ንምህናጽ ናይታ ራህያ ካብ ክራይ ዶዘር ክሳብ ጉልበት ናይ ሰብ፡ ገዚፍ ወጻኢታት ኣፍሲሶም። ብኡ ንብኡ ውጽኢት ረኣዩላ። ብሞተር እትሰርሕ ዒላኦም መልኡት። ናይ ማይ ሕቶኦም መለሱ። ድሕር'ዚ ኸኣ ናብ ሰፊሕ ሕርሻዊ ልምዓት ሰጕሙ። ንናይ ጸባ ከብትን ምርባሕ ደርሁን ከኣ ዕዙዝ ቦታ ሃብዎ።

እቲ ሰፊሕ መሬት ሕርሻ ሓረስታይ ካሕሳይ ኣስመሮም፡ ብዘይካ'ቲ ብዝናብን ብመስኖን ዝለምዕ ኣእካልን ኣሕምልትን፡ ነቲ ኣብ ግዜ ንእስነቶም ተመስጦ ዘሕደረሎም ምግራብ ተተሓሓዝዎ። ብዘይካ'ዚ ናይ ፍሩታ ገረብ'ውን ካብ ዓመት ናብ ዓመት ኣስፍሕዎ። ሓደ ሽሕ ገረብ ዘይቱንን ሚእቲ ገረብ ሚለን ኣልምዑ።

መፍረ ደርሁ፡ ጥንቃቐ ዝሓትት ሕርሻዊ ልምዓት እዩ። ቀረብ መግቢ፡ ጽሬትን ንጽህናን ማሕድር፡ ክትትልን ኣገልግሎት ጥዕናን ከኣ ንውጽኢት ይውስኑ። ሓረስታይ ካሕሳይ ኣስመሮም'ውን በዚ ኣጠማምታ እዝን ኣገባብ ኣሰራርሓን ውጽኢታዊ ስራሕ ኣሰላሲሎም። ብኸባቢኦም ፍሉጥ ኣፍራዪ ደርሁን እንቋቑሖን ክኾኑ ግዜ ኣይወሰዱን። ንሕጽረታት ዝተወሃሃደ መግቢ ደርሁ ንምፍታሕ፡ ሞያዊ ምኽሪ ሓቲቶምን ነቲ ሸግር ንምፍታሕ ሓያል ጻዕሪ ኣካዪዶምን እዮም። ብኣብነት ዝጥቀስ ለውጢ ኸኣ ርእዮም። ኣብ ጀርዲኖም ዝተኸሉዎ ኣልፋ-ኣልፋ፡ ምሩጽ መግብን ኣብ ምህርቲ እንቋቑሖ ውጽኢታዊ ምዃኑን ኣረጋጊጾም።





"ሰብ ክፈልጥ ክመሃር ኣሎዎ። ትምህርቲ ኣብ ግብሪ እዩ ዝምዕብል። ክፈልጥ ኣሎኒ ኢሉ ህርድግ ዝብል ሰብ፡ ንገዛእ ርእሱ ፈሊጡ ንኻልኦት'ውን ክምህር ይኽእል እዩ" ዝብል ርድኢት ዝነበሮም ሓረስታይ ካሕሳይ፡ ንሶም'ውን ኣብ ድርፎ እናሰርሑ ካብ ኢጣልያውያን ኣውፈርቲ ዘመናዊ ሕርሻ ሃብታም ተመኩሮ ክድልቡ ሓያል ጻዕሪ ከም ዘካይዱ ይምስክሩ። ኩሎም ሓረስቶት ብፍላይ ከኣ መንእሰያት፡ ብንቕሓትን ብፍልጠትን ምእንቲ ነቲ ወፍሪ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ከብጽሕዎ፡ ንሞያውያንን ሰብ ተመክሮን ክሓቱን ክፈልጡን ከም ዝግባእ ይመኽሩ ነበሩ። ንሶም'ውን፡ ብቐጻሊ ንሰብ ሞያ ሕርሻ ይውክሱን ሓገዝ ኣብ ዘድልዮም ይሓቱ ከም ዝነበሩን ይጠቕሱ። ኣብ ስርሖም ውጽኢታዊ ግደ ዝነበራ ሎምባርዲኒ ዝተባህለት ሞተር ብምኽሪ ሰብ ሞያ ከም ዝገዝእዋን ዓቢ ኣበርክቶ ከም ዝገበረትሎምን ከኣ ይምስክሩ።

"ኣብ እርጋኑ ወረቐት ምስክር ኣብነታዊ ሓረስታይ ዝወሰድ ኣይርኣኹን። ኣነ ግን ወሲደ። እሕጐስ ከኣ። ካልኦት'ውን ከምዚ ናተይ ክኾኑ ከም ዝኽእሉ ተስፋ ዝህብ እዩ" ይብሉ ነቲ ብምኽንያት መዓልቲ ሓምላይ ወፍሪ፡ ኣብ ምግራብ ብዘካየድዎ ሓያል ስራሕ ዝተዋህቦም ወረቐት ምስክር እንክገልጹ።

"ህዝብና ጻዕራም እዩ። መንግስትና ዲጋታትን ራህያታትን ይሃንጽ ኣሎ። ተሪፉ ዘሎ ነፍሲ-ወከፍ ሓረስታይ ኣብ ትሕቲ ዲጋ ከልምዕን ህጡር ምህርቲ ክሓፍስን ምስራሕ ጥራይ እዩ። ንሕና ኤርትራውያን፡ ንገዛእ ርእስና ኳንና፡ ፍርያትና ኣሰሲንና ንደገ ክንሰድድ ንኽእል ኢና።" ዝብል ድሙቕ ተስፋን ጽኑዕ እምነትን'ውን ነበሮም።

ኣቶ ካሕሳይ ኣስመሮም ሓደ ኣብቶም ብኣብነት ዝጥቀሱ ሓረስታይ እዮም ኔሮም። ዝሰርሕዎ ዝነበሩ ስራሕ፡ ብፍላይ ምስ ዕድመኦም ኣዛሚድካ ምስ ዝርአ ኣዝዩ ዘገርም እዩ ኔሩ። ዳርጋ ኣብ ዝበዝሐ ጨናፍር ሕርሻዊ ልምዓት ማለት፡ ኣብ ዘርእቲ ኣእካል፡ ኣሕምልቲ፡ ፍረታት፡ ሃብቲ እንስሳ፡ ደርሁን ስነ-ምግራብን ዝነጠፉን ዘድምዑን ኣቦ እዮም ኔሮም። ከምኡ ክንዲ ዝኾነ ኸኣ ሚኒስትሪ ሕርሻ ሓደ ዓመት ቅድሚ ካብዛ ዓለም ብሞት ምፍላዮም፡ ኣብ 2020 ናይ ምሉእ ህይወት ኣብነታዊ ሓረስታይ ኢሉ ሸሊምዎም።

# ነፍስሄር ሙስጦፋ መሓመድ ሳልሕ
## ‘ሓይሊ ሓረስታይ - ትዕግስትን ጻዕርን’


ተስፋኣለም ገብረስላሴ (ጫረ)

“ክኸውን ኣይክእልን እዩ ኣብ ዝብሃል ቦታ፡ ኲይኑስ እዚ ፍረ’ኳ ተረኺብዎ” ዝብል ግብረ-መልሲ ዝህቡ ጻዕራማት ሓረስቶት ውሑዳት ኣይኮኑን። ኣብ ሰሜን-ደቡብ፡ ኣብ ምብራቕ-ምዕራብ ኤርትራ፡ እቲ መልሲ ካብ ብዙሓት ሓረስቶት ይስማዕ። ሓደ ኻብኦም፡ ሓረስታይ ሙስጦፋ መሓመድ ሳልሕ እዩም። ነፍስሄር ሓረስታይ ሙስጦፋ፡ ክሳዕ ሕልፈት ትንፋሶም እዮም ሰሪሖም። ምሉእ ዕድሚኦም፡ ኣብ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ኣሕሊፎምዎ። ሰማንያታት ጸንቂቖም ተሰዓታት ምስ ረገጹ’ውን፡ ካብቲ ግርሁ ኣይተፈልዩን። ኣንጊሆም ስርሖም ይዓሙ። ኣብ ናይ ሕርሻ ቦታኦም ዝካየድ ንጥፈታት ብምሉእ ኣተኲሮ ይከታተሉ ነበሩ። ልዑል ምሕደራ ግዜ ኸኣ ነበሮም። ሓንቲ መዓልቲ’ውን ትኹን፡ ብኸንቱ ክትሓልፍ ይደልዩ ኣይነበሩን፣ ክሳዕ ሓወልቲ ናይ ስራሕ ተመኲሮ ገዲፎም ካብዛ ዓለም ብሞት ዝፍለዩ።

ኣብ ‘ቃርዑብል’፡ ብልሙድ ኣዘራርባ ‘ዓዲ ተላሉ’ ኣብ ዝተባህለ ዓዲ ብ1932 ተወሊዶም፣ ኣብ ከባቢ ኣቚርደት ከኣ ዓብዮም። ንልዕሊ ስሳን ሸውዓተን ዓመታት ኣብ ልምዓት ጀራዲን ተዋፊሮም። ኣበጋግሳኦም ካብ ባይታ እዩ። ነቲ ኣብ ከባቢኦም ዝርእዩዎ ዝነበሩ ጀራዲን ተዓዚቦም፡ ቅዱስ ቅንኢ ሓዲሩዎም፣ ንእሽቶ መሬት ረኺቦም፣ ብቴናን ሳንኬሎን ማይ እናጓረቱ ድማ ኣታኽልቶም እና’ስተዩ ስራሕ ሕርሻ ጀመሩ። ብንኡስን ምጡንን ዓቕሚ፡ ባምያ፡ ኮመደረ፡ ሸጉርቲን ካልኦት ኣሕምልትን ኣፍረዩ። ካብ ኢድ ናብ ኣፍ ዝዓይነቱ መነባብሮኦም ንምቕያር፡ ዓጸፋ ክሰርሑ ሓለኑ። ድሕሪ ዘካየዱዎ ዘይሕለል ጻዕሪ ድማ ናይ ብርሃን ኣንፈት ረኣዩ። ስርዓተ መስኖ ከማዕብል ዝኽእል ሜላን ኣገባብ ሕርሻን ኣተኣታተዉ። ቀስ ብቐስ ማይ ናብ ዝጭንጉዓ ሞተረታት ተሰጋገሩ።

ህላወ ማይ ኣብ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ወሳኒ ግደ ኣሎዎ። ናይ ሕርሻ ቦታኦም ኣብ ገማግም ሩባ ጋሽ ዝተደኮነ ስለ ዝነበረ፡ ናይ ምንጪ ማይ ሸግር ኣይነበሮን። ናይ ኣጠቓቕማን ስርዓት





መስኖን ብድሆ ግና ሓላኺ ነይሩ። ንእኡ ፈቲሖም ናብ ዝለዓለ መሳላል ጠመቱ። ዓይነት ኣትክልትን ፍረታትን ናብ ምምራጽ’ውን ሰጐሙ። እቲ ከባቢ ቆላ እዩ። ባናና፡ ብብዝሒ ማይ ይጠልብ እዩ። ዝርጋሐ ማይ ብግቡእ ምጽፋፍ ኣገዳሲ እዩ። ካብ ነዊሕ ናይ ሕርሻ ተመኲሮኦም፡ ማይን ኣገዳስነቱን ብግቡእ ክተሓዝ ከም ዘሎዎ ተገንዘቡ። ብኽነት ማይ ንምንካይ’ውን ብልሒ መሃዙ።

ኣብቲ ናይ ሕርሻ ቦታ፡ ማይ መታን ከይባኽን ብቸሚንቶ ዝተሰርሐ መትረብ ናይ ሓጺንን ጎማን ትቦታትን ክጥቀሙ ወሰኑ። ነቲ ወጻኢታት ከኣ ከም ግቡእን ቅቡልን ወፍሪ ተቐበልዎ። እታ ካብ መሬት ዝረኸብዋ ማይ፡ ልክዕ ኣብ ቦታኣ፡ ‘ነታ ክትሰትያ ዝሓሰበት ተኽሊዶ ትበጽሕ ኣላ?’ ዝብል ሕቶ፡ እወታዊ መልሲ ረኸቡሉ። ብዝግባእ’ውን ኣረጋገጹ። ምእኩት ፍረ ድማ ረኸቡ፣ መሬት ኣስፍሕዎ። ልዕሊ ዓሰርተ ኽልተን ፈረቓን ሄክታር መሬት ሕርሻ ኣብጽሕዎ። ባናናን ኣራንሽን ኣልምዕሉ። ብውሱን ዓቕን’ውን ለሚንን ዘይቱንን ተኽሉ። ካብ ዓይነታት ኣሕምልቲ’ውን ኣይተረፉን፣ ባምያ፡ ሸጉርትን ኮመደረን ወሰኹሉ። ነቲ ዓቢ ስፍሓት ዘሎዎ ናይ ሕርሻ ቦታ ንምልማዕ፡ ሸሞንተ ዒላታትን ኲዓቱ፣ ሸውዓተ ማይ ዝጭንጉዓ ሞተረታት’ውን ሰቐሉ፣ ናብ ግራውቲ ንምብጻሕ ዝጥቀሙሉ ሜላ’ውን ኣማዕበሉ። መትረብ ማይ ኣብ ትሕቲ መሬት ቀቢሮም ናብ ውሽጢ ግራውቲ ዘርግሕዎ። ርሕቀት ናይቲ ቦታ ነዊሕ እዩ። ሞተረታት ናይ ምጭንጓዕ ሓይለን ከይህሰ’ውን ካልእ ብልሓት መሃዙ። ዝተፈላለየ ደገፍትን ኣከፋፈልትን ባስካታት ሃነጹ። እዚ፡ ብሓይሊ ስሕበት ዝካየድ መስኖ ክኽተሉ ሓገዞም። ነቲ ፍርቂ ኪሎ ሜተር ዝርሕቀቱ ተኽሊ ዘድሊ ማይ ከብጽሕሉ ኣይተሸገሩን። ውሕሉልን ቆጣብን ሜላ ብምኽታል፡ ኣዝዩ ውጽኢታዊ ስራሕ ዓመሙ። ከባቢኦም ልሙዕን ሃመልማልን ቀየሩዎ።

ሓረስታይ ሙስጦፋ፡ ቀውዒ ሓሊፋ ቀውዒ ክተርክብ ብስራሕ ፍልጠትን ክእለቶምን ኣማዕበሉ፣ ተመኲሮ ደለቡ። ካብ ዓመት

ናብ ዓመት እቶቶምን ኣገባብ ማሕረሶምን ክብ ኣበሉ። ‘ኣትክልቲ ይዛረቡን ይሰምዑን እዮም። እንተ ሰሚዕካዮም ይዛረቡ፡ እንተ ፈቲኻዮም ድማ የፍቅሩኻ እዮም’ ዝብል እምነት ኣሕደሩ፣ ብግብሪ ኣረጋገጹ። ህጻናት፡ ኣትክልትን ሰራሕን፡ ናብዮትን ጥቡቕ ክትትልን ዝጠልቡ ምዃኖም ይኣምኑ።

ሓረስታይ ሙስጦፋ፡ ካብ ሕማማትን ባልዓትን ንምክልኻል’ውን እተፈላለየ ሜላታት የዘውትሩ ነበሩ። ኣብ ውሽጢ ተኽሊ ዝሰፈሩ ባልዓት ንምጥፋእ ድንቂ ሜላ ተኸተሉ። ‘ምክትታል’ ከም ቀዳማይ ሜላ ምክልኻል ኣዘውተሩዎ። ነቲ ቈጽሊ በብሓደ እናዞሩ ብምርኣይ ንላዕሊ ገጹ ብምግምጣል እቶም ኣብ ትሕቲኡ ተዓቚቦም ዝጸንሑ ባልዓት የለልዩዎም። ንዕኡ ዝመጣጠን ስጉምትታት ይወስዱ። ብብዝሒ ጸረ-ባልዕ ኣብ ዘይርከበሉ ዝነበረ እዋን፡ ናይ ገዛእ ርእሶም ሜላ ምክልኻል ባልዓት ክኽተሉ መረጹ። ንሓሙኽሽቲ ብመንጸጊ ማይ ይነጽጉሉ። ኣብ መንጎ-መንጎ እቲ ተኽሊ ድኹዒ ወይ ዒግታ ትኪ ክፈጥር ዝኽእል ኩነታት ይፈጥሩ። ብኸምዚ ድማ ባልዓት ካብ ግራቶም ይጠፍኡ ነበሩ።

“ንሱ ባዕሉ እቲ ተኽሊ ‘እክእ’ እንተ ኢልካዮ፡ መዓልታዊ እዩ ዝምህረካ። ኣነ ኣብዚ ቦታ ሕርሻ፡ በዓል ይኹን ዒድ ከይበልኩ ኵሉ ግዜ ኣለኹ። ንግሆ ካብ ሰዓት ሽዱሽተ ኣትሒዘ ካብዚ ቦታ ኣይፍለይን እየ። ሳላ ዝሰራሕኩ ህይወተይ ተቐዪሩ። ቀደም ራኩባ ወይ ኣጉዶ ነይሩ። ሎሚ ግን ምቹእ ገዛውቲ ተቐይሩ ኣሎ። እዚ ዓወታት እዚ ጽን ኢለ ነዚ ኣትክልቲ ስለ ዝሰማዕኩዎ እየ ክረኽቦ ክኢለ ዘለኹ። ኣትክልቲ፡ ንሕና ኢና ዘይንሰምዖም እምበር፡ ንሳቶም ይዛረቡ እዮም። ንሰብ ጥዑም ዘረባን ግብርን የሐጉሶ። ንተኽሊ ድማ ክትከናኸኖን ክትኰስኵሶን ከለኻ ይሕጉስ’ሞ፡ ብዙሕ ፍረ ይህበካ።” ዝብል ዘረባኦም ንብዙሓት ሓረስቶት እወታዊ ጽልዋ ፈጢሩ።

ንሓረስታይ ሙስጦፋ፡ ዝዓበየ ብድሆ ካብ ቦታ ሕርሻ ምርሓቕ ነበረ። ሓደ እዋን ናይ ጥዕና ጸገም ኣጓኒፉዎም፡ ንኽልተ ዓመታት ካብቲ ዝፈትዉዎ ናይ ሕርሻ ቦታኦም ተፈልዮም። ሕክምናዊ ክትትል እናገበሩ፡ ኣብ ዓራት ደቂሶም ኣይቀሰኑን። ብቴለፎን ግራውቶም ካብ ምምሕዳር ኣይበኹሩን። ከም ኣሰር ኣጻብዕቶም ዝፈልጥዎ ጀርዲኖም፡ ኣብ ዝሸዱ ከይዶም፡ ኩነታት ኣትክልቶምን ልሙድ መዓልታዊ ስራሖምን ካብ ምክትታል ዝዕንቅጾም ኣይነበረን። ከም ልቦም ክጉዩ ኣብ ዘይከኣልሉ እዋን’ውን፡ “እዛ ቦታ እንታይ ኲይና? ከመይ እንተገበርናያ ይሓይሽ? ስለምንታይ እዛ ተኽሊ ሓሪራ ወይ ኣይጠዓማን?” እናበሉ ንመሳርሕቶም ይውከሱ።

ኣብ ደረት ሩባ ዝድኰን ቦታ ሕርሻ ዕድላትን ብድሆታትን ዝሓዘ እዩ። ኣብ ገማግም ሩባ ጋሽ ዝተመስረተ ጀርዲኖም’ውን፡ ብሰሪ ሓያል ውሕጅ ፍግረ መሬት ኣየናሕሰየሎምን። ንዘጓንፎም ሽግር መፍትሒ እምበር፡ ይቕዝምሉ ኣይነበሩን። ባህርያዊ ጋብዮን ከኣ ሰሪሖም። ነቲ ናብ ጀርዲን ዝኣቱ ሑጻ ኣኪቦም፡ ናብ መሸማዕ መሊኦም ከም መከላኸሊ ፍግረ መሬት ተጠቒምሉ።

ጉልቡትን ልዕሊ ንቡር ክብደትን ዘውንኑ ዝነበሩ ሓረስታይ ሙስጦፋ፡ ካብ ገዛኦም ናብ ቦታ ሕርሻ ብምርኩስ ተደጊፎም ነዊሕ ዓመታት ተመላሊሶም። ብዝረኸብዎ ምህርቲ፡ ንመጉዓዓዚ ኣሕምልትን ፍረታትን እተገልግሎም፡ ዘመናዊት ፒክ-ኣፕ ይመላለሱ። ኣብ ውሽጢ ግራውቶም ግን ብኽልተ ምርኲስ ይንቀሳቐሱ።



ኣብ ህይወት ብሓፈሻ፡ ኣብ ልምዓት ሕርሻ ኸኣ ብፍላይ፡ ስኒት ምስጢር ዓወት እዩ። ኣብ ከባቢኦም ምስ ዝነብሩ ዓድታትን ጕረባብቶም ናይ ሕርሻ ቦታታትን ድማ ብፍቕርን ምትሕግጋዝን ይፍለጡ። ኣብ ከባቢኦም ናይ ዝርከባ ዓድታት ኣደታት፡ ብስእነት ማይ ንኸይሽገራ፡ መዓልታዊ ካብ ምንጪ ማዮም ብሞተረ ማይ ብምጭንጓዕ፡ ናብ ባስካታት ይመልኡዎ’ሞ፡ ንጥሪቶምን ንኻልእ መዓላን ከይተጸገሙ ናይ ማይ ኣገልግሎት ይህቡ ነበሩ። ብዘይካ’ዚ ንዝሓርሱ የተባብዑ። ብናቶም ምኽርን ድርኺትን ንነዊሕ እዋን ዘይተሓርሰ ግራውቲ፡ ፈልሲ ብምሃብ፡ ንብዙሓት ከም ዝሓገዙ’ውን ይፍለጡ።

ሓደ ኻብቲ ዝኽተሉዎ ሜላ ምሕደራ ሕርሻ፡ ምቅይያር ኣዝርእቲ እዩ። እቲ ጥበብ ኣብ ወቕታውያን ኣዝርእቲ ጥራይ ኣይኰነን ዝኽተልዎ። ብመስኖ ኣብ ዝንቀሳቐስ ናይ ሕርሻ ቦታታት’ውን ከም ውጽኢታዊ ሜላ ኣዘውቲሮሞ። ግቡእ ምቅይያር ዘራእቲ ብምጥቃም መሬቶም ብምስባሕ ምህርቲ የኻዕብቱ።

መሬት ሕርሻኦም ሑጻ፡ ጸጸርን ጨውን እዩ። እንተኾነ ብተመኲሮ ነዚ ዓይነት ሓመድ ንምቕያሩ ይበላሓቱ። ጎቦ ዝነበረ ጎልጒል፡ ዱር ዝነበረ ምቑጥቋጥ፡ ሑጻ ዝነበረ መሬት ካልእ ዓይነት ሜላታት እናተጠቐሙ፡ ንፍርያምነት መሬቶም ሃብታም ቀዪሮሞ።

“ሓረስታይ ጻዕርን ትዕግስትን እንተዘይ ኣዘውቲሩ ክረብሕ ኣይክእልን እዩ። ንነብሱ ከዕግባ ኣሎዎ። ‘ክረክብ እየ’ ክብል ኣሎዎ። ሎሚ ኣብያትኒ ኢሉ ክገደፋ የብሉን። ግራት ጽባሕ ክኸውን ምእንቲ ክሰርሕ ኣሎዎ።” ዝብል ቃሎም’ውን ተረሳዒ ኣይኰነን። ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ ምምካት ፍግረ መሬት ዘመስከሩዎ ውጽኢት ብቐሊል ዝልካዕ ኣይነበረን። ናይ ከትርታትን ዛላታትን ዕዮታት፡ ነቲ ከባቢ ናብ ንቡር ንንምላስ ብዙሕ ኣይተጸገሙን። ጀርዲኖም ካብ ናይ ካልኦት ናይ ሕርሻ ቦታታት ፍልይ ዝብሎ፡ ልዑል ተገዳስነት ስራሕ ምንባሩ፡ ንኹነታት ስራሖም ብቐረባ ዝከታተሉ ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻ ብሓፈሻ፡ ክኢላታት ኣሕምልትን ፍረታትን ድማ ብፍላይ ይምስክሩ።

ብኣብነታዊ ሓረስታይ ዝግለጹን ብተደጋጋሚ ዝተሸለሙን ሓረስታይ ሙስጦፋ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ‘ናይ ምሉእ ህይወት ዕዉት ሓረስታይ’ ኢሉ ሸሊምዎም።

***

# ወ/ሮ ዮርዳኖስ ሃብታይ

## ‘ጓል ከተማ’ ኣብ በረኻታት ሆሚብ

ተስፋኣለም ገብረስላሴ (ጫረ)

ኣብ ከተማ ተወሊዳ ዝዓበየት ኣይትመስልን። ንሰራሕ’ምበር ንምግያጽ ዝኸውን ግዜ የብላን፣ ምስ ግዜ ትጓየ፣ ብጉያ ትሰርሕ። ካብ ንግሆ ክሳዕ ምሸት ካብ ቦታ ስራሕ ኣይትርሕቕን። ንዝሓሸን ዝበለጸን ምዕባለ ተማዕዱ። ኣብ ቦታ ስራሕ ላዕልን ታሕትን ትብል። ስራሕ ትመርሕ፡ ናውቲ ማእቶት ሒዛ’ውን ትኾዕት፡ ትኩስኩስ፡ ትጽሂ፡ ማይ ተስቲ፡ ፍረ ትቕንጥብን ናብ ዕዳጋ ትልእኽን። ብስሩዕ ሰዓት ዕለታዊ ንጥፈታት ተሰላስል።

ብደቂ ተባዕትዮ ጥራይ ንዝተዓብለለ ዕዮ ሕርሻ፡ ደቂ ኣንስትዮ ክዋስኣሉን ዓጸፋ ክረብሓሉን ከም ዝኽእላ ብግብሪ ኣረጋጊጻ። ንሳ እተመሓድሮን እትቕልሶን ልምዓት ሕርሻ ብኣብነት እዩ ዝርቋሕ። ኣብቲ ሰፊሕ ጎልጎል በበይኑ ዓይነት ልምዓታዊ ንጥፈታት ተሰላስል፣ ዓባይ ትራክተር ትመርሕ። ሰጣሕ ጐልጐል ትዋሕስስ፡ ትልሚ ኣውጺኣ ትሓርስ፡ ትግልብጥ፡ ተደላድልን ትምድምድን። ካብ ፈልሲ ናብ ፍረ ዝበጽሕ ኣሕምልትን ኣእኻልን ትከታተል። ብግቡእ ምሕደራ ማይ ግራታ ተስትይ። ባልዕን ጻህያይን ትከላኸል። ኮታ ምእኩት ምህርቲ ክትሓፍስ ኵሉ’ቲ ዝግባእ መስርሓት ትፍጽም። ጻማኣ’ውን ትረክብ። ክንዲ ኣቦን ኣደን፡ ናይ ገዛን መሮርን እናዓመመት፡ ደቃ ተዕቢ፡ ህይወት ትመርሕ። ብዓቢኡ ኸኣ ዕዉት ዕዮ ሕርሻ ተካይድ ኣላ - ወ/ሮ ዮርዳኖስ ሃብታይ።

ወ/ሮ ዮርዳኖስ ሃብታይ፡ ኣብ መወዳእታ 1979 ኣብ ኣስመራ ማይተመናይ ተወሊዳ፣ ኣብኡ ዓብያ። ካብ መባእታ ክሳዕ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ኸኣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ማይ ተመናይ፡ ቤት ትምህርቲ ናጽነትን ኣስመራ ሓፈሻውን ተማሂራ። 1997 ኣብ ኣፍላ ዕድመኣ እያ ናብ መርዓን ደርዓን ተጸምቢራ። ብዓል ቤታ፡ ሙሴ ኢሳያስ ሓደ ኻብቶም ኣብ ገድሊ ንሓርነት እኛሞም ኣበርኪቶም ንፋስ ናጽነት ክስተማቕሩ ዕድል ዝረኸቡ ተጋደልቲ እዩ። ብመሰረት መንግስቲ ዘውጽኦ ናይ ምጥያስ መደብ፡ ተጋዳላይ ሙሴ ካብ ክፍለ ሰራዊት 96 ምስ ተፋነወ፡ ናብቲ ኣቐዲሙ ምስ ኣሃዱኡ ኹይኑ ዘረኣዮ ከባቢ ሩባ ሳዋ ብምኻድ ናይ ሕርሻ ቦታ ክወሃቦ ሓተተ። ሓደ ካብ ፈለምቲ ወይ ዳህሰስቲ ሕርሻ ሩባ ሳዋ ኹይኑ ድማ ናብ ሕርሻዊ ልምዓት ተጸምቢሩ። ኣብ ውሑድ ዓመታት ጽቡቕ ገስጋስ ኣርአየ። ዮርዳኖስ፡ ንብዓል ቤታ ክትበጽሕ እያ ፈለማ ምስቲ ቦታ ዝተላለየት። ካብ ኣስመራ ኣስታት ሰለስተ ሚእቲ ኪሎ ሜተር እናተጓዕዘት፡ ነቲ ቦታ ሕርሻ ፈለጠቶ። ሓደ ዓመትን ሓደ ውላድን ምቁር ናይ ሓዳር ህይወት ኣሕለፈት። ነቲ ዕድልን ጉዕዞ ሓዳርን ዝኹልፍ ኣጋጣሚ ግና ተፈጥረ - ወራር ወያነ 1998።



ብዓል ቤት ዮርዳኖስ ሃብታይ፡ ከም ኩሎም፡ እቶም ኣብ ሲቪላዊ ህይወት ዝጸንሑ ተጋደልትን ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎትን፡ ንምፍሻል ወራር ወያነ ናብ መሳርዕ ሓይልታት ምክልኻል ከተተ። መራሕ ጋንታ ኹይኑ ኸኣ ኣዋግኡን ተዋግኡን። ዮርዳኖስ ከኣ ምስ ሓሞኣን ዘማኣን ብምዃን፡ ነቲ ከም ህጻን ናብዮትን ክንክንን ዝጠልብ ጸር ሕርሻ ተሰከመቶ። ብዓል ቤታ ንዘጀመሮ ስራሕ ክትቅጽሎ ቅናታ ኣትረረት። ምሉእ ግዚኣን ዓቕማን ኣብ ሩባ ሳዋ ኣሕለፈቶ። ተልእኾኡ ፈጺሙ ክምለስ ዝኸተተ ተጋዳላይ ሙሴ ኢሳያስ ግን ኣብ ካልኣይ ወራር ብጅግንነት ተሰውአ።

ልምዓት ጀርዲን ሩባ ሳዋ፡ ድሕሪ መስዋእቲ ብዓል ቤታ፡ ካብኣ ከም ዘይሓልፍ ዝኣመነት ዮርዳኖስ ሃብታይ፡ ነቲ ስራሕ ኣጽኒዓ ሓዘቶ። ኪጋጥማ ንዝኽእል ብድሆታት ክትገጥሞ’ውን ተዳለወት። ንመገዳን ጉዕዞኣን ዝዕንቅፍ ነገራት እናኣለየት ሰጕመት። ነቲ ሕርሻዊ ልምዓት ናብ ዝለዓለ ደረጃ ክተብጽሖ’ውን ሓለነት። ‘ናይ ሽሕ ኪሎ ሜተር ጉዕዞ ብሓንቲ ስጉምቲ እዩ ዝጅመር’፡ ‘ጽኑዕ ዕላማ ኸኣ ናብ ሽቶ የብጽሕ’ - በዚ ኣተሓሳስባ፡ ካብ ቦታ ሕርሻ ንሓንቲ ካልኢት ከየባተኸት ሰራሓ። ካብ ጉዕዞኣ ዝኹልፍ ኣሉታዊ ምኽርታት’ውን ኣይገደፋን።

ነቲ ስራሕ ክትክእሎ ድያ ኣይክትክእሎን እያ? ዝብል ሕቶ ኣብ ቅድሚኣ ኮፍ ኣበሉላ፡ መቕርባን ኣዝማዳን፡ ነቲ ስራሕ ገዲፋ፡ ኣስመራ ብምድያብ ህይወታ ብኻልእ ስራሕ ክትመርሕ፡ ሓልዮት ዝመስል ምኽርን ሓሳብን ኣቕረቡላ። እንተኾነ፡ ነቲ ዝጀመረቶ ክትቅጽሎን ነቲ ዘበገሶ ናብ ምዕራፍ ዓወት ክተብጽሖን ምዃና መለሰት። በቲ ዓንቃፊ ምኽሪ ቅናታ ኣይፈተሐትን። እኳ ደኣ ነቲ ቅድም ኣብ ሩባ ሳዋ ዝተበገሰ ጀርዲን ናብ ዝሰፍሐ ቦታ ፎርቶ ሳዋ ተኻርያ ኣሰገረቶ። ንልምዓት እቲ ጀርዲን’ውን ኣሰፍሓቶ። ብዝተፈላለዩ ኣሕምልትን ኣትክልትን ኣማዕበለቶ። ቀልጡፍ

ውጽኢት ድማ ረኣየትሉ። ፈለማ ኣብ ከባቢኣ ንዝርከቡ ሓረስቶት መሰጠት። ንብዙሓት ብእወታ ጸለወት። ተፈላጥነታ ዓበየ። ካብ ንኡስ ዞባ ፎርቶ ሳዋን ዞባ ዞባ ጋሽ ባርካን ሰጊራ ብደረጃ ሃገር'ውን ክትሓስብ ድርኺት ፈጠረላ።

2014፡ ዮርዳኖስ ሃብታይ ኣብ ማሕበር ሕርሻ ደቀንስትዮ ኤርትራ ተጸምበረት። እቲ ማሕበር ብዙሕ ማዕጾ ዕድላት ኣርሓወላ። ሞያኣ ክተዕብየሉ እትኽእል ዝተፈላለየ ሓጸርቲ ስልጠናታትን ትምህርትን ረኸበት። ኣእካልን ኣሕምልትን ፍረታትን ክተልምዕ ከኣለት። ብስርዓተ መስኖ ሽጉርትን በርበረን ብዝናብ ክረምቲ ኸኣ ጣፍ ብምዝራእ ምእኩት ምህርቲ ሓፈሰት። ዓይነት ህይወታ ኣመሓዩሻ ጽቡቕ ናብራ ክትነብር ጀመረት። መንበሪ ገዛ ክትሃንጽን ንዝተፈላለየ ኣገልግሎት እትሕግዛ ዓባይ ማኪና ክትውንን እውን ኣይተጸገመትን።

"ምርኣይ ምእማን እዩ" ከም ዝብሃል፡ እቶም "ኣይትኽእልዮን ኢኺ፡ ይትረፍኪ፡ ዘይተውርድዮ ዕዳ ኣይትሰከሚ" ዝብልዋ ዝነበሩ፡ መቕርብ ቤተሰባ ብውጽኢት ጻዕራን ጻማኣን ተገረሙ። ምኽሮም ግጉይ ምንባሩ ኣመኑ። ዕዮኣን ንጥፈታትን ብተራ ተዓዛብቲ ጥራይ ዝግምገም ኣይነበረን። ብሞያተኛታት ሕርሻ'ውን ተረጋገጸ።

ኣብቲ እተልምዮ ዘላ ኣስታት ዕስራ ሄክታር ስፍሓት መሬት፡ ውጽኢታዊ ሕርሻዊ ልምዓት ተሰላሰል ኣላ። ንምድንፋዕ ምህርቲ ኸኣ ሓያል ጻዕሪ ተካይድ። መሬት ዝሃብካያ እያ እትመልሰ። ንምህብታምን ንምስባሕን ሓመድ፡ ኮሉ ዝከኣል ወፍርታት ኣካዪዳ፡ እኹልን ምእኩትን ምህርቲ ክትሓፍስ'ውን ኣይተጸገመትን። ሞያተኛታት ዘረጋገጽዎን ዝሰነድዎን ሓበሬታ'ውን ነዚ ሓቂ እዩ ዘረጋግጽ። ሽጉርቲ ካብ ሓደ ሄክታር ክሳዕ ክልተ ሚእቲ ኩንታል፡ በርበረ ካብ ሓደ ሄክታር ክሳዕ ዕስራ ኩንታል ረኺባ። ኣብ ጣፍ'ውን ኣዝዩ ዘተስፉ ምህርቲ ሓፊሳ። ካብ ሓደ ሄክታር ዓሰርተ ሓደ ኩንታል ናብ ቆፎኣ ኣእትያ። ምስጢር ናይቲ ምእኩት ምህርቲ፡ ግቡእ ምሕደራ ሕርሻ ምዃኑ ትጠቅስ። ካብ ቅድመ ምድላው ክሳዕ ምሕፋስ ምህርቲ ዘይበታተኽ ሕርሻዊ መስርሕ ከም እትኽተል'ውን ትሕብር። ንፈሳሲ ድኹዒ፡ ካብቶም ብዝግባእ ኣብ ኣገልግሎት ከውዕልዎ ዝጀመሩ ሓረስቶት ምዃና'ውን ንንጥፈታታ ብቐረባ ዝከታተሉ ሞያተኛታት ሕርሻ የረጋግጹ።

ማዕበል ዘይሰንጠቐት መርከብ ናብቲ ደሴት ሰላም ኣይትበጽሕን እያ። ባህርያውን ሰብ ሰርሖን ሽግራት ዘይሰግር ሰብ ከኣ ናብ ሕንጻጽ ዓወት ክረግጽ ኣይክእልን እዩ። ትቑጻጸሮን ዘይትቑጻጸሮን ንዘጋጥም ሽግራት ገጢምካ እምበር፡ ጻዕዳ ባንዴራ ዘርጊሕካ ኣይትዕወትን ኢኻ። ዮርዳኖስ ሃብታይ'ውን ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ነንበይኑ ፈታኒ ሽግራት ኣጋጢምዋ እዩ። እቲ ዝዓበየን ካብ ኣእምሮኣ ቀልጢፉ ዘይሃስስ ፍጻመን ኔሩዋ እዩ።

2013 እዩ። ሓያል ዝናብ ዝፈጠሮ ብርቱዕ ውሑጅ ናብ ፎርቶ ሳዋ ወሪዱ። ኣብ ሓያሎ ጀራዲን ከቢድ ዕንወት ኣኸቲሉ። በቲ ሓደጋ ዮርዳኖስ፡ ኣስታት ሸውዓተ ሚእቲ ሽሕ ናቕፋ ዝግመት በርበረን ሽጉርትን ምሉእ ብምሉእ ተደምሲሱዋ። እቲ ሓደጋ ኣየሰንበዳን። በቲ ክሳራ ኣይተዳህለትን። እኳ ደኣ ዓጸፋ ክትሰርሕን ነቲ ዝተኸሰረ ዕድላት ክትመልስን ሰና ነኺሳ ሰሪሓ። ንዝሓዘቶ መስመር ኣጽኒዓ ቀጸለቶ።

ሕርሻዊ ንጥፈታት ዮርዳኖስ ሃብታይ፡ ኣብ ዘራእትን ኣሕምልትን ጥራይ ዝድረት ኣይኮነን። ዓሰርተ ሓሙሽተ ናይ ጸባ ከብቲ'ውን ትውንን እያ። እተን ከብቲ ካብ ሓንቲ ብ2008 ብሚኒስትሪ ሕርሻ እተዋህበታ ላም እየን ፈርየን። ሽዑ ዮርዳኖስ መላእ ላም እያ ተዋሂባ። ምራኽ ናብ ሚኒስትሪ መሊሳ፡ ወላዲት ላም ከኣ ምስኣ ቐጺላ። ኣብዚ እዋን፡ ዓሰርተ ሓሙሽተ ፈርያ። ድርብራብ ረብሓ ኸኣ ይህባኣ። ጸባኣን ቀለብ ሰራሕተኛታት፡ ዒባኣን ከኣ ከም ባህርያዊ ድኹዒ የገልግላ።

ወሰኽ ክብሪ፡ መንግስቲ ኤርትራ ዝደፍኣሉን ከም ባህሊ ከስርጾ ዝጽዓረሉን ጥበብ ሕርሻ እዩ። ካብ ሓደ ምህርቲ ናብ ካልእ ምህርትታት ምምስራሕ ተዓጻጻፊ ረብሓ ኣሎዎ። ዮርዳኖስ ሃብታይ፡ ኣብዚ መዳይ እውን ዘተስፉ ኣንፈት ሒዛ ትርከብ። ምስ ሓብታ ብምዃን፡ ነቲ ኣብ ግራት ተልምዮ በርበረ፡ ናብ ኣዋዘን ጥሑን በርበረን ኣመስሪሓ ናብ ዕዳጋ ተቕርቦ ኣላ።

ሓንቲ ካብ ኣብነታውያን መንእሰያት ሓረስቶት ዝኾነት ዮርዳኖስ ሃብታይ፡ ዕዉት ገስጋስ ስራሕ ክትዓምም ናይ ብዙሓት ኣካላት መንግስትን ውልቀ ሰባትን ብሓፈሻ፡ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ፎርቶ ሳዋን ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ከኣ ብፍላይ፡ ዓቢ ደገፍ ከም ዝገበሩላ ትሕብር። ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ ርእሲ'ቲ በብግዚኡ ዝፈጥረላ ናይ ስልጠናን ትምህርትን ዕድል፡ ፍልጠት ክትቀስም፡ ክእለትን ተመኩሮን ድማ ክትድልብ፡ ናብ ሃገረ ኡጋንዳ ልኢኽዋ። ንዝቐሰመቶ ትምህርትን ዝደለበቶ ፍልጠትን ምስ ተመክሮኣ ኣወሃሂዳ ዓጸፋ ብምስራሕ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ዕብየት ክትበጽሕ ድማ ኣብ ሓያል ስራሕ ትርከብ።



# ኣቶ ማሕሙድ ሮሞዳን

## መሃዝን ወናንን ዘበናዊ ጀርዲን



<u>ብዳንኤል እያሱ</u>

ኣብ ዕድመ ስሳታት ዝርከብ፡ ድልዱልን ስሩዕ ኣካላዊ ቁመናን ዘውንን ሓረስታይ'ዩ። ኣቶ ማሕሙድ ሮሞዳን ኣሕመድ ይብሃል።

ንኣቶ ማሕሙድ፡ ኣብ ሚያዝያ 2011 እየ መጀመርታ ብኣካል ርእየዮ። ደጊመ ድማ ድሕሪ ኣስታት 10 ዓመት፡ ኣመዝጊብዎ ዘሎ ገስጋስ ሕርሻዊ ልምዓት ዝምልከት ጽሑፍ ንምድላው ኣብ ዝገበርኩዎ ጉዕዞ፡ እንደገና ንኽርእዮ ዕድል ረኺበ።

ምስቶም ነቲ መደብ ዘወደቡልና ኣባላት፡ ንግሆ ሰዓት 6፡00 ኣብ ጀርዲን ክንበጽሕ ተረዳዲእና ብምንባርና፡ ካብ ኣስመራ ብለይቱ ኢና ገስጊስና። ይኹን'ምበር፡ ኣስታት ዕስራ ደቓይቕ ደንጒና ብምብጻሕና፡ ኣቶ ማሕሙድ ቀዲሙና ኣብ ቦታ ቈጸራ በጺሑ ከይከውን ሰክፍታ ወረረኒ። ካብ ቀንዲ ጽርግያ ጊንዳዕ-ባጽዕ፡ ብደንጎሎ ላዕላይ ንየማን ድሕሪ ምእላይና፡ ብማዕዶ ኣብ ደረት ጽርግያ ኣብ ቅድሚ መኪና ደው ኢሉ ሰዓቱ ዝርኢ ሰብ ምስ ረኣኹ፡ ስክፍታይ ሰማይ ዓረገ። እታ “ኣብ ካፊታት ኣስመራ ጥውይ ምልስ እናበልካ ብምምጥላዕ...” እትብል ናይ ቅድሚ ዓሰርተ ዓመት ሓረግ ድማ ዘከርኩ።

ኣቶ ማሕሙድ ኣብ ደረት ጽርግያ ክጽበየና ጸንሐ። ድሕሪ ምዉቕ  ሰላምታ ጉዕዞና ብሓባር ቀጸልና። ኣስታት 10 ደቓይቕ ብመኪና ምስ ተጓዓዝና፡ ኣብቲ ካብ ቀንዲ ስንጭሮ ሩባ ባዓረዛ ናይ ኪሎ ሜትራት ርሕቀት ሰጒሙ ዘሎ ሓድሽ ክፋል ጀርዲኑ በጻሕና።

መደብ ሌላ፡ በታ ዓሰርተታት ኣሽሓት ናይ እተፈላለየ ዓይነት ኣግራብ ፈልሲ ዝሓዘት ማእከል ጀመርና። ኣቶ ማሕሙድ ነዛ ማእከል ፈልሲ ብፍሉይ ሰምዒት እዩ ዝገልጻ። እቲ ምኽንያት ድማ ኣብ 1982 ዓ.ም. ንጥፈታት ጀርዲን ኣብ ዝፈለመሉ፡ ካብ ሓንቲ ኣብ ጊንዳዕ እትርከብ ካብ ኢጣልያውያን ጀርዲን ዝወረሰት ዜጋ፡ ዓሰርተ ኣርባዕተ ሓባ ፈልሲ ኣራንሺ ብምውሳድ ክብገስ ከሎ፡ ድሕሪ ናይ ክልተ ዓመት ጻዕሪ ካብተን ፈልሲ ዓሰርተ ስለ ዝሓረራ፡ ብዙሕ ከም ዝጕሃየ ብምዝካር፡ ሎሚ ናይ ዝተፈላለየ ዓይነት ኣግራብ፡ ብኣሽሓት ብዝሒ ዘፍልሰሉ ማእከልን ሞያዊ ክእለትን ብምውናኑ፡ ፍሉይ ባህታ ከም ዝፈጥረሉ ይገልጽ።

ኣቶ ማሕሙድ ንመስርሕ ኣመዓባብላ ትካሉ ንምግላጽ፡ በታ ንስርሑ ዓብዩ ድፍኢት ዝሃበትን ንምህዞኣዊ ብቕዓቱ እተርእይን ኣብ 1998 ዝሃነጻ ባስካ ማይ ክጅምር እዩ መሪጹ። እዛ ባስካ ካብቲ ሩባ ኣሕዋትን ሩባ ኣድከሞምን ዝራኸበሉ ስንጭሮ ተበጊሱ፡ ንጋድም ናብ ደቡባዊ ምብራቕ ኣቢሉ ንጎቦታት ተቐኒቱ ናይ ልዕሊ ክልተ ሽሕ ሜትሮ ዝዝርጋሕ ብኮንክሪት ዝተሃንጸ ካናለ እትቕበል ፈላሚት ባስካ ኹይና፡ ብዘሎዋ ኣቀማምጣ፡ ብሓይሊ ስሕበት ማይ ተቐቢላ ናብ ዓሰርተታት ባስካታት ንምዝርጋሕ ዘኽእል ናይ ብራኽ ብልጫ እትውንን እያ። እዛ ባስካ ቀንዲ ምንጪ ማይ ናይ ዝበዝሐ ክፋል ናይቲ ንኺሎ ሜተራት ዝዝርጋሕ ልምዓት ኰይና፡ በቲ ብምህዞኣዊ ጥበብ ኣቶ ማሕሙድ ዝተሃንደሰ ካብ-ናብ ኲጆት ዝዘልል ሻምብቆታት እያ ትሕዝቶኣ ተከፋፍል። ነዚ ሻምብቆታት ብማዕዶ ዝረኣየ ሰብ፡ ካብ-ናብ ዓበይቲ ፓሎታት ዝሰጋገር ገመድ ኤለትሪክ እዩ ዝመስል።

እቲ ኻልእ ምህዞ ኣቶ ማሕሙድ፡ ኣብ እግሪ ኣግራብ ዘሎ ንመስተዩ ማይ ዝሕግዝ ሕቡእ ትሕተ-ቕርጺ ኹይኑ፡ በዚ ኣገባብ ብታሕቲ ታሕቲ ዝዝርጋሕ ሻምብቆታት ንነፍሲ-ወከፍ ገረብ ማይ የስቲ፣ ብደገ ዝፈስስ ይኹን ብዓይኒ ዝርአ ጠሊ የሎን። እታ ገረብ ከም ዝሰተየት እትሕብር፡ ኣብ ትሕቲኣ ኣመልካቲት ትቦ ኣላ። ብኸምዚ ኣገባብ ዝሰትያ ኣግራብ ኣብ ዘሎ ክፋል ጀርዲን፡ ብዘይካ ብኣካላት ተኽሊ፡ ብሃፋ ዝሃልኽ ማይ የለን።

ኣቶ ማሕሙድ ንባዓረዛን ኣብቲ ኸባቢ ንዘሎዎ ተዘክሮታት ህይወትን ብኸምዚ ዝስዕብ ይገልጾ፥ "ስንጭሮታት ባዓረዛ ተወሊደ ዝዓበኹሉ ዓለመይ እዩ። ግዜ መግዛእቲ ኣብዚ ቦታ እየ ኣሕሊፈዮ። ገና ብህጻነይ፡ ምስ ወላድየይ፡ ብባቡር ናብ ከተማ ጊንዳዕ ክመላለስ ከለኹ፥ እዚ ከባቢና ከምዚ ናይ ጣልያን ጀራዲን ክኸውን ኣለዎ እብል ነይረ። እቲ ናይ ግዜ ህጻንነተይ ጦብላሕታ ድማ ምስዚ ኸባቢ ፍሉይ ፍቕሪ ክህልወንን ገዚፍ ሕልምታት ክሓልምን ድፍኢት ፈጢሩለይ።" ድሕሪ ምባል፡ ኣስዒቡ፥ "እቲ ኣብዚ ከባቢ ዝተፈለኽዎ ግዜ ውሱን ኰይኑ፡ ንስርሓት ጀርዲን መበገሲ ዝኸውን ገንዘብ ንኸዋህልል፡ ክሸቅጥ ናብ ፎሮ ዝኸድኩሉ፡ ከምኡ'ውን ጉዕ በርበረን ካልእ ዓይነታት ኣሕምልትን ንምልማዕ ኣብ ከባቢ ጋሕቴላይ ተንቀሳቒሰሉ ዝነበርኩን ግዜ ጥራይ እዩ።" ይብል።

ንኣቀማምጣ ቦታ ሕርሻኡ ብዝምልከት፥ "ገለ ኽፋል ናይዚ ጀርዲን ይትረፍ ክትለምዖ፡ ብእግርኻ ክትከዶ'ውን ከቢድ እዩ። እቲ ክጅምር ከለኹ ብዘይካ ፍቕሪ ስራሕ፡ ዝኾነ ንሕርሻ ዝምልከት ትምህርቲ ኣይነበረንን። ዝረኣየኒ ሰብ፡ እዚ ጽሉል እዩ፡ ዘይከውን እዩ ዝገብር ዘሎ ይብለኒ ነይሩ። ኣነ ግን እዚ ኅቦታት ንባህርያዊ ገረብ ዝሰማማዕ ክሳብ ዝኾነ፡ ዝተኸልክዎ ኣግራብ ክቕበል ይኽእል እዩ ብዝብል እምነት እየ ስርሐይ ጀሚረ። ብስራሕ ድማ ኩሉ ተበጺሑ።" ይብል።

እታ መበገሲቱ ዝኾነት ክፋል ጀርዲን ናይ ኣራንሺ ኰይና፡ ሓቚፋቶ ዘላ፡ ንባህርያዊ ጫካ ዝመስል ኣግራብ፡ ብላዕለዋይ ክፋሉ፡ ሓድሕድ ዝተጠናነገ እዩ። ካብዚ ኣግራብ ዝሕፈስ ፍረ ድማ ፍሉይ መቕረት ኣሎዎ።

ኣቶ ማሕሙድ ንኣጋይሹ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ክፋል ካብ ዘሎ ልምዓት ፍሩታ 'ጀባእ' እናበለ እዩ መግለጺኡ ዝህብ። ብፍላይ ንመቕረት ናይተን ኣብ ቀዳመይቲ ክፋል ጀርዲኑ ዘለዋ ኣራንሺ ብፍሉይ እዩ ዝገልጸን። ብመሰረት መግለጺኡ፥ እታ ኽፋል እቲኣ ናይ መጀመርታ ተመኩሮ ምስ ምንባራ፡ ካብ-ናብ ገረብ ዘሎ ርሕቀት በቲ ዝድለ ደረጃ ዘይምፍንታቱ ካብ ሕጽረት ተመኩሮ እኳ እንተ ነበረ፡ ናይ ገዝእ ርእሱ ፍሉይ ጽባቐ ከም ዘሎዎ ግና የብርህ።

ኣቶ ማሕሙድ፡ ምብጻሕ ናይ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ኣብ ስራሑ ዓቢ ሞራል ከም ዝሃቦ ይገልጽ። እቲ ፈላሚ ምብጻሕ ኣብ 2011 ኰይኑ፡ "እዛ ናይ ምብጻሕ ፍጻመ፡ እቲ ካብ-ናብ ጀርዲንን ዕዳጋን ኣብ ምንቅስቓስ ዝነበረ ጸገም ዝፈትሐትን ንጻዕረይ ዓቢ ድርኺ ዝኾነትን ኣጋጣሚ እያ።" ይብል።

ክቡር ፕረዚደንት፡ ኣብታ ምብጻሕ እቲኣ፥ "ኣጆኻ ብወገንና ኣብ ኩሉ ስራሕካ ኣብ ጎንኻ ኣሎና፤ ንስኻ ድማ ብዝሒ ኣግራብካ ናብ 50 ሽሕ ኣዕብዮ።" ኢሎኒ። "እንሆ ሎሚ ቀዳማይ ዝተታሕዘ ታርጌት ተበጺሑ 50 ሽሕ ገረብ ኣራንሺ፡ መንደሪን፡ ለሚን፡ ማንጉስ፡ ታርኩ፡ ኦቫለ፡ ሮማን፡ ተምሪ... ኣልሚዐ እርከብ።" ኢሉ። ዘረባኡ ብምቕጻል፥ "ገና ሕጂ'ውን ኣብ ጉዕዞ እየ ዘለኹ።

ጀርዲነይ ካብዚ በጺሓቶ ዘላ ልዕሊ ሰለስተ ዕጽፊ ብምውሳኽ፡ ነዚ ኣብ ቅድሜና ዘሎ ኅቦታት ብልምዓት ብምሽፋን ምስ ጽርግያ ኣስመራ ምጽዋዕ ከራኽቦ እየ" ድሕሪ ምባል፡ ኣብቲ ብፕሮጀክት ዓዲ ሃሎ ዝዝርጋሕ ዝነበረ ናይ ዓበይቲ ትቦታት ማይ፡ ሓድሽ መስመር እናመልከተ፡ "መብጽዓ መንግስቲ ድማ ኣብ ቦታኡ'ዩ ዘሎ" ይብል።

ንፍርያት ሕርሻን ተመኩሮኡን ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ "ሎሚ መቓልሕ ስራሐይ ይሰፍሕ ኣሎ። ፍርያተይ ድማ ገዛ-ገዛ ኣትዩ'ሎ። ካብዚ ዝዓቢ ዕግበት የሎን። ኣነ ሃብቲመ ኣብ ክልተ ዓራት ክድቅስ ኣይክእልን እየ። ዝድረራ'ውን ሓንቲ ብያቲ እያ። ፍርያት ሕርሻ ድማ ኣገልግሎት ህዝቢ እዩ።" ድሕሪ ምባል ቀጺሉ፡ "ሃብቱ ኣብ ባንኪ ዘቐመጠ ሚልየነር፡ ሚዛን ሕሳቡ ንሱን ባንክን ጥራይ እዮም ዝፈልጥዎ፡ ሃብቲ ሓረስታይ ግን እዚ ኣግራብ እዩ፣ ዘረኸብካዮ ደጊምካ ናብኡ ኢኻ ተውፍዮ፡ ህዝቢ ድማ ብግልጺ ይርእዮ" ይብል።

ኣቶ ማሕሙድ፡ ኣብዚ ግዜ ትካሉ ብቐዋምነት ንልዕሊ 70 ኣለይቲ ስድራ ቤት ዕድል ስራሕ ፈጢራ ምህላዋ፡ ኣብ ግዜ ምእካብ ምህርቲ ድማ እቲ ቍጽሪ ብልዕሊ ዕጽፊ ከም ዝዓብይን ድሕሪ ምብራህ፡ ብዘይካ'ዞም ብቐዋታ ኣብ ጀርዲን ዝሰርሑ፥ ምህርቲ ብደረጃ ሃገር ኣብ ምዝርጋሕ'ውን ኣብ ዕዳጋ ዕድል ስራሕ ኣብ ምዕባይ ጀርዲኑ እጃማ ተበርክት ምህላዋ ይሕብር። ቀጺሉ ድማ፡ ኣብ መጻኢ ዕዳጋ ውሽጢ ሃገር ድሕሪ ምርግጋጽ፡ ሰደድ ብምልኣኽ ናይ ወጻኢ ሸርፊ ምምጻእ ካብ ዓበይቲ ሕልምታቱ ምዃኑ ይገልጽ።

ውጽኢት ስርሑን ናይ ኩሎም ሓረስቶት ብጾቱን፡ ኣብ ዕዳጋ ኣምጺእዎ ንዘሎ ለውጢ ብዝምልከት፡ "ዋጋታት ፍሩታ ኣቐዲሙ ላዕሊ እዩ ነይሩ። በዚ ድማ ምምጋብ ፍሩታ ንውሱን ቀጸላ ሕብረተሰብ ጥራሕ እዩ ዝምልከት ነይሩ። ሕጂ ግን እቲ ዋጋታት ካብ ዝነበሮ ናብ ከባቢ ሓደ ርብዒ እዩ ቀኒሱ ዘሎ። በዚ ድማ ኩሉ ዜጋ ክምገቦ ዝኽእል ተራ መግቢ ኰይኑ ኣሎ። እዚ ድማ ውጽኢት ናይ ኩሉ ኣብ ምፍራዩ ዝሳተፍ ዘሎ ሃገራዊ ዓቕሚ እዩ።" ይብል።

ንስርሑ ከም መፍረ ኩብቲ ዝኣመሰለ ሕርሻዊ ንጥፈታት ክውሰኸሉ ዘሎ ተኽእሎታት ብዝምልከት ኣቶ ማሕሙድ፡ "ኣነ ናይ ልምዓት ፍረታት ሓረስታይ እየ፡ ኣብኡ ድማ'የ ከተኩር ዝደሊ። ይኹን'ምበር ብውሱን መጠን ናይ ኩብቲ ሕርሻ ክውሰኽ እሓስብ እየ። ምኽንያቱ፡ እተን ኩብቲ ካብ ሳዕሪ ናይዚ ጀርዲን ይምገባ፡ ብወገንና ድማ ንጀርዲን ድኹዒ፡ ንሰራሕተኛታት ድማ ጸባ ስለ ዝህባ ተደራራቢ ረብሓ ኣሎዎ።" ይብል።

ንዝሓለፍም ብድሆታት ክገልጽ ከሎ፡ ኣብቲ ምጅማር ስርሑ ንኽልተ ሽሕ ሜትሮታት ዝዝርጋሕ ካናለ ማይ ብኮንክሪት ምስርሑ ቀሊል ከም ዘይነበረ እዩ ዝገልጽ። ብዘይካ'ዚ ፍርያቱ ናብ ዕዳጋ ንምብጻሕ ዝነበረ ናይ መስመር ጽርግያ ብድሆ፡ ማለት መጀመርታ ብመስመር ደማስ ነዊሕ ኪሎ ሜተር ይጓዓዝ ምንባሩ፥



ካብ 1995 ድማ ብመስመር ባቡር ይጥቀም'ኳ እንተ ነበረ፡ ምንቅስቓስ ባቡር ኣብ ዝደለዮ ሰዓት ክረክብ ዝከኣል ዘይምንባሩ ይዝክር። ኣብ 2000 ድማ ብደንጎሎ መበገሲ ዝኸውን ጽርግያ ብዓቕሙ ምእታዉ፡ ይኹን'ምበር እዚ'ውን ካብቲ ግቡእ መስመር ወጺኡ ብጎቦታት ዝሓልፍ ስለ ዝኾነ፡ እቲ ዝተሓልፈ ጻዕሪ ከቢድ ምንባሩ የብርህ። እቲ ዝነበረ ናይ ጽርግያ ጸገም፡ ድሕሪ ምብጻሕ ክቡር ፕረዚደንት ግቡእ መልክዑ ክሕዝ ምኽኣሉን፡ ካብቲ ግዜ'ቲ ጀሚሩ ብምሉእ ኣተኲሮ ኣብ ልምዓት ክወፍር ከም እተተባብዐን ይገልጽ።

እዚ ሓደ ካብ ጀጋኑ ልምዓትን ህንጸት ሃገርን ዝኾነ ዜጋ፡ ዜጋታትና ብሓፈሻ መንእሰያት ድማ ብፍላይ ነቲ በጺሕዎ ዘሎ ስራሕ ክዕዘብዎ ክመጹ ኸለዉ፡ ኣብ ስራሑ ዝያዳ ሞራል ከም ዝህቦን ነቶም በጻሕቲ ካብ ትካሉ ተመኩሮ ብምውሳድ፡ ልዕሊኡ ክሓስቡ ዝሕግዝ ምኽኣኑን ብምግንዛብ፡ ብፍላይ መንእሰያት ንስራሑ ክዕዘብዎ ይዕድም።

ንምውሓስ ቀጻልነት ተበጺሑ ዘሎ ውጽኢት ስራሕ ብመንጽር ምውርራስ ሞያ ብኣባላት ስድራቤት ብዝምልከት ኣቶ ማሕሙድ፡ "ወለደይ ተራ ሓረስቶት እዮም ኔሮም። ብወገነይ ካብቲ ናታቶም ባይታን ተመኩሮን ተበጊሰ፡ ነቲ ስራሕ ናብ ዘመናውነት ከም ዘምርሕ ገይረዮ። ሕጂ ድማ ኩሎም ኣባላት ስድራ ቤተይ ኣብዚ ናይ ጀርዲን ስራሕ ይሳተፉ ኣለዉ። ማሽናት ናይዚ ጀርዲን ከም ቡክሊን፡ ትራክተር ከምኡ'ውን ሞያ ድራውሊኮ፡ ባዕላቶም እዮም ዘካይድዎ። ስራሐይ ንኽወርሱ ድማ እምህሮም ኣለኹ።" ክብል እንክትሰምዕ፡ ነቲ ካብቶም ያታዊ ሓረስታይ ዝነበሩ ወላዲኡ ዝተቐበሎ ሞያ፡ ብፍቕሪ፡ ብዓብዩ ጻዕርን ምርምርን ናብ ኣብነታዊ ዘመናዊ ሕርሻ ብምስግጋር፡ ቀጻልነቱ ኣውሒሱ ምህላዉ ንምግንዛብ ኣየጸግምን።
በዚ መሰረት ኣቶ ማሕሙድ፡ ንዕብየት ስርሑ ለይትን መዓልትን ዝሰርሕ ጻዕረኛ ሓረስታይ፡ ክንድ'ዚ ዝኣክል ፕሮጀክት ዘካይድ ክኢላ መራሒ፡ ባይታ ስራሕ ንዝጠልቦ ፍታሕ ብተበላሓትነት ዝሰግር መሃዚ፡ ብውጽኢት ስርሑ መላእ ሃገር ዝምግብ፡ ህዝቡን ሃገሩን ዘፍቅርን ምስ ምዃኑ፡ ከምዚ ዓይነት ተውህቦታት ኣብ ሓደ ተኣኪቡ ክንድ'ዚ ዝኣክል ዕዮ ፈጢሩ ምርኣይ ሳሕቲ ዝርከብ ብርቂ ፍጻመ እዩ። ስለ ዝኾነ ንኣቶ ማሕሙድን ከምኡ ዝኣመሰሉ ሃገር ኣብ ምልማዕ ተዋፊሮም ዘለዉ ሓርበኛታትን "ጀጋኑ ልምዓት" ዝብል ስያመ ዝዓብዮም ኣይኰነን። እቲ ምንታይ፡ እቲ "ሕድሪ ኣሎና፡ ግምጃ ክንስልማ" ዝብል ናይ ወትሩ መብጽዓና፡ ነፍሲ-ወከፍና ከምዚ ናይ ብዓል ኣቶ ማሕሙድ ብወኒ ምስ ሰራሕና እዩ ዝብጻሕ።

ሕርሻ ኣቶ ማሕሙድ፡ ኣካል ናይቲ ብ"ግንባር ጊንዳዕ" ዝፍለጥ ከቢድ ምርብራብን መስዋእትን ዝተኸፍለሉ መሬትና ብምዃኑ ድማ፡ ነዚ ዕዮ ኣብ መስርሕ ቃልሲ ንሃገራዊ ሓርነት፡ ኣብቲ ከባቢ ንዝተገብረ ብርቱዕ ምርብራብን ዝተኸፍለ ረዚን መስዋእትን ዝምልከት መግለጺታት ሰብ ውዕሎ እናስተንተንካ እንክትዕዘቦ፡ ንቓልሲ ፖለቲካዊ ሓርነትን ቃልሲ ቍጠባዊ ራህዋን ብምንጽጻር፡ "ኣብ ህይወት ብዘይ ቃልሲ ዝብጻሕ ዓወት የሎን፡ ነፍሲ-ወከፍ ዓወት ዝሓቶ ቃልሲ ድማ ምስ ሚዛኑ ዝዳረግ እዩ።" ኣብ ዝብል መረዳእታ የብጽሓካ።


ኣብቲ ናይ ዑደት ኣጋጣሚ፡ ኣቶ ማሕሙድ፡ ስርሓቱ ንኽዕወት ዓቢ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ከም፦ "ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ባንክታት ልምዓትን ወፍርን ከምኡ'ውን ንግዳዊ ባንክ ኤርትራ፡ ኮርፖረሽን ጥሪትን ዘራእትን፡ ምምሕዳር፡ ... ዝኣመሰሉ ኩሎም ደገፍተይ ልባዊ ምስጋናይ ኣቕርብ።" ኢሉ።

***

# ሕርሻዊ ኤክስተንሽን

## ገስጋስ ሕርሻ ሃገርና በብዓውድታቱ

ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስተንሽን፡ ምስ ዞባታት እናተወሃሃደ፡ ትግባረ ሕርሻዊ መደባት ዝከታተል ዝዓበየ ቴክኒካዊ ክፍሊ ሚኒስትሪ ሕርሻ እዩ። እዚ ክፍሊ፡ ካብ ምቛም ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣትሒዙ፡ እተፈላለየ ቅርጻዊ ለውጥታት እናገበረ፡ ኣብዚ እዋን ኣብ ሰለስተ ጨናፍር ማለት፦ ጨንፈር ባህርያዊ ሃብትን ልምዓት መስኖን፡ ጨንፈር ልምዓት ብቑልን እንስሳን ከምኡ'ውን ጨንፈር ጥዕና እንስሳን ብቑልን ተኸፋፊሉ፡ ሰፊሕ ንጥፈታት ይዓምም ኣሎ። መጽሔት ፍረ-ጻዕሪ፡ እዚ ኽፍሊ ኣብዘን ዝሓለፋ 31 ዓመታት ናጽነት ንዘሰላሰሎም ዓበይቲ ንጥፈታት ምስ ኣንበብቲ ንምልላይ፡ ምስ ዋና ዳይረክተር ናይቲ ክፍሊ ኣቶ ሰመረ ኣምለሶም ዘካየደቶ ሰፊሕ ቃለ-መሕትት ቀጺሉ ይቐርብ።


ኣቶ ሰመረ ኣምለሶም

**• ሕራይ ኣቶ ሰመረ ኣምለሶም፡ ብድሕረ-ባይታ ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስተንሽን ንጀምር።**

- ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስቴንሽን፡ ካብ ፈለማ ናጽነት ኣትሒዙ ኣብ ትካላዊ ቅርጹ ብዙሕ ለውጥታት እናገበረ እዩ መጺኡ። ፈለማ ኣብ 1994 ክቐውም ከሎ ክፍሊ ሃብቲ መሬትን ልምዓት ብቑልን ዝብል ስም ሒዙ'ዩ ተበጊሱ። እዚ ቕርጺ ክሳዕ 2003 ቀጺሉ። ኣብቲ ዓመት ድማ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብዝገበሮ ሓፈሻዊ ለውጢ፡ ክፍሊ ሕርሻዊ ልምዓት ዝብል ስም ብምሓዝ፡ ኣብ ሓፈሻዊ ዕማማቱ'ውን ብዙሕ ለውጥታት ገይሩ። ብቐንዱ ድማ ሃብቲ እንስሳን ጥዕና እንስሳን ኣብ ሕቑፎ ናይዚ ክፍሊ ኣትዮም። ካብ 2011 ኣትሒዙ ድማ እዚ ሕጂ ሒዙዎ ዘሎ፡ ኣብ ዝርዝራዊ ሕርሻዊ ዓውድታት (Agricultural Commodities) እተመርኰሰ ኣቃውማ ሒዙ። ኣብ ርእሲ'ተን ሰለስተ ቴክኒካዊ ጨናፍር ማለት፦ ባህርያዊ ሃብትን ልምዓት መስኖን፡ ልምዓት ብቑልን እንስሳን፡ ሓለዋ ጥዕና እንስሳን ብቑልን፣ ክልተ ደገፍቲ ኣሃዱታት ማለት ኣሃዱ ውጥንን ስታትስቲክስን ከምኡ'ውን ኣሃዱ መኻዕበቲ እቶት (ኣብዚ ዓመት ኣብ ትሕቲ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣትያ ዘላ) ኣጠቓሊሉ ክሰርሕጸኒሑ። ነፍሲ ወከፍ ጨንፈር ድማ ንዓኣ ዘቖማ ኣሃዱታት ኣብ ትሕቲኣ ኣለዋ። በዚ መሰረት ኣብ ጨንፈር ባህርያዊ ሃብትን ልምዓት መስኖን ሰለስተ ኣሃዱታት፡ ኣብ ልምዓት ብቑልን እንስሳን 11 ኣሃዱታት፡ ኣብ ጨንፈር ጥዕና እንስሳን ብቑልን ድማ ሰለስተ ኣሃዱታት ይርከባ።

**• ቅድሚ ናብ ገስጋስ ሕርሻዊ ልምዓት ሃገርና ምእታውና፡ ሃገርና ብዘሎዋ ስፍሓት ዝለምዕ መሬት ክንጅምር።**

- ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ኣስታት 2.1 ሚልዮን ሄክታር ክለምዕ ዝኽእል መሬት ትውንን። ካብዚ እቲ ኣስታት 1.5 ሚልዮን ብዝናብ ክለምዕ ዝኽእል መሬት ክኸውን ከሎ፡ እቲ ኣስታት 600 ሽሕ ሄክታር ድማ ብመስኖኣዊ ሕርሻ ክለምዕ ዝኽእል መሬት እዩ። ክሳዕ 2021 ዝነበሩ ጸብጻባትና ከም ዝሕብሩዎ ድማ ዋላ'ኳ ምስ ግዜን ኩነታትን ዝቀያየር እንተኾነ፡ ኣስታት 500 ሽሕ ሄክታር መሬት (24 ሚእታዊት ካብቲ ዕቑር ዓቕሚ) ዓመታዊ ነልምዕ ኔርና። ካብዚ ድማ እቲ 93 ሚእታዊት ኣብ ቦታ ሕርሻ ምዕቃብ ሓመድን ማይን እናካየድካ ዝለምዕ ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ዝተረፈ 7 ሚእታዊት ድማ ብመስኖኣዊ ኣገባብ ሕርሻ ዝለምዕ ዘሎ መሬት እዩ። ብሓፈሻ ክርአ እንከሎ ድማ ኣብዚ እዋን ዝለምዕ ዘሎ ምስቲ ናይ 1992 ዝሕረስ ዝነበረ ብምንጽጻር፡ ኣብ 2021 ብልዕሊ 54 ሚእታዊት ዕብየት ኣርእዩ ይርከብ።

**• ሕራይ እምበኣር፡ ናብ ንጥፈታት ናይዘን ጨናፍር ክንሰግር። ብጨንፈር ባህርያዊ ሃብትን ልምዓት መስኖን ንጀምር።**

- እዚ ጨንፈር ስሙ ከም ዝሕብሮ፡ ኣብ ዕቃበን ልምዓትን መሬት እዩ ዝነጥፍ። ብመሰረት ፖሊሲን ስትራተጂን ናይዚ ሚኒስትሪ፡



ነቲ ብእተፈላለየ ምኽንያት ኣዝዩ ተዳኺሙ ዘሎ መሬት ሕርሻን ማይ ኲዖታትን ፈዊስካ፡ ነዚ ጽላት ናብ ዘመናውን ብምኽዩና ዝምራሕን ከምኡ'ውን ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን እተሰረተ ኣገባብ ሕርሻ ምኽታል እዩ። በዚ ድማ'ዩም መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ካብ ጽባሕ ናጽነት ኣትሒዞም፡ ዝባደመ መሬት ናብ ንቡር ንምምላስ፡ እተፈላለዩ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ከሰላስሉ ጸኒሖም። ብመሰረት ጸብጻብ ናይዚ ጨንፈር፡ ኣብዚ ውሽጢ እዘን ዝሓለፋ 31 ዓመታት፡ ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ 192 ሽሕ ሄክታር ሕርሻዊ ዛላ፡ 82 ሽሕ ሄ/ር ምዝላይ ካብ መሬት ሕርሻ ወጻኢ፡ ከምኡ'ውን ናህሪ ውሕጅ ንምድኻምን ማይ ናብ ከርሲ መሬት ከም ዝሰተ ወይ ዝሰርጽ ንምግባርን ኣስታት 4.5 ሚልዮን ሜትር ኲብ ከትርታት ተሰሪሖም።

**• ኣብ ምስራሕ ከዘንቲ ማያት እተራእየ ለውጢኸ ከመይ ይመስል?**

- እዚ ሃገር ኣብ ምህናጽ ከዘንቲ ማያት ርኡይ ዓወታት እዩ ኣመዝጊቡ። ኣብ እዋን ናጽነት 138 ጥራይ ዝነበራ ዓበይትን ንኣሽቱን ዲጋታት፡ ኣብዚ እዋን (ክሳዕ 2021) ናብ 785 ክብ ከም ዝበለ ተገይሩ። እተን እዘን ዲጋታት ዝኽዝናኦ ማይ ድማ ብማእከላይ ገምጋም ኣስታት 300 ሚልዮን ሜትር ኲብ ይበጽሕ። እዚ ኸኣ መርኣያ ናይቲ መንግስቲ ኣብዚ ዓውዲ ዝገብሮ ዘሎ ሓያል ጻዕሪ እዩ።

**• ኣብ ምትእትታውን ተጠቃምነትን መስኖኣዊ ሕርሻን ሓደስቲ ሕርሻዊ ቴክኖሎጂታትን ዝገበርናዮ ገስጋስከ ከመይ ይመስል?**

- ኣብዘን ዝሓለፋ 31 ዓመታት፡ ካብቲ 600 ሽሕ ሄክታር ዝኸውን ክለምዕ ዝኽእል ዕቑር ስፍሓት መሬት፡ እቲ ኣስታት 65 ሽሕ ሄክታር፡ ብልምዳውን ዘመናውን ኣገባብ መስኖ ክለምዕ ክኢሉ ነይሩ። ካብዚ ኣስታት 37 ሽሕ ሄክታር ብጀሪፍ፡ 23 ሽሕ ሄክታር ብካናል፡ 1,500 ሄክታር ብነጠብጣባዊ መስኖ፡ 2,800 ሄክታር ድማ ብነጽጋዊ መስኖ፡ ሕርሻዊ ትሕተ ቕርጺ ተዳልዩሉ ዘለምዐ እዩ። ድሕሪ ናጽነት መስኖኣዊ ሕርሻ ንምስፍሑን ንምምዕባሉን ብዙሕ ጻዕርታት ተኻይዱን ይካየድ ኣሎን። በዚ መሰረት፡ እቲ ብካናል ዝለምዕ ስፍሓት መሬት ናብ 23 ሽሕ ሄ/ር ብምስፍሑ፡ ኣብዚ እውን ዳርጋ ምሉእ ዓመት ኣሕምልትን ፍረታትን ኣብ ዕዳጋታት ክርከብ ተኻኢሉ ኣሎ። ማይ ንምቑጣብን ምህርቲ ንምዕባይን ኣብ ዝተገብረ ምትእትታው ዘመናዊ ኣገባብ ልምዓት መስኖ ማለት ነጠብጣባውን ነጽጋውን መስኖ'ውን ዋላ'ኳ ከም መደብናን ባህግናን ኣይኾን፡ ብዙሕ ተመኲሮ ዝቐሰምናሉ ብተዛማዲ ደሓን ስራሕ ተኻዪዱ ክንብል ንኽእል። ከምኡ'ውን ጸዓታዊ ሃልክን ኣከባብያዊ ብከላን ንምጉዳል ብተሓዳሲ ጸዓት ከም ጸሓያዊ ጸዓት ዝሰርሕ መስኖኣዊ ሕርሻ ኣብ ምትእትታው ብዙሕ ተመኩሮታት ተቐሲሙ።

ኣብዚ እዋን ካብቲ ብመስኖ ዝለምዕ ዝነበረ 65 ሽሕ ሄክታር እቲ 30 ሽሕ ሄክታር ጥራይ'ዩ ኣብ ብቑዕ ስራሕ ዝርከብ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ብዘይካ'ቲ ኣብ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ (ሽዕብ) ዝርከብ 5,300 ሄክታር ናይ ጀሪፍ መስኖ፡ ኣብተን ካልኦት ዞባታት ዝርከብ ናይ ጀሪፍ መስኖ ተበላሽዩ ካብ ስራሕ ስለዘቋረጸ እዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ ዝበዝሕ ክፋል ናይቲ ብጸቕጣዊ መስኖ ዝለምዕ ዝነበረ እውን ብተመሳሳሊ ቴክኒካዊ ጸገማት ካብ ስራሕ ደው ስለዝበለ እዩ። ስለዚ፡ ኣብዚ ዓውዲ ማዕረ'ቲ ዝነበረ ኣተባባዒ ገስጋስ ኣብቲ ብቴክኖሎጂን ማሽነርን ዝድገፍ ልምዓት መስኖ ሓያል ብድሆታት ምንባሩ'ውን ምጥቃስ ኣገዳሲ እዩ። እንተኾነ፡ ዓቢ ተመኲሮ ስለ ዝቐሰምናሉ፡ ኣብዚ እዋን ብዝሓየለ ንምብርባሩ ብቕዑ ምድላዋት ንገብር ኣሎና።

**• ናብ ልምዓት ዘራእቲ ክንሰግር። ዝንቕ ዘራእቲ ናይ ብሱል ኣእካል፡ ጥረታትን ናይ ቅብኢ ኣእካልን ኣብዚ እዋን ኣብ ከመይ ደረጃ ከም ዝርከብ ክትብርሃልና?**



- ብመሰረት ናይ ሓሙሽተ ዓመት ስትራተጂያዊ ውጥንና፡ ክሳዕ 2024 ኣብ ዘሎ ዓመታት፡ ብሱል ኣእካል 50 ሚእታዊት፡ ጥረታት 25 ሚእታዊት፡ ናይ ቀብኣ ኣእካል ድማ 25 ሚእታዊት ክሸፍኑ እዩ ዝብል። ኣብዚ እዋን (ክሳዕ ክራማት 2022) እቲ ዝንቕ 83% ብሱል፡ 8% ጥረታት፡ 9% ድማ ናይ ቀብኢ ኣእካል ብጺሕና ንርከብ። ኣብዚ መዳይ ብዙሕ ዝተርፈና ከም ዘሎ ርዱእ'ዩ።

**• ዝርጋሐ ምሩጽ ዘርኢ ኣእካልን ኣሕምልትን'ውን እዚ ክፍሊ ኣተኩሩ ካብ ዝሰርሓሎም ዓውድታት እዮም። ኣብዚ ጉዳይ እተራእየ ገስጋስ ከመይ ይመስል?**

- ምምዕባልን ምትእትታውን ምሩጽ ዘራእቲ ዕማም ናይ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር እዩ። ክሳዕ ሕጂ ድማ ካብቶም ብሕርሻዊ ምርምር ዝማዕበሉ ብርክት ዝበሉ ዘርኢ ኣእካል፡ ገለ 14 ዝኾኑ ምሩጻት ዘራእቲ ኣእካል ማለት ስርናይ - 6 ዓሌታት፡ ስገም - 3 ዓሌታት፡ ዕፉን - 1 ዓሌት፡ መሽላ - 1 ዓሌት፡ ብልቱግ ድማ 3 ዓሌታት በዚ ክፍሊ ኣቢሎም ናብ ሓረስቶት ተዓዲሎም ኣለዉ። ሳላ'ዞም ምሩጻት ዓሌታት ድማ ምስቲ ኣብ እዋን ናጽነት ዝነበረ ምህርቲ ብምንጽጻር፡ ኣብዚ እዋን ኣብቲ ብዝናብ ዝለምዕ ሕርሻታት፡ ብመንጽር ምህርቲ ኣብ ሓደ ሄክታር፡ ኣብ መሽላ ካብ 8 ናብ 16 ኩንታል፡ ኣብ ብልቱግ ካብ 6 ናብ 12፡ ኣብ ስርናይ ካብ 12 ናብ 20 -25፡ ስገም ድማ ካብ 8 ናብ 16 ኩንታል እቶት ክውሰኽ ክኢሉ።

**• ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ምስ ቀዳሞት ዓመታት ናጽነት ክወዳደር እንከሎ፡ እንታይ ምዕባለታት ኣርእዩ? ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስቴንሽን ኣብዚ ዓውዲ ኣተኩሩ ዝደፍኣሎም ስርሓትከ እንታይ ይመስሉ?**

- ኣብ 1991፡ ስፍሓት መሬት ልምዓት ኣሕምልቲ 4731 ሄክታር፡ ናይ ፍረታት ድማ 192 ሄክታር ጥራይ እዩ ነይሩ። ኣብዚ እዋን፡ እዚ ቕጽሪ ኣብ ኣሕምልቲ ናብ ኣስታት 18,000 ሄክታር ብምብራኽ ናይ ኣርባዕተ ዕጽፊ ዕብየት ኣርእዩ። ኣብ ፍረታት ድማ ናብ 5000 ሄ/ር ብምዕባይ ናይ 26 ዕጽፊ ዕብየት ኣርእዩ። ካብ 1992 ክሳዕ 2021 ኣብ ዝነበረ ግዜ፡ እቶት ወይ ምህርቲ ኣሕምልቲ ብሸዱሽተ ዕጽፊ፡ እቶት ፍረታት ድማ ብ71 ዕጽፊ እዩ ዕብየት ኣርእዩ።

ኣብዚ መዳይ ብፍሉይ ዝጥቀስ፡ ልዕሊ 423 ሽሕ ፈልስታት ናይ ሰለስተ ዓይነታት ናይ ከበሳ ፍረታት ማለት ቱፋሕ፡ ኩ'ኽን ኣውሊዕን ካልኦትን ካብ ወጻኢ ሃገር ኣተኣታቲና፡ ኣብ ናይ ከበሳ ባህሪ ዘለወን ቦታታት ሃገርና ናብ ዝርከቡ ሓረስቶት ዘርጊሕና ኢና። ብተወሳኺ፡ ካብ 2015 ኣትሒዝና፡ ብውሑድ ዓቐን ምፍራይ ቃንጥሻ ጀሚርና ኢና። እዚ ምስ ማሕበር ሕርሻዊ ንግዲ ደቀንስትዮ ኤርትራ ብምውህሃድ ዝካየድ ዘሎ ስራሕ እዩ። እዛ ማሕበር ኣብዘን ዝሓለፋ 6 ዓመታት ማለት ክሳዕ 2021፡ 25 ኩንታል ዝኸውን ቃንጥሻ ንዕዳጋ ዘርጊሓ። እዚ ኣብ ቀጻሊ ዝያዳ ክንደፍኣሉን ክንተባብዖን ከም ዘሎና ተረዲእና ንሰርሓሉ ዘሎና ጉዳይ እዩ።

**• ኣብ መዳይ ልምዓት ኣሕምልቲ፡ ምፍራይ ድንሽ ካብቲ ብፍሉይ ዝጥቀስ እዩ'ሞ፡ ኣብዚ መዳይ ዘሎ ገስጋስ ክትገልጸልና።**

- ልክዕ'ዩ፡ ኣብ ልምዓት ድንሽ ዝተሰላሰለ ስራሕ ሓደ ካብቲ ዓበይቲ ዓወታትና እዩ። ድንሽ ዝበዝሐ እዋን ኣብ ከበሳታት



ሃገርና ጥራይ እዩ ዝፈሪ ነይሩ። ብመሰረት ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ መስከረም 2022 ዝገበሮ ሃገራዊ ዋዕላ ድንሽ፡ ምህርቲ ድንሽ ኣብ ከበሳታት ብገምጋም ናብ 160 ኲንታል ኣብ ሄክታር በጺሑ ይርከብ። ልዕሊ'ዚ ዘእትዉ ሓረስቶት ከም ዘለዉ'ውን ይፍለጥ። እዚ ቍጽሪ ምስ ናይ 1991 ብምንጽጻር ብዕጽፊ ዕብየት ኣርእዩ ኣሎ። ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ቀረብ ድንሽ ምሉእ ዓመት ንምርግጋጽ፡ ኣብ 2021 ኣብ ዞባታት ጋሽ-ባርካን ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ኣብቲ ናይ ዛሕሊ ወቕቲ ማለት ካብ ሕዳር ክሳዕ ለካቲት ኣብ ዘሎ ወርሓት ዕዉት ፈተነ ኣካዪዱ። ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣብ 9 ንኡሳን ዞባታት ኣብ 36.8 ሄክታር መሬት፡ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ክልተ ንኡሳን ዞባታት ኣብ 2.7 ሄክታር፡ ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ድማ ኣብ 6.8 ሄክታር፡ ብጠቕላላ ብደረጃ ሃገር፡ ኣብ 46.3 ሄክታር ልዕሊ 900 ኲንታል ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ ተዘሪኡ፣ ኣዝዩ ትሰፋው ዝኾነ ውጽኢት ድማ ረኺብናሉ። ንኣብነት፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሻምብቆ 267 ኲንታል፡ ኣብ ጊንዳዕ 74 ኲንታል፡ ኣብ ኣፋምቦ ድማ 170 ኲንታል ካብ ሄክታር ክሕፈስ ተኻኢሉ እዩ። ስለዚ፡ ኣብ መጻኢ ቀላታት ሃገርና ኣብ ቀረብ ድንሽ ተራእን ክጻወታ ምኽኣለን ተረጋጊጹ ኣሎ ማለት'ዩ።



ማናቲለ ብምፍራይ ንተጠቕምቲ ተሸይጠን ኣለዋ። ዛጊት ድማ ኣስታት 180 ዝኾኑ ሓረስቶት ብንኡስ መጠን ማንቲለ ክፍርዩ ጀሚሮም። ኣብ ምርባሕ ሓሰማን ኣፍራስን እውን ከምኡ ነቲ ኣብ ሃገርና ተዳኺሙ ዝጸንሐ ዓሌታት ንምምሕያሹን ብሓድሽ ደም ወይ ትውልዲ ንምትክኡን ኣተባባዒ ዝኾነ ንጥፈታት ይካየድ ኣሎ።

**• ናብ ንጥፈታት ሃብቲ እንስሳ ክንሰግር። ኣብዚ መዳይ እተሰላሰለ ንጥፈታት ከመይ ይመስል? ብቑጽሪ ጥሪትና ንጀምር።**

- ኤርትራ ብጥሪት ነብሳ ዝኸኣለት ሃገር'ያ። ብዝሒ ጥሪት ንምፍላጥ ናይ 1997 ዝተኻየደ መጽናዕቲ ኢና ክንጠቅስ ንኽእል። ብመሰረት ሽዑ እተገብረ መጽናዕቲ፡ 1.9 ሚልዮን ከብቲ፡ 6.8 ሚልዮን ጤለ-በጊዕ፡ ልዕሊ 300 ሽሕ ኣግማል፡ ከም ዝነበረና ይፍለጥ። እቲ ቑጽሪ ዓመታዊ ብ 1 ሚእታዊት ወሲኹ ኢልና ስለ እንግምግም፣ ኣብዚ እዋን ከብቲ ናብ 2.4 ሚልዮን፡ ጤለ-በጊዕ ናብ 8.6 ሚልዮን፡ ኣግማል ድማ ናብ ኣስታት 400 ሽሕ በጺሑ ዝብል ሓርፋፍ ገምጋም ኣሎ። ኣብ ቀረባ መጻኢ ግና ምስ ዞባታት ብምትሕብባር ሓፈሻዊ ቈጸራ ጥሪት ክግበር መደብ ኣሎ። ብተወሳኺ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣማራጺታት ቀረብ ስጋ ንምዕባይ፡ ኣብ 2015 ከምኡ'ውን ኣብ 2017፡ 220 ኣደታት ማናቲለ ካብ ወጻኢ ሃገር ብምእታውን ኣራቢሑ ብምሻጥን ዛጊት ልዕሊ 6 ሽሕ

**• ሕራይ ኣቶ ሰመረ፡ ናብ ልምዓት ጸባ ንስገር። ኣብዚ ዓውዲ እንታይ ገስጋስ ተራእዩ?**

- ኣብ ሃገርና ዝፈሪ ብዝሒ ጸባ ብልክዕ ክትዕቅኖ ቀሊል ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ ብዘይካ'ተን ተዓጽየን ዝእለያ ናይ ጸባ ኸብቲ፡ ካልኦት ኣብ ፈቑዶ በረኻታትን ዓድታት ጸባ ዝህባ ጥሪት ከም ዘለዋ ርዱእ እዩ። ስለዚ ኣብተን ተዓጽየን ዝእለያ ናይ ጸባ ከብቲ ኣተኲርና ክንዛረብ ይሓይሽ። ብዝሒ ተዓጽየን ዝእለያ ከብቲ፡ ምስ እንርኢ፡ ኣብ 1991 ኣስታት 13 ሽሕ እየን ነይረን። ኣብ ዓመተ 2021/22፡ እዚ ቑጽሪ ናብ ልዕሊ 20 ሽሕ ደዪቡ ይርከብ። ኣብ ፈለማ እዋን ናጽነት ካብ ጋሙስን ድቓላን ዝፈሪ ዝነበረ ጸባ ኣስታት 8.5 ሚልዮን ሊትሮ ክግመት ከሎ፡ ኣብዚ እዋን እዚ



ቍጽሪ ናብ ልዕሊ 18.4 ሚልዮን ሊትሮ ደዩቡ ይርከብ። ብሓፈሻ፡ ብዝሒ ጸባ ካብ ሓንቲ ጋሙስ ላም ኣብ 300 ናይ ሕልቦ ግዜ ካብ 12-15 ሊትሮ ጸባ ኣብ መዓልቲ፡ ካብ ሓንቲ ድቓላ ላም ኣብ 300 ናይ ሕልቦ ግዜ ካብ 8-12 ሊትሮ ጸባ ኣብ መዓልቲ፡ ካብተን ናይ መበቈላውያን ከብቲ ባርካ ድማ ካብ ሓንቲ ባርካ ላም ኣብ 210 ናይ ሕልቦ ግዜ ካብ 6 -8 ሊትሮ ጸባ ኣብ መዓልቲ ይርከብ ኣሎ። ኣብዚ እዋን ዘሎ ምህርቲ ጸባ ካብ ሓንቲ ላም ምስቲ ናይ 1991 ክነጻጸር ከሎ፡ ኣብ ኩለን ዓይነታት ኣሓ፡ ብገምጋም ካብ 20 - 30 ሚእታዊት ዕብየት ከም ዘርኣየ ይግምገም። እንተ'ኹነ፡ ኣብ ምዕባይ ምህርቲ ጸባ ገና ሓያል ጻዕሪ ከም ዘድሊ ርዱእ'ዩ።

**• ልምዓት ጸባ ንምዕባይ እተገብረ ጻዕርታት እንታይ'ዩ ነይሩ?**

- ልምዓት መግቢ እንስሳ ንምዕባይ ሓያል ጻዕሪ'ዩ ተኻዪዱ። ኣብ 1992 ንመግቢ እንስሳ ዝለምዕ ዝነበረ 67 ሄክታር ጥራይ ዝነበረ፡ ክሳዕ 2021 እቲ ስፍሓት መሬት ናብ ኣስታት ክልተ ሽሕ ሄክታር ደዩቡ ይርከብ። እቲ ዝፈሪ መግቢ እንስሳ ድማ ናብ ልዕሊ 77 ሽሕ ቶን በጺሑ ይርከብ። ብዘይካ'ዚ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ካብ 1998 ጀሚሩ ብርክት ዝበለ ቢዶኒታት/ መሕለቢ ጸባ ናይ ጸባ፡ ሓለብትን ሓቜንትትን ማሸናት፡ መመርመሪ ጸባን ጀነሬተራት ብመልክዕ ልቓሕን ሓገዝን ንእተፈላለዩ ኣቕረብቲ ጸባ ዝ'ኹኑ ማሕበራትን ሓረስቶትን ከም ዝዓደለ ምጥቃስ ኣገዳሲ እዩ።

**• ሕራይ ኣቶ ሰመረ፡ ኣብ ምምስራሕ ጸባን ውጽኢቱንከ ኣብዚ ዝሓለፈ ናይ ናጽነት ዓመታት እንታይ ሓድሽ ምዕባለ ነይሩ?**

- ኣብዚ መዳይ ኣተባባዒ ገስጋስ እዩ ተራእዩ። ኣብ 1991፡ ኣርባዕተ ኣመስራሕቲ ጸባን ውጽኢት ጸባን ትካላት ጥራይ ዝነበራ፡ ኣብዚ እዋን 18 በጺሐን ኣለዋ። ካብዚኣተን እተን ዝበዝሓ ኣብ ምድላው ርግኦ ዝነጥፋ ዘለዋ እየን። ኣብ ከተማታት ዝርከብ ህዝቢ ካብቲ ብሓርጭ ዝዳሎ ዝነበረ ውሕስነቱን ኣመጻጽኣኡን'ውን ዘየተኣማምን ዝነበረ ርግኦ የመን ተገላጊሉ፡ ኣብ ዝ'ኹነ እዋን ውሕስነቱን ብቕዓቱን ዝፍለጥ ርግኦ ንምርካብ በቒዑ ይርከብ። ቀረብ ፎርማጆን ጠስምን'ውን ካብቶም ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓበዩ



ዝኸዱ ዘለዉ ምህርቲ ውጽኢት ጸባ'ዮም። ብተወሳኺ፡ ኣብ ዞባታት ዓንሰባን ደቡብን ሰለስተ ማእከላት መኣከብን መዝሓልን ጸባ ተመስሪተን፡ ኣብ ማሕበር ንዝተጠርነፉ ሓረስቶት ተረኪበን ዝምስገን ኣገልግሎት ይህባ ኣለዋ።

**• ምትብባዕ ዘመናዊ ምድቓል እንስሳ ሓደ ኻብ ንጥፈታት ናይዚ ኽፍሊ እዩ። ኣብዚ ጉዳይ ንሓረስቶት ንምትብባዕ እንታይ ይግበር?**

- ምትእትታው ዘመናዊ ምድቓል ኣብ ግዜ ጣልያን ማለት ኣብ 1930'ታት ዝጀመረ'ኳ እንተ'ኹነ፡ ብሰንኪ ተኸታታሊ መግዛእትን ካልኦት ምኽንያታትን ኣዝዩ ተዳኺሙ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ካብ 1992 ክሳዕ 2009 ብገምጋም ዓመታዊ 326 ነዳቕል ኔርና። ብድሕር'ዚ ተቛሪጹ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ 2015 ኢና እንደገና ኣበጊስናዮ። ካብ ወጻኢ ሃገር ምሩጽ ዓሌት ዘርኢ ብምእታው ከምኡ'ውን ንዕኡ ዝኸውን መሳርሒታትን መዐቀብን ብምምጻእ ሓያል ጻዕሪ ተኻዪዱ። ካብ 2015 ክሳዕ 2020 ኣብ ዝነበረ ግዜ፡ እቲ ንጥፈታት ብዘገምታ እናኸደ ኣብ ዓመት ብገምጋም 485 ናይ ጸባ ኸብቲ ጥራይ ነዳቕል ኔርና። ኣብ ዓመተ 2021-2022፡ ዓቕሚ ሰብን፡ ዕጥቅን ጕስጓስን ብምሕያል፡ እቲ ቑጽሪ ኣብ ሓደ ዓመት ናብ 1600 ኣደዩብናዮ ንርከብ። ብሓፈሻ ክርአ እንከሎ ምስ ናይ 1992 ዝተዳቐላ ከብቲ ብምንጽጻር (ሽዑ 406 ጥራይ ኢና ኣዳቒልና)፡ ኣብ 2021 ቁጽሪ ዘዳቐልናየን ከብቲ ናብ ልዕሊ 1600 ብምድያቡ፡ ናይ ኣርባዕተ ዕጽፊ ወሰኽ ኣርእዩ። ወላ'ኳ



እቲ ኣገልግሎት ብኽንድ'ዚ ዕጽፊ እንተዓበየ፡ መጠን ምሓዝ ምልኦን ምውላድ ምራኹትን ብዝለዓለ ደረጃ ንምምሕያሽ ግና ጻዕርታት ይቕጽል ኣሎ። ኣብ መጻኢ'ውን ዘለዉና ንኣሽቱ ሃገፋት ኣለሊና፣ ብዓቢኡ ድማ ናብ ጾታኡ ዝተለለየ ዘርኢ (ወይ ናብ ኣንስትዮ ዝዛዘወ ዘርኢ) ብምስጋር፡ ብዝሰፍሐ ክንሰርሓሉ መደብ ተታሒዝሉ ኣሎ። ድሕሪ'ዚ ኹሉ ምድላዋት፡ እዚ ኣገልግሎት ናብ መላእ ሃገር ንምስፍሑ ሰፊሕ መደብ ተዳልዩ ኣሎ።

**• ኣብ መፍረ ደርሁ እተራእየ ገስጋስከ ከመይ ይግምገም?**

- ኣብዚ ዓውዲ ኣዝዩ ዕቱብ ስራሕ እዩ ተሰላሲሉ። ኣብ እዋን ናጽነት፡ ሃገርና ብዘይካ'ተን ኣብ ገጠራት ብልምዲ ዝተሓዛ ደርሁ ገደና፡ ምርባሕ ደርሁን ምፍራይ እንቋቑሖን ከም ዋኒን ዝሕዞ ሰብ ነይሩ ምባል ኣይከኣልን። ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ካብ ፈለማ ናጽነት ሚኒስትሪ ሕርሻ ምሩጻት ዓሌታት ኣደታት ጨቓዊት ካብ ደገ እናምጽአ፡ ንዓኣተን ድማ ኣዕኹኹ ንተጠቐምቲ ምዕዳል ጀሚሩ። ኣብዘን ዝሓለፋ 30 ዓመታት፡ ኣስታት 113 ሽሕ ኣደታት ከእቱ እንከሎ፡ ኣስታት 7 ሚልዮን ሓደ ወርሒ ዝዕድሚኣን ጨቓዊት ድማ ተዘርጊሐን። እቲ ብዝሕን ስፍሓት ዝርጋሐን ዓመታዊ እናወሰኸ እዩ ኸይዱ። ኣብ 1992 ንኣብነት ኣስታት 20 ሽሕ ጨቓዊት ኢና ንተጠቀምቲ ዓዲልና። ኣብ 2020-21 ግና እቲ ኣሃዝ ብተዓጻጻፊ ዓብዩ ክሳዕ ልዕሊ 880 ሽሕ ጨቓዊት ተዓዲለን። እዚ ኣሃዝ ብሚእታዊት ክርአ እንከሎ፡ ብኣስታት 44 ዕጽፊ እዩ ዓብዩ።

**• ናብ መፍረ ንህቢ ንስገር። ብዝሒ ቀፎታት ንህቢ ብደረጃ ሃገር እንታይ ምዕባለታት ኣርእዩ? ኣብ ብዝሒ ፍርያት መዓርከ እንታይ ለውጢ ተራእዩ?**

- ኣብ መፍረ ንህቢ ምስ እንመጽእ፡ ኣብ ሃገርና ኣብ 1991 ኣስታት 19 ሽሕ ዕስለ ኣናህብ ምንባሮም ይግምገም። እዚ ቑጽሪ ብዘገምታ ዕብየት እናኣርኣየ፡ ኣብ 2021 ናብ ኣስታት 30 ሽሕ ዓብዩ ይርከብ። እዚ ወሰኽ ዋላ'ኳ ዘነይት ኣይኾን፡ ሕብረተሰብና ካብ ያታዊ ኣገባብ ወጺኡ ናብ ዘመናዊ ኣገባብ ንኽሰጋገር ዓቢ ዕድል ዝፈጠረ እዩ። ምኽንያቱ፡ ኣብዚ እዋን ካብቲ ዘሎና ጠቕላላ ብዝሒ ዕስለ፡ እቲ 65 ሚእታዊት ብዘመናዊ ቀፎ ዝተታሕዘ እዩ።







እቶት ዝሕፈስ ወይ ዝፈሪ መዓር ምስ ኩነታት ብዝሒ ዕምበባታት እዩ ዝውሰን። ኣብዘን ዝሓለፋ ዓመታት ድማ ምስ ኩነታት ክሊማዊ ለውጥን ክስተት ደርቅን ክብ-ለጠቕ ይብል'ኳ እንተነበረ፡ ብሓፈሻ ግና ምስቲ ናይ 1991 ክወዳደር እንከሎ፡ ምህርቲ መዓር ናይ 46 ሚእታዊት ዕብየት ከም ዘርኣየ ሰነዳትና የረጋግጹ። እቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ፍርያት መዓር'ውን ነዚ'ዩ ዘረጋግጽ። መዓር፡ ኣብ ኵሉ ኩርናዓት ሃገርና ይፈሪ ብምህላዉ፡ ዋጋኡ ካብቲ ኣብ ፈለማ ተሰዓታት ዝነበሮ ልዕሊ 400 ናቕፋ፡ ናብ ትሕቲ 200 ናቕፋ ወሪዱ ይርከብ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ እቲ ብቑጠባዊ ጉዳይን ንቕሓት ምሕደራን ብዘገምታ ዝግስግስ ዘሎ መስርሕ ምስግጋር ናብ ዘመናዊ ኣገባብ ምርባሕ ንህቢ፡ ሓደ 'ጋብላዊ ቀፎ' ዝብሃል ንምስርሑ ይኹን ንኽተመሓድሮ ኣዝዩ ቀሊል ዝኾነ ዓይነት ቀፎ ብምትእትታው፡ ምህርቲ መዓርን ቍጽሪ ኣርባሕቲ መዓርን ብተዓጻጻፊ ንምውሳኽ ሓያል ጻዕሪ ነካይድ ኣሎና።

**• ኣብ ዕብየት ናብራ ብፍላይ ድማ ምስ ደቀንስትዮ ኣብ ዝተኣሳሰር ጉዳይ ዝተኻየዱ ግሉሓት ንጥፈታት ክትገልጸልና።**

- ኣብዚ ጉዳይ'ውን ዓቕሚ ብዝፈቐዶ ብዙሕ ንጥፈታት እዩ ተሰላሲሉ። ንደቀንስትዮ ሓረስቶት ብሓፈሻ፡ ነተን ብደቀንስትዮ ዝምርሓ ስድራቤታት ድማ ብፍላይ ንምሕጋዝ፡ እተፈላለዩ ናይ ጥሪት ሓገዝ፡ ኢደ-ጥበባዊ ስራሓት፡ ደገፍ ሞተረታት፡ ምዕዳል ዘርኢ ወዘተ. ተኻዪዱ። እቲ ልዕሊ ኹሉ ዝጥቀስ ግና ምዝርጋሕ እቶን ኣድሓነት እዩ። ዝቍረጽ ኣግራብ ንምጒዳል፡ ጥዕና ደቀንስትዮ ንምምሕያሽ፡ ናብ መኣዲ ትምህርቲ ዝኸዱ ቈልዑን መንእሰያትን ንምውሳኽ ወዘተ. እቶን ኣድሓነት ናብ መላእ



ሃገር ንምብጻሕ ሓያል ጻዕሪ ተኻዪዱን ይካየድ ኣሎን። ዛጊት ኣብ መላእ ሃገር ኣስታት 170 ሽሕ እቶን ኣድሓነት ተሰሪሑ ይርከብ። ነዚ ንምትግባር ድማ ልዕሊ 17 ሽሕ ደቀንስትዮ ኣዴታት ሰልጢነን፣ ኣድሓነት ሰሪሐንን ኣሰሪሐንን ይርከባ።

**• ናብ ጥዕና እንስሳን ብቐልን ንኺድ። ብጥዕና እንስሳታት ንጀምር። ኣብ ሃገርና እቶም ስትራተጅያውያን ዝብሃሉ ሕማማት ኣየኖት እዮም? ንምክልኻሎምን ምቍጽጻሮምን ዝግበር ወፍርታትን መደባትንከ እንታይ ይመስል?**

- ኣብ ሃገርና ኣቐዲሞም ቅድሚ ናጽነት ዝነበሩን ድሕሪኡ'ውን ዝተቐላቐሉን ስትራተጅያውያን ተመሓላለፍቲ ሕማማት ከም ጉልሓይ፡ ጉልሓይ-መሰል ጤለ-በጊዕ (ናይ ሓሶት ጉልሓይ)፡ ነፍሪ፡ ፍሮማይ ከብቲ፡ ፍሮማይ ጤለ-በጊዕ፡ ኣናሶ፡ ምብርዓንን ዓባይ ሰዓልን እዮም። ንምክልኻሎምን ምቍጽጻሮምን ካብ ዝካየዱ ዕማማት ድማ ኣገልግሎት ግዱድ ክታበት ምሃብ፡ ተርእዮ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ንምቍጽጻር ኣካቢብካ ምኽታብ፡ ሜላ ምቁጽጻር ተመሓላለፍቲ ሕማማት ምብርዓንን ዓባይ ሰዓልን



ምሕያል፡ ምእታውን ምዝርጋሕን ናይ ሕክምና መድሃኒት፡ ክታበትን መሳርሒታትን፡ ምእካብ ቅምሶታት ጸረርታ ደምን ካልእን፡ ከምኡ'ውን ምቛም ክሊኒክ እንስሳ ኣብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት የጠቓልሉ። ቅድሚ ናጽነት ኤርትራ ንእንስሳታት ኣገልግሎት ዝህባ ክሊኒካት፡ ዝበዝሓ ኣብ ዞባታት ጥራይ እየን ተሓጺረን ነይረን። ድሕሪ ናጽነት ግና ንዘሎዋና ብዝሒ ጥሪትን ኣገባብ ጉስነትን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ንኡሳ ዞባ ሃገርና ብውሑዱ ሓንቲ ክሊኒክ እንስሳ ሃኒጹ። ምህናጽ ናይዘን ክሊኒካት ከኣ ኣብ ምንካይ ሞት ጥሪት ዓቢ ውጽኢት ተረኺብዎ። ኣብዘን ዝሓለፋ ዓመታት፡ ኣብ ኤርትራ 69 ክሊኒካትን 7 ሓውሲ-ክሊኒካትን ብድምር 76 ትካላት ጥዕና እንስሳ ተሃኒጸን ዓቢ ኣበርክቶ ኣብ ምሃብ ይርከባ። ን345 ካብኣተን ከኣ ጸሓያዊ ሓይሊ መብራህቲ ተኣታትዩለን ኣሎ።

**• ኤርትራ ኣብ ምጥፋእ ይኹን ኣብ ምቍጽጻር ዝተዓወተትሉም ሕማማት እንስሳ ኣለዉዶ?**

- ሕማም ጉልሓይ ሓደ ካብቶም ኣብ ቁጠባ ሓረስታይን ሃገርን ከቢድ ዕንወት ዘስዕቡ ሕማማት እንስሳ እዩ ነይሩ። ሓንሳብ ምስ ዝረአ፡ ኣብ ሓጺር እዋን ናብ ብዙሕ ከባቢታት እናስፋሕፈሐ ካብ ዝተታሕዛ ከብቲ ክሳዕ 90 ሚእታዊት ክቐትል ይኽእል። ስለዚ እዚ ሕማም ብሰንኪ ኣብ ሃገርና ዘውርዶ ዝነበረ ሃስያ ምቁጽጻሩ ጥራይ ዘይኮነስ ዳግም ንኸይርአ'ውን ክጠፍእ ስለዝነበሮ፡ ብዝተወደበ መንገዲ ካብ ምብራቕ ክሳብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ዝሸፍን ነዊሕ ዓመታት ዝወሰደ መደብ ወጺኡ። ብመሰረት ዝወጸ መደብ ከኣ ካብ ኤርትራ ንምጥፍኡ ኣብ ትግባረ ኣቕኒዕና። ኣብ ሃገርና መደብ ምጥፋእ ተመሓላላፊ ሕማም ጉልሓይ ካብ ሜዳ ዝጅምር ኰይኑ፡ ድሕሪ ናጽነት ከኣ ክሳዕ 1997 ክታበት ተኻይዱ።

ድሕሪኡ'ውን ተመሓላላፊ ሕማም ጉልሓይ ምጥፍኡ ንምርግጋጽ ቀጻሊ ኮለላ ብምክያድ ካብ ከብቲ መከላኸሊ መድሕን ከም ዘጥረዩ፡ ድሕሪኡ'ውን ካብ ሓደሽቲ ምራኹት ደም ኣኪብካ ህላወ ናይቲ ሕማም ከም ዘየለ ብምርግጋጽ፡ ኣብ 2005 እዚ ሕማም ምሉእ ብምሉእ ከም ዝጠፍአ ተረጋጊጹ። ሳላ'ቲ ዝተገብረ ሓያል ጻዕሪ ድማ ኣብ ዓመተ 2005 ጠቕላላ ካብ ኤርትራ ከም ዝጠፍአ ዘረጋግጽ ወርቂ መዳልያን ምስክር ወረቐትን ካብ ዓለማዊ ውድብ ጥዕና እንስሳ ተዋሂብና። ምጥፋእ እዚ ሕማም ኣብ ሓረስቶት ዓቢ እፎይታ'ዩ ፈጢሩ።



**• ክታበት ጥሪት ሓደ ካብ ዓበይቲ ዕማማት ናይዚ ሚኒስትሪ እዩም። ኣብዚ ጉዳይ እተራእየ ገስጋስ ከመይ ይግምገም።**

- እተፈላለዩ ሕማማት ንምቁጽጻር፡ መንግስቲ መደብ ግዱድ ክታበት ብምውጻእ፡ ካብ 1993-1997 ዝተራእዩ 67 ዝተፈላለዩ ተመሓላለፍቲ ሕማማት እንስሳ ናብ 32 ከም ዝወርዱ ኰይኖም። ነዚ መሰረት ብምግባር ካብ 2013 ዓመተ ምህረት ጀሚሩ ዓመታዊ 2.5 ሚልዮን ጥሪት ይኽተባ ኣለዋ። እዚ ድማ ንክስተታት ሕማማትን ሞትን እንስሳን ኣብ ዝተሓተ ደረጃኡ ኣውሪዱዎ።

**• ኣብ ምቁጽጻር ባልዓትን ሕማማትን ብቑሊ እተሰላሰሉ ንጥፈታትከ ከመይ ይመስሉ?**

- ኣብ ምክልኻልን ቁጽጽርን ባልዓትን ሕማማትን ብቑሊ፡ ካብ 1992 ጀሚሩ ዳህሳስን መጽናዕቲን ኣብ ባልዓት፡ ሕማማት፡ ጻህያይን ናይ መኽዘን ባልዓትን በብእዋኑ ተኻይዱ። ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ምንጻግ ጸረ-ባልዕ ዘጠቓልለ ውሁድ ኣገባብ ምክልኻል ባልዓት ኣካዩዱ፥ ንሓረስቶት ሰፊሕ ኣስተምህሮ ሂቡ፣ መንጸጊ መሳርሒ ማንዋልን ሞቶራይዝድን ዘርጊሑ፣ ብርክት ዝበለ ዓይነታት መከላኸሊ ባልዓት ኣተኣታትዩ። ኣብዚ እዋን ግና መድረኽ ብመድረኽ ናብ ባህርያዊ ኣገባብ ምክልኻልን ምቊጽጻርን ባልዓት ንኣቱ ኣሎና። ተሰፋ ዝህብ ውጽኢት ድማ ንረኽበሉ ኣሎና።

**• ኣብ መኸተ ሳገምቲ ባልዓት ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ ኣንበጣ ምድረበዳ ዝተኻየደ ስራሕከ እንታይ ይመስል?**

- ኤርትራ ኣብ ምቊጽጻር ሳገምቲ ባልዓት፡ ሓንቲ ኻብተን ብኣብነት ዝጥቀሳ ሃገራት እያ። ኣብ ዝሓለፈ ሰላሳ ዓመታት ድማ ኣብ ልዕሊ 520 ሽሕ ሄክታር መሬት ዘጋጠመ ለበዳ ኣንበጣ ምድረበዳ ብምትሕብባር ሚ/ሕርሻ፡ ዞባዊ ምምሕዳር፡ ህዝብን ሰራዊትን ከምኡ'ውን ካልኦት ትካላት መንግስቲ፡ ዝጥቀስ ጉድኣት ከየውረደ ኣብ ትሕቲ ቊጽጽር ውዒሉ።

ለበዳ ባርኖስ ኣፍሪቃ'ውን ኣብ እዋን ክራማት ከበሳ፡ ኣብ ውሱን ዓመታት፡ ኣብ ኲለን ዞባታት ዝርአ ባልዕ እዩ። ኣብ ዝሓለፉ ሰላሳ ዓመታት፡ ኣብ ልዕሊ 30 ሽሕ ሄክታር ዘጋጠመ ለበዳ ባርኖስ ኣብ ትሕቲ ቊጽጽር ውዒሉ።
ለበዳ ኣዕዋፍ ኳላ-ኳላ'ውን ኣብ ምዕራባዊ ክፋል ሃገርና፡ ዞባ ጋሽ-ባርካ ዘጋጥም ኰይኑ፡ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ኣብ ልዕሊ 5 ሽሕ ሄክታር ሰፍሓት መሬት፡ ዕዉት ናይ ምቊጽጻር ስራሓት ተኻይዱሉ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ 2018 ሓድሽ ለበዳ ሳጋሚ ባርኖስ ቀውዒ ኣብ ዘጋጠመሉ እዋን፡ ብዝተወሰደ ህጹጽን ዘየዳግምን ናይ ምክልኻል ስጉምቲ፡ ኤርትራ ኣብ ዞባና ብኣብነት ዝጥቀስ ስራሕ እያ ሰሪሓ።

***



# ሕርሻዊ ምርምር

## ሕመረትን ሞተረን ዘመናዊ ሕርሻ



ኣቶ ጸጋይ ብርሃነ

ሓደ ኣብ ያታዊ ኣገባብ ጥራይ እተመርኰሰ ሕርሻ ናብ ምዕቡል ሜላ ቅድሚ ምስጋሩ፡ ናይ ግድን ክሓልፎ ዝግባእ መስርሓት ኣለዉ። ገለ ካብዞም ዘይስገሩ መስርሓት፡ ምርምርን መጽናዕትን እዩ። እዞም መስርሓት ድማ ቅድሚ ዘድሊ ውጽኢት ምሃቦም፡ ኣብ ባይታ፡ ኣብ ኣካላት እንስሳ ከምኡ'ውን ኣብ ላቦራቶሪ ከም ኮነታቱ ዕሙቕ ዝበለ ንጥፈታት ስለ ዝካየደሎም፡ ዓቕሊ ዝሓቱ ምኳኖም ኣይዝንጋዕን።

### ታሪኻዊ ድሕረ ባይታ ምርምር ሕርሻ ኣብ ኤርትራ

ዋላ'ኳ ሓረስቶት ሃገርና ካብ ጥንቲ ጀሚሮም፡ ብሉጽ ዘርኢ ብቑልን እንስሳን ንምርካብ ናይ ባዕሎም ተባላሓትነት፡ ዕቃበ ዘርእን ምድቓልን የካይዱ ከም ዝነበሩ ክግመት ዝከኣል እንተኾነ፡ ሕርሻዊ ምርምር ብውዱብን እተጸንዐን ኣገባብ ግና ኣብ እዋን መግዛእቲ ኢጣልያ ከም እተጀመረ ሰነዳት ታሪኽን ህልዊ ኣሰራትን የረጋግጹ። ኣብ 1910 ንምርምር ዝዓለሙ ሕርሻታት ቡን፡ ፍረታት፡ ተምሪ፡ ቀላሚጦስ ኣብ ፍልፍል፡ ፋጌና፡ ከረንን ዓዲ ወግርን ከም እተደኰኑ ይፍለጥ። ቀጺሉ ኣብ 1920'ታት፡ ጡጥ ኣብ ምዕራባዊ ቆላታት፡ ዝተመሓየሸ ዘርኢ ስርናይ ድማ ኣብ ከበሳታት ከም እተኣታተወ ይፍለጥ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣጣልያውያን ገዛእቲ፡ ኣብ ኣዝዩ ብዙሕ ከባቢታት ሃገርና ካብ መጽናዕቲ ሓመድ ጀሚርካ ክሳዕ ንምስራሕ ከዘንቲ ማያት ዝኾኑ ቦታታት ኣብ ምልላይ ተዋፊሮም ምንባሮም ሰነዳት ታሪኽ ይሕብሩ።

ኣብ እዋን ፈደረሽን ድማ ምስተን ኣብ ኢትዮጵያ ዝምስረታ ዝነበራ ትካላት ምርምር፡ ኣብ ኤርትራ'ውን ኣብ ሰምበል፡ ዳዕሮ ጳውሎስ፡ ፓራዲዞን ዓዲ ወግርን ከም ዝቈማ ይፍለጥ። ኣብቲ እዋን ካብ ዘራእቲ፡ ስገምን ስርናይ ቀዳምነታት ናይ ከበሳ ክኾና ኸለዋ፡ ምስ ከም ናይ ኬንያን CIMMYTን ዝመሰላ ዞባውያን ትካላት ምርምር ድማ ምትእስሳራት ከም እተጀመረ ተሰኒዱ ይርከብ።

ድሕሪ ፈደረሽን ኣብ ዝነበረ እዋን ጉበጣ ኤርትራ ብኢትዮጵያ፡ ዋላ'ኳ ኣብቲ ደሓን ዝምዕብል ዝነበረ ጽላት ሕርሻ ኤርትራ ዓቢ ዕንወት ከም ዝወረደ ዝፍለጥ እንተኾነ፡ ኣብ ዓሊግድር ካብ ኣመሪካን እስራኤልን ዝመጸ ዓሌት ዘርኢ ጡጥ ከም እተፈተነን 'Acala 17 17c' እተባህለ ዓሌት ከም ዝማዕበለን ይፍለጥ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ሰምበልን ፓራዲዞን እውን ብንኡስ መጠን ሓምላይ ጽላል (ግሪን ሃውስ)ን ካልእ ናውቲ ምርምርን ከም እተተኽለ ይፍለጥ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ እውን ኣብ እምባትካላ ናይ ኣዳጉራ፡ ዓተርን ባልደንጓን፡ ኣብ ሓልሓለ ናይ ፍረታትን ዘራእትን፡ ኣብ ኣባርዳእ ድማ ናይ መግቢ እንስሳ ማእከላት ምርምር ብምቛም ይነጥፍ ምንባሩ ኣብ ታሪኽ ተሰኒዱ ንረኽቦ።

### ሕርሻዊ ምርምር ኣብ እዋን ብረታዊ ቓልሲ

ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ካብ መፋርቕ 1980'ታት ኣትሒዙ፡ ኣብ ፍርያምነት ሓመድ፡ ሕርሻዊ ሜላታት፡ ሓለዋ ጥዕና ብቑሊ፡ ስነ-ገረብ፡ ምሕደራ መጋሃጫታት፡ ሕርሻዊ ማሽነሪ ከምኡ'ውን ኣብ ምርባሕን ጥዕናን እንስሳታት ዘተኰሩ ሕርሻዊ ምርምራት ይገብር ምንባሩ ሰነዳት የረጋግጹ።

### ሕርሻዊ ምርምር ድሕሪ ናጽነት

ሓላፊ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ኣቶ ጸጋይ ብርሃነ፡ እዚ ኣብዚ እዋን ብ172 ኣባላት ዝቈመ ትካል፡ ድሕሪ ናጽነት ብእተፈላለዩ ቅርጽታትን መድረኻትን ከም ዝሓለፈ ይገልጽ። እዚ ትካል ኣብ 1996 ዓቕሚ ሰቡ 93 ጥራይ ከም ዝነበረ፡ እቲ ዝለዓለ ቑጽሪ ዓቕሚ ሰብ ዝበጽሓሉ ድማ ኣብ 2016 ኰይኑ፡ ሽዑ 195 በጺሑ ከም ዝነበረ ይሕብር።

ኣቶ ጸጋይ፡ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር፡ ካብ 1993 ክሳዕ 1997 ኣብ ዝነበረ ግዜ፡ እዚ ትካል ክፍሊ ሕርሻዊ ምርምርን ኤክስተንሽንን ዝብል ስም ብምሓዝ፡ ኣብ ትሕቲኡ ድማ ሰለስተ ጨናፍር ማለት፡ ዘራእቲ፡ ስነ-ገረብ ከምኡ’ውን እንስሳ (ጥሪት) ዝብላ ሓቑፉ ይነጥፍ ከም ዝነበረ ይሕብር። ቀጺሉ፡ ካብ 1997 ክሳዕ 2003 ኣብ ዝነበረ እዋን፡ ናብ ክፍሊ ሕርሻዊ ምርምርን ምምዕባል ዓቕሚ ሰብን ተቐዪሩ። ሽዑ፡ ጨንፈር ምርምር ሕርሻ፡ ብምርምር እንስሳ፡ ምርምር ስነ-ገረብ፡ ምርምር ስነ-ብቑሊ ከምኡ’ውን ምርምር ሕርሻዊ ምህንድስና ዝብሃላ ኣሃዱታት ክትቀውም ከላ፡ ጨንፈር ምዕባለ ዓቕሚ ሰብ ድማ ኣሃዱ ስልጠናን ኣሃዱ ምዕባለ ዓቕሚ ሰብን ዝብላ ኣሃዱታት ሒዛ ነበረት።

ካብ 2003 ኣትሒዙ፡ እዚ ትካል፡ ‘ሃገራዊ ኢንስቲትዩት ሕርሻዊ ምርምር (National Agricultural Research Institute)’ ብዝብል ሓድሽ ኣቃውማ፡ ፈለማ ብኣርባዕተ ቴክኒካዊ ጨናፍር ማለት፡ ጨንፈር ምምሕያሽ ዘራእቲ፡ ጨንፈር ምርምር እንስሳ፡ ጨንፈር ምርምር ምሕደራ ባህርያዊ ጸጋታት፡ ከምኡ’ውን ጨንፈር ምርምር ሕርሻዊ ምህንድስና፥ ጸኒሑ ድማ ኣብ 2011 እታ ብደረጃ ኣሃዱ ትነጥፍ ዝነበረት ኣሃዱ ጀነቲካዊ (ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት) ናብ ደረጃ ጨንፈር ብምዕባይ ክትነጥፍ ጀሚራ። ኣብ ርእሲ’ዘን ቴክኒካዊ ጨናፍር፡ ወሃብቲ ደገፍ ዝኾና ጨንፈር ምምሕዳርን ፋይናንስን፡ ኣሃዱታት ባዮ-ቴክኖሎጂ፡ ውጥንን ስታቲስቲክስ፡ ምርምር ቴክኖሎጂ መግቢ ከምኡ’ውን ማሕበረ-ቍጠባዊ መጽናዕቲ’ውን ኣገደስቲ ኣካላት ናይዚ ትካል ምዃነን፡ ኣቶ ጸጋይ ብርሃነ ወሲኹ ይገልጽ።

ቀጺሉ እምበኣር፡ ኣብ ጸብጻብ ናይዘን ቴክኒካዊ ጨናፍር እተመርኰሰ ካብ ምምስራተን ክሳዕ ዓመተ 2021 ዝነበረ ዓበይቲ ዓወታት ቀሪቡ ኣሎ።

## ጨንፈር ጀነቲካዊ ጸጋታት

ዕቃብ ሕርሻዊ ጀነቲካዊ ጸጋታት፡ ኣገዳስነቱ ኪንዮ ቴክኒካዊ ንጥፈታት ዝሽይድ ድሕነት መበቍላዊ ሃብቲ ሃገር እዩ። በዚ’ዩ ድማ ኣብ ዕቃብ ብቑሊ፡ እንስሳን ኣግራብን ብልዑል ኣተኩሮን ሓላፍነትን ዝሰርሕ።

## ጀነቲካዊ ጸጋታት ብቑሊ

ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ኣብዚ ዓውዲ ዛጊት 6182 ዝኾኑ ቅምሶታት ዘርኢ (accessions) ናይ 158 ዓይነታት ብቑሊ ዓቂቡ ከም ዘሎ ክፍለጥ ከሎ፡ ካብዚኣቶም እቶም 4557 ካብ ውሽጢ ሃገር እተኣከቡ ኾይኖም፡ እቶም ዝተረፉ ድማ ብናይ ደገ ትካላትን ገለ ሃገራትን እተዋህቡ ምዃኖም ጸብጻባት ናይቲ ጨንፈር ይሕብሩ። ኣብ 1664 ካብዞም እተዓቀቡ ዓይነታት ብቑሊ፡ ናይ ባህርያት (agro-morphological) መጽናዕቲ ክግበር ከሎ፡ ኣብ 200 (መሽላ)፡ 48 (ኣዳንጉራ)፡ 8 (ሰገም) ብድምር



ኣብ 256 ቅምሶታት ድማ መጽናዕቲ ባህርያት ብዲ.ኤን.ኤ (molecular characterization) ተኻዩዱ። ኣብቶም ዝእከቡን ዝዕቀቡን ቅምሶታት፡ ብዘይካ መጽናዕቲ ባህርያት፡ ኣብ ውሱን ግዜ ምሕዳሶም እውን ኣዝዩ ኣገዳሲ ስለ ዝኾነ፡ ካብ ብሱላት እኽልን ጥረታትን ዘጠቓልሉ 1274 ቅምሶታት ዘርኢ ‘መስርሕ ምሕዳስ’ ተኻዪድሎም። ብተወሳኺ፡ ኣብ 686 ሓደስቲ እተኣከቡ ቅምሶታት ንምዕቃብ እኹል መጠን ዘርኢ ዝዓለመ ምብዛሕ ዘርኢ ተኻዩዱ።

## ጀነቲካዊ ጸጋታት እንስሳ ዘቤት

ዕቃብን ምምዕባልን መበቍላውነት ጸጋታት እንስሳ እውን ሓደ ኣገዳሲ ክፋል ናይዚ ጨንፈር ምዃኑ ይፍለጥ። በዚ መሰረት፡ እዚ ዓውዲ ዋላ’ኳ ገና ኣብ መባእታዊ ደረጃ ምርምር ይሃሉ፡ ዛጊት ን158 ናይ ባርካ ዓሌት ኣሎወን ተባሂሉ ዝእመነለን ካብ ንኡሳን ዞባታት ጎልጅን ተሰነይን እተኣከባ ከብቲ ኣርብዓ ረቛሒታት ብምጥቃም፡ ናይ ባህርያት (phenotypic characterization) መጽናዕቲ ተኻዪዱለን።

ምሕያል ምእካብ ጀነቲካዊ ጸጋታት ብቑልን ገረብን ኣብ ባህርያዊ ቦታኦም (in-situ) ከምኡ’ውን ምብዛሕ ኣብ ዘመናዊ መዐቀቢ (ex-situ)፡ ምምስራት መዐቀቢ ጀነቲካዊ ጸጋታት እንስሳ ዘቤት፡ ምሕያል ኩለንተናዊ መጽናዕቲ ባህርያት ናይ ዝተኣከቡ ቅምሶታት ብቑሊ ከምኡ’ውን ምዕባይ ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣብዞም እተጠቕሱ ጉዳያት፡ ገለ ካብ ዓበይቲ መደባት ናይዚ ጨንፈር ምዃኖም ኣብ ጸብጻባት ናይዚ ጨንፈር ተጠቒሱ ኣሎ።

## ምምሕያሽ ዘራእቲ

ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር፡ ምስናይ ኵሉ ብድሆታቱ፡ ኣብ ምምሕያሽ ዘራእቲ ደሓን ዝኾነ ገስጋስ ከም ዘመዝገበ ኣቶ ጸጋይ ብርሃነ ምስዛ መጽሔት ኣብ ዘካየዶ ቃል መሕትት ይገልጽ። ምምሕያሽ ዘራእቲ፡ ሓደ ካብ ቀንዲ ስትራተጅያዊ ቀዳምነታት ናይዚ ትካል ምርምር ምዃኑ ዝሓበረ ኣቶ ጸጋይ፡ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ብልዑል ኣድህቦ ሒዙ ምርምራዊ ንጥፈታት ዘካይደሎም ዓይነታት ብቑሊ፡ ካብ ኣእካል፦ መሽላ፡ ብልቱግ፡ ሰገም፡ ስርናይ ከምኡ’ውን ዕፉን ክኾኑ ከለዉ፡ ካብ ጥረታት ድማ



ዓተር፡ ብርስን፡ ዓይኒ ዓተር፡ ባልደንጓ ምኻኖም ብዝርዝር የብርሀ። ብዘይካ'ዚ ኣብ ናይ ቀብኢ ኣእካል፡ ዋላ'ኳ ገና ነዊሕ ጉዕዞ ይጽበየና እንተሎ፡ ኣብ ሰምሰም፡ ኣድሪ ዘይቲ፡ ሱፍ ከምኡ'ውን ጡጥ ልዑል ኣተኩሮ ከም ዝግበር ይፍለጥ።

ዛጊት ካብቶም ኣብ ሓልሓለ፡ ጋሕተላይ፡ ሽዕብ፡ ኣቆርደት፡ ሻምብቆ፡ ሓጋዝን ጉልጅን ዝርከባ ሸውዓተ ናይ ምርምር ነቑጣታትን ንኡሳን ነቑጣታትን፡ ካብ 1997 ጀሚሩ 45 ዓይነት ምሩጻት ዘርኢ ኣእካል ማለት ስርናይ (16)፡ ስገም (6)፡ መሽላ (11)፡ ብልቱግ (6)፡ ዕፉን (3)፡ ሱፍ (1) ከምኡ'ውን ክልተ ዓይነት ጥረታት ከም ዘማዕበለ ይሕብር። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ካብ 2000-2021 ኣብ ዝነበረ ግዜ፡ ልዕሊ 15 ሽሕ ኵንታል ምሩጽ ዘርኢ እኽሊ (foundation seed) ከም እተባዝሐ ይፍለጥ። ብዙሓት ካብቶም ብምርምር ዝማዕበሉን ዝተራዕሙን ምሩጻት ዘርኢ፡ ብመገዲ ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስተንሽንን ዞባታትን ናብ ሓረስቶት ተዘርጊሖም ኣብ ምዕባይ እቶትን እቶታውነትን ከምኡ'ውን ተጻውሮ ባልዓትን ሕማማትን ወሳኒ ተራ ከም ዝነበሮም ይፍለጥ።

ኣብ ምርምር ኣሕምልትን ፍረታትን፡ እቶም ብቑዳምነት ዝሰርዑ ድንሽ፡ ሽጉርቲ፡ ኮመደረ፡ ጉዕ-በርበረ፡ ጻዕዳ ሽጉርቲ ከምኡ'ውን ፍረታት ምኻኖም ኣብ ጸብጻብ ጨንፈር ምምሕያሽ ዘራእቲ ተጠቒሶም ይርከቡ። በዚ መሰረት፡ ዛጊት 34 ዓይነት ኣሕምልቲ ከምኡ'ውን 36 ዓይነት ፍረታት ማዕቢሎም ከም ዘለዉ ይፍለጥ። ካብዚኣቶም፡ 7756 ኩንታል ዘርኢ ድንሽ፡ 3300 ፈልሲ ባናና፡ ልዕሊ 4 ሽሕ ኪሎ ዘርኢ ኣሕምልቲ ከምኡ'ውን ኣስታት 4 ሽሕ ፈልሲ ፍረታት (citrus) ናብ ሓረስቶት ተዓዲሉ ምህላዉ መዛግብቲ ናይዚ ጨንፈር የነጽሩ።

ምርምር ሕማማት ዘራእትን ኣሕምልትን እውን ወሳኒ ዕማም ናይዚ ጨንፈር ብምዃኑ፡ ኣብዚ ዓውዲ ንቑንዲ ሕማማትን ባልዓትን ብምልላይ፡ ተጻወርቲ ዝኾኑ ዓይነታት ብቑሊ ኣብ ምፍራይ ሓያል ጻዕርታት ክካየድ ምጽንሑ ይፍለጥ። በዚ መሰረት ዛጊት፡ 26 ሕማማት ዘራእቲ ክልለዩ ኸለዉ፡ 3 ሓደስቲ ባልዓት ከምኡ'ውን 2 ሓደስቲ ዓይነት ጻህያይ ተለልዮም። ብተወሳኺ፡ ነዞም ሕማማትን ባልዓትን ብቑዓት ዝኾኑ ብርክት ዝበሉ ዓይነታት ጸረ-ጻህያይን ጸረ-ባልዓትን ሕማማትን ተመሪጾም ከም ዘለዉ ይፍለጥ።

## ምርምር ምሕደራ ባህርያዊ ጸጋታት

ምኽያድ ምርመራ ሓመድ፡ ማይ፡ ድኾዒ ወዘተ. ንምርግጋጽ ብቑዓት ሕርሻ፡ ሓደ ካብ ዓበይቲ ዓንድታት ትካል ሕርሻዊ ምርምር እዩ። በዚ ድማ ክሳዕ 2021 ኣብ ዝነበረ ግዜ፡ እዚ ጨንፈር ልዕሊ 15 ሽሕ ናይ ሓመድ፡ ልዕሊ 400 ናይ ማይ፡ ልዕሊ 1300 ናይ ተኽሊ፡ ኣስታት 80 ድማ ናይ ድኾዒ መርመራታት ኣብ ላቦራቶሪ ተኻዪዱ ንዝምልከቶም ተጠቀምቲ ተዋሂቡ። ብዘይካ'ዚ ክልተ መወከሲ ዓቐን ድኾዒ ኣብ መሽላን ስርናይን ተዛዚሙ፡ ንስራሕ ድሉው ኰይኑ። ኣብ ልዕሊ 50 ሽሕ ሄክታር መሬት፡ መጽናዕቲ ንድሬ-ሓመድ ተኻዪዱ፡ ክፊላዊ ካርታ ሓመድ ድማ ተዳልዩሉ። ናይ ሃገርና ካርታ ምቹእነት ሓመድ ንሕርሻ (Soil Suitability Map) ንምድላው ግና ሓያል ጻዕሪ ይጽበየና ኣሎ።

ኣሃዱ ምርምር ገረብን እንስሳ ዘገዳምን ናይዚ ጨንፈር ብወገኑ፡ 1819 ኪሎ ግራም ናይ 39 ዓሌታት ኣግራብ (22 ካብ ውሽጢ ሃገር፡ 17 ካብ ደገ) ክእክብ ከሎ፡ 811 ኪሎ ግራም ናይ 29 ዓሌታት ኣግራብ ድማ ንኽፈልሱ ተዓዲሎም። ብዘይካ'ዚ ኣብ 52 ዓሌታት ኣግራብን 59 ምንጪ ዘርእን (provenence) ንግቡእ ምሕደራ ኣግራብ፡ ናይ ምምማይን ምምራጽን መስርሕ ተኻዪድሉ። ኣብ ርእሲ'ዚ ኣብ ዞባ ማእከል (መርሓኖ)፡ ዞባ ደቡብ (ንኡስ ዞባ ድባርዋ)፡ ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ (ሻምብቆ፡ ኣቆርደት፡ ጎልጅ) ከምኡ'ውን ኣብ ውሱን እዋን ኣብ ገለ ከባቢታት ዞባ ዓንሰባን ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ንመጽናዕቲ ዝገልግሉ እተፈላለዩ ዓይነት ኣግራብን ቀጥቋጥን ከም እተተኽሉ፡ ብቐጻሊ ድማ ምርምራዊ ስራሓት ከም ዝካየደሎም ይፍለጥ።

ኣብ ምርምር ምሕደራ ማይ-ኵሶ ድማ ኣብ ጎልጅን ሻምብቆን፡ እተፈላለዩ ስራሓት ናይ ቅናታዊ ዛላ (4800 ሄክታር)፡ መደባዊ ዛላ (800 ሄክታር) ከምኡ'ውን ከትርታት (99 ሜትር ኲብ) ከም እተሰላሰሉ፡ ጽልዋኦም ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ከምኡ'ውን ኣብ ምኽዕባት ምህርቲ ድማ ግሉሕ ምዃኑ ከም እተረጋገጸ ጸብጻባት ናይዚ ጨንፈር ይሕብሩ።





## ንጥፈታት ባዮ ቴክኖሎጂ

ኣሃዱ ባዮ-ቴክኖሎጂ፡ ኣብ ክልተ ዓውድታት ማለት ኵስኵሳ ኣካሊት (ቲሹ-ካልቸር) ከምኡ'ውን ኣብ ሞለኩላር ባዮሎጂ (መጽናዕቲ ጀነቲካዊ ትሕዝቶን ጸጋታትን ብቝልን እንስሳን) ዘተኮር ኰይኑ፡ ብተዛማዲ ሓጺር ዕድመ ዘሎዎ'ኳ እንተኾነ፡ ዛጊት ኣብ ምፍራይ ካብ ቫይረስ ናጻ ዝኾኑ ዘርኢ ድንሽን ፈልሲ ባናናን ዕዉት ስራሓት ዓሚሙ ኣሎ።

ንኣብነት፡ ካብ 2016-2021 ኣብ ዝነበረ እዋን፡ ካብ ሕማማት ናጻ ዝኾነ ኣስታት 150 ሽሕ ኲንታል ዘርኢ ድንሽ ፈርዩ ናብ ሓረስቶት ከም እተዘርግሐ፡ ንሃገራዊ ገምጋማዊ እቶት ድንሽ ድማ ናብ ኣስታት 160 ኲንታል ኣብ ሄክታር ክብ ከም ዘበሎ ይፍለጥ። እዚ እቲ ብደረጃ ሃገር ዝነበረ ገምጋም ደኣ'ምበር፡ እቶም ኩለንተናዊ ክንክን ዝገበሩ ሓረስቶት ክሳዕ 450 ኲንታል ድንሽ ካብ ሓደ ሄክታር ክረኽቡ ከም ዝኸኣሉ ሰነዳት ሕርሻዊ ምርምር የረጋግጹ። እቲ ዝዓበየ ዓወት ናይዚ ምዝርጋሕ ዘርኢ፡ እቶም ብሰንኪ ሕማማት ኣብ ሓጺር እዋን ዝቕየሩ ዝነበሩ ወለዶታት ድንሽ፡ ኣብዚ እዋን ብዘይምቍራጽ ንተኸታታሊ ወለዶታት (ኣብ ገሊኡ ክሳዕ 9ይ ወለዶ) ክበጽሑ ዝኸኣሉ ሓረስቶት ከም ዘለዉ ይፍለጥ። ብዘይካ'ዚ ኣብ ባናና ብዝተገብረ ኵስኵሳ ኣካሊት፡ ካብ 2018-2022፡ ልዕሊ 2000 ፈልሰታት ባናና ብቲሹ-ካልቸር ማዕቢሎም ናብ ሓረስቶት ተዓዲሎም።

ኣብዚ እዋን ኣብ ሃገርና እቲ ልዑል ኣተኵሮ ተዋሂቡዎ ዘሰርሓሉ ዘሎ ኵስኵሳ ኣካሊት፡ ኣብ ተምሪ እዩ። እዚ መስርሕ ዋላ'ኳ ኣብ መባእታዊ ደረጃኡ ይሃሉ፡ ማዕር-ማዕሪኡ ካብ 2018-2021፡ ብምዕቡል ቲሹ-ካልቸር ዝሓለፈ፡ ልዕሊ 7800 ፈልሲ ተምሪ ካብ ወጻኢ ሃገር ተኣታቲዩ ኣብ ዞባታት ሰሜናውን ደቡባውን ቀይሕ ባሕሪ ንሓረስቶትን ትካላትን ተዓዲሉ ኣዝዩ ጽቡቕ ውጽኢት ኣብ ምሃብ ይርከብ።

እዚ እተጠቕሰ ቴክኖሎጂ፡ ኣብ ጉዳይ ውሕስነት ጸዓትን ብቝዕ ዓቕሚ ሰብን ዘሎዎ ብድሆታት ምስ ዝፍታሕ፡ ኣብ ምፍራይ ካብ ሕማማት ናጻ ዝኾኑ ኣዝርእቲ መሰረታዊ ለውጢ ከምጽእ ከም ዝኽእል ይእመነሉ።

## ምርምር ሃብቲ እንስሳ

ዓውዲ ሃብቲ እንስሳ፡ ኣብ ኣመጋግባ፡ ጥዕናን ምሩጽ ዓሌት እንስሳን ኣተኲሩ ምስ ዝሰርሕ፡ እቲ ኻብኡ ክርከብ ዝግብኦ ፍርያት ብግቡእ ክምዝመዝ ከም ዝኽእል ርዱእ'ዩ። በዚ'ዩ ድማ ኣብዘን ዝሓለፋ ዓመታት ናጽነት፡ ኣብዞም እተጠቕሱ ዓውድታት ዓቕሚ ዝፈቕዶ ምርምራት ክግበር ዝጸንሐ። ኣመጋግባ ጥሪት ንምምሕያሽ ብሓፈሻ፡ ኣማራጺታት መግቢ ናይ ጸባ ኹብቲ ንምብዛሕ ድማ ብፍሉይ ኣብ እተኻየዱ ጻዕርታት፡ 261 ዓይነታት ቀጠልያ መግቢ እንስሳ ክፍተኑ ኸለዉ፡ ካብዚኣቶም 30 ዓይነታት ሳዕርን 50 ዓይነት ጥረታትን ብምርምር እቶም ዝሓሹ ኰይኖም ተመሪጾም ይርከቡ። እዞም 50 ዓይነታት ቀጠልያ መግቢ እንስሳ ውጽኢት እተፈላለዩ ምርምራት ኰይኖም፡ ንጨዋም ቦታ፡ ንመጋሃጫ፡ ንዑደት ዘራእቲ፡ ንገደና፡ ንውሑጅ ዝሓልፎ ቦታ፡ ንመሰኖ፡ ከምኡ'ውን ንምክልኻል ማይ-ኵያ ዘገልግሉ ተባሂሎም እዮም ተመሪጾም።

ብዘይካ'ዚ፡ ንመግቢ እንስሳ ዘገልግሉ 6 ዓይነታት ምቁር ድንሽ ተፈቲኖም፡ 4 ዓይነታት ድማ ተመሪጾም።

ኣብ ምርምር ጥሙር መኣዛዊ መግቢ እንስሳ (Feed Block Trials) ንኸበሳ ዝኾኑ 4፡ ንምዕራባዊ ቆላታት 3፡ ንምብራቓዊ ቆላ ድማ 2 ዓይነታት ተመሪጾም። ነዞም ዓይነታት መግቢ እንስሳ እተወሃህድን እትሰግድን ማሽን ድማ ተሰሪሑ።

እዚ ጨንፈር ብተወሳኺ፡ ብዕፉንን ብኣልፋኣልፋን እተሰርሑ ክልተ ዓይነታት ዝተዓብዐበ መግቢ እንስሳ (silage) ከዳሉ ኸሎ፡ ንመግቢ ምራኹት (calf starter) ዝኸውን ሓደ ዓይነት መግቢ ድማ ፈቲኑ ኣሎ።

ኣብ ሃገርና ዝርከባ ኣባጊዕ፡ ባህርያተንን ንሕማማትን ባልዓትን ዘሎወን ተጻዋርነትን ብምጽናዕ፡ እተን ውጽኢታውያን ዝኾና ድማ ኣብ ሓልሓለን ኣብ ቦታ ሓረስቶትን ንምብዝሐን እተወሰደ ተበግሶ፡ ተስፋ ዝህብ ውጽኢት ተረኺቡዎ ከም ዘሎ፡ ጸብጻባት ጨንፈር ምርምር ሃብቲ እንስሳ ይሕብሩ። ማእከል ምርምር ክብቲ ብጋይት ኣብ ጎልጅ ምቛሙ እውን ሓደ ዝላ ኣብ ምርምር ክብቲ ኹይኑ ተመዝጊቡ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ ምስ ሃገራዊ ላቦራቶሪ ጥዕና





እንስሳን ብቕልን ብምትሕብባር፡ ኣብ ብርክት ዝበሉ ሕማማትን ባልዓትን መጽናዕትታት ከም እተኻየዱን ንኣኣቶም ንምቁጽጻር ድማ መድሃኒታት ከም እተኣመሙን ይፍለጥ። ዛጊት ድማ 5 ዓይነት ውሽጣውያን 6 ዓይነት ድማ ግዳማውያን ባልዓት (ቀራዲድ) ተለልዮም ኣለዉ።

## ምርምር ሕርሻዊ ምህንድስና

ጨንፈር ሕርሻዊ ምህንድስና፡ ንዅሎም ዓውድታት ሕርሻዊ ምርምር ኣገልግሎት ዝህብ ኣገዳሲ ኣካል ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር እዩ። ካብ 1997 ኣትሒዙ፡ ምምስራት መደበር መጻረዪ ዘርኢ፡ ምቛም ሜትዮሮሎጅያዊ ነቑጣታት፡ ምዝርጋሕ መስመራት ልምዓት መስኖን ጸሓያዊ ጸዓትን፡ ምህናጽ እተፈላለዩ መእለዩ ወሓይዝን መጠነ-ንኡስ ዲጋታትን፡ ምዅዓት ዒላታት ወዘተ. ካብቶም ኣብ ምሕያል ሕርሻዊ ምርምር ወሳኒ ተራ ዝነበሮም ውጽኢት ሕርሻዊ ምህንድስና እዮም።
ካብ 1999 ጀሚሩ ድማ እዚ ጨንፈር፡ ኣብ ምልላይ ግቡእን ቅኑዕን ዓይነታት ማሕረሻ ትራክተራት፡ ፈተነታት ግቡእ መዐቀቢ ኣእካልን ዝሑል መኽዘንን፡ ህንጸት መዕቈቢ እንስሳታት ወዘተ. ዕዙዝ ተራ ይጻወት ኣሎ።

## ምርምር ቴክኖሎጂ መግቢ

ምርምር ቴክኖሎጂ መግቢ፡ ዋላ'ኳ ገና ኣብ መባእታዊ ደረጃኡ ይሃሉ፡ ዛጊት ኣብ ኣሰራርሓ እተፈላለየ ዓይነታት ምቍር ድንሽ፡ ኣብ ሓጺር እዋን ዝዳሎ ርግኦ፡ ምድላው ፈኲስ ዓይነታት መግቢ ብዱባ፡ እንጣጢዕን ጥረታትን ትሰፉው ፈተነታት ከም እተገብረ ይፍለጥ።

እዚ ዓውዲ ግና ገና ክምዝመዝ ዝግብኦ ተኽእሎ ዕብየት ከም ዘሎዎ ምዝካር ኣገዳሲ እዩ።

****



## መለሳ ፍረ ጻዕሪ



እዚ ብድሮን ዝተወሰደ፡ ኣብ ከተማ ሞስኮ፡ ብኣግራብ ኣብ ዝተሸፈነ ቦታ ዝርከብ ስእሊ ሜዳ ኩዕሶ እግሪ እዩ። ዘይቀንእ ኣይወለድ'ዩ'ሞ ሃየ . . .!

## ከምዚ'ውን ኣሎ

ኣብ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ደቒሰብ ሓደጋ ካብ ዘውርዱ እንስሳታት መሮር፡ ጉማረ ብቐዳምነት ይጥቀስ። ጉማረ፡ ዓመታዊ ልዕሊ ኣናብስ፡ ሓራግጽን ኣትማንን ሰባት ከም ዝቕትል መጽናዕታዊ ጸብጻባት የረድኡ።



# ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቊጽጽርን

## ‘ዋሕስ ጥዑይን ብቑዕን ሕርሻዊ ፍርያት’

ብቕዓትን ድሕነትን ሕርሻዊ ፍርያት ንምርግጋጽ፣ ቊጽጽራዊ ስራሓት ሓደ ካብ ኣገደስቲ ንጥፈታት ሚኒስትሪ ሕርሻ’ዩ። ነዚ መደብ ንምትግባር ድማ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቊጽጽርን ኣብ 2003 ከም ዝምስረት ተገይሩ። ቀንዲ ተልእኾ ናይዚ ክፍሊ ድማ ‘ስሉጥን ኣድማዕን ኣገልግሎት ብምሃብ፣ ናይ ውሽባ ባልዓት ምቊጽጻር፣ ድሕነትን ትሕዝቶን ሕርሻዊ ፍርያት ምርግጋጽ ከምኡ’ውን ትሕዝቶን ድሕነትን ሕርሻዊ ስነ-ቀመማት ምውሓስን ቀጻልነት ኣጠቓቕማ  ባህርያዊ ሃብቲ ምርግጋጽን’ እዩ።

ዳይረክተር ጀነራል ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቊጽጽርን ኣቶ ተኽለኣብ ምስግና፣ ብዛዕባ ህሉው ኣቃውማ ናይዚ ኽፍሊ ክብርህ ከሎ፣ እዚ ኽፍሊ ብሰለስተ ጨናፍር ማለት፦ ጨንፈር ቊጽጽር ሃብቲ እንስሳ፣ ጨንፈር ቊጽጽር ሃብቲ ብቚሊ ከምኡ’ውን ጨንፈር ቊጽጽር ባህርያዊ ሃብቲ ከም ዝቑመ ይገልጽ። ብተወሳኺ፣ ኣብ ኵለን ዞባታት፣ ቤት ጽሕፈት ጨንፈር ዞባዊ ቊጽጽር ከም ዝህሉ ብምግባር፣ ኣገልግሎት ቊጽጽር ሃብቲ እንስሳ፣ ሃብቲ ብቚሊ ከምኡ’ውን ባህርያዊ ሃብቲ ይህብ። ኣሃዱታት ምምሕዳርን ፋይናንስን ከምኡ’ውን ውጥንን ስታቲስቲክስን ድማ ከም ወሃብቲ ደገፍ ኣካላት ናይዚ ኽፍሊ ከም ዘገልግላ ይፍለጥ።

ብመሰረት መግለጺ ኣቶ ተኽለኣብ ምስግና፣ ምርግጋጽ ድሕነትን ብቕዓትን መግቢ ሰብን እንስሳን ከምኡ’ውን ብቕዓት ናይ ዘቤታውን ሰደድን ሕርሻዊ ምህርቲ ኣብ ሕርሻታትን መመስርሒ ትካላትን ካብ ቀንዲ ዕማማት ናይዚ ኽፍሊ’ዮም። ሓደ መርኣያ ናይዚ፣ ኣብ ጸባን ውጽኢት ጸባን ዘመስርሓ ትካላት ዝካየድ ቊጽጽራዊ ስራሓት’ዩ። እዚ ድማ ኣብተን ትካላት፣ ኣድልዩ ቊጽጽራዊ ስራሓትን ምትብባዕን ብምክያድ፣ ኣብ ዝሓለፈ 13 ዓመታት፣ ቊጽሪ ጸባ ዘምስርሓ ትካላት ብሓፈሻ፣ ርግኦ ዘፍርያ ትካላት ድማ ብፍላይ እናዓበየ መጺኡ። ከም ዝፍለጥ ክሳዕ 2009፣ ርግኦ ካብ የመን’ዩ ናብ ሃገርና ዝመጽእ ነይሩ። ካብ 2009 ንደሓር ግን ርግኦ ዘመስርሓ ትካላት ክምስረታን





ኣቶ ተኽለኣብ ምስግና

ክበዝሓን ብምጅማረን፣ እቲ ካብ የመን ዝመጽእ ዝነበረ ርግኦ ፈጺሙ ስለ ዝተረፈ፣ ኣብ ዕዳጋ ሃገርና ድሕነቱ ዝተረጋግጸ ርግኦ ይሸየጥ ኣሎ። ኣብዚ እዋን፣ ቊጽሪ ናይተን ጸባን ውጽኢት ጸባን፣ እንተላይ ርግኦ ዘመስርሓ ትካላት ናብ 18 ክብ ኢሉ ይርከብ። ብተመሳሳሊ መገዲ፣ ኣብ ስጋ ዘመስርሓ ትካላት’ውን እቲ ዝደለ ቊጽጽራዊ ስራሓት ከም ዝካየድ ይፍለጥ።

ካልእ፣ ምስ ቊጽጽር ሃብቲ እንስሳ ብዝተኣሳሰር፣ ኣብ መላእ ሃገር ዝርከባ መግቢ እንስሳ ዘመስርሓ ትካላት፣ ድሕነትን ብቕዓትን ናይ ዝፈሪ መግቢ እንስሳ ንምርግጋጽ፣ ዕቱብ ቊጽጽራዊ ስራሕት ከም ዝካየድ፣ ኣቶ ተኽለኣብ ሓቢሩ። ኣብ መግቢ እንስሳ ዘመስርሓ ትካላት ዝፈሪ መግቢ እንስሳ፣ ድሕነቱን ብቕዓቱን ዝሓለወ መታን ክኸውን፣ ብመገዲ ጨንፈር ቊጽጽር ሃብቲ እንስሳ፣ ኣድላዪ ቊጽጽርዊ ስራሓት ይካየደሉ። ኣብ ኵለን መግቢ እንስሳ ዘዳልዋ ትካላት ብምብጻሕ ድማ ብቕዓት ትሕተ-ቕርጺ፣ መኽዘን፣ ጽሬት ኣከባብን ብቕዓት ትካልን ዝኣመሰሉ ጉዳያት ቊጽጽራዊ ንጥፈታት ይካየደሎም። ብዘይካ’ዚ፣ ካብ ካልኦት ሃገራት ዝኣቱ መግቢ እንስሳ’ውን፣ ድሕነቱን ብቕዓቱን ዘረጋግጽ ፍቓድ ብምሃብ፣ ብግቡእ ቊጽጽራዊ መስርሓት ይሓልፍ።

ኣብ ፍርያት ብቚሊ ብሓፈሻ፣ ኣብ ኣሕምልትን ፍረታትን ድማ ብፍላይ፣ ብጨንፈር ቊጽጽር ሃብቲ ብቚሊ ዝካየድ ቊጽጽራዊ ስራሓት’ውን ኣሎ። ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመታት ዘጋጠመ ብከላ ኮመደረ ብመድሃኒት ጸረ-ባልዕ ንኣብነት፣ ኣብዚ እዋን ዋላ’ኳ ጠቕሊሉ የሎን እንተዘይተባህለ፣ ኣዝዩ ጕዲሉ ምህላዉ ግና ሓደ ካብ ዓወታት ናይዚ ኽፍሊ’ዩ። እዚ ድማ ንሓረስቶት ብእተዋህበ ትምህርትን ጕስጓስን፣ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ድማ ዝተበከለ



ኮመደረ ብምጕሓፍ፡ ብከላ ኮመደረ ብመድሃኒት ጸረ-ባልዕ ኣዝዩ ነክዩ ምህላዉ ኣቶ ተኽለኣብ ሓቢሩ። ኣብተን ፍርያት ብቝሊ፡ ከም፦ ማልመላታ፡ ዘይቲ ስምስም፡ ሳልሳ፡ መብሰሊ ባናና፡ ወዘተ. ዘመስርሓ ትካላት እተገብረ ቍጽጽራዊ ስራሓት፡ ኣድማዒ ውጽኢት ከም እተረኽቦ ዝሓበረ ኣቶ ተኽለኣብ፡ ብኡ መጠን ድማ ኣፍልጦን መረዳእታን ሓረስቶትን ኣመስራሕቲ መግብን ኣብ ድሕነት መግቢ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ክብ ከም ዝበለ ኣረዲኡ።

ንጥፈታት ውሽባ ብቝልን እንስሳን እውን ካብ ዓበይቲ ዕማማት ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽርን እዩ። ኣቶ ተኽለኣብ ምስግና፡ ብዛዕባ ኣገዳስነት ውሽባ ክብርህ ከሎ፡ ውሽባ ዘድልየሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ ምስ እንስሳታታ፡ ብቝልን ውጽኢቶምን ተታሓሒዙ ክመጽእ ንዝኽእል ሓደጋታት ባልዓትን ሕማማትን ካብ ደገ ናብ ሃገርና ንኸይኣቱ ምኽልካል ምዃኑ ገሊጹ። ካልእ ኣገዳስነት ናይ ውሽባ፡ ካብ ውሽጢ ሃገር ናብ ካልእ ሃገር ዝሰደድ ፍርያት እንስሳታትን ብቝሊን ውጽኢቶምን፡ ባልዓትን ሕማማትን ሒዞም ንኸይጕዓዙ ምርግጋጽ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ነዚ’ውን ናይ ጥዕና ምስክር ወረቐት ከም ዝወሃብ ኣቶ ተኽለኣብ ሓቢሩ። ኤርትራ ምስ ካልኦት ሃገራት እትገብሮ ናይ ሕርሻ ንግዲ’ውን ካብ ባልዓትን ሕማማትን ናጻ ምዃኑ ምርግጋጽን ውሑስ ምግባሩን ሓላፍነት ናይዚ ኽፍሊ ምዃኑ ይፍለጥ። ነዚ ኣገልግሎት ክዉን ንምግባር ድማ ኣብ ቀንዲ ኣፍደገታት ሃገር (ባሕርን መሬትን)፡ ኣብ ኣህጉራዊ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ፡ ወደብ ባጽዕ፡ ወደብ ዓሰብ፡ ከምኡ’ውን ኣብ ተሰነይ ናይ ብቝልን እንስሳን ውሽባ ኣገልግሎት ይህብ። ካብ ሃገር ንሰደድ ዝለኣኹን ካብ ወጻኢ ሃገር ንዝኣትዉን ሕርሻዊ ፍርያት ድማ መርኣያ ወይ ቅምሶ ብምውሳድ፡ ይምርምርን ምስክር ወረቐት ንጽህና ብምድላው ፍቓድ እታው ወይ ሰደድ ይህብ።

ንዝተዋህበ ናይ ጥዕና ምስክር ብቝሊ ብዝምልከት፡ ካብ 2005-2022 ኣብ ዝነበረ ዓመታት፡ ጥዕናኡ ብምርግጋጽ ናብ ወጻኢ ንዝተሰደ ፍርያት ብቝልን ውጽኢት ብቝልን ኣስታት 770 ናይ ጥዕና ወረቐት ምስክር ተዋሂቡ። ንእታው ብዝምልከት ድማ ብናይ ጥዕና ምስክር ተሰንዩ ናብ ሃገር ዝኣተወ ፍርያት ብቝሊ፡ 463 ፍቓድ እታው ተዋሂቡ።

“ቴክኒካዊ ብቕዓት ቍጽጽራዊ ስራሓት ውሽባ ንምሕያል፡ ኣብ ምድላው ናይ ላቦራቶሪ መሳለጥያታትን ምሕያል ዓቕሚ ክኢላታትን ብዙሕ ስራሕ ተሰላሲሉ እዩ” ዝበለ ኣቶ ተኽለኣብ፡ ቀጺሉ፡ “ሽሕ’ኳ ዝተማልአን እዋናውን ኣይኹን፡ ሃገራዊ ማዕከን ሓበሬታ ባልዓትን ሕማማትን ምድላዉ ዓቢ ዝላ ምዃኑ፡ ዝያዳ ንምህብታሙ ድማ ብዙሕ ኮለላን መጽናዕትን ከም ዝሓትት ኣስሚሩሉ።

ቍጽጽር ብቕዓት ዘርኢ፡ ሓደ ካብ ኣገደስቲ ዕማማት ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽርን ምዃኑ ይፍለጥ። ነቲ ብኽፍሊ ሕርሻዊ ምርምር ፈርዩ፡ ብመገዲ ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስተንሽን ናብ ሓረስቶት ዝዝርጋሕ ምሩጽ ዘርኢ፡ ብቕዓቱ ሓልዩ ይፈርይን ይዝርጋሕን ከምዘሎ ንምርግጋጽ፡ ብመገዲ ጨንፈር ቍጽጽር ሃብቲ ብቝልን ጨንፈር ዞባዊ ቍጽጽርን ኣድላዪ ቍጽጽራዊ ስራሓት ከም ዝካየድ፡ ኣቶ ተኽለብ ምስግና ገሊጹ። ኵሉ ዝባዝሕ ምሩጽ ዘርኢ ብዝተማእከለ መገዲ ውሳነ ምሃብ ከም ዘድሊ፡ እዚ ድማ በታ ብኽፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽርን እትምእከል ሃገራዊት ኮሚቴ ምዝርጋሕ ምሩጽ ዘርኢ (National Variety Release Committee) ከም ዝካየድ፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ዘድሊ ናይ ላቦራቶሪ ፈተነ ድሕሪ ምክያድ፡ ምስክር ብቕዓት ዘርኢ (Seed Certificate) በቲ ኽፍሊ ከም ዝወሃብ ኣቶ ተኽለኣብ ኣብ መግለጺኡ ሓቢሩ።

መድሃኒት ጸረ-ባልዕ ኣብ ምኽዕባት ሕርሻዊ ምህርቲ ዘሎዎ ተራ ርዱእ’ኳ እንተኾነ፡ ብግቡእ ኣብ ጥቕሚ ምስ ዘይውዕል ግና ኣብ ሰብን እንስሳን ከምኡ’ውን ኣብ ኣከባቢ ዘሎዎ ኣሉታዊ ጽልዋ ከቢድ’ዩ። በዚ ድማ ‘ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽርን ንምሕደራን ኣጠቓቕማን መድሃኒት ጸረ-ባልዕ ኣመልኪቱ እተፈላለየ ኣስተምህሮታት ይህብን ቍጽጽራዊ ስራሓትን የካይድ። ምስዚ ብዝተሳሰር ድማ መዓልቶም ዝሓለፉ መድሃኒት ጸረ-ባልዕን መትሓዚታቶምን ንምውጋንን ንምጕሓፍን ከቢድ ስራሕ ከም እተሰርሐ፡ ናይዚ ኣብነት ድማ እቲ ካብ 2007 ክሳዕ 2017 ኣብ መላእ ሃገር ዝተኻየደ ሓያል ናይ ምውጋንን ምጕሓፍን መደብ ምዃኑ ኣቶ ተኽለኣብ ኣብሪሁ። ኣብ መላእ ሃገር ኣብ እተፈላለዩ መኽዘናት ዝነበሩ መዓልቶም ዝሓለፉ መድሃኒታት ጸረ-ባልዕ ብግቡእ ብምድህሳስን ብምምዝጋብን፡ ነቲ ካብ ግዜ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣትሒዙ ተኸዚኑ ዝጸንሐ ኣስታት 363 ቶን መዓልቶም ዝሓለፉ ጸረ-ባልዕ መድሃኒት፡ ኣህጉራዊ ደረጃ ብዘማልአ ኣገባብ ብምውጋን፡ ናብ ሃገረ እንግሊዝ ብምልኣኽ ከም ዝጕሓፍ ገይሩ። እዚ ዕዉት ስራሕ ኣብ ምውሓስ ጥዑይ ኣከባቢ





ዝህሉዎ እወታዊ ኣበርክቶ ብቐሊሉ ከም ዘይርኣ ይፍለጥ።

ድሕነትን ብቕዓትን እታው ናይ መድሃኒታት ጸረ-ባልዕን ቀመማዊ ድኹዕን ንምርግጋጽ'ውን ኣድላዪ ቊጽጽራዊ ስራሓት ከም ዝካየድ ይፍለጥ። ብመሰረት ሃገራዊ ዝርዝር መድሃኒታት ጸረ-ባልዕ፡ ፍቓድ እታው ምሃብ ከምኡ'ውን ንቕሓት ህዝቢ ብምብራኽ፡ ግቡእ ምሕደራን ኣጠቓቕማን መድሃኒታት ጸረ-ባልዕ ይሕይል ከምዘሎ ክፍለጥ ከሎ፡ ምቊጽጻር ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ዝኣትዉ መድሃኒት ጸረ-ባልዕን ድኹዕን፡ ምውጋን መዓልቶም ዝሕለፉ መድሃኒት ጸረ-ባልዕ (ምስ መትሓዚኦም)ን እውን ካብቶም ልሙዳት ዕማማት ናይዚ ክፍሊ እዮም።

ኣብ ሃገርና መስርሕ ቊጽጽር ኣንበጣ ምድረበዳ፡ ሓደ ካብ ቀወምቲ ዕማማት ሚኒስትሪ ሕርሻ እዩ። እዚ ስራሕ ብውሑስ መገዲ ንኽሰላሰል ድማ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቊጽጽርን ዓቕሚ ብዝፈቕዶ ግቡእ ተራኡ ይጻወት። እቲ ቐንዲ ስራሕ ናይዚ ኽፍሊ፡ ኣብ ምቊጽጽር ናይ ለበዳ ባልዓት፡ ኲሉ ብመድሃኒት ጸረ-ባልዕ ዝካየድ ቊጽጽራዊ ስራሓት ድሕነቱ ሓልዩ ይካየድ ምህላዉ ምርግጋጽ'ዩ። እዚ ድማ ኣብ ምሕደራን ኣጠቓቕማን መድሃኒት ጸረ-ባልዕ፡ ኣጠቓቕማ በጃታት፡ ምውጋን ዝተበከለ መትሓዚታት፡ ምጽራይ ዝተበከለ መሳርሒታት የጠቓልል። በዚ መሰረት፡ ብርክት ዝበለ ኣፍልጦ ናይ ምዕባይ ኣስተምህሮታትን ካልእ ንጥፈታትን ተሰላሲሉ። ንብርክት ዝበሉ ኣብ ምቊጽጻር ሳገምቲ ባልዓት ዝዋፈሩ ክኢላታት፡ ህዝብን ሰራዊትን ድማ ንግቡእ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ጸረ-ባልዕ ዝምልከት ስልጠናታት ተዋሂቡ። ብተወሳኺ፡ ቅድሚ ሕጂ መንጸጊ መድሃኒት ጸረ-ባልዕን መካይንን ብማይ ኣብ ዝሕጸባሉ እዋን ዝፈስስ ዝነበረ ርስሓት፡ ብሸለልትነት ኣብ ዝኾነ ቦታ ብምፍሳስ፡ ኣከባቢ ይብክል ምንባሩ ይፍለጥ። ነዚ ንምውጋድ፡ ሚ/ሕርሻ ብዝወሰዶ ተበግሶ፡ ኣብ ጋድም ሓሊብ (ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ) ንመካይን ናይ መሕጸቢ ኣገልግሎት ዝህብ መሳለጥያ ተሃኒጹ። እዚ መደብ፡ ብምትሕብባር ሚ/ሕርሻን ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪን ምትግባሩ ዝፍለጥ ኲይኑ፡ ነዚ መደብ ንምዕዋት፡ ተራ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቊጽጽርን ልዑል ምንባሩ ይፍለጥ።

መድሃኒታትን ክታበታትን እንስሳን፡ ልክዕ ከም መድሃኒታት ብቑሊ፡ ኣድላይን ኣገዳስን'ኳ እንተኾኑ፡ ብግቡእ ምስ ዘይትሓዝ ግና ሓደገኛ ሳዕቤናት ከምዘለዎ ዝፍለጥ'ዩ። ስለዚ፡ እዚ ኽፍሊ፡ ብመገዲ ጨ/ቊጽጽር ሃብቲ እንስሳ፡ ብቕዓትን ድሕነትን መድሃኒታትን ክታበትን እንሳሳ ንምርግጋጽ፡ ቊጽጽራዊ ስራሓት የካይድ'ዩ። እዚ ኽፍሊ ብተወሳኺ፡ ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታት ከም፦ ንሓረስቶት ኣብ ኣጠቓቕማን ኣተሓሕዛን መድሃኒት ሞያዊ ምኽሪ ምሃብ፡ ፍቓድ እታው ምድላው፡ ኣብ መኽዘን ዝርከብ መድሃኒታት ምቊጽጻር፡ መዓልቶም ዝሕለፉ መድሃኒትን ክታበትን እንስሳ ኣብ ምቊጽጻርን ምውጋንን ብንጥፈት ይዋሳእ። ንኣብነት፡ ኣብ ዝሓለፉ እዋናት፡ ኲሉ ናይ ዳህሳስን ቊጸራን ስራሓት ብምክያድ፡ መዓልቶም ዝሕለፉ 20 ቶን መድሃኒት እንስሳን 4 ቶን ክታበት እንሳሳን ኣከባቢ ብዘይብክል ኣገባብ ከም ዝውገን ገይሩ።

ከምቲ ክብ ኢሉ ዝተጠቕሰ፡ ናይ ሕርሻ ስነ-ቐመማት ማለት፡ - መድሃኒታት ጸረ-ባልዕን መድሃኒታትን ክታበትን እንስሳን፡ ብግቡእ ምስ ዘይመሓደሩ ካብ ጥቕሞም ጉድኣቶም ከም ዝዓቢ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ምድላው ግቡእ ስነዳን ስርዓተ ሓበሬታን ኣብ ምሕደራ ስነ-ቐመማት ሕርሻ ድማ ኣገዳሲ ኣበርክቶ ኣለዎ። ነዚ ንምርግጋጽ፡ እዚ ኽፍሊ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ሚ/ሕርሻ ብምትሕብባር፡ ሓደ ስርዓተ ሓበሬታ ኣብ ምድላው ከም ዝርከብ ኣቶ ተኽለኣብ ሓቢሩ።

እዚ ኽፍሊ፡ ውሕሉልን ቀጻልነት ዘለዎን ኣጠቓቕማ ባህርያዊ ሃብቲ፡ ማለት ሃብቲ ዱርን እንስሳ ዘገዳምን፡ ማይ መስኖን ናይ ሕርሻ መሬትን ንምርግጋጽ ብመገዲ ጨንፈር ቊጽጽር ባህርያዊ ሃብቲ ዕቱብ ቊጽጽራዊ ስርሓት የካይድ። ገለ ኣብነት ንምጥቃስ፡ ኣብ ቆላታት ሃገርና ዒላታት ብምጥቃም ዝካየድ መስኖኣዊ ሕርሻ፡ ጨዋምነት ክፈጥር ዘሎዎ ተኽእሎ ልዑል'ዩ። እዚ ብኣጋኡ ምስ ዘይፍወስ፡ ፍርያምነት ሓመድ ብምጉዳል ብቐሊሉ ዘይፍወስ ኣከባብያዊ ሽግራት ከስዕብ ከም ዝኽእል ይፍለጥ። ነዚ ንምውጋድ ድማ ካብ መስኖኣዊ ሕርሻታት፡ ቅምሶታት እናተወሰደ፡ ቀጻሊ ምክትታል ከምዝግበር፡ ክሳዕ ሕጂ ድማ ዘሰክፍ ሽግራት ከም ዘይተራእየ፡ ኣቶ ተኽለኣብ ይሕብር። ብዘይካ'ዚ ነቲ



ባህርያዊ ድኹዒ ብምድላው፡ ፍርያምነት ሓመድ ንምህብታም ብሚ/ሕርሻ ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ ንምድራዕ፡ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቊጽጽርን ንብቕዓት ባህርያዊ ድኹዒ ዝምልከት ደረጃታት ኣዳልዩ ይርከብ። በዚ መሰረት፡ ኩሎም ኣፍረይቲ ባህርያዊ ድኹዒ መሸጣ ኣብ ዝፍጽምሉ ምስክር ብቕዓት ይህብ።

ብተወሳኺ፡ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቊጽጽርን ንሚኒስትሪ ሕርሻ ብምውካል፡ ምስ ካልኦት ኣካላት መንግስትን ብሕታውያን ትካላትን ብምውህሃድ፡ ንብቊልን እንስሳን ዝምልከት (Fauna and Flora Species) ዕዉት ሃገራዊ ማዕከን ሓበሬታ ብቊልን እንስሳን ምምስራቱ፡ እቲ መደብ ድማ ቀጻሊ ምኻኑ ኣቶ ተኽለኣብ ሓቢሩ። ኣብዚ መደብ፡ ብኣላይነት ሚ/ሕርሻ ዝዋስኡ ዘለዉ ኣካላት፦ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣካባብን፡ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ፡ ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ነፍሒ፡ ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ከምኡ'ውን ገለ ውልቃዊ ትካላት ከም "ራም-ፋርም" ይጥቀሱ። ኣብ መወዳእታ ኣቶ ተኽለኣብ ምስግና፡ ኩሉ በዚ ኽፍሊ ዝካየድ ቊጽጽራዊ ስራሓት፡ ሕጋዊ ተሓታትነት ከም ዘሎዎ ብምጥቃስ፡ ነዚ ቊጽጽራዊ ስራሓት ንምክያድ ድማ መሰረት ዝኾኑ እተፈላለዩ ኣዋጃትን ሕጋጋትን ተዳልዮም ናብ ህዝቢ ምዝርጋሖም ሓቢሩ። ንኣቶም ድማ ኣዋጅ ዕቃብን ልምዓትን ዱርን እንስሳ ዘገዳምን - ኣዋጅ ቁ. 155/2006፡ ኣዋጅ ውሽባ ብቊሊ - ኣዋጅ 156/2006፡ ጸባን ውጽኢት ጸባን ብዘመስርሓ ትካላት ክማልኡ ዘሎዎም ደረጃታት ንምውሳን ዝወጸ ሕጋዊ ምልክታ - ሕጋዊ ምልክታ ቊጽሪ 133/2006፡ ንምምጻእ፡ ኣተሓሕዛ፡ ኣጠቓቕማ ከምኡ'ውን ንኣከዛዝናን ምጕሓፍን ጸረ-ባልዕ ንምውሳን ዝወጸ ሕጋጋት - ሕጋዊ ምልክታ ቊጽሪ 114/2006 ምኳኖም ይፍለጥ። ብተወሳኺ፡ ኣርባዕተ ኣዋጃት ማለት፦ ኣዋጅ ዘርኢ፡ ኣዋጅ ሓለዋ ጥዕና እንስሳ፡ ኣዋጅ መድሃኒት ጸረ-ባልዕ፡ ንኣህጉራዊ ውዕል ምምካት ዘይሕጋዊ ንግዲ ኣብ ሓደጋ ምጽናት ዝርከቡ ብቊልን እንስሳን (Convention on International Trade in Endangered Species of Wild Fauna and Flora- CITES) ዝምልከት ሃገራዊ ኣዋጅ፡ ተጻፊፎም ንኽጸድቁ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ቀሪቦም ምህላዎም፡ ኣቶ ተኽለኣብ ወሲኹ ሓቢሩ። ኣብ ርእሲ'ዚ እተፈላለዩ ናይ ስራሕ መምርሒታት ከም ዝዳለዉ'ውን ይፍለጥ።

ስሉጥን ኣድማዕን ኣገልግሎት ቊጽጽር ንምሃብ፡ ቴክኒካውን ትካላውን ዓቕሚ ምሕያል ከም ዘድሊ ዝፍለጥ'ዩ። እንተኾነ፡ ሞያዊ ዓቕሚ ኣባላት ንምሕያል ዓቕሚ ብዝፈቕዶ ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻኢን ስልጠናታት ዝወሃብ'ኳ እንተኾነ፡ እቲ ዝድለ ቴክኒካዊ ዓቕሚ ተደሊቡ ኣሎ ክብሃል ስለ ዘይከኣል፡ ገና ብድሆታት ከምዘሎ ኣቶ ተኽለኣብ ሓቢሩ። ብመሰረት ሓበሬታ ኣቶ ተኽለኣብ፡ ኣብዚ እዋን ዘሎ ብዝሒ ዓቕሚ ሰብ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቊጽጽርን ኣስታት 90 ከም ዝበጽሕ፡ ብደረጃ ትምህርቲ ክርአ ኸሎ ድማ ካብ ዲፕሎማ ክሳዕ ማስተርስ ዲግሪ ከም ዝዝርጋሕ ሓቢሩ።





# ሓጺር ሌላ ምስ ሃገራዊ ላቦራቶሪ ጥዕና እንስሳን ብቝልን

## ድሕረ-ባይታ

ሃገራዊ ላባራቶሪ ጥዕና እንስሳን ብቑልን (ሃ/ላ/ጥ/እ/ብቑልን)፡ ብግዜ መግዛእቲ ኢጣልያ ዝተመስረተ ትካል እዩ። ኣብቲ ሽዑ ግዜ፡ መንግስቲ ጣልያን ንመግቢ ወተሃደራቱ ዝኾና ኸብቲ ካብ ሃገረ ህንዲ ገዚኡ የምጽእ ስለ ዝነበረ፡ እተን ካብ ህንዲ ዝመጻ ዝነበራ ኸብቲ ድማ ብሕማም ጉልሓይ ዝተጠቕዓ ስለ ዝነበራ፡ ወላ'ኳ ንዓኣተን ገዲፉ ኣብ ኤርትራ ዝነበራ ኸብቲ ክጥቀም እንተመረጸ፡ ንሳተን'ውን ድሮ በዚ ሕማም ተለኺፈን ስለ ዝጸንሓ እናሞታ የሸግራኦም ከም ዝነበራ ይፍለጥ። መንግስቲ ጣልያን፡ ነዚ ሽግር ንምፍታሕ መጽናዕቲ እተካይድ ሓንቲ ክኢላታት ዝሓቘፈት መጽናዕታዊ ጉጅለ ኣቘመ። እታ ጉጅለ ድሕሪ መጽናዕቲ ምክያዳ፡ ከብቲ ብሕማም ጉልሓይ ይሞታ ምህላወንን መፍትሒኡ ድማ ክታበት እተፍሪ ላቦራቶሪ ክምስረት እማመኣ ኣቕሪባ። በዚ መሰረት ድማ'ዩ፡ እዚ ሕጂ ሃገራዊ ላቦራቶሪ ጥዕና እንስሳን ብቑልን ዝብሃል ዘሎ ብ1903 ኣብ ኤርትራ ብዓይነቱ ፍሉይ ዝኾነ ክታበት ዘፍሪ ላቦራቶሪ ተመስሪቱ። እዚ ላባራቶሪ ዘፍርዮም ዝነበረ ዓይነታት ክታበት፡ ጸረ-ቫይረስ፡ ጸረ-ባክተርያ፡ ጸረ-ዕሲ ከምኡ'ውን ጸረ-መርዚ ኰይኖም፡ ንሰብን እንስሳን የገልግሉ ከም ዝነበሩ ይፍለጥ። በዚ ላቦራቶሪ ዝፈሪ ዝነበረ ዓይነታት ክታበት፡ ንሃገር ኣኺሉ ንጐረባብቲ ሃገራትን ናብ ኣህጉር እስያን ብመልክዕ ሰደድ ይልኣኽ ከም ዝነበረ ይፍለጥ። ኣብ ግዜኡ ካብቶም ኣብ ኣፍሪቃ ዝነበሩ ፍሉጣት ላቦራቶሪታት ከም ዝነበረ መዛግብቲ ይሕብሩ።

እዚ ሃገራዊ ላቦራቶሪ፡ ካብ መግዛእቲ ጣልያን ኣትሒዙ እተፈላለየ ኣስማት ክሕዝ ጸኒሑ ኣሎ። ኣብ ግዜ መግዛእቲ ጥልያን ብInstituto Siero-Vaccinogenio (ትካል ክታበት ሴሮሎጂ) ይፍለጥ ከም ዝነበረ፣ ቀጺሉ ድማ ኣብ ግዜ መግዛእቲ እንግሊዝ፡ Veterinary Department (ክፍሊ ሕክምና እንስሳ) ዝብል ስም ሓዘ። ብድሕሪ'ዚ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ኢትዮጵያ Veterinary Research Institute (ትካል ምርምር ሕክምና እንስሳ) ዝብል ስም ተቐዪርሉ። ኣብ ግዜ ናጽነት፡ ካብ 1991 ክሳዕ 2012 Central Veterinary Laboratory (ማእከል ላቦራቶሪ ጥዕና እንስሳ) ይፍለጥ ነይሩ። ካብ 2012 ጀሚሩ ክሳዕ ሕጂ ድማ National Animal and Plant Health Laboratory (NAPHL) ማለት ሃገራዊ ላቦራቶሪ ጥዕና እንስሳን ብቑልን ተባሂሉ ይጽዋዕ ኣሎ።

## ሃገራዊ ላቦራቶሪ ጥዕና እንስሳን ብቑልን ድሕሪ ናጽነት

ሃገራዊ ላቦራቶሪ ጥዕና እንስሳን ብቑልን ኣብ ግዜ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ተዳኺሙ፡ ኣብ ዝተሓተ ደረጃ በጺሑ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ድሕሪ ናጽነት ግን መንግስቲ ኤርትራ ብዝገበረሉ ልዑል ቈላሕታ ዳግማይ ክበራበር እንከሎ፡ ካብ 10 ብዘይበዝሑ ኣባላት፡ ነታ ኣብ ኣስመራ ዝነበረት ላቦራቶሪ ሒዙ ዳግም ተበጊሱ። ኣብ 1993 ድማ ሓደስቲ ኣባላት ብምቑጻርን ካብቶም ዝነበሩ ኣባላት ብምውሳኽን ን316 ዝኣኽሉ ኣባላት ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ስልጠና ብምሃብ፡ ኣብ ኵለን ዞባታት ተዘርጊሖም ንኽሰርሑ ብንኡስ ዓቕሚ ዘገልግላ ላቦራቶሪታት ተመስረታ።

እዚ ላቦራቶሪ፡ ምሕደርኡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ቤት ጽሕፈት ሚኒስተር ኰይኑ፡ ብመገዲ ቦርድ ብኣማኻሪ ሚኒስተር ይካየድ።



ሃ/ላ/ጥ/እ/ ብቑልን፡ 7 ዓበይቲ ኣካላት ማለት ነጸርታ ሕማማት እንስሳ፡ ነጸርታ ሕማማት ብቑሊ፡ መፍረ ክታበት እንስሳ፡ ነጸርታ ብቕዓትን ድሕነትን መግቢ እንስሳን ሰብን፡ ምሕደራ ብቕዓት፡ ምትካልን ምጽጋንን ንብረት ላቦራቶሪ፡ ምዕያር ከምኡ'ውን ምምሕዳርን ፋይናንስን የጠቓልል።

ዓቕሚ ሰቡ ብደረጃ ጾታ ክርአ እንክሎ፡ ኣብ 2006፡ 40 ደቂ ተባዕትዮን 20 ደቂ ኣንስትዮ ብጠቕላላ 60 ዝነበረ፡ ኣብዚ እዋን እቲ ቑጽሪ ናብ 142 ክብ ክብል ከሎ፡ ካብዚኣቶም እተን 55.6% ደቂ ኣንስትዮ እየን። ብደረጃ ትምህርቲ ክርአ እንክሎ ድማ ካብ ማስተርስ ክሳዕ ደረጃ ሰርቲፊኬት ዝዝርጋሕ ኮይኑ፡ ዲፕሎማን ቀዳማይ ዲግሪን ዘሎዎም ድማ እቶም ዝበዝሑ እዮም።

ብጠቕላላ ካብ 2017 ክሳዕ 2021 (ሓሙሽተ ዓመት) ኣብ ላቦራቶሪ ጥዕና እንስሳ፡ 37,614፡ ኣብ ጥዕና ብቑሊ 338፡ ቍጽጽር ብቕዓት ላቦራቶሪ 409፡ ላቦራቶሪ ብቕዓትን ድሕነትን መግቢ 2644፡ ላቦራቶሪ ብቕዓት ዘርኢ ድማ 324 ካብ እተፈላለያ ዞባታት ሃገርና ዝመጹ ቅምሶታትን ብእታው ካብ ወጻኢ ሃገራት ዝመጹን ልዕሊ 41 ሽሕ መርመራታት ኣካይዱ።

ሃ/ላ/ጥ/እ/ ብቑልን ኣብ 1991 ዳርጋ ካብ ባዶ ዝጀመረ፡ ክሳዕ ሕጂ ብርክት ዝበለ ሓደስትን ዘመናውን ዝኾኑ መሳርሒታት እናተኣታተወ ካብ 3 ንውሑድ መርመራታት ጥራይ ዝሰርሓ ዝነበራ ላቦራቶሪታት፡ ናብ 16 ላባራቶሪታት ብምዕባይ፡ ብመንጽሩ ድማ እቲ ዝግበር ዝነበረ መርመራታት ወሲኹ ይርከብ። ብተወሳኺ፡ ብርክት ዝበለ ህንጻዊ ስራሓት ተዋዲዶሉ ኣብ ኣገልግሎት ውዒሉ ይርከብ።

ሓደ ካብ ዓወታት ናይዚ ላቦራቶሪ፡ ነተን ኣብ ዞባታት ዝርከባ ላቦራቶሪታት እውን እናሓየለን ምምጽኡ እዩ። ዕላማ ናይዘን ዞባውያን ላቦራቶሪታት፡ ንሓረስቶት ይኸን ንኸኢላታት ሕርሻ ኣብ ቀረባኦም ኣገልግሎት ነጸርታ ሕማማት እንስሳን ብቑልን ምእንቲ ክረኽቡ እዩ። ከም ብሓድሽ ንምብርባረን ካብ እተገብረ ንጥፈታት ድማ ካብ ዳህሳስ ጀሚሩ፡ ስልጠና ንኣባላት ዞባታት ደቡብ፡ ጋሽ-ባርካ፡ ዓንሰባን ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪን ተዋሂቡ፣ ምዕጣቕ ዘድልዩ መሳርሒታት'ውን ተኻይዱ። ከም ውጽኢቱ ድማ ብርክት ዝበለ መርመራታት ኣብተን ላቦራቶሪታት ይካየዱ ከም ዘለዉ ጸብጻባት ይሕብሩ።

እዘን ዛጊት ኣብዚ ሃገራዊ ላቦራቶሪ ብንጥፈት ዝሰርሓ ዘለዋ፦ ላቦራቶሪታት መፍረ ክታበት፡ ብቕዓትን ድሕነትን መፍረ ክታበት እትቈጻጸር፡ ስነ-ቫይረስ (Virology)፡ ስነ-ሕማም (Pathology)፡ ሞለኩላዊ (Molecular Biology)፡ ስነ-ሓሸራ (Entomology)፡ ስነ-ዕሲ (Mycology)፡ ስነ-ባክተሪያ (Bacteriology)፡ ስነ-ነማቶድ (Nematology)፡ ብቕዓትን ድሕነትን መግቢ ዝምርምር ላቦራቶሪ፡ ብቕዓት ዘርኢ ዝምርምር ላቦራቶሪ ከምኡ'ውን ብቕዓት ትሕዝቶ ዝምርምር ላቦራቶሪን እየን።

**<u>መሻርኽቲ ኣካላት</u>**

ሃ/ላ/ጥ/እ/ብቑልን ምስ ኩሎም ክፍልታትን ጨናፍርን ሚ/ሪ ሕርሻ፡ ሚኒስትርታት ጥዕና፡ ሃብቲ ባሕርን፡ መሬትን ማይን ኣከባብን፡ ዞባዊ ምምሕዳርን ከምኡ'ውን ትካላት ላዕለዎይ ትምህርቲ ሓመልማሎ፡ ማይ-ነፍሒ፡ ኮሌጅ ሕክምናን ጥዕናን ካልኦትን ብሓባር ይሰርሕን ይተሓጋገዝን።

ብተወሳኺ እዚ ላቦራቶሪ ድሕሪ ናጽነት ምስ ኣህጉራውያን ናይ ላቦራቶሪ ትካላት ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ቴክኒካዊ ዝምድና ብምፍጣር፡ ዓቕሚ ሰብን ንብረትን ኣማዕቢሉ እዩ። ገለ ካብተን ትካላት ንምጥቃስ፡ Istituto Zooprofilattico Sprimantale "G. Coprale" Teram (ጣልያን)፡ SOBA (ሱዳን)፡ NAHDIC (ኢትዮጵያ)፡ AHRI (ግብጺ)፡ NVI (ኢትዮጵያ)፡ ZARI (ዛምቢያ)፡ CVRI (ዛምቢያ) ፐርብ-ራይት (ዓዲ እንግሊዝ)። ብተወሳኺ፡ ምስ ኣህጉራዊ ትካል AU–PANVAC ኣብ ትምህርትን ምኽርን ዘተኰረ ምትሕግጋዝ ብፍላይ ድማ ዘርኢ ክታበትን ዘርኢ ዋህዮታት ኣብ ምርካብን ሓጋዚ ምንባሩ ይጥቀስ።

ኣብ ህንጻዊ፡ ቴክኒካዊ፡ ናውቲ፡ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ ወዘተ. ድማ ደገፋት ናይ ፕሮጀክት ኣህጉራዊ ምምዕባል ጥሪት (NLDP)፡ IAEA፡ ፕሮጀክት ኣውሮጳዊ ሕብረት፡ ውድብ መግብን ሕርሻን ከምኡ'ውን ኣህጉራዊ ማዕከን ሕርሻዊ ልምዓት (IFAD) ወሳኒ ተራ ከም ዝነበሮ ይፍለጥ።

ሓደ ኻብቶም እዚ ላቦራቶሪ ሒዝዎም ዘሎ ዓበይቲ መደባት፡ መፍረ ክታበት እንስሳ ኹይኑ፡ ተሪፍዎ ዘሎ ሃለኽቲ ነገራት ኣማሊኡ ክታበት ሕማም ደርሆ - ኒውካስትል (New Castle Disease/ NCD) ከምኡ'ውን ክታበት ሕማም ጉልሓይ-መሰል ጤለ-በጊዕ (PPR) ኣብ መጀመርታ 2023 ንኽጅምር ትጽቢት ይግበር።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ መደባት ነዊሕን ሓጺርን ስልጠናታት፡ ምዕጣቕ ኣገደስቲ ዝኾኑ መሳርሒታት ላቦራቶሪ፡ መመርመሪ ቀመማትን ካልኦት ሃለኽቲ ነገራትን ምምጻእ፡ ኣብ መስርሕ ዝርከቡ ሓደስቲ ህንጻታት ምዝዛም፡ ምትእትታው ሓደስቲ መርመራታት ወዘተ. ገለ ካብ ዓበይቲ መደባት ናይዚ ሃገራዊ ላቦራቶሪ እዮም።

ብተወሳኺ፡ እዚ ሃገራዊ ላቦራቶሪ፡ ጉድኒ ጉድኒ'ቲ ዘለዉ ብድሆታት ንምፍታሕ ዘካይዶ ጻዕርታት፡ ኣብ ሓሙሽተ ዞባዊ ላቦራቶሪታት፡ ናይ ጥዕና እንስሳን ብቑልን ህንጻ ላቦራቶሪ ምስራሕ፡ በብመድረኽ መሳርሒታት ምዕጣቕን ስልጠናታት ምሃብን ዝኣመሰሉ መደባት ኣውጺኡ ይሰርሕ ኣሎ።

# ገብረኣምላኽ ኣረጋይ

## ልዕሊ ርብዒ ዘመን ኣብ ሕርሻዊ ጋዜጠኝነት



ገብረኣምላኽ ኣረጋይ፡ ሓደ ኻብቶም ነዊሕ ዓመታት ቀዋሚ መደብ ብምሓዝ ዘሰርሑ ጋዜጠኛታት ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ እዩ። ንሱ፡ ካብ መጀመርታ 1990 ክሳዕ ሕጂ፡ ሰሙናውን ብዘይ ምቁራጽን ከም ጋዜጠኛ መደብ ሕርሻ ክሰርሕ ጸኒሑን ኣሎን። ብሓረስቶትን ክኢላታት ሕርሻን ውሩይን ፍቱውን እዩ። ብሓፈሻ ኣብ ሕርሻን ማሕረስን ብዘርእዮ ተገዳስነትን ተወፋይነትን ኣብ ስርሑን ካብ ሚኒስትሪ ሕርሻን ናይ ኣፍልጦን ክብርን ሽልማት ብተደጋጋሚ ረኺቡ።

ኣብ ዝሓለፈ 27 ዓመታት፡ ካብ ጻት ንጻት ኤርትራ ብምኻድ ዝተፈላለየ መደባት ኣሰናዲኡ። ዓይነትን ብዝሕን ናይቲ ዘቕርቦ መደባት፡ ካብ ሰማዕቲ ድምጺ ሓፋሽ እወታዊ መልሰ ግብርን ናይ ምትብባዕ ቓላትን ክርከብ ክኢሉ። ሓረስቶት ዘዕርፉላ መዓልቲ ሰንበት እያ። ንእኣም ዝምልከት መደብ ከኣ ኣብታ ዕለት ክፍነዉ ይምረጽ። ኣብ ፈለማ መደብ ሕርሻ፡ ካብ ናይ ምዝንጋዕ መዓልቲ ክወጽእ ንዘቐረበ ሓሳብ፡ ነቲ ርእይቶ ተቐቢሉ ከይትወጽእ ብጥበብ ተቓሊሱ። ብኣስተምህሮኣዊ ድራማ ሕርሻ ኣተኣታትዩ። ንሽዱሽተ ዓመታት ብዘይ ምቁራጽ ደሪሱን ተዋሲኡን። ‘መደብ ሕርሻና ነሰሰን’፡ ብቐጻልነታን ሓድሽ-ሓድሽ ትሕዝቶኣን ክትፍለጥ ሓያል ጻዕር ኣካዪዱ። ኣብ ሓፈሻዊ ናይ ጋዜጠኝነት ተመክሮኡ፡ ካብ ምልቃም ግድፈት ፊደላት ጋዜጣ ተበጊሱ፡ ላዕለዋይ ሪፖርተር፡ ሓላፊ ጨንፈር ሬድዮ ፕሮግራም ትግርኛን ኣምሓርኛን ኰይኑ ሰሪሑ። ኣብ ርእሲ’ታ ስርዕትን ቀዋሚትን መደቡ’ውን ዝተፈላለየ መደባት ደሪቡ ዘሰርሐ ምኩር ናይ ሬድዮ ጋዜጠኛ እዩ። መጽሔት ፍረ ጻዕሪ፡ ኣብዚ ፈላሚ ሕታማ ንጉዕዞ ህይወቱን መደባት ስርሑን ዝምልከት ሓጺር ቃለ መሕተት ኣካዪዳትሉ ኣላ።

### ግዜ ቍልዕነትን ኣተዓባብያን

ብ1958፡ ኣብ ዝባን ያና ካብ መንደፈራ ሰለስተ ኪሎ -ሜተር ርሒቓ ኣብ እትርከብ ዓዲ ተወሊደ። ሽዱሽተ ኣባላት ዝነበሩዋ ስድራና ብማሕረስን መጓሰን ትመሓደር ነበረት። ብወላዲየይ ፍቱው ስለ ዝነበርኩ፡ ናብ መኣዲ ትምህርቲ ክጽንበር ዕድል ረኺበ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ቲፖን ኣዜንዳን ናይ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ትምህርቲ ተኸታቲለ። ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ’ውን ኣብ ቤት ትምህርቲ ሳንጆርጆ መንደፈራ ተማሂረ። ብ1978 ናብ ኣስመራ ብምድያብ፡ ናይ ዓሰርተ ኽልተ ክፍሊ ትምህርቲ ዛዚመ። 1980፡ ኣብ ጋዜጣ ኢትዮጵያ ስራሕ ተቖጺረ። ንዝተወሰነ ግዜ ከም ለቓሚ ግድፈት ፊደላት ሰሪሐ። ጎድኒ ጎድኒ ኸኣ ትምህርቲ ቐጺለ። ብዲፕሎም’ውን ተመሪቐ። ዝተፈላለየ ዓምድታት ብፍላይ ከኣ ናይ ልምዓት ሪፖርተር ኰይነ ሰሪሐ። ንሰለስተ ዓመታት’ውን ከም ኣሰናዳኢ ዓምዲ ስፖርት ሰሪሐ። ኣብ 1988 ተመርዕየ፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ ሽዱሽተ ውሉዳትን እየ። ደቀይ ካብቶም ብሉጻት ተመሃሮ ኰይኖም፡ ገሊኦም ኣብ ዝብጻሕ ዝበጽሑ፣ ገሊኦም ድማ ኣሰሮም ዝኽተሉ ዘለዉ እዮም። ብድሆ ዘይብሉ ናብራ ዘይምቅር ግዲ ኾይኑ ድማ ሓደ ናይ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዘሎዎ ወዲ 23 ዓመት ውላድ ኣሎኒ፣ ንዕኡ ድማ ‘መማቕርቲ’ ኢለ እሰምዮ።

ድሕሪ ናጽነት ናብ ሬድዮ እየ ተቐይረ። ኣብ ፕሮግራም ኣምሓርኛ ኸኣ ንትሽዓተ ኣዋርሕ፡ ትርጉማዊ ስራሕ ምስንዳእ ዜና ሰሪሐ። ካብኡ ኣብ ክፍሊ ሬድዮ ሰደቓ ቁጠባን ልምዓትን ዝተፈላለየ መደባት ኣሰናዲአ። ቀዋሚት ‘ኣደን ህጻንን’ እትብል መደብ ኣዳልው ነይረ። ክሳዕ ሕጂ ኣርብዓን ክልተን ዓመታት ኣብ ሞያ ጋዜጠኝነት ሰሪሐ ኣለኹ።

### ሕርሻዊ ጋዜጠኝነት

መደብ ሕርሻ ቅድሚ ናጽነት ኣብ ድምጺ ሓፋሽ ይቐርብ ነይሩ እዩ። መብዛሕትኡ ኸኣ ካብ ክኢላታት ሕርሻ ብዝልኣኽ ዝነበረ ጽሑፋት ይዳሎ ነይሩ። ድሕሪ ናጽነት፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ 1994 ሚኒስትሪ ሕርሻ ምስ ሚኒስትሪ ዜና መደባት ሕርሻ ብሬድዮ ክቐርብ ኣብ ምርድዳእ በጺሑ። ነቲ ካብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝመጽእ ጽሑፋት፡ እናተኸታተልኩ፡ ኣብ ሬድዮ ድምጺ ሓፋሽ ፕሮግራም ትግርኛ ከቕርቦ መደብ ስራሕ ተዋሂቡኒ። እቲ ዝንባለ ኸኣ ነይሩ እዩ፣ ወዲ ሓረስታይ እየ። ቁሩብ ኣፍልጦ’ውን ጸኒሑኒ እዩ። ምስ ወቕቲ እናዛመድኩ ከቕርቦ ኣይተሸገርኩን። ንሓደ ዓመት፡ እታ መደብ ጽቡቕ ቀጺላ። ኣብ 1995 ግን ካብ ሰማዕቲ ሓደ ርእይቶ ቐሪቡ። “ሰንበት ናይ ምዝንጋዕ መዓልቲ እያ። እዛ ናይ ሕርሻ መደብ ካብ ሰንበት ወጺኣ ኣብ ካልእ መዓልቲ ዘይትቐርብ” ዝብል

ርእይቶ ቐሪቡ። ርእይቶን ነቐፌታን ሓሳባትን ሰማዕቲ ልዑል ሚዛን እየ ዝህቦ። ንመደባት ከም ዘሐይሎ እኣምን እየ። ነቲ ሓሳብ ተቐቢለዮ። "ሓረስቶትና ሓንቲ መዓልቲ ዕረፍቲ ኣላቶም። ንሳ ኸኣ ሰንበት እያ። ስለዚ፡ እዛ መደብ ሰንበት ክትቀርብ እዩ ዝግብኣ። ኣብ ኣቀራርባኣ ግን ክንሓስብ ኣሎና" ዝብል ሓሳብ ኣቕሪበ። ናይ ቀረባ ሓላፊትና፡ ወይኒ ገብረእግዚኣብሄር እያ ነይራ። ኩልና ሓሳብ ክነቕርብ ሓቢራትና። ኣነ ኸኣ ኣብ ክንዲ ብሌጣን ደረቕን ጽሑፍ ዝዳሎ፡ ብኣስተምህሮኣዊ ድራማ ክነቕርብ ሓሳብ ሂበ፣ ተቐቢላቶ። ባዕለይ ንኸዳልዋ ኸኣ እቲ ሓላፍነት ሂባትኒ። ኣብ ስቱድዮ ኣቲና ፈለማ ምስ ጋዜጠኛ ገብረመስቀል ገብረእግዝኣብሄር ፋልመይቲ መደብ ኣቕሪብና። መማዕበሊ ሓሳባትን ርእይቶታትን ተዋሂቡና። ብድሕር'ዚ ምስ ጋዜጠኛ ኣሚነ ሃይለ ብምኳን፡ ሳልሳይ ወራር ክሳዕ ዝሓልፍ ኣሰናዲእናያ። ባዕልና ንጽሕፎ፡ ባዕልና ንዋስኦ። ናይ ካልኦት ቋንቋታት ሃገርና ክንድህሰሰ ከኣ ሓገዝቲ ተዋሳእቲ ነሳትፍ ኔርና። እታ መደብ ከኣ ጽቡቕ ተቐባልነት ረኺባ።

## ከም ጋዜጠኛ ሕርሻ ናብ ጎልጉል ስራሕ

እቲ ወፈርካ ዝምስራሕ መደባት ንምምእራር ኣቐዲመ እየ ጀሚረዮ። ጐድኒ-ጐድኒ ናይቲ ኣብ ስቱድዮ ብመልክዕ ኣስተምህሮኣዊ ድራማ ገጸ ባህርያት ኣቦይ ኣብርሃን ጸሃየን ነቕርቦ ዝነበርና፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ ዝውድቦ እተፈላለየ ዓውደ መጽናዕትን ወፍርታትን'ውን እሳተፍ ነይረ። ካብኡ'ውን ናብ ዞባታትን ንኡሳን ዞባታትን ብምጋሽ እተፈላለየ መደባት ኣቕርብ ነይረ። ናይ ሕርሻ መደብ መመሊሱ እዩ ዝምስጠካ። ብዙሕ ትምህርቲ እትረኽበሉ መደብ እዩ። ካብ ክኢላታት ሕርሻን ሓረስቶትን እትረኽቦ መልሰ-ዕንጋለ ኸኣ ዝያዳ ክትሰርሕ ይስሕበካ። ንውሓት ሓንቲ መደብ ዕስራ ደቒቕ እያ። ኣብ ሰሙን ከኣ ክልተ መደብ ኣዳሉ ኔረ። ድሓር ግን፡ ምስ ናይ ኣባላትና ምኽታትን ናብ መደባት ሃገራዊ ኣገልግሎት ምኻድን፡ ካልእ መደብ ክድርብን ነታ መደብ ሓንሳእ ኣብ ሰሙን ከዳልዋን ጀሚረ። ገዛእ ርእስኻ ምንኣድ ደኣ ከይከውን'ምበር፡ ካብ ስሩዕ መደብ ንሓንቲ መዓልቲ በኹራ ኣይትፈልጥን። ኣብነት ክነገረካ፡ መምህር እዮብ - ጸሓፊ ባይቶ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ምስ ተላለየኒ፡ "እዛ ናትካ መደብ ሓድሽ-ሓድሽን ዘይደጋገምን ትሕዝቶን እያ ተቕርብ" ኢሉኒ ነይሩ። እዚ ኸኣ ሓላፍነታዊ ክትከውን እዩ ዝድርኸካ።

## ኣብ ስራሕ ዘጓንፉኻ ብድሆታት

ወፊሩ መደብ ዘዳሉ ጋዜጠኛ፡ ሕማቕን ጽቡቕን ኣጋጣሚታት ኣይፍለዮን እዩ። ዝተሓሰበ መደብ ከይሰለጠካ ትምለሰሉ ግዜ ውሑድ ኣይኮነን። ናይ መጓዓዝያ ሽግር ኣይተርፍን እዩ። ኣብ ዝተመደበ ሰዓትን ግዜን ዘይምርካብ'ውን ኣሎ። ጽቡቕ ዕድል ኰይኑ፡ ንኣይ ንስራሕ ዝብድህ ሽግር ኣጋጢሙኒ'ሞ፡ እዚ መደብ እዚ ተሪፉኒ ክብል ኣይክእልን እየ። ቅድም ብናይ ብሕቲ ኣውቶቡሳት ወፊርና መደብ ነዳሉ ኔርና ኢና። ኣውቶቡስ ሓራት ምስ መጻ ኸኣ ብእኣን ጌርና ናብ ርሑቕ ከባቢታት ንኸይድ። ኣመሓደርቲ ንኡስን ዞባታትን ሓለፍቲ ሕርሻን ከኣ ጽቡቕ ጌሮም እዮም ዝቕበሉና። ግደ ሓቂ፡ ኵሎም ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብፍላይ ከኣ ኣተባባዒ ቓልን ሞራልን ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ ኣዝዩ ላዕሊ እዩ፣ ብደቂቕ ይከታተል፣ ርእይቶ ይህብካ፣ የተባብዓካ ኸኣ። እዚ ንባዕሉ፡ ነቲ ስራሕ ኣበርቲዕካ ክትሰርሕ ይድርኸካ።

ብሚኒስትሪ ዜና፡ ክፍሊ ሬድዮ፡ ነቲ ዘፍቅሮ መደብ ሒዘ ንኽቕጽል ዝተዋህበኒ ዕድል ከምኡ'ውን ዓቕመይ ንምምዕባል ዝተዋህበኒ መደባት ስልጠና በዚ ኣጋጣሚ ኣመስግን።

## ዝምስጠካ ተመኩሮ ኣብነታውያን ሓረስቶት

ኣብ ስራሕ ዝረኽቦም ኣብነታውያን ሓረስቶት ብዙሓት እዮም። ንሓደ ምስቲ ኻልእ ክትወዳድሮ'ውን ዝከኣል ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ ነናቶም ብልጫ ኣሎዎም። እንተኹነ 'ንእመት ሰድሪ ኣላታ' ከም ዝብሃል፡ ካብ ኣእምሮይ ዘይሃስሱ ኣብነታውያን ሓረስቶት ክጠቅስ እንተኹይነ፡ ዮሴፍ ዘርኣይ በዓል ምለዛናይ - ን/ዞባ ሎጎ ዓንሰባ እዩ። ሃገራዊ ኣገልግሎት ወዲኡ ናብ ዓዲ ምስ ተመልሰ፡ ህይወት ዝመርሓሉ ስራሕ ኣይነበሮን። ኣብ



ደረት ቤት ትምህርቲ ተጸጊዑ፡ ሻሂ ኣፍሊሑ እናሸቀጠ ህይወቱ ክመርሕ ጀሚሩ። ብድሕር'ዚ፡ ሓደ ሓሳብ ተኸስተሉ። መሬት ሕርሻ ጠሚቱ። እቲ ቦታ ምቹእ ኣይነበረን። ኣኻውሕ ኣፍሪሱ፡ እምኒ ጸሪጉ መሬት ሕርሻ ቐይሩዎ። ከይተሓለለ ብምጽዓር ከኣ ውጽኢታዊ ስራሕ ዓሚሙ። ኣብዚ እዋን'ዚ ዓይነት ህይወት ኣመሓዩሹ። ሰፊሕ ሕርሻ ወኒኑ። ንእሽቶ ሓጽቢ ሰሪሑ፡ ዒላ ኰዒቱ፡ ብሞተር የስቲ፡ ሓገዝቲ ሰራሕተኛታት ኣውፊሩ ይሰርሕ ኣሎ። ጻማ ጻዕሩን ሓርኰትኰቱን ከኣ መንበሪ ገዛ ሃኒጹ፡ መኪና ወኒኑ ጽቡቕ ናብራ የሕልፍ ኣሎ። ዮሴፍ ዘርኣይ፡ ኣብነት ጻዕርን ዓወትን እዩ።

ናይ ኣቶ ኪሮስ ጠዓመ ተመኩሮ'ውን ተመሳሳሊ እዩ። ኣቶ ኪሮስ ጠዓመ፡ በዓል ሞያ ህንጻን ተኹናታራይን እዩ ነይሩ። ህንጻዊ ንጥፈታት ምስ ዘሓለ፡ ኣብ ከባቢ ሰገነይቲ ናብ እትርከብ ዓዲ በነ ከደ። ኣኻውሕን ኣእማንን ዝተጨርሖ ምዉት መሬት ክሓርሶ ተበጊሱ። ጥዑይ ኣካላዊ ቑመና'ውን ኣይነበሮን። ለይትን መዓልትን ኣብቲ ቦታ ሕርሻ ክኸውን ኢሉ ዝኹነ ሰብ ዘይግምቶ ቦታ ክሓርስ ጀሚሩ። መሬት ኣደላዲሉ፡ ሓመድ ቀዩሩ፡ ደኩዑ ናብ ልሙዕ ቦታ ሕርሻ ቐዩሩዎ። ንረኣይኡ ዝምስጥን ዘገርምን ሕርሻዊ ልምዓት ከኣ የሰላስል ኣሎ። ኣብነታዊ ዕዮ ኣቶ ኪሮስ ጠዓመ፡ እንተ ሰሪሕካ ሕማቕ መሬት ከም ዘየሎ እዩ ዝምስክር።

ወ/ሮ ኣበባ ሃብተሚካኤል ብዓልቲ ዓዲ ኸፈለት እያ። ቅድሚ ብዓል ቤታ ናብ ሓይልታት ምኽታቱ፡ ብዓልቲ ገዛ ኹይና እያ ህይወታ ትመርሕ ነይራ። ድሕር'ዚ ግን ናብ ቦታ ልምዓት ክትወፍር ግድነት ኰይኑዋ። ባዕላ ጫኺራ፡ ሓሪሳን ኣልሚዓን ናብ ዕዳጋ ምእኩት ፍረ ክተቕርብ ክኢላ። ጾር ናብራ ኣቃሊላ። ደቃ ኣዕብያ። ኣብ መወዳእታ'ውን ኣውቶቡስ ህዝቢ ገዚኣ ናብራ ብጽቡቕ ክትመርሕ ዝኸኣለት ኣደ እያ። እቲ ኣብነታዊ ተመክሮ መወዳእታ የብሉን። ኣብ ኣቓርደት ታሪኽ ወዲ 90 ዓመት ነፍስሄር ኣቦይ ሙስጦፋ ኣሎ። ዕድመን ኣካላዊ ቁመናን ልዕሊ ክብደት ሚዛን ሰብነትን ከይዓጀቦም፡ ንስርሖም ብፍቕርን ብጽፈትን ዝመርሑ ዝነበሩ ኣቦ እዮም።

### ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝረኸብካዮ ምትብባዕ

ኣብ 2004፡ ብማሕበር ሞያውያን ሕርሻ ሓደ ናይ ኣፍልጦ ወረቐት ምስክርን መተባብዒን ተዋሂቡኒ። ኣብታ መዓልቲ ግን ብስራሕ ኣብ ወፍሪ ስለዝነበርኩ፡ ነቲ ሽልማት ብኣካል ክቕበሎ ዕድል ኣይረኸብኩን። ብ2008 ከምኡ'ውን ብ2016፡ ብሚኒስትሪ ሕርሻን በዓል ስልጣን ኣግራብ እንስሳ ዘገዳምን ስልማት ተዋሂቡኒ። ብዘይካ'ዚ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ክልተ ሳዕ ኣብ ኣህጉራዊ ዓውደ ዘተ ክሳተፍ ዕድል ፈጢሩለይ - ናብ ኡጋንዳን ሩዋንዳን። ንዝያዳ ናህርን ወኒን ስራሕ ዝድርኽ ዓቢ ክብሪ እዩ።

### ዘይትርስዖ ፍጻመ

ካብቲ ብዓቕመይ ዝግምግሞን ዓበይቲ ዓወታት ሚኒስትሪ ሕርሻን ዝብሎ ብዙሕ ስራሕ እዩ። ኣብ ምምካት ኣንበጣ ምድረበዳን ሳጋሚ ባርኖስ ዝተዓመመ ስራሕን ዝተረኽበ ዓወትን ልዕሊ ኹሉ ኹይኑ ይስምዓኒ። ኣብ ኣጻምእ ምድረበዳ ላዕለዎት ሓለፍቲ፡ ኣባላት፡ ሰካውቲ፡ መራሕቲ መካይን፡ ኮታ ኵሉ ሰብ ዝኸፍሎ ዋጋ ልዑል እዩ። ከምኡ ክንዲ ዝኾነ ኸኣ ናይ ቅድመ-ምክልኻል ዓቢ ስራሕ ክፍጸም ተኻኢሉ እዩ። ንኽብደት ናይቲ ስራሕ ብኣካል ናብቲ ቦታ ምስ በጻሕካን ምስ ረኣኻዮን ኢኻ እትፈልጦ። ፈለማ ዝኸድክሉ'ውን ኣብ ፍሉይ ኣጋጣሚ እዩ። ከምዚ ሎሚ፡ ዕረፍቲ ወጺአ። መርዓ ቀረባ ቤተሰብ ከኣ ነይሩኒ። ንጽባሒቱ ክወፍር ተሓቢሩኒ። ካብ ዕረፍትን ካብቲ መርዓን ተሪፈ፡ ናብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ክሳዕ ቃሮራ በጺሐ። በቲ ዝረኣኽዎ ኣድማዒ ስራሕ ከኣ ዓጊበ እየ።

ሕርሻዊ ጋዜጠኛነት ዕግበት ዝፈጥር ስራሕ ብምዃኑ እየ እናፈተኽዎ ንልዕሊ 28 ዓመታት ሰሪሐን ዝሰርሕን ዘለኹ።

***

## መለሳ ፍረ ጻዕሪ

ዓወት ወትሩ ትርእዮ ኢኻ
ማለት ኣይኩነን። እናሓንሳእ ዘይክርኣየካ ይኽእል እዩ።



ኣብ ኣውስትራልያ ብባህሪኡ ሮዛ ዝሕብሩ ፈለግ ኣሎ። ብ ቀላይ ሂልየር ‘lake Hillier’ ይጽዋዕ።



# ሃገራዊ ሽማግለ ምውሓስ ባህርያዊ ድኹዕን ጸረ-ባልዕ ብቑልን



## ቃለ መሕትት ምስ ኣቶ ደርማስ ስልጣን

ኣቶ ደርማስ ስልጣን ኣብ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ከም ሓላፊ ኣሃዱ ምርምር ሓመድን ተመራማርን ዝሰርሕ ኰይኑ፡ ብተወሳኺ ኣቦ መንበር ናይታ ኣብ 2021 ብምትሕብባር ሚኒስትሪታት ሕርሻን ሃብቲ ባሕርን እተመስረተት ሽማግለ ምውሓስ ባህርያዊ ድኹዕን ጸረ ባልዕ ብቑልን እዩ። ንሓፈሻዊ ኣቃውማ፡ ዕላማን ገስጋስን ናይዛ ሽማግለ ዝምልከት ምስ ኣቶ ደርማስ እተኻየደ ቃለ-መሕትት ይስዕብ፦

*** ብድሕረ-ባይታ ናይዛ ሽማግለ ንጀምር**

- እዛ ሽማግለ ብ11 ለካቲት 2021 ዝቘመት ኰይና፡ ሓፈሻዊ ዕላማኣ ምውሓስ ባህርያዊ ድኹዕን ጸረ ባልዕ ብቑልን ኰይኑ፡ ብቐንዱ ነቲ ብደረጃ ዓለም ብሰንኪ ቀመማዊ ድኹዕን ጸረ ባልዕን ኣብ ፍርያት ሕርሻን ኣከባብን ዝወርድ ዘሎ ብከላ፡ ከም ሳዕቤኑ ድማ ኣብ ጥዕና ደቂ-ሰብ ዝስዕብ ዘሎ ጥዕናዊ ሃስያ ንምግታእ፡ ውሑስን ጥዑይን ፍርያት ሕርሻ ምፍራይ እዩ።

*** እዛ ሽማግለ ነዚ ዕላማ ንምውቃዕ ዘሎዋ ስትራተጂ ከመይ ይመስል?**

- እቲ መሰረታዊ ጉዳይ፡ ሓረስቶት ንባህርያዊ ድኹዕን ጸረ ባልዓት ብቑልን ከም ቀዳማይ ኣማራጺ ንኽወስዱዎ፡ ነቲ ብቐረባ ክርኽቡዎ ዝኽእሉ ባህርያዊ ጸጋታት ብስነ-ፍልጠታዊ መገዲ ኣመስሪሕካ፡ ንሓረስቶትን ኣብ ቅድመ-ግንባር ዝርከቡ ክኢላታት ሕርሻን ድማ እናኣሰልጠንካ ከም ዝርዕምዎ ምግባር እዩ።

**• ኣቃውማ እዛ ሽማግለ ከመይ ይመስል?**

- እዛ ሽማግለ፡ ብኣቦ መንበር፡ ክልተ ጸሓፍትን 25 ኣባላትን ዝቘመት ኰይና፡ ስሩዕ ሰሙናዊ ኣኼባ እናገበረት ንዝቐረቡ ዛዕባታትን ገስጋስ ስራሕን ንዝምልከቶም ላዕለዎት ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ሕርሻ ተቕርብ። ኣቦ-መንበር ሽማግለ ካብ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር፡ ጸሓፍቲ ድማ ካብ ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስተንሽንን ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቊጽጽርን እዮም።

እዛ ሽማግለ ብኽልተ ንኡሳን ጉጅለታት ማለት ምፍራይ ባህርያዊ ድኹዕን ምፍራይ ባህርያዊ ጸረ-ባልዕን ዝቘመት እያ። እዘን ክልተ ንኡሳን ሽማግለታት፡ ንፍርያትን መጽናዕትን ባህርያዊ ድኹዕን ጸረ-ባልዕ ብቑልን ኣብ ኵሉ መዳይ ዝከታተላ ኰይነን፡ ምኩራት ሞያውያን ካብ እተፈላለዩ ክፍልታት ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ፡ ኢንስቲትዩት ቴክኖሎጂ ማይ-ነፍሒ ዝሓቘፉ እየን። ብተወሳኺ፡ ትግባረ ስራሕ ንምስላጥን ዘድሊ ሓበሬታ ንምልውዋጥን ኣብ ዞባታት ወከልቲ ብምምራጽ፡ እቲ ክሰርሕ ዝጸንሐን ዘሎን ፍርያት ባህርያዊ ድኹዕን ጸረ ባልዕን ብግብራዊ ኣገባብ ስልጠና ብምሃብ፡ ብዕቱብ ዝሰርሓሉ ዘሎ ጉዳይ እዩ።።

**• ዛጊት በዘን ንኡሳን ሽማግለታት ተሳሊጡ ዘሎ ሓፈሻዊ ዕማማት እንታይ ይመስል?**

- ብንኡስ ሽማግለ ምፍራይ ባህርያዊ ድኹዒ እንተጀሚርና፡ ምስ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ብምትሕብባር፡ ምምስራሕ ባህርያዊ ፈሳሲ ድኹዒ ካብ ዓሳን ጻህያይ ባሕርን ሓደ ካብ ዓበይቲ ገስጋስ እዩ። ብዘይካ'ዚ ሓረስቶት ኣብ ከባቢኦም ካብ ዝርከቡ ጥረ-ነገራት ተጠቒሞም፡ ደረቕ ባህርያዊ ድኹዒ ወይ ኮምፖስት ንኸዳልዉ እውን ሓያሎ ስራሓት ተዓሚሙ ኣሎ።

ኣባላት ንኡስ ሽማግለ ምፍራይ ባህርያዊ ድኹዒ፡ ትሕዝቶ ብቕዓቱ ዓለምለኻዊ ደረጃ ዝሓለወ ድኹዒ ንምፍራይ ፈተነታት ኣብ ምክያድ፡ ኣብ እቶት እተፈላለዩ ኣትክልቲ ዘሎዎ ጽልዋ ድማ ንምልላይ ድማ ጽዑቕ መጽናዕቲ ኣብ ምክያድ ይርከብ።

ዛጊት ድማ ኣብ ምምስራሕ ኮምፖስት፡ ንትሕዝቶኡ ብዝምልከት፡ ብላቦራቶሪ እናተጸንዐ ብቕዓቱ ዝሓለወ ኮምፖስት ኣብ ምፍራይ ብዙሕ ተመኩሮታት ተደሊቡ እዩ። ብተወሳኺ እውን ንዕኡ ዘድሊ መወከሲ ጽሑፋት ቀሪቡ። ነቲ ኣብ ልዕሊ መሬት ዝምስራሕ ኮምፖስት ንምብልላዕ ሓገዝቲ ዝኾኑ ታህዋስያን፡ ካብ መሬት ብምእካብን ብምርባሕን፡ እቲ ቐደም ኣዋርሕ ዝወስድ ዝነበረ ምድላው ኮምፖስት፡ ኣብ ውሽጢ 40 መዓልትታት መስርሑ ወዲኡ ንኣገልግሎት ንምቕራቡ እተገብረ ፈተነ፡ ኣዝዩ ውጽኢታዊ ኰይኑ ተረኺቡ ኣሎ።

ካብዚ ዓውዲ ከይወጻእና፡ ኣብ ምቕያር ዘቤታዊ ጉሓፍ ናብ ኮምፖስት ኣብ ከተማ ኣስመራ - ኣባይቲ ደምበ-ሰምበል፡ ቀጽሪን ከባብን ሚኒስትሪ ዜና ከምኡ’ውን ኣብ ቀጽሪ ሆስፒታል ኦሮታ ግብራዊ ፈተነ ተኻዪዱ። እቲ ዝተረኽበ ውጽኢት ኣዕጋቢ ስለ ዝነበረ ድማ ብዕብይ ዝበለ ደረጃ ንምትግባሩ ምስ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ብምርድዳእ ዓቢ ተበግሶ ተጀሚሩ ኣሎ።

ናብ ንኡስ ሸማግለ ምፍራይ ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ ምስ እንሰግር፡ ካብ እተፈላለዩ ኣቝጽልትን ቀመማትን ብሰነ-ፍልጠታዊ መስርሓት እናተማእከለ ብፈሳስን ደረቕን ኣገባባት፡ ኣብ ምምስራሕን ፈተነታት ምክያድን ይርከብ። ክሳዕ ሕጂ ካብ ቈጽልን ፍረን ኒም፡ ጻዕዳ ሽጉርቲ፡ ቈጽሊ ተምሪ ሙሳን ካልኦትን እተመስርሐ ባህርያዊ ጸረ ባልዕ ኣብ ዞባታትን ምርምርን መጽናዕቲ ብኽኢላታት ተኻዪዶሉ፣ ትስፉው ውጽኢት ድማ ተረኺቡሉ ኣሎ።

ኣብ ምክልኻል ኣንበጣ ምድረበዳ ዝሕግዝ፡ ኣቐዲሙ ተጸኒዑ ውጽኢታዊ ኰይኑ ዝተረኽበ ሓደ ዓይነት ዕሲ (metherizium fungus) እውን ተዓቂቡሉ ካብ ዝነበረ ብምብርባር፡ ኣተባባዒ ስራሓት ከም እተኻየደን ብብዝሒ ንምፍራዩ ኣብ ጽዑቕ ስርሓት ንርከብ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ናይ ሓሳኹን ባልዓትን መጻወድያታት እተገብረ ፈተነታት እውን ውጽኢታዊ ከም ዝነበረ፡ ብሓረስቶትን ክኢላታትን ተመስኪሮሉ ኣሎ።

ነዚ ኹሉ ክግለጽ ዝጸንሐ መደባት ንምትግባር፡ ዛጊት ኣብ ኩለን ዞባታት ን277 ክኢላታትን 817 ሓረስቶትን ግብራዊ ስልጠና ተዋሂቡ። ብእተፈላለየ መገድታት፡ እንተላይ ብማዕከናት ዜና ድማ ሓያል ናይ ጉስጓስ ንጥፈታት ይካየድ ኣሎ።

**• ውጽኢትን ኣድማዕነትን ናይዞም ባህርያዊ ፍርያት ንምዕቃን እትገብርዎ ንጥፈታትከ?**

- ውጽኢቶም ንምፍላጥ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር፡ ሃገራዊ ላቦራቶሪ ጥዕና እንስሳን ብቑልን፡ ክፍሊ ማይ፡ ከምኡ’ውን ናብ ወጻኢ ሃገር ብምልኣኽ፡ ኵሉ ክማላእ ዝግብኦ ከም ነማልኣሉን ብሰነድ ከም ዝተሓዝ ንገብርን። ብኽፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቊጽጽርን ድማ ምስክርነት ብቕዓት ይወሃብ። ንብቕዓቱ ዝምልከት ዘድሊ መጽናዕትን ምስክርነትን ምስ ረኸበ፡ ብኸመይ መገድን ኣገባባትን ክንጥቀመሉ ከም እንኽእል ድማ መወከሲ ጽሑፋት ነዳልወሉ።

**• እዚ ፍርያት ኣብ ሓረስቶት ተቐባልነቱ ከመይ ኣሎ?**

- መብዛሕትኦም ሓረስቶት ሃገርና፡ ንለውጢ ቅሩባት፡ ኣብ ልዕሊ ሞያውያን ድማ እምነት ስለዘሎዎ በቲ ሓደ ወገን፡ ነቶም ‘ዝሓሸ ኣፍልጦን ቅሩብነትን’ ኣሎዎም ዝተባህሉ ድማ ባዕላቶም እናፈተኑ ከም ዝኽዱ ሰለዝግበር፡ ኣብዚ ግዜ ኣፍልጦ ሓረስቶት ክብርኽ ክኢሉ እዩ። ጽልዋ ጎስጓሳት ብመራኸቢ ብዙሓን ድማ ኣዝዩ ሓጋዚ ነይሩ። ኣብ እተፈላለዩ እዋናት፡ ምውዳብ ግብራዊ ስልጠናታት ንሓረስቶት ብዕቱብ ስለ ዝተሰርሓሉ’ውን ናይ ባዕሉ ሓያል ድርኺት ፈጢሩ እዩ። ሳላ እዚ ኹሉ ጻዕርታት ድማ ሓረስቶት ብመገዲ ጨናፍር ዞባታት ቤት ጽሕፈት ሕርሻ ቀጻሊ ጠለብ ፈሳሲ ድኹዕን ጸረ ባልዕን የቕርቡ ኣለዉ። ንኣሰራርሓ ኮምፖስትን ካልእን ዝምልከት ድማ ብውዱብን ጥርኑፍን መገዲ ምእንቲ ክካየድ፡ ምስ ዝምልከቶም ክኢላታት ሕርሻ ኣብ ዞባታት ብምርድዳእ፡ ሰፊሕ ናይ ስልጠና መደብ ስለ ዝተኻየደ፡ ሓረስታይ ብቐሊሉ ነቲ ክሰራሕ ተደልዩ ዘሎን ዕላማኡን ከተግብር ኣብ ዝኽእለሉ ደረጃ በጺሑ ኣሎ።

**• መጻኢ መደባት ናይዛ ሸማግለ ከመይ ይመስል?**

- ኣብ መጻኢ፡ እዞም ውጽኢታውያን ኰይኖም ዝተረኽቡ ፍርያት፡ ብምእኩል ኣገባብ ብብዝሒ ንኽፈርዩ፡ ዘድሊ ምድላዋት ምግባርን ናብ ደረጃ ፋብሪካ ምዕባይን በቲ ሓደ፡ ንዚያዳ ኣድማዕነት ድማ ሓፈሻዊ ዓቕሚ ኣባላት ሸማግለ ምብራኽ ኣካል ናይ መጻኢ መደባትና እዮም።

ብዘይካ’ዚ፡ ጠለብ ዞባታት ብመንጽር እንፍርዮም ዘሎና ንምግምጋሙ ሰፊሕ ኩለላ ክነካይድ ኢና። ኮምፖስት ከፍርዩ ንዝኽእሉ ንግዳውያን ሓረስቶትን ትካላትን ድማ ቴክኒካዊ ሓገዝ ክንህብ ኢና። ብፍላይ ድማ ንዘቤታዊ ጉሓፍ ናብ ኮምፖስት ንምቕያር እተጀመረ ተበግሶ ብዝለዓለ ክንደፍኣሉ ኢና። ብቕዓትን ትሕዝቶን ናይቶም ዝፈርዩ ዘለዉ ባህርያውያን ድኹዕታትን ጸረ-ባልዕን እናዕበኻን እናተኸታተልካን ዝያዳ ንምስፋሖም እውን ተመዲቦም ካብ ዘለዉ ናይ መጻኢ ዕማማት ናይዛ ሃገራዊ ሸማግለ እዮም።

**• ኣብ መወዳእታ እተመሓላልፎ ለበዋ እንተ’ሎካ?**

- ኣብዚ እዋን፡ ሳዕቤናት ቀመማዊ ድኹዕን ጸረ-ባልዕን ኣብ ጥዕና ደቂ-ሰብን ኣብ ባህርያዊ ሃብትን ርዱእ ኰይኑ ኣሎ። ስለዚ፡ ባህርያዊ ሃብትኻ እናሓለኻ፡ ውሑስ መኣዛዊ መግቢ ምፍራይ ኣገዳሲ መስርሕ’ዩ። በዚ ድማ ነፍሲ ወከፍ ክኢላ፡ ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ሓረስቶት ሃገርና በብመድረኹ ናብ ባህርያዊ ሕርሻ ዝሰጋገሩሉ መገዲ ንምንዳይ ክሰርሑን ክጕስጕሱን ከም ዘሎዎም ብስም እዛ ሃገራዊት ሸማግለ እምሕጸን።



# ባህርያዊ ፈሳሲ ድኾዒ ባሕሪ

## ግዳይ ንጥፈታት ሕርሻ ዝነበረ ባሕሪ፡ መሓዛ ሕርሻ ይኸውን!



ነቶም ምስ መኻዕበቲ እቶትን ጸረ ባልዕ መድሃኒታትን ተተሓሒዞም ዝመጽኡ ጸገማት ንምፍታሕ ከምኡ'ውን ባህርያዊ ድኹዕን ጸረ-ባልዕን ንምፍራይ ዝዕላማኡ፡ ካብ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ፡ ኮሌጃትን ናይ ውልቂ ትካላትን ብዝተዋጽኡ ክኢላታት ዝቖመት ሃገራዊ ሽማግለ ኣብ ንጡፍ ስራሕ ከም እትርከብ ይፍለጥ። ንጡፍ ኣባል ናይዛ ሽማግለ ዝኾኑ ኣቶ ተመስገን ገብረመስቀል፡ ነቲ ዝሰርሓሉ ትካል - ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ-ነፍሕን ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕርን ወኪሉ፡ ብዛዕባ ምድላው ፈሰስቲ ድኾዒ ካብ ጸጋታት ባሕሪ ኣመልኪቱ ዝሃበና መብርሂ ይስዕብ፦

**• ጸጋታት ባሕሪ፡ እቶት ሕርሻ ኣብ ምኽዕባት እጃሞም የበርክቱ ኣለዉ። እዞም ክልተ ጽላታት ኣበይ እዮም ዝራኸቡ?**

- ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ፡ ውጽኢት ባሕሪ ዝኾኑ ጸጋታት ናብ ሕርሻ ባሕርን ሕርሻ ጥዑም ማይን ክውዕሉ ዝኽእልሉ መንገዲ ንምፍጣር፡ ብርክት ዝበለ ፈተነታት ከካይድ ጸኒሑ። ምምዕባል ተረፍ-መረፍ ምምስራሕ ዓሳ፡ ተመሊሶም ኣብ ሃይድሮፖኒካ (ሓመድ-ኣልቦ ሕርሻ) ከም መግቢ ዓሳ ኰይኖም ዘገልግልሉ ኣገባብ ምትእትታው ከም ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል። ብዘይካ'ዚ ተረፍ መረፍ ምምስራሕ ዓሳን ጻህያይ ባሕርን ኣብ መዓላ ንምውዓሎም፡ ሓያለ ምርምራዊ ስራሓት ክካየዱ ጸኒሖም። ማዕረ-ማዕረ'ዚ ሚኒስትሪ ሕርሻ'ውን ብወገኑ፡ ኣብ ምፍራይን ምትእትታውን ባህርያዊ መኻዕበቲ እቶትን ጸረ-ባልዕ መድሃኒታትን ኣበርቲዑ ክሰርሕ ጸኒሑ። ኣብ ከምዚ እዋን ድማ'ዩ እዘን ክልተ ሚኒስትሪታት ሓንቲ ናይ ሓባር ሽማግለ ብምቛም፡ ውሁድ ስራሕ ንምክያድ ኣብ መጀመርታ 2021 ነዛ ሃገራዊት ሽማግለ ዘቖማ።

**• እዞም ጨዋም ማያት ግዳይ ስነ-ቀመማዊ መኻዕበቲ ጸረ-ባልዕ መድሃኒታትን ኰይኖም'ዮም ጸኒሖም። ነዚ ንምቕያር እተካይድዎ ዘለኹም ጻዕርታት ክተብርሃልና?**

- ባሕሪ ሓደ ኻብቶም ግዳያት ጎድናዊ ሳዕቤናት ምጥቃም ቀመማዊ መኻዕበቲ እቶትን ጸረ-ባልዕ መድሃኒታትን'ኳ እንተኾነ፡ ካብ ጸጋታቱ ዝምንጩ ፍታሕ'ውን ኣሎዎ። ካብ ዝተበላሸወ ይኹን ተረፍ-መረፍ ምምስራሕ ዓሳን ኣብ ገማግም ባሕሪ ዝወጽእ ጻህያይ ባሕርን ዝዳሎ ፈሳሲ ድኾዒ፡ ኣብ ኣቓጽልቲ ኣትክልቲ ብምንጻግ ኣብ ዝተገብረ መጽናዕትታት፡ ኣብ ምኽዕባት ምህርትን ምውሓስ ጥዕና ኣትክልትን ተስፋ ዝህብ ውጽኢት ተረኺብዎ ኣሎ።

**• እሞ ባሕርናኸ ነዞም ዝጠቐስካዮም ፈሰስቲ ድኾዒ ብእኹል ዓቐን ንምቕራብ ዝኽእል እኹል ጸጋ ኣለዎዶ ትብል?**

- ብርግጽ ኣሎዎ። ኣብ ገማግም ባሕሪ ዝተገብረ ዳህሳስ ከም ዘነጽሮ፡ ባሕርና ልዕሊ 100 ዝኾኑ ዓሌታት ጻህያይ ኣለዉዎ። እዞም ዓሌታት ጻህያይ፡ ካብ ሰለስተ ዓይነት ጅር ኰይኖም፡ ብብዝሒ ዝርከብ ግና ኣብቲ ሳርጋሶም ዝብሃል ዓሌት እዩ። ኵሎም እዞም ጻህያይ ባሕሪ ድማ ካብ ባሕሪ ተገፊዖም ብምውጻእ፡ ደንደስ ባሕሪ ምዝላል እንተ ዘይኰይኑ ዝኾነ ዝጥቀስ ረብሓ ኣይጸንሖምን። ማዕረ ማዕሪኡ፡ ሰነዳት ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ከም ዘነጽርዎ፡ ካብ ብመጅሓፍ ዝግፈፉ ዓሳ፡ 30-50 ሚእታዊት ብላኼማ ዝተሓዙ ወይ ዝግፈፉ ኹይኖም፡ ንመግቢ ሰብ ይኹን እንስሳ ክንጥቀመሎም ኣይጸናሕናን። ስለዚ፡ ነዞም ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉ ዘይጸንሑ ጸጋታት፡ ኣብ መዓላ ብምውዓል ክፈሪ ዝኽእል መጠን ፈሳሲ ድኾዒ ዓሳን ጻህያይ ባሕርን ምግማቱ ዘጸግም ኣይኰነን። እቲ ዝፈሪ ፈሳሲ ድኾዒ ዓሳን ጻህያይ ባሕርን ድማ ደረጃኡ ብዝሓለወ ኣገባብ ካብ ሃገርና ሓሊፉ ንሰደድ እውን ክኸውን ዝኽእል እዩ።

ካልእ ማዕረ ኣተኵሮ ዘድልዮ ዛዕባ ኸኣ ምፍራይ ናይዞም ፈሰስቲ ድኾዒ፡ ነቲ ኣብ ገማግም ባሕሪ ዝነብር ህዝብና ምንጪ ዕዮን እቶትን ብምኳን፡ ናብራኦም ዘመሓይሹሉ ኣማራጺ ዝፈጥር ምኳኑ እዩ።

**• ፈሰስቲ ድኾዒ ንምፍራይ እትኽተልዎ ኣገባብ ክተብርሃልና?**

- ፈሳሲ ድኾዒ ዓሳ፡ ልዑል ትሕዝቶ ናይትሮጅን ዘሎዎ ኹይኑ፡ ተረፍ-መረፍ ዓሳ ኣድቂቕካ ብምምታር፡ ምስ መዓልቱ ዝሕለፈ ሽኮር ወይ ሞላስ ብምሕዋስ፡ መሸሚሹ ናብ ፈሳሲ ንኽቕየር፡ ኣብ ገንኢ ወይ በርሚል ይጥጃእ። ፈሳሲ ድኾዒ ጻህያይ ባሕሪ ድማ ብተመሳሳሊ ኣገባብ ዝዳሎ ሃብታም ትሕዝቶ ፖታስዩምን ፎስፎረስን ዘሎዎ ኹይኑ፡ ኣቐዲሙ ቅድሚ ምምታር፡ ጨዋምነት ንምንካይ ብተደጋጋሚ ብጽሩይ ማይ ይሕጸብ። ነቲ መስርሕ ምምሽማሽ ንምቅልጣፍ ድማ ኣብዚ እዋን ተወሲኽቲ ኣይ.ኢ.ኤም (Indigenous Effective Microorganisms (IEM)) ከምኡ'ውን ላክቶ ባሲላይ (lactic acid bacteria) ዝብሃሉ ታህዋስያን ክነዳሉ ክኢልና ኣለና።

**• ዛጊት ክንደይ ዝኸውን ፈሳሲ ድኾዒ ንሓረስቶት ተዓዲሉ ኣሎ?**

- ብዘይካ ንዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፣ ክሳዕ መወዳእታ 2022 ኣብ ዝነበረ ግዜ፣ 47 ሽሕ ሊትሮ ካብ ክልቲኡ ፈሳሲ ድኹዒ ኣብ ኵለን ዞባታት ሃገርና ንዝርከቡ ኣብነታውያን ሓረስቶት ተዓዲሉ ኣሎ። እቲ ዝተዓደለ ፈሳሲ ድኹዒ ኣብ ድንሽ፣ ጕዕ በርበረ፣ ኮመደረ፣ ሽጉርትን ካውሎን ተፈቲኑ ውጽኢታዊ ምዃኑ ተረጋጊጹ ኣሎ።

**• ውጽኢት ናይዚ ዛጊት ተኻይዱ ዘሎ ፈተነታት'ሞ ከመይ ይግምገም?**

- ኣቐዲሙ ከም እተገልጸ፣ እቲ መጽናዕቲ ኣብ ኣሕምልቲ ኹይኑ፣ ፈሳሲ ድኹዒ ዓሳ ወይ ጻህያይ ባሕሪ ብተናጸል ወይ ከኣ ሕውስዋስ ናይ ክልቲኦም ፈሰስቲ ድኹዒ ብምንጻግ፣ ውጽኢቱ ድማ ምስ ዝኾነ ፈሳሲ ድኹዒ ዘይንጸጎ መቈጻጸሪ ብምውድዳር እዩ ተኻይዱ። ውጽኢት ናይ ነፍሲ-ወከፍ መጽናዕቲ ድማ ብመገዲ ኣብ ኩለን ዞባታት ዝርከቡ ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻ እዩ ዝቐርብ። መጠን እቶት ናይ ነፍሲ-ወከፍ ፈተነ ድማ ካብቲ ዘይተነጽገሉ ብተዛማዲ ዝዓበየ ኰይኑ ተረኺቡ። ብኣሃዝ ንምግላጹ ድማ፣ ኣብ ዞባ ማእከል ኣብ ድንሽ ኣብ ዝተገብረ ፈተነ ምጥቃም ፈሳሲ ድኹዒ ዓሳ ናይ 38 ሚእታዊት ዕብየት፣ ናይ ፈሳሲ ድኹዒ ጻህያይ ባሕሪ ፈተነ ናይ 25 ሚእታዊት ዕብየት፣ ሕውስዋስ ናይ ክልቲኦም ፈሰስቲ ድኹዒ ድማ ናይ 29 ሚእታዊት ወሰኽ ምህርቲ ከመዝግብ ክኢሉ። ብተመሳሳሊ፣ ኣብ ዞባ ደቡብ ኣብ ድንሽ ዝተገብረ ፈተነ ናይ 50 ሚእታዊት ወሰኽ ኣብ ብቝሊ ድንሽ (Potato tubers) ከርኢ ክኢሉ።

እዞም ፈሰስቲ ድኹዒ ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ'ውን ኣብ ጕዕ በርበረ ተፈቲኖም እዮም። ንውጽኢቶም ብዝምልከት ድማ ናይ 20 ሚእታዊት ወሰኽ ምህርቲ ኣብ ርእሲ ምምዝጋቦም፣ እቶም ኣትክልቲ'ውን ካብ ሕማም ናጻ ብምዃን ኣብ ዕዳጋ ልዑል ጠለብ ዝረኸበ ኣዝዩ ፍሉይ ጕዕ ክህቡ ክኢሎም። ብተወሳኺ፣ ኣብ ትካል ምፍራይ ዕምባባ ኣስመራ፣ ኣብ ዕምባባታት ኣብ ዝተግብረ ፈተነ፣ ፈሳሲ ድኹዒ ዓሳ ኣብ ምምሕያሽ ንውሓት ጨንፈር፣ ምውሳኽ ዓቐን ዕምባባን ምጥጣዕ ኣቍጽልትን ኣዝዩ ርኡይ ለውጢ ክምዝገብ ተኻኢሉ። ኣብ ኣልፋ-ኣልፋ እውን ምስ ኣዜብ ትካል ጸባን ውጽኢቱን ብምትሕብባር ፈተነ ተኻዪዱ። ውጽኢት ናይቲ ፈተነ ከም ዘነጽሮ ድማ እቲ 100 ኪሎ ግራም ጥሉል ኣልፋ-ኣልፋ ብምምጋብ ዝርከብ ዝነበረ መጠን ጸባ፣ ካብ 60 ኪሎ ግራም ፈሳሲ ድኹዒ ዓሳ ዝተነጽገሉ ኣልፋ-ኣልፋ ክርከብ ተኻኢሉ።

**• ዓቐን ምንጻግ ብዝምልከትከ?**

- ሓረስቶት ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ተኽሊ ክጥቀምሉ ዝግባእ ግቡእ ዓቐን ኣነጻጽጋ ኣረጋጊጽና ንምፍላጥ፣ ገና ኣብ ሃገራዊ ኢንስቲትዩት ሕርሻዊ ምርምር - ሓልሓለ መጽናዕቲ ኣብ ምክያድ ንርከብ። እቲ መጽናዕቲ ንግዚኡ ኣብ ስርናይ፣ ድንሽን ጕዕ በርበረን ኣተኵሩ ብእተፈላለየ ዓቐናት እና'ቃጠንካ እዩ ዝካየድ ዘሎ። ንዕኡ መበገሲ ዝኾውን መባእታዊ ምርምርን ፈተነን ግና ኣብ ቀጽሪ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ እዩ ተኻይዱ። ነቲ ውጽኢት ናይቲ መባእታዊ ፈተነ ድሕሪ ብግቡእ ምቕማር ድማ 20 ሚሊ ሊትሮ ፈሳሲ ድኹዒ ጻህያይ ባሕሪ ኣብ ሓደ ሊትሮ ጽሩይ ማይ፣ 30 ሚሊ ሊትር ፈሳሲ ድኹዒ ዓሳ ኸኣ ኣብ ሓደ ሊትሮ ጽሩይ ማይ ብምቅጣን ከም መበገሲ ተወሲዱ ይሰርሓሉ ኣሎ።

**• ውጽኢት ናይቲ እተካይድዎ መጽናዕቲ ብኸመይ ኢኹም ናብ ካልኦት ክኢላታት ሕርሻን ሓረስቶትን ተብጽሕዎ?**

- ከም መበገሲ ብሮሹራት ብምድላው ክንዝርግሕ ጸኒሕና ኢና። ብተወሳኺ፣ ኣስተምህሮን ስልጠናን ይወሃብ'ዩ። እዚ ጌርናዮ ዘሎና መጽናዕቲ መበገሲ ደኣ'ምበር፣ ዛዛሚ ኣይኮነን። ኣብ መጻኢ፣ ኣብ ሓያለ ዓይነታት ኣትክልቲ ብብዙሕ ኣገባባት ተወሳኺ መጽናዕቲ ብምክያድ፣ ኣተኣማማኒ ስእሊ ንምሓዝ ክንጽዕር ኢና።

**• ፈሰስቲ ድኹዒ ብዝለዓለ ደረጃ ንምፍራይ ብሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ተታሒዞም ዘለዉ መደባት ክትገልጸልና?**

- ኣቐዲመ ከም ዝገለጽኩዎ፣ ክሳዕ ሕጂ ተረኺቡ ዘሎ ውጽኢት፣ ንተራ ናይዞም ፈሰስቲ ድኹዒ ኣብ ምኽዕባት እቶት ዘውቱራት ብቑልታት ዝምስክር እዩ። ኣብ ንኣሽቱ ባዞታት ይኹን ኣብ ናይ ሕርሻ ቃጽያታት ዝተኻየዱ ፈተነታት ተስፋ ዝህብ ውጽኢት እዩ ተረኺብዎም። ቀጺሉ ኣብ ሰፋሕቲ ናይ ሓረስቶት መሬት





ዝተኻየደ ፈተነታት እውን ብዝያዳ እወታዊ ውጽኢት ተረኺብዎ እዩ። በዚ መሰረት፡ ሚኒስትሪታት ሃብቲ ባሕርን ሕርሻን ብሓባር ነዞም ፈሰስቲ ድኹዒ ብዝለዓለ ደረጃን ዓቐንን ንምፍራዮም ኣብ ንጡፍ ስራሕ ይርከቡ። ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ንኣብነት፡ ብዙሕ ገንዘብን ጉልበትን ብምፍሳስ፡ ጸጋታት ባሕሪ ብዝግባእ ኣብ መዓላ ዘውዕልሉ መገዲ ንምጥጣሕ ኣበርቲዑ ይሰርሕ ኣሎ። ነቲ ስራሕ ንምቅልጣፍ ድማ ድሮ ብጨንፈር ምህንድስናን ቴክኒካዊ ስርሓትን ናይቲ ሚኒስትሪ፡ ሓንቲ ዓሳ ንምጥሓን እተገልግል ማሽን ተሰኒዓ ኣብ ስራሕ ውዒላ ኣላ። እዛ ማሽን ኣብ ሰዓት ኣስታት ሓደ ቶን ዓሳ ክትጥሕን ትኽእል ብምዃና፡ ነቲ ብጉልበት ክዕየ ዘጸንሐ ስራሕ ዓብዪ ኣሳልጦ ክትህቦ ክኢላ እያ።

ብተወሳኺ፡ ምጥቃም እዞም ጸጋታት፡ ብፍላይ ከኣ ጻህያይ ባሕሪ፡ ነቲ ኣብ ገማግም ባሕሪ ዝነብር ህዝብና ከም ምንጪ እቶት ኮይኑ ከገልግል ስለ ዝጀመረ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ኣድህቦ ሂቡ ይሰርሓሉ ኣሎ። እዝን ካልእን ተደማሚሩ፡ እዚ ሚኒስትሪ ኣብዚ እዋን ኣብ ወርሒ ኣስታት 10 ሽሕ ሊትሮ ፈሳሲ ድኹዒ ናይ ምፍራይ ዓቕሚ ዘለዋ ንእስ ዝበለት ትካል ኣብ ምድላው ይርከብ። ኣብ ቀጻሊ ድማ ዘድሊ ማሽነሪታትን ቀረባትን ብምውዳድ፡ ንዝለዓለ መፍረ እዞም ፈሰስቲ ድኹዒ ክሰርሕ እዩ።

**• ብቕዓትን ደረጃን ናይዞም ዝፈርዩ ዘለዉ ፈሰስቲ ድኹዒ ንምርግጋጽ እትኽተልዎ ስነ-ፍልጠታዊ ኣገባብ ከመይ ይመስል?**

- እቲ መሰረታዊ ኣገባብ ካብ ነፍሲ-ወከፍ ፈሳሲ ድኹዒ ቅምሶ ብምውሳድ እንገብሮ መርመራ እዩ። ቅምሶና ናብ ሃገራዊ ኢንስቲትዩት ምርምር ሕርሻ - ሓልሓለ ተላኢኹ ዘድሊ ናይ ትሕዝቶ መርመራ ይግበረሉ። ብዛዕባ ምስ ተኳዳእቲ ታህዋስያን ዝምልከት ድማ ተመሳሳሊ ቅምሶ ተወሲዱ ኣብ ሃገራዊ ላቦራቶሪ ጥዕና እንስሳን ብቑልን ይምርመር። ብተወሳኺ፡ ዝድለ ብቕዓት ንምርግጋጽን ንምውድዳርን ተመሳሳሊ ቅምሶ ናብ ካልኦት ካብ ኤርትራ ወጻኢ ዘለዋ ትካላት ተላኢኹ መርመራ ይግበረሉ እዩ። ንኣብነት፡ ምስ ትካል መፍረ ኮምፖስት ሳወይና ብምትሕብባር፡ ቅምሶ ናብ ቤተ ምርምር ካርቱም ዩኒቨርስቲ ተላኢኹ ከም ዝምርመር ተገይሩ። ጉድኒ-ጉድኒ'ዚ ድማ ንምፍራይ እዞም ፈሰስቲ ድኹዒ ዘድሊ ንዋትን ዓቕሚ ሰብን ብምውዳድ፡ ሓደ ጽፉፍ መስርሕ መፍረ ዝኽተል ኣገባብ ነተኣታቱ ኣሎና። ምውሓስ ድሕነት ናይቶም ኣብቲ ስራሕ ዝሳተፉ ኣባላት'ውን ኣገዳሲ ስለዝኾነ፡ ምስ ክፍሊ ኣገልግሎት ቊጽጽርን ሕጋጋትን ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምዃን፡ ንኣባላት ዘድሊ መከላኸሊ በጃ ኽዳን፡ ናውቲ ቀዳማይ ረዲኤትን ካልእ ምስኡ ተኣሳሲሮም ዝኸዱ ከም መጥፍኢ ሓዊ ዝኣመሰሉ ናውቲ ኣብ ምድላው ንርከብ።

**• ነቲ ካብ ፈሰስቲ ድኹዒ ዝወጽእ ጉሓፍ ወይ ተረፈ-ምህርቲ ብኸመይ ትውግኡዎ?**

- ዋላ'ኳ እዚ ነፍርዮ ዘሎና ፈሳሲ ድኹዒ ባህርያዊ እንተኾነ፡ ኣብ መወዳእታ ናይቲ መስርሕ ዝወጽእ ጉሓፍ ክህሉ ናይ ግድን'ዩ። እቲ ጉሓፍ፡ ግለት ናይ ጻህያይ ባሕርን ተረፍ-መረፍ ኣዕጽምቲ ናይ ዓሳን ዝሓዘ እዩ። ነዚ ድማ ከም ብሓድሽ ናብ ኮምፖስት ብምቕያር፡ ካልእ ኣብ ሕርሻ ኣበርክቶ ክገብር ዝኽእል ፍርያት ኣብ ምፍራይ ንርከብ። ነዚ ጉሓፍ ናብ ኮምፖስት ንምቕያር ድማ ካብ ትካል መፍረ ኮምፖስት ሳወይና-ካርቱም ዝመጸ ላዕለዋይ ክኢላ ኮምፖስት ኣቶ ፍቓዱ ተስፋሚካኤል ንኣባላት ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ዘድሊ ስልጠና ብምሃብ፡ ከም መፈተኒ 5 ኩቢክ ሜተር ኮምፖስት ክነዳሉ ክኢልና ኣለና። ብቕዓትን ደረጃን ናይዚ ኮምፖስት ንኽምርመር ቅምሶ ተወሲዱ ናብ ሃገራዊ ኢንስቲትዩት ምርምር ሕርሻ ሓልሓለ ተላኢኹ ኣሎ። ነቲ ጉሓፍ ናብ ኮምፖስት ምቕያር፡ ጨና ኣብ ምቊጽጻር እውን ዓብዪ ግደ እዩ ዘለዎ። ስለዚ እቲ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ኣብ ምፍራይ እዞም ፈሰስቲ ድኹዒ ዝኽተሎ ዘሎ መስርሕ "ዜሮ ብኽነት" ብዝብል መሪሕ ቴማ ተማእዚኑ፡ ኵሉ ኣብቲ መስርሕ ዝኣቱ ናብ ፍርያት ብዝቕይር መገዲ እዩ ዝኸይድ ዘሎ።

**• ኣብ መወዳእታ ክተመሓላልፎ እትደሊ መልእኽቲ ወይ ለበዋ እንተ'ሎ።**

- እዚ ፕሮጀክት ገና ኣብ ምብጋስ'ዩ ዘሎ። ክሳዕ ሕጂ ድማ ካብ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻን ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ነፍሕን ብዝተዋጽኡ ክኢላታት እዩ ዝካየድ ዘሎ። ንቐጻሊ ውሑስን ዘላቕን ኰይኑ ብዝለዓለ ኣድማዕነት ንኽቕጽል፡ ናይ ብሕቲ ኣፍረይቲ ይኹኑ ኣብ ካልኦት ትካላት መንግስቲ ዘለዉ ክኢላታት ኣበርክቶ ክገብሩ ኣገዳሲ ምዃኑ ክዝንጋዕ የብሉን። ብሕልፊ ኣብ ዝካየድ ምርምር፡ ዝሓሸን ዝበለጸን ውድዓዊ ውጽኢት ክርከቦ ምእንቲ፡ ዕሙቕ ዝበለ ዕቱብ መጽናዕቲ ምግባር ኣገዳሲ እዩ።

# ምምስራሕ ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ

ሚኒስትሪ ሕርሻ ሓደ ኻብቲ ሒዙዎ ዘሎ ስትራተጂ፡ ምትእትታውን ምሕያልን ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ እዩ። ነዚ ጉዳይ ብዝምልከት፡ ምስ ወ/ሮ ልኡላ መኮነን፡ ሓላፊት ኣሃዱ ምክልኻል ብቑሊን ጠርናፊት ንኡስ ሸማግለ ባህርያዊ ጸረ-ባልዕን ዘካየድናዮ ቃለ-መሕትት ቀሪቡ'ሎ።



**• ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ እንታይ ማለት'ዩ ብኽመይከ ይዳሎ?**

- ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ፡ ስፍሕ ዝበለ መግለጺ ዘሎዎ ኾይኑ፡ ኣብ ኣርባዕተ ዓበይቲ ክፋላት ይምቀል። ንሳቶም ከኣ ካብ ተኽሊ ዝምስርሑ፡ ካብ ደቀቕቲ ህዋሳት ዝምስርሑ፡ ከም መጻወድያ ኰይኖም ንባልዓት ዝከላኸሉን ብጂን ብምስግጋር ተጻዋርነት ክህልዎም ዝሕግዙን እዮም። ብደረጃ ዓለም ዝለዓለ ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ ካብ ደቀቕቲ ታህዋሲያን ዝተመስርሐ 'ባሲለስ ቱሪንጀንሲስ' እተባህለ ባክተርያ ክኸውን ከሎ፣ ካብ ተኽሊ ዝተመስርሐ ድማ ኣብ ዕዳጋ ዝበዝሐ ዝቐርብ፡ ካብ ኒም ዝተመስርሐ ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ እዩ። ብደረጃ ዓለም ንባህርያዊ ጸረ-ባልዕ ዘገልግሉ ንጡፍ ባእታ ዘሎዎም ልዕሊ 2000 ዝኾኑ ዓይነት ኣትክልቲ ከም ዘለዉ ይፍለጥ። ኣብ ሃገርና'ውን  ብዙሓት ዓይነት ተኽሊ ንባህርያዊ ጸረ-ባልዕ ዝጠቕሙ ኣለዉ።

**• ገለ ካብ ዓበይቲ ጥቕምታት ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ ክትጠቕሰልና?**

- ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ፡ ምስ ኣከባቢ ዝቃዶ፡ ኣብ ሰብን እንስሳን ኣሉታዊ ጽልዋ ዘይብሉ፡ ብባህርይኡ ቀልጢፉ ስለ ዝበንን ድማ ኣብ ፍርያት/ ምህርቲ ዝኾነ ተረፍ መረፍ ዘይሓድግ እዩ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ጠቓምቲ ዝኾኑ ሓሳኺ ከም ንህቢን ካልኦትን ዓርኪ ሓረስታይ ዝኾኑ ሓሳኺ ጉድኣት ከምዘይብሉን ሚዛኑ ዝሓለወ ስነ-ህይወታዊ ብዙሕነት ክህሉ ከም ዝሕግዝ እተፈላለዩ ጽሕፋት ይሕብሩ።



**• ብዛዕባ ኣገባብ ምድላው ባህርያዊ ጸረ-ባልዕኸ እንታይ ትብልና?**

- ንኣገባብ ኣደላልዋኡ ብዝምልከት ካብ እተፈላለዩ ኣቕጽልትን ቀመማትን ብመልክዕ ፈሳሲ፡ ሓርጭ ከምኡ'ውን ብመልክዕ ዘይቲ ክዳሎ ይኽእል።

**• ዛጊት በዛ ንኡስ ሸማግለ ተሰላሲሉ ዘሎ ንጥፈታት ክትገልጽልና?**

- ክሳዕ ሕጂ ልዕሊ 840 ሊትሮ ካብ ጽማቚ ኒም፡ ዕረን ጉዕ-በርበረን ተዳልዩ፡ ንመርኣያ ዝዓለመ ኣብ ኣርባዕተ ዞባታት ሃገርና ንሓረስቶት ተዘርጊሑ ኣሎ። እዚ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣሕምልቲ ንዝርአዩ ባልዓት ንምቊጽጻር ዝዓለመ ስለዝኾነ፡ እቲ ፈተነ፡ ሓረስቶት ኣብ ግራት እና'ካየዱ ብግብሪ ዝመሃሩሉ እዩ። ብተወሳኺ፡ ነዚ ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ ዝሕግዝ መወከሲ ጽሑፍ ተዳልዩ ተዘርጊሑ ኣሎ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ብጽማቚ ኒም፡ ዕረ፡ ጉዕ-በርበር ዝተዳለወ ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ፡ ዝጸንሓሉ ግዜን ዓቐን ኣጠቓቕማን፡ ኣብ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ተጸኒዑን ይጽናዕ ኣሎን።

**• ውጽኢት ናይቲ ድሮ መጽናዕቱ ዝወድአ ፍርያት ክትገልጽልና?**

- እቲ መጽናዕቲ፡ ቀንዲ ኣብ ዓቐንን ዝጸንሓሉ ግዜን (shelf life) ናይቲ ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ እዩ ተኻዪዱ። በቲ ዝተገብረ መጽናዕቲ፡ ጽማቚ ቈጽሊ ኒም፡ ዕረ፡ ጉዕ-በርበረ ኣብ ንኣሽቱ ቃጽያታትን ሕርሻ ገደናን ንዝርአዩ ባልዓት ንምክልኻል ሓጋዚ ከም ዝኾነ ተፈሊጡ ኣሎ። በዚ ምኽንያት፡ እዛ ንኡስ ሸማግለ ኣብ ጽማቚ ዘይቲ-ኒም ኣተኩራ ብብዝሒ ንምፍራይ ትሰርሕ ኣላ። ኣብዚ እዋን፡ ኣብ ኣርባዕተ ዞባታት ዘርኢ ኒም ኣብ ምእካብ ንርከብ። ክሳዕ ሕጂ ዝተኣከበ 3 ኹንታል ዘርኢ ኒም፡ ገለ ኻብኡ 29 ኪሎ ንመርኣያ ወይ ቅምሶ (sample) ከም ዝጽሞቕ ተገይሩ። ካብኡ 3.5 ሊትሮ ዘይትን 25 ኪሎ ኒም ኬክን ተረኺቡ። ዝተጸምቈ ዘይቲ ኒም ከም ጸረ-ሓሳኺ፡ ጸረ-ፋንጋስ፡ ጸረ-ደቀቕቲ ሳሬት-መሰል ኰይኑ የገልግል። ብተወሳኺ፡ 'ኒም ኬክ'፡ ሓተላ ናይ ዘይቲ ኒም ኰይኑ፡ ንምክልኻል ባልዓት (ከም ነጻጊ (repellant)) ባህርያዊ ድኹዒ ኰይኑ ዘገልግል እዩ። ኣብዚ እዋን፡ ኣብ ዞባ ማእከል ፈተነ

ጽማቕ ዘይቲ ኒም ኣብ ሽባዕታ ድንሽን ዋግ ስርናይን ይካየድ ኣሎ። ብተወሳኺ፡ ፈተነ ኒም ኬክ ኣብ ናይ ድንሽ ግዝዋ (tuber moth) ንምክያድ'ውን መደብ ተታሒዙ'ሎ።

**• ባህርያዊ ጸረ ባልዕ ብቕዓቱ ብኸመይ ትቈጻጸሩዎ?**

- ካብ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽርን ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝተወከሉ ክኢላታት፡ ኣብዛ ሽማግለ ኣለዉ። ብቕዓትን ድሕነትን ናይቲ ካብ ተኽሊ ዝፈሪ ጸረ-ባልዕ ንምርግጋጽ ድማ ብመገዶም መምርሒ ተዳልዩ ኣሎ፣ ኣብ ምቍጽጻር'ውን ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ።

**• ኣፍልጦ ሓረስቶት ብዛዕባ ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ ክብ ንምባልክ እንታይ ይግበር ኣሎ?**

- ኣብ ዞባታት ጋሽ-ባርካ፡ ዓንሰባ፡ ደቡብን ማእከልን ኣብ ዝተፈላለዩ ኣሕምልቲ፡ ኣብ ግራት ሓረስቶት መርኣያ ፈተነ ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ ተኻዪዱ፣ ውጽኢታዊ ድማ ነይሩ። እዚ ኣብ ግራት እናሰራሕካ ብግብሪ ምምሃር፡ ንምክልኻል ባልዓት ብቐሊሉ ንኽተኣታቶ ይሕግዝ። ብተወሳኺ፡ ንኣጠቓቕማን ኣገባብ ኣደላልዋን ብዝምልከት፡ ብኣባላት ሽማግለ፡ ወከልቲ ዞባን ቀጻሊ ስልጠናን ጕስጓስን ንሓረስቶት ይወሃብ ኣሎ፣ ማዕከናት ዜና'ውን ናታቶም ልዑል ተራ ይጻወቱ ኣለዉ። በዚ መሰረት፡ ዛጊት ን110 ክኢላታትን ወከልቲ ዞባታትን ካብ ሽድሽተ ዞባታት ኣብ ኣገባብ ኣደላልዋን ኣጠቓቕማን ባህርያዊ ጸረ-ባልዕን ስልጠና ተዋሂቡ፣ ከምኡ'ውን 863 ሓረስቶት ካብ ዝተፈላለዩ ዞባታት ተመሳሳሊ ስልጠና ተዋሂብዎም።

**• ተኽሊ ኒም ጥራይ ዲኹም ከም ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ ትጥቀምሉ ዘለኹም?**

- ኒም ጥራይ ዘይኮነ፡ እተፈላለዩ ካብ ኣትክልቲ ወይ ብቝሊ ዝተመስርሑ ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ'ውን ንጥቀም ኢና። ንኣብነት ተምሪ ሙሳ ብሰፊሑ ኣብ ቆላታት ዝርከብ ተኽሊ ኾይኑ፡ ንፋንጋስ፡ ባክተርያ፡ ኔማቶድን ሓሳኹን ኣብ ምቍጽጻር ሓጋዚ እዩ። በዚ መሰረት፡ እዛ ንኡስ ኮሚተ፡ ካብ ጋሕቴላይ ቈጽሊ ተምሪ ሙሳ ከም ዝእከብ ብምግባር፡ ዛጊት 210 ሊትሮ ጽማቕ ተምሪ ሙሳ ተዳልዩ ኣሎ። በዚ ድማ ኣብ ምክልኻል ባልዓት ውጽኢት ዝተረኽቦ እተፈላለዩ ፈተነታት ኣካዪዳ። ብተመሳሳሊ፡ ንምክልኻል ፍልሖ ዝተኻየደ ፈተነ ተስፋ ዘሎዎ ውጽኢት ኣርእዩ ኣሎ።

ብተወሳኺ፡ ካብ ጽማቕ ጻዕዳ ሽጉርቲ፡ ቀይሕ ሽጉርቲ፡ ጅንጅብል ዝተመስርሐ ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ፡ ከም ጸረ-ፋንጋስ ንሓርጪዊ ሚልዲው (powdery mildew) ኣብ ኣሕምልቲ፡ ከምኡ'ውን ንባልዓት ኣብ ምርሓቕ (repellant) ኰይኑ የገልግል። በዚ መሰረት ኣስታት 300 ሊትሮ ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ (Oriental Herbal Nutrient) (ጽማቕ ጻዕዳ ሽጉርቲ፡ ቀይሕ ሽጉርቲ፡ ጅንጅብል) ተዳልዩ ኣብ ገሽናሽም ኣብ ድንሽ ተፈቲኑ ኣሎ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ምክልኻል ቈራጺ ጕንዲ ሓሰኻ (cut worm) እውን ጽቡቕ ውጽኢት ኣርእዩ። ብተመሳሳሊ ኣብ ግራት ሓረስቶት



ኣብ ዝተገብረ ትዕዝብቲ፡ ኣብ ምክልኻል ሽባዕታ (Blight) ተስፋ ዘሎዎ ውጽኢት ተረኺቡ። በዚ መሰረት፡ ተወሳኺ ፈተነ ኣብ ምክያድ ንርከብ። ካልኦት ካብ ተኽሊ ዝተመስርሑ ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ'ውን ኣብ መጽናዕቲ ይርከቡ።

**• ካብ ደቀቕቲ ታህዋስያን ዝተመስርሑ ጸረ-ባልዕ ከምዘለዉ'ውን ሓቢርክና ኔርኪ።**

- ሃገርና፡ ሓንቲ ካብ መደበራት ምርባሕ ኣንበጣ ምዃና ዝፍለጥ'ዩ። ነዚኣቶም ንምክልኻል ተባሂሉ፡ ቅድሚ ሕጂ ዝተጸንዐ ናይ ሃገርና ሜታርሃይዝዩም (metarihizium) ዝተባህለ ፋንጋስ፡ ንምክልኻል ኣንበጣን ጐደበን ዘገልግል ER-strain ተባሂሉ ኣብ 1995 ዝተለለየ፡ ኣብ ላቦራቶሪ ንዓመታት ተዓቂቡ ጸኒሑ። ንኡስ ሽማግለ ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ፡ ነቲ ዝተዓቀበ ዓሌት ፋንጋስ (strain) ንምብርባር፡ ኣብ ሃገራዊ ላቦራቶሪ ጥዕና እንስሳን ብቝልን ከምኡ'ውን ብንኡስ መጠን ኣብ ባይታ ዕዉት ዝኾነ ፈተነ ኣካዪዳ። ናይ ምክልኻል ዓቕሙ ዝያዳ ንምፍላጥ ግና ብዝሰፍሐ ኣብ ኣንበጣ ፈተነ ክካየደሉ እዩ።

**• መጻኢ መደባት ናይዛ ንኡስ ሽማግለ ክትገልጽልና?**

- መጻኢ መደብና፡ ምፍራይ ውጽኢት ዘሎዎም ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ፡ ምክያድ ፈተነታት ከምኡ'ውን ብሰፊሑ ኣብ ሓረስቶት ምትእትታውን'ዩ። ኣብ ቀረባ ንኣብነት፡ ካብ ፍረ-ኒም ዝተጸሞቈ ዘይቲ ብብዝሒ ኣፍሪኻ ምቕራብ ከምኡ'ውን ካብ ዝተጸምቈ ኒም ዝርከብ ሓተላ (ኒም ኬክ) ብመልክዕ ሓርጭ ተዳልዩ ዝቐርበሉ መገድታት ንሰርሓሉ ኣለና። ብተወሳኺ፡ ካብ እተፈላለዩ ቀመማት ዝዳሎ ንምክልኻል ባልዓትን ሕማማትን ዘገልግል 'ኦሬንታል ሄርባል ኑትሬንት' እተባህለ ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ፡ እንተላይ ንተኽሊ ከም መግቢ ኾይኑ ስለ ዘገልግል፡ ነዚ'ውን ብብዝሒ ኣፍሪኻ ዝቐርበሉ መደባት ሒዝና ኣለና። ብድሕሪኡ ድማ ንኡስን ማእከላይን ናይ ውልቂ ትካላት ኣብ ምፍራይን ምዝርጋሕን ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ ዝነጥፍሉ መገዲ ምኽፋት እዩ።

# ኣብነታውያን ሓረስቶት ኣብ ተጠቃምነት ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ



እዛ ብዓውዲ ስነ-ቑጽሪ ቀዳማይ ዲግሪ ዝወድአት ወ/ሮ ገነት በኸረጽዮን፡ ኣብ 1997 እያ ንዓውደ ሕርሻ ተላልያቶ። ንሳ ኣብ ሃገረ ኡጋንዳ ዓውደ-ዘተ ክትሳተፍ ምስ ከደት፡ ሓንቲ ኡጋንዳዊት ጓለ'ንስተይቲ፡ ሰራሕተኛ ቤት ጽሕፈት ክንሳ፡ ኣብ ቤታ ደርሁ ብምፍራይ ተወሳኺ ኣታዊ እትረኽበሉ ሜላ ብምፍጣራ ንወ/ሮ ገነት መሰጠታ። ንሳ'ውን፡ 'ነዚ ኣብ ዓደይ ክገብሮ እኽእል'የ" ብምባል፡ ብ300 ደርሁ ንሕርሻ ከም ዝኣተወቶ ትገልጽ። ኣብዚ ሓጺር ጽሑፍ ግና ብዛዕባ ሓፈሻዊ ድሕረ-ባይታ ሕርሻኣ ዘይኮነ፡ ብዛዕባ'ቲ ካብ መጽሔት ኣንቢባ ኣብ ሕርሻኣ ይኹን ኣብዚ ሃገር ንፈለማ እዋን ዘተኣታተወቶ ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ እዩ። ንሳ፡ ዕረ፡ በርበረን ቈጽሊ ኒምን ተጠቒማ እያ ጸረ-ባልዕ ኣዳልያ።

<u>ኣገባብ ኣሰራርሓ ዕስራ ሊትሮ ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ</u>፦ 1 ኺሎ ተዳቒቑ ዝተመትረ ቈጽሪ ኒም፡ ዕስራ ሓባ ተመቲሩ ተኣሊኹ ዝሓደረ ቀይሕ ጉፍሮ በርበረ፡ ክልተ ገላዓታ ዕረ (እዚ'ውን ተዳቒቑ ዝተመትረ)፡ 20 ሊትሮ ማይ ተሓዊስዎ ኣብ መትሓዚ ኣትዩ ንኽበላላዕ ንዓሰርተ መዓልትታት ብዝግባእ ተዓጽዩ ይጸንሕ። ብድሕሪ'ዚ ብመንፊት ወይ መዝቈቒ ጌርካ ኣብ መንጸጊ (sprayer) ይምላእ። ኣብ መወዳእታ ድማ ኣብቲ ተደልዩ ዘሎ ቦታ ሕርሻ ይንጸግ።

ወ/ሮ ገነት፡ ነቲ ዘመስርሓቶ ጸረ-ባልዕ መጀመርታ ኣብ መንበሪ ቤታ ኣብ ዘርከብ ኣትክልቲ እያ ፈተነ ኣካዪዳትሉ። ውጽኢቱ ድማ ዕዉት ምንባሩ ትገልጽ። ነዚ ዕዉት ፈተነ ናብ ካልኦት ሓረስቶት ንኽበጽሕ፡ ምስ ወ/ሮ ሰናይት ተስፋልደት (ወናኒት ሻሚ ፍላወር) ብምርድዳእ፡ እቲ ጸረ-ባልዕ ከም ዝተጠቐመትሉን ውጽኢታዊ ድማ ከም ዝነበረን ትገልጽ። ብተወሳኺ፡ ወ/ሮ ሰናይት ንባዕላ ኣብ ሕርሻኣ ንሸውዓተ ዓመታት ብኣድማዕነት ከም እተጠቐመትሉ ተረጋግጽ።



ኣቶ መንሱር መዓለም ይብሃል። ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ፡ ንኡስ ዞባ ድገ ዝሓርስ ህርኩትን ተበላሓትን ሓረስታይ'ዩ። ጸገማት ምጥቃም መድሃኒት ጸረ-ባልዕ ብምርዳእ፡ ነቲ ንሓረስቶት ዓለምና ይኹን ንሃገርና ዓቢ ብድሆ ዝነበረ፡ 'ቱታ-ኣብሶሉታ' እተባህለ ባልዕ ኮመደረ ንምክልኻል፡ ሓድሽ ሜላ ዘተኣታተወ እዩ።

ኣቶ መንሱር፡ ኣብ ልዕሊ 10 ሄክታር መሬት እተፈላለዩ ኣሕምልትን ፍረታትን ብሓፈሻ፡ ኮመደረን ባናናን ድማ ብፍላይ ዘፍሪ ሓረስታይ'ዩ። ኣቶ መንሱር፡ ኣዕዋፍ ነቲ ከሚካል ዝተነጽጎ ኮመደረ በሊዖን ኣብ ከባቢኡ ሞይተን ምስ ረኸበ፡ ሓመድ፡ ዒላታት፡ ወሓይዛትን ከባቢ ሕርሻን'ውን ብኸምዚ ክብከል ከም ዝኽእል ተረዲኡ። በዚ ድማ ነዚ ሓደጋ ንምውጋድ ፍሉይ ስጉምቲ ክወስድ መሪጹ።

ኣቶ መንሱር፡ ግዝዋ ቱታ-ኣብሶሉታ ብርሃን ኣዝዩ ከም ዝስሕቦም ብምግንዛብ፡ ካብ ኣስመራ-መደበር 400 ቀንዴል ብምግዛእ ከም ናይ ብርሃን መጻወድያ (light trap) ክጥቀመሉ ጀመረ። ብኣዝዩ ቀሊል ሜላ ማለት፦ ኣብ ቁራጽ ጉማ ማይ ብምዕቋር፡ ኣብ ውሽጡ ድማ ናይ ላምባ ቀንዴል ብምጥቃም እዩ ዝሰርሕ። እቶም ሓሳኹ፡ በቲ ዝፍጠር ብርሃን ተሳሒቦም ተኸሊ ኮመደረ ከይተንከፉ ኣብቲ ከባቢ ኣዝዮም ትሒቶም ይዝንብዩ'ሞ፡ ጸኒሖም ኣብቲ ተዳልዩ ዘሎ መጻወድያ ማይ ኣትዮም ይሞቱ። እዚ ዓይነት ባልዕ፡ ዝያዳ ኣብ ለይቲ ንጡፍ ብምዃኑ፡ ኣቶ መንሱር ነተን ቀንዴላት መሬት ዓይኒ ክሕዝ ከሎ'ዩ ከብርሀን ዝጅምር። ኣቶ መንሱር፡ ወትሩ ምስ ወግሐ ብኣማኢት ዝቑጸሩ እኹላት ግዝዋ ቱታ-ኣብሶሉታ ኣብቲ ዘዳለዎ መጻወድያ ማይ ኣትዮም ሞይቶም ከም ዝጸንሑዎ ይሕብር። ንሱ ነዚ ክገብር ዝኸኣለ ብኽኢላታት ሕርሻ ናይቲ ዞባ ብዝተገብረሉ ቴክኒካዊ ምኽርን ምትብባዕን ምዃኑ'ውን ይምስክር። እዚ መጻወድያ ክጥቀም ድሕሪ ምጅማሩ፡ ግራቱን ኮመደረኡን ኣብ ከባቢኡ ካብ ዘሎ ሕርሻታት እቲ ዝጠዓየ ክኸውን ከም ዝኸኣለ፣ ብተወሳኺ፡ እዚ ሓድሽ ሜላ ተጠቃምነት መድሃኒት ጸረ-ባልዕ ከጉድል፡ ኣምሳያኡ ድማ ወጻኢታቱ ክንኪ ከም ዝሓገዞ ይገልጽ።



# “ጐሓፍና’ውን ጸጋና’ዩ”



ምልኣት ተፈጥሮ ገለ ነገር ካብኡ ምስ ኣጉደልካሉ’ሞ፡ ተመሊስካ ካብኡ ክትሓትት ከለኻ’ዩ ዝርድኣካ። ኵሉ ኣንጻር ባህሪ ወይ ተፈጥሮ ዝግበር ንጥፈታት፡ ኣብ መወዳእታ ኣሉታዊ ሳዕቤኑ ኣብ ወዲ-ሰብን ኣብቲ ዝነብረሉ ኣከባብን ክኸሰት ናይ ግድን እዩ። በዚ’ዩ ድማ ወትሩ ምስ ተፈጥሮ ተሳኒና ክንከይድ ዝግባእ።

ሕርሻ፡ ብቐንዱ ጸጋታት መሬት እናመዝመዝካ ኣብ ከርሲ መሬት ዝካየድ ንጥፈት ከም ምዃኑ መጠን፡ እቲ ልዕሊ ዝኾነ ጽላት፡ ምስ ባህሪ ተሳንዩ ክጐዓዝ ዝግብኦ ዓውዲ እዩ። እንተኾነ፡ ሕርሻዊ ንጥፈት፡ ከይሃብካ ዘይህብ ዓውዲ ስለዝኾነ፡ ነቲ ኣብ መሬት ዝለምዕ ዘራእቲ ይኹን ኣብ ልዕሊ መሬት ዝካየድ ንጥፈታት ምርባሕ እንስሳ፡ ብዘመናዊ ኣገባብ ምህርቲ ዘደንፍዑ ሜላታት ምትእትታው ናይ ግድን ይኸውን። በዚ’ያ ድማ ዓለም፡ ነቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዛየደ ዝኸይድ ሸውሃት ነበርታ ንምዕጋብ፡ ኣብ ቀጻሊ ምርምራት ክትነብር እትግደድ።

ቀመማዊ ድኹዕን መከላኸሊ ባልዓትን ሕማማትን እምበኣር፡ ገለ ኻብቶም ንዓውዲ ሕርሻ ብዓቢ ዝላ ዘሰጋገሩዎ ሜላታት ኰይኖም ጸኒሖም እዮም። ቀመማዊ ድኹዕን ጸረ-ባልዕን ግና ማዕረ’ቲ ዝህብዎ ጥቕሚ፡ ኣብ ጥዕና ሰብን ኣከባብን ዘኸተሉዎን ዘኸትሉዎ ዘለዉን ኣሉታዊ ሳዕቤናት ቀሊል ኣይኮነን። በዚ’ዩ ድማ ሎሚ ባህርያዊ ኣገባብ ሕርሻ (organic farming) ዓብላሊ ዓለማዊ ዛዕባ እናኾነ ዝመጽእ ዘሎ።

እቲ ንነዊሕ እዋን ዝኸደ ዓለማዊ ሸቶ “ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ” ናብ “ምርግጋጽ ውሕስነት መኣዛዊ መግቢ” ካብ ዝልወጥ ነዊሕ ኣይገበረን። እንሆ ድማ ሕጂ፡ እቲ ኣምርን ሸቶን፡ ድሕነትን ውሕስነትን ኣብ ቅድሚት ብምስራዕ፡ ናብ “ምርግጋጽ ውሑስ መኣዛዊ መግቢ” ተሰጋጊሩ ይርከብ።

ሃገርና ኤርትራ፡ ዋላ’ኳ ገና ኣብ ድርኩኺት ዘመናዊ ሕርሻ ትሃሉ፡ መሬታ ብቐመማዊ ድኹዕን መከላኸሊ ባልዓትን ቅድሚ ምብካሉ፡ ናብዚ ሓድሽ መድረኽ ፍልስፍና ሕርሻ ትኣቱ ምህላዋ ዕድለኛ ይገብራ። ምኽንያቱ፡ ምስ ዘሎዋ ብርክት ዝበለ ተዛማዲ ብልጫታት፡ ብኣጋኡ ሕርሻዊ ዓቕማ ብውሑስ መገድን ብዘላቕነትን ብምምዝማዝ፡ ነብሳ ኽኢላ ንሰደድ ዝዓለመ ጥዑይ ሕርሻዊ ምህርቲ ክተፍሪ ኣብ ቅኑዕ መኣዝን ትርከብ።

ሚኒስትሪ ሕርሻ ምስ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕርን ምምሕዳር ዞባታትን ብምትሕብባር፡ ካብ 2021 ኣትሒዙ፡ ባህርያዊ ድኹዕን ጸረ-ባልዕን ንምፍራይ ዓበይትን ወሰንትን ተበግሶታት ይወስድ ከም ዘሎ ይፍለጥ። እዚ፡ ኣብ ጽላት ሕርሻ ሃገርና ሰውራዊ ዝኾነ ለውጢ ከምጽእ ተስፋ ዝንበረሉ ተበግሶ፡ ኣብዚ ሞያ፡ ፍልጠትን ድሌትን ብዘሎዎም መንእሰያት ክኢላታት እዩ ዝቕለስ ዘሎ። ሓንቲ ካብዞም ክኢላታት፡ ክኢላ ስነ-ብቑሊ ዝኾነት መንእሰይ ኣድያም ረዘነ እያ። ቀጺልና እምበኣር፡ ብዛዕባ ምድላው ባህርያዊ ድኹዒ ኣተኩርና ምስኣ ዘካየድናዮ ቃለ-መሕትት ነቕርብ።

**• እዚ ምምስራሕ ባህርያዊ ድኹዒ ዝብል መደብ ብኸመይ እዩ ተበጊሱ?**

- መበገሲ ናይዚ ስራሕ፡ ኣብ 2018 ኣብ ባህርያዊ ሕርሻ ዘተኰረ፡ ኣብ ጃፓን ን9 ወርሒ ዝወሰድኩዎ ስልጠና እዩ። ሓደ ኻብቲ ኣብኡ ብግብርን ክልሰ-ሓሳብን ዝወሰድኩዎ ትምህርቲ፡ ከመይ ጌርካ ኣብ ከበባቢኻ ንዝርከቡ ዝተፈላለዩ ነገራት ተጠቒምካ ናብ ባህርያዊ ድኹዒ ብምቕያር ኣብ ሕርሻዊ መዓላ ትጥቀመሎም ዝብል እዩ። እቲ ትምህርቲ ብዝግባእ ተኸታቲለ ናብ ሃገረይ ምስ ተመለስኩ፡ ኣገዳስነቱ ስለ ዝተራእየኒ፡ ንዝምልከቶም ሓለፍቲ ሓቢረ። ድሕሪ ገለ እዋን ድማ ነዚን ካልእን እትሓቑፍ ሃገራዊ ሽማግለ ስለ ዝተመስረተት፡ ኣብ ግብሪ ክነውዕሎ ጀሚርና ኣለና።

**• ‘ምፍራይ ባህርያዊ ድኹዒ ኣብ ከባቢኻ ካብ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ነገራት ተጠቒምካ’ ክንብል ከለና እንታይ ማለት’ዩ?**

- ምምስራሕ ባህርያዊ ድኹዒ ካብ እተፈላለዩ ነገራት ብደረቕን ፈሳስን ክዳሎ ይከኣል። እዚ ኣገባብ ኣሰራርሓ ንሃገርና ሓድሽ’ኳ እንተኾነ፡ ኣብ ሃገራት እስያ ከም ጃፓን፡ ደቡብ ኮርያ፡ ህንዲ፡ ፊሊፒንስ ወዘተ. ዝኣመሰላ ሃገራት ዝጥቀማሉ ኹይኑ፡ ኣብ ዓለም ድማ ብኮርያዊ ባህርያዊ ሕርሻ (Korean Natural Farming) ይፍለጥ። ገለ ኻብኡ ንምጥቃስ፦

- Indigenous Microorganism (IMO):- ብከሚካላት ዘይተበከለ ሓመድ ከምኡ’ውን ኣብ ጫካ ብብዝሒ ኣግራብ ካብ ዘሎዎ ቦታ ደቀቕቲ ታህዋስያን ካብ ሓመድ ብምእካብ፡ ካብ 1 ክሳዕ 4 እተፈላለየ መስርሕ ዝሓልፍ፡ ከም መቀላጠፊ ንመስርሒ ኮምፖስትን ብከሚካዊ ቀመማት ንዝተዳኸመ ሓመድ ናብ ንቡር ኣብ ምምላስን ዓቢ ተራ ይጻወት፣



ጐሓፍ ቅድሚ ምምስርሑ



ጐሓፍ ናብ ድኹዒ ድሕሪ ምምስርሑ

- ካብ ቈጽሊ ዝዳሎ ፈሳሲ ድኹዒ፡- ካብ ፈልሲ ጀሚርካ ክሳብ ናይ ቈጽሊ ግዜ ይንጸግ፡
- ካብ ዝተፈላለዩ ፍረታት ዝዳሎ ፈሳሲ ድኹዒ፡- ካብ ግዜ ዕምባባ ክሳዕ ናይ ፍረ ግዜ ይንጸግ፡
- ቦካሺ ዝብሃል (ናይ ጃፓን ቋንቋ ኹይኑ ምብኳዕ ማለት እዩ) ናይ 7 መዓልቲ ድኹዒ፡
- ኮምፖስት፡ ካብቲ ናይ ቅድም 3-6 ወርሒ ዝወስድ ዝነበረ፡ ኣብዚ እዋን መቀላጠፌ ተጠቒምካ፡ መስርሑ ኣብ 1 ወርሒ ዝውድእ፡
- ካብ ቀራፍ እንቋቑሖ ዝዳሎ ፈሳሲ ድኹዒ፡ ካብ ዕምባባ ክሳዕ ናይ ፍረ ግዜ ይንጸግ፡
- ዘቤታዊ ጐሓፍ ናብ ባህርያዊ ድኹዒ ምቕያር፡ ወዘተ. ካልኦትን ዘጠቓለለ እዩ።

**• ካብዞም ኣቐዲምኪ ክትዝርዝርዮም ዝጸናሕኪ እተፈላለዩ ባህርያዊ ድኹዒ፡ 'ምቕያር ዘቤታዊ ጐሓፍ ናብ ባህርያዊ ድኹዒ' እትብል ኣርእስቲ ንውሰድ። እዚ ምምስራሕ ባህርያዊ ድኹዒ ካብ ዘቤታዊ ጐሓፍ ዝብል መደብ ብኸመይ እዩ ተበጊሱ?**

- ከምቲ ኣቐዲመ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስኩዎ፡ ሓደ ክፋል ስራሕ ናይታ ሃገራዊ ሽማግለ ኹይኑ፡ "ጐሓፍና'ውን ጸጋና'ዩ" ብዝብል መሪሕ ቴማ ነቒሉ፡ ዘቤታዊ ጐሓፍ ናብ ባህርያዊ ድኹዒ ናይ ምቕያር ተበግሶ ይውሰድ ኣሎ።

**• ባህርያዊ ድኹዒ ካብ ዘቤታዊ ጐሓፍ ምድላው ፍሉይ ዝገብሮ ነገር እንታይ'ዩ?**

- ብሓፈሻ ነዚ ፍሉይ ዝገብሮ፡ መዓልታዊ ብቐሊሉ ኣብ ቤትና ብእንረኽቦ ጐሓፍ ከይተሸገርና ክነዳልዎ እንኽእል ብምዃኑ እዩ። ብተወሳኺ፡ ዘቤታዊ ጐሓፍ፡ ተረፍ መረፍ ውጽኢት ሕርሻ ብምዃኑ፡ ሃብታም ትሕዝቶ ስለዘሎዎ፡ እቲ ዝበለጸ ይገብሮ።

**• ገለ ካብ ጥቕምታት ናይዚ ፍሉይ ንጥፈት ክትገልጽልና?**

- ምድላው ባህርያዊ ድኹዒ ካብ ዘቤታዊ ጐሓፍ ዘሎዎ ጥቕምታት ምስ እንርኢ፦

- እቲ ዝዓበየን ዘየቋርጽን ቀረብ ጥረ-ነገር ንባህርያዊ ድኹዒ ዝርከቦ ብምዃኑ፡ ወኽቲ ከይተጸበኻ ቀጻልነቱ ክተውሕስ ትኽእል፡
- ተጠቃምቲ (ዓደግቲ) ካብ ረብሓ ተረፍ-መግቢ ዝርከብ ጥቕሚ ብቐረባ ክመሃሩ ይሕግዝ፣ ስድራቤታት ድማ ኣብ ክሽነኦም ካልእ ሃብቲ ከምዘሎ ይፈልጡ፡
- ትሕዝቶን ቅርጽን ሓመድ የማዕብል፣ ማይ ናይ ምሓዝ ዓቕሙ ድማ የዕብይ፡
- ብተጠቃምነት ከሚካላት ወይ ቀመማት ንዝተሃስየ ሓመድ ናብ ንቡር ኣብ ምምላስ ሓጋዚ ተራ ይጻወት ወዘተ።

**• ኣብ ምምስራሕ ባህርያዊ ድኹዒ ክንጥቀመሎም ዘለናን ክንጥቀመሎም ዘይብልናን ዓይነታት ጐሓፍ ኣየኖት እዮም?**

- መጀመርታ እቲ ጐሓፍ ምስ ኣከብናዮ፡ ዝሓቁን ዘይሓቁን (ዝምሽምሹን ዘይምሽምሹን) ኢልና ክንፈላልዮም ይግባእ። እቶም ብቐሊል ዘይሓቁ እንብሎም ነገራት፡ ከም፦ ፕላስቲክ፡ ጥርሙዝ ሓጺን፡ ክዳን፡ ጫማ፡ ብሕብሪ ዝተዳለወ መጽሔታት፡ ዳይፐር (ፓምፐር)ን ናውቲ ንጽህና ደቂ ኣንስትዮን ኰይኖም፡ ኣብ ጥቕሚ ምምስራሕ ድኹዒ ስለ ዘይውዕሉ ክንኣልዮም ይግባእ። ብተወሳኺ፡ በርበረ ዝበዝሖ ጸብሒ፡ ብብዝሒ ትሕዝቶ ቅብኣት ዘሎዎ ነገራት፡ ስጋን ዓሳን ክንጥቀመሎም ኣይግባእን። እቶም ክንጥቀመሎም እንኽእል ዓይነታት ዘቤታዊ ጐሓፍ ድማ ከም ተረፍ-መረፍ ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ጥረ-ምረ፡ ቀራፍ እንቋቑሖ፡ ተረፍ-መረፍ ጣይታ፡ ባኒ፡ ቅጫ፡ ዳካ ቡን፡ ቀጠፍ/ሊፕ-ቶን፡ ወረቐትን ሶፍትን እዮም።

**• ሕራይ ብዘይካ'ዚኣቶም ካልእ ዘድልዩ ነገራት ኣለዉዶ?**

- እወ ከም ተወሳኺ ምንጪ ካርቦን መታን ክኾነና፡ ዝረገፈ ኣቑጽልቲ ወይ ሳዕሪ ንሕውሰሉ ኢና። እዚ እንተዘይተረኺቡ ኸኣ ወረቐት ወይ ርሺ ክንጥቀም ንኽእል። ክንሓዋውሶ ከለና፡ ንኣብነት ሓደ ዓረብያ ዘቤታዊ ጒሓፍ እንተተጠቒምና፡ ክልተ ዓረብያ ንቑጽ ኣቑጽልቲ ወይ ወረቓቕቲ ወይ ርሺ ንጥቀም። ብኸምዚ ኣብ ርእሲ-ርእሲ እናጸፍጸፍና ኩምራ እንተገበርናዮ ጽቡቕ'ዩ። ብድሕር'ዚ ናይ ገዛእ ርእሱ ማይ ስለ ዘሎዎ፡ ብዙሕ ማይ ኣየድልዮን'ዩ። ቀጺልና፡ ኣብ ግዜ ሓጋይ እንተኾይኑ፡ ማዩ ከይሃፍፍ፡ ኣብ ግዜ ክረምቲ እንተኾይኑ ኸኣ ማይ ሃሪምዎ ንኸይምሽምሽ ብፕላስቲክ ንሽፍኖ። ኣብ መወዳእታ ኸኣ፡ ኣብ ሰሙን ክልተ ግዜ እናኸፈትና ንገማጥሎ። በዚ ድማ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ጨና ዘይብሉ ሃብታም ዝትሕዝቶኡ ባህርያዊ ድኹዒ ምምስራሕ ይከኣል።

*** ኣብ መወዳእታ እተመሓላልፍዮ መልእኽቲ እንተ'ሎኪ?**

- እዚ ናይ ከተማታት ጒሓፍ ተኣኪቡ እንተተመስሪሑ፡ ነቶም ኣብ ገጠር ይኾኑ ኣብ ከተማ ዘለዉ ሓረስቶት ክጠቕሞም ይኽእል እዩ። በዚ ድማ ካብ ገጠራት ጥራይ ብብዝሒ ዝርከብ ዝነበረ ጥረ-ነገር ናይ ኮምፖስት ካብ ከተማ ናብ ገጠር ቀረብ ጥረ-ነገር ንኮምፖስት ዝኸውን ከውሕስ ይኽእል። ስለዚ፡ እቲ ብርስሓት ይኹን ብትርኢቱ ኣብ ጥዕና ሰብን ኣከባብን ጉዳኢ ተራ ዝጸንሖ ጒሓፍና፡ ኣብዚ እዋን ኣብ ምህብታም መሬትና ዓቢ እጃም ክጻወት ዝኽእል ጸጋና ምዃኑ ተገንዚብና፡ ብእተፈላለየ መገድን ውዳበን ተመስሪሑ ናብ ጥቕሚ ክውዕል እላቦ።



***

## ኣገባብ ኣደላልዋ ኣብ ልዕሊ መሬት ዝምስራሕ ባህርያዊ ድኹዒ

**ኣብ ልዕሊ መሬት ንዝዳሎ ኮምፖስት ንምስራሕ ዘድልዩ ጥረ- ነገራት፦**

- ተረፍ-መረፍ መግቢ
- ንቑጽ ቈጽሊ (ከም ኣማራጺ'ውን ወረቐት፡ ብከሚካል ዘይተሰበነ ርሺ ክንጥቀም ንኽእል
- ብኽኢላ ወይ ብግቡእ ብዝሰልጠነ ሰብ ጥራይ ዝዳሎ ፈሳሲ ዝተዳለወ መባኹዕቲ (መበቈላውያን ጠቓምቲ ታህዋስያን)፥ እቲ እንቕርቦ ኣብ ብዝሒ ጒሓፍና ይምርኰስ፡
- መሸፈኒ ጎማ
- ምምራጽ ምቹእ ቦታ፦ ኣብ ትሕቲ ጽላል ወይ ማይ ዘይሓልፎ ቦታ እንተኾነ ይምረጽ፡

**ኣገባብ ምድላው ብቕደም ተኸተል፦**

- ምጽፍጻፍ ጥሉልን ድሩቕን ጥረ-ነገራት በብእብረ፦ እዚ ማለት ሓደ ክፋል ወይ ሓደ ኣፍ ካብ ጥሉል፡ ሰለስተ ክፋል (ኣፍ) ድማ ካብ ንቑጽ (1፡3 መጠን ዝምድና (ratio)) ንጥቀም። ኣብቲ ንቑጽ ክፋል፡ ዕብይ ዝበሉ ጨናፍር ንጥቀም እንተ'ለና፡ መስርሕ ምብልላዕ ንምቅልጣፍ ምድቓቕም ወይ ምቍርራጾም ኣገዳሲ እዩ፡
- ምዕቃብ ጠሊ፦ ጠሊ ኣብ ምስብባር፡ ምብልላዕ ከምኡ'ውን እቲ መስርሕ ብግቡእ ኣብ ምቕጻልን ዓቢ ተራ ኣለዎ።
- ምግምጣልን ምትሕውዋስን፦ እዚ ኣየር ንኽኣቱ ይሕግዝ። ብሓፈሻ፡ ምግልባጥ፡ መስርሕ ኮምፖስት ንምቅልጣፍ ከምኡ'ውን ጨና ኣብ ምውጋድ ይሕግዝ፡
- ምፍጣር ረስኒ፦ እቲ ጥረ-ነገራት ክበላላዕ ኣብ ዝጅምረሉ እዋን፡ እቲ ኩምራ ረስኒ እናወሰኸ ይኸይድ። እዚ፡ ምልክት ዕዉት መስርሕ እዩ፡
- ምልክት ምውዳእ መስርሕ፦ መስርሑ ዝወድአ ኮምፖስት፡ ጸሊም ወይ'ውን ቡናዊ ሕብሪ፡ ጨናን ረስንን ድማ ዘይብሉ ኾይኑ፡ ከም ኣድላይነቱ ክንጥቀመሉ ንኽእል።
- መስርሑ ዝወድአ ኮምፖስት፦ እዚ ተነፍዩ ኣብ ፕላስቲክ ወይ ማይ ኣብ ዘየሕልፍ መሸማዕ ብምምላእ፡ ማይ ንኸይኣትዎ ድማ ኣብ ውሑስ ቦታ ክነቕምጦ ይግባእ።

**ክንገብሮም ዝግብኣና ጥንቃቐታት**

- ኵሉ ግዜ፡ ጒሓፍ ምስ ዝእከብ፡ እተፈላለየ ጨናን ሃመማን ናይ ምፍጣር ተኽእሎ ስለዘሎዎ፡ ክሳዕ ኣብ መዓላ ዝውዕል ብግቡእ ክኽደን ይግባእ፡
- ዘቤታዊ ጒሓፍ ናብ ኮምፖስት ኣብ እንምስርሓሉ እዋን፡ መከላኸሊ በጃ ክዳን፡ ጫማ፡ ጓንቲ ከምኡ'ውን ማስክ ክንጥቀም ኣገዳሲ እዩ፡
- ተኣኪቡ ዝመጸ ጒሓፍ ንኽትፈልዮ ኣዝዩ ኣሸጋርን ግዜ ዘወስድን ኩይኑ፡ ንኻልእ ዘይተደልየ ሕማም'ውን ስለ ዘቃልዕ፡ ጒሓፍ ገና ካብ መበገሲኡ ክፍለ ኣለዎ።



# ሓመድ-ኣልቦ ሕርሻ

## ብውሑድ ወፍሪ ውሑስ መግቢ እንስሳ

ሃይድሮፖኒክስ (Hydroponics) ማለት፡ ካብ ግሪኽ ዝመጸ ቓል ኰይኑ ‘ሃይድሮ’ ማለት ‘ማይ’ ክኸውን ከሎ፡ ‘ፖኒክስ’ ማለት ድማ ‘ምዕያይ’ ማለት እዩ። ብምጥቕላል፡ ብማይ ምዕያይ ወይ ምልማዕ ዝብል ትርጉም ይህሉዎ። ‘ሃይድሮፖኒካ’ ወይ ‘ሓመድ ኣልቦ ሕርሻ’ ድማ ከምቲ ስሙ ዝሕብሮ፡ ሓደ ዘርኢ ብዘይ ሓመድ፡ ማይ ጥራይ ብምስታይ ክበቅል ዝኽእል ሕርሻዊ ቴክኖሎጂ እዩ። እዚ ዓይነት ኣገባብ ሕርሻ፡ ብደረጃ ዓለም ተቐባልነት ዘሎዎን ዝሰርሓሉን ዘሎ ኰይኑ፡ ብፍሉይ ንመግቢ እንስሳ ዝኸውን መግቢ ኣብ ምድላውን ንሕጽረት መግቢ እንስሳ ኣብ ምፍዋስን ዓቢ ተራ ኣሎዎ።

እዚ ሜላ፡ ኣብ ሃገርና’ውን ድሮ ብዝቐለለ መገዲ ወይ ብደረጃ ዓቕሚ ሓረስቶት ኣብ ምፍራይ መግቢ እንስሳ ተፈቲኑ፡ ኣዕጋቢ ውጽኢት ተረኺብዎ ኣሎ። በዚ ኣገባብ፡ ዝተፈላለዩ ዓይነት ኣዝርእቲ ክበቕሉ ዝኽእሉ ኰይኖም፡ ክሳዕ ሕጂ ካብ ዝተፈተኑ ኣእካል፡ ስገም ዝለዓለ ውጽኢት ብምሃብ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ይስራዕ።

### ሓመድ-ኣልቦ ሕርሻ ብኸመይ ይሰርሕ?

ንኣገባብ ኣሰራርሓኡ ብዝምልከት፡ መጀመርታ እቲ ክዝራእ ዝቐረብናዮ ዘርኢ ኣጽሪና ሓጺብና ን24 ሰዓታት ኣብ ማይ ንኣልኮ። ቀጺልና ነቲ ማይ ኣዝሬፍና ካብ 1 ሰ.ሜ ርጉዲ ዘሎዎ ጌርና ኣብ ማይ ከዝሩቕ ዘይክእል ቴንዳ ወይ ርጉድ ዝበለ ፕላስቲክ መሳሊ ኣዳሊና፡ ኣብኡ ማዕረ ጌርና ንዝርግሖ። ካብ ዝኾነ ሓደጋ ከውርደልና ዝኽእል ነገር ንምጥንቃቕ፡ ብዝተኻእለ መጠን ካብ መሬት ብርኽ ዝበለ ክንገብሮ ተመራጺ ይኸውን። ኣብ መዓልቲ ሰለስተ ግዜ ማይ እናኣስተና፡ ዝኾነ ሰበባ ከይገብር ብጥንቃቐ ክንከታተሎ ይግባእ። ምኽንያቱ፡ ሰበባ ኣብ ጥዕና እንስሳታት ጉድኣት ስለ ዘስዕብ። ማይ ምስ ኣስተናዮ’ውን ጽቡቕ ገይሩ ከም ዝዘፈፈን ዝዓቘረ ማይ ከም ዘየሎን ብግቡእ ክንከታተሎ ይግባእ። እንተዘይኰይኑ፡ ኣብ ምብቋል ከደንጉዩ ይኽእል እዩ። እዚ ዓይነት ኣበቃቕላ፡ ምውቕ ዝበለ ኵነታት ኣየር እንተዘይኰይኑ፡ ቀጥታዊ ናይ ጸሓይ ብርሃን ስለዘየድልዮ፡ ብላዕሊ ብዓኞምና እተሰርሐ ጽላል ወይ ዳስ እንተገበርናሉ ተመራጺ እዩ። ብድሕር’ዚ ኣብ ሰለስተ መዓልቲ ክበቅል ይጅምር። ሱር ናይቲ ዘርኢ ንሓድሕዱ ብምልጋብ፡ ድልዱል ምንጻፍ መሳሊ መሰረት ብምግባር ሰፍነጋዊ ቕርጺ ብምሓዝ ዕብየቱ ይቕጽል፣ ዘድልዮ ዓይነት ማይ ድማ ይወስድ። ኣብ 12-14 መዓልቲ ድማ ኣኺሉ ንመግቢ ድሉው ይኸውን። ኣብዚ ግዜ’ዚ፡ ካብ 17-20 ሰ.ሜ ቍመት ይህሉዎ። እዚ ብቚሊ፡ ካብዚ ንላዕሊ ቍመት ንኽውሰኽ ግዜ ምጽባይ ትርጉም የብሉን። ብሓመድ ኣልቦ ሕርሻ ዝበቖል ተኽሊ፡ ንኹሎም ዓይነታት እንስሳ ዘቤት ከም መግቢ ኰይኑ ከገልግል ይኽእል። ንመግቢ እንቕርቦ ዓቐን፡ ብመንጽር ክብደት ወይ ድማ ሚዛን ናይ እንስሳ ይውሰን። እዚ ማለት፡ ሓንቲ እንስሳ ኣብ መዓልቲ ካብ 1-1.5 % ናይ ክብደታ ክትምገብ ይግባእ።

### ዘሎዎ ብልጫታት

- ብሓመድ-ኣልቦ ሕርሻ ዝበቖል ተኽሊ ኣብ ውሑስ ኣካባቢ ስለ ዝዝራእ ንዝኾነ ሓደጋ ዝተቓለዐ ኣይኰነን። ብተወሳኺ፡ ሰፊሕ መሬት ዘይሓትት ኰይኑ፡ ዳርጋ 95 ሚእታዊት ናይ ምዕቃብ ማይ ጥቕሚ ኣሎዎ፣ ሃልኪ ጉልበትን ግዜን’ውን ይቝጥብ፣ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ኣኺሉ ንመግቢ ድሉው ይኸውን፣ ንምሉእ ዓመት ድማ ክፈሪ ይኽእል።

ብሓፈሻ፡ ኣብ 1 ትርብዒት ሰንቲ ሜተር ስፍሓት ከብሒ፡ ካብ 3-3.5 ኪ.ግ እኽሊ ክንዘርእ ንኽእል። ካብ 1 ኪ.ግ ዘርኢ ድማ ካብ 6-7 ኪ.ግ ቀጠልያ መግቢ ክንረክብ ንኽእል።

### ዘሎዎ ጥቕምታት

- ባህርያዊ መግቢ እንስሳ ኰይኑ ከገልግል ይኽእል፡
- ዓቐን ስብሒ ኣብ ጸባ ይውስኽ፡
- ብዙሕ ናይ ፕሮቲን ትሕዝቶ ስለዘሎዎ፡ ኣብ ዕብየት ምውሳኽ ይሕግዝ፡
- ስርዓተ ምሕቃቕ የቀላጥፍ፡
- ቤታ ካሮቲን ብዝብሃል ባእታ ሃብታም ብምዃኑ ድማ ኣብ ምፍራይ ‘ቪታሚን ኤ’ ሓጋዚ ይኸውን።

ኣሃዱ ሕርሻዊ ምህዞን ሰንዓን
ጨንፈር ስርዓተ ስትራተጅያዊ ሓበሬታ ሕርሻ

# ትኹላዊ ሕርሻ ውሽጢ ገዛ

ስምኦን ወልደሚካኤል



ትኹላዊ ሕርሻ ውሽጢ ገዛ (Indoor Vertical Farming) እቶት ከኻዕብት፡ ሕጽረት መሬት ሕርሻ ክፍውስ ከምኡ'ውን ካብ ሕርሻ ዝትፋእ በከልቲ ጋዛት ከወግድ ልዑል ትጽቢት ተገይርሉ ዘሎ ቴክኖሎጂ እዩ። ብተወሳኺ ዝበዝሐ መግቢ፡ ሰብ ኣብ ዘይነብረሉ ከባቢ ስለዝፈሪ፡ ናብቲ ሰብ ብብዝሒ ዝርከቦ ከተማ ክጓዕዝ ዝጠፍእ ዝነበረ ዋጋን ግዜን ኣብ ምቍጣብ ልዑል ግደ ክህልዎ እዩ። ናይ ውሽጢ ገዛ ትኹላዊ ሕርሻ፡ ኣብ ዕጹው ገዛ ዝካየድ ኣገባብ ኰይኑ፡ ኣብ ልዕሊ ዝተሰቓቐሉ ደረጃታት ወይ ቃጽያታት ዝትከሉ ዝተፈላለዩ ኣሕምልቲ ንምፍራይ ከም ዝኽእል ጌርካ እዩ ተዳልዩ።

ኣብቲ ልሙድ ሕርሻ፡ ስፍሓት ሕርሻኻ ክትውስኽ ምስ እትደሊ፡ እቲ ወሰኽ ጎድናዊ ክኸውን እንከሎ፡ ኣብ ናይ ውሽጢ ገዛ ትኹላዊ ሕርሻ ግን እቲ ወሰኽ ንላዕሊ ስለ ዝኾነ፡ ክንዲ ዝደለኻዮ ቍመት ንላዕሊ ክትሰቅል ስለ እትኽእል፡ ዝባኽን መሬት የልቦን። እቲ ኣሕምልቲ ዝትከልሉ ቦታ፡ ከም ኣብ ከብሕታት ቤት ንባብ ዝድርደሩ መጽሓፍቲ ጌርና ክንርድኦ ንኽእል።

እዚ ትኹላዊ ሕርሻ ፍሉይ ዝገብሮ፡ ብዘይ ሓመድ ተኽሊ ክበቍልን ክዓብይን ስለዝገብር እዩ። ኣትክልቲ ኣብ ማይ ተተኺሎም ዝበቕልሉ ጥበብ (hydroponic) ስለ ዝኾተል፡ እቶም ዝትከሉ ኣሕምልቲ፡ ካብቲ ንተኽሊ ዘድሊ ማዕድናትን መኣዛታትን ዝሰነቐ ማይ ብሰራውሮም ተመጊቦም ክዓብዩ ይኽእሉ። ንጸሓይ ብርሃን ብዝምልከት፡ ኣብ ዕጹው ከባቢ ስለዝትከል፡ ንብርሃን ጸሓይ ዝመሳሰል ብርሃን ብዓቐን ምውላዕ የድሊ። ትኹላዊ ሕርሻ ኣብ ትሕቲ ምሉእ ቍጽጽር ስለ ዝካየድ፡ ዳርጋ ዝባኽን ማይ የለን።

# ጸሃዩት ማሽን

እቲ ብዙሕ ዓያዩ ጉልበት ዝሓትት ኢንዱስትሪ ሕርሻ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብዝተኣታተዉ ዘለዉ ሓደስቲ ቴክኖሎጂ ዝዓዩ ጥቁው ዓውዲ እናኾነ ይመጽእ ኣሎ። ኵነታት ዘራእቲ ዝርእያ ድሮናት፡ ዓይነትን ብዝሕን ባልዕ ዝነግር ማሽን፡ ዝጽሂ ሮቦት ወዘተ. ንጉልበት ሰብ መብረ ካብ ዝሃቡ ቴክኖሎጂ ክጥቀስ ይከኣል።

ጸሃዩ ሮቦት፡ ንጻህያይ ካብ እኽሊ፡ ሓምሊ ወይ ተኽሊ ብልክዕ ፈልዩ ብምልላይ፡ ካብ ግራት ክኣሊ ዝኽእል ሮቦት እዩ። ናይዚ ሮቦት ክእለት፡ ኣብ ምርዳእ ኣልጎሪዝምን ዝተገጥመሉ ካሜራን ንጻህያይ ካብ ዘርኢ ክፈሊ የኽእሎ። እዚ ምህዞ፡ ነቶም ጸረ-ጻህያይ ዝጻወሩ ዓይነታት ጻህያይ ኣብ ምክልኻልን ምውጋድን ልዑል ተራ ከም ዝጻወት ይንገረሉ። እዚ Le Chevre ዝተሰምየ ንዘርኢ ከይሃሰየ ንጻህያይ ፈልዩ ዘውጽእ ጸሃዩ ሮቦት፡ ኣብዚ እዋን ኣብ ደረጃ ቀዳማይ ስራሕ ይርከብ። ኣብ ቀረባ እዋን ድማ ከም ውዱእ ፍርያት ኰይኑ ናብ ዕዳጋ ክቐርብ ምኺኑ ይንገር ኣሎ።

# ውሁድ ሰብ-ሰርሖ ብልሒ ዝዓጠቐት ነጻጊት ማሽን

ጸረ-ጻህያይን ጸረ-ባልዕን መድሃኒታት፡ ኣብ ጥዕና ሰብን ኣከባብን ዘውርድዎ ዘለዉ ሃሰያ፡ ዓቢ ምኳኑ ብተደጋጋሚ ዝግለጽ ሓቂ እዩ። ይኹን'ምበር፡ ዘበናዊ ሕርሻ ገና ብዘይ መድሃኒት ወይ ጸረ-ባልዕ ክኸይድ ስለ ዘይከኣለ፡ ከም ኣማራጺ እንታይ ክግበር ከም ዝከኣል ንተመራመርቲ ድቃስ ኣይሃቦምን ጸኒሑ። ነዚ ጸገም ንምቅላል፡ ኣብ ዝሓለፈ ክራማት 2021፡ ንጻህያይ ርእያ፡ ፈልያ እትነጽግ ማሽን ተማሂዛ ኣላ። እዛ ብJohn Deere's AI- Integrated See and Spray technology እትፍለጥ ማሽን ንተጠቃምነት ዘመናዊ ድኹዕን ጸረ-ጻህያይ መድሃኒትን ከተጕድል ልዑል ትጽቢት ተገይሩላ ኣሎ። እዛ ማሽን፡ ጻህያይ ምስ ኣላለየት ነታ ጻህያይ ፈልያ እያ መድሃኒት እትነጽግ።

ነዚ መስርሕ ምልላይ ጻህያይ፡ በቲ ዝተገጥመላ ክልተ ጽምዲ ካሜራ ተሓጊዛ እያ እተካይዶ። እዛ ማሽን፡ ናይ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ጻህያይ ስእልታት ኣብ ውሽጣ ኣሎዋ። እታ ነጻጊት፡ ንጻህያይ ምስ ኣላለየት፡ ብቕልጡፍ ንኣፍ ናይቲ መድሃኒት ዝነጽግ ሻምብቆ ከም ዝኸፈት ትገብሮ'ሞ፡ ነቲ ጻህያይ ፈልያ ትነጽገሉ። እዚ ቅርጡው ኣጠቓቕማ፡ ካብቲ ኣልሚምካ ክግበር ዝጸንሐ ኣነሳንሳ መድሃኒት፡ ናይ 77% ምጉዳል ከም ዝገበረ ይንገረሉ።



# ሓድሽ ቴክኖሎጂ ሕርሻ ባሕሪ

ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ተልአቪቭ፡ "ንጸህያይ ባሕሪ ንእንስሳን ሰብን ብዘድልዩ መኣዛታት ከም፦ ፕሮቲናት፡ ጽሕጊ፡ ማዕድናት ከም ዝህልዎ ብምግባር ኣሀብቲምናዮ ኣለና" ይብሉ'ለዉ። እዚ ብትሕዝቶ በልጺጉ ዘሎ ጸህያይ ባሕሪ፡ ንስርዓተ ኣመጋግባ ተወሳኺ ትሕዝቶ ኾይኑ ኣሎ።

እቶም ተመራመርቲ፡ ኣብ ቲሹታት ናይቲ ጸህያይ ባሕሪ፡ መጠን ዕብየት፡ ትሕዝቶ ፕሮቲን፡ ካርቦሃይድረይትን ማዕድናትን ኣጸቢቑ ዕብየት ብምምዝጋብ፡ ኣብ መጸኢ ኣብ ዝርዝር ዝብልዑ መግብታት ክኣቱ ከም ዝኽእል ገሊጾም። እዚ መጽናዕቲ፡ ብተመሃራይ ፒ.ኤች.ዲ ዶሮን ኣሽከናዚ ዝተመርሐ እዩ። ዶሮን ኣሽከናዚ ብዛዕባ'ዚ መጽናዕቲ ኣመልኪቱ ክገልጽ እንከሎ፡ ካብ ዓሌታት ሰበባ ኣልጋ፡ ግራሲላርያ፡ ሃይፕንያ ኣብ ጥቓ ሕርሻ ዓሳ ኣብ ትሕቲ ፍልይ ዝበለ ከባብያዊ ኩነታት ይዓብዩ።

እዚ ፍሉይ ኩነታት፡ ነቲ ጸህያይ ባሕሪ ንኽጉላዕልዕ ኣብ ርእሲ ምሕጋዙ፡ ኣብ መኣዛዊ ትሕዝቶኡ ርኡይ ምምሕያሽ ንኽገብር ይሕግዞ። እዚ ተመራማሪ፡ ነዚ ሓድሽ ምንጪ መግቢ ዝኾነ ብመኣዛታት ዝበልጸገ ጸህያይ ባሕሪ፡ ምስቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ንእስራኤላውያን ኣብ ምድረ-በዳ ዝወረዶም ማና ብምምስሳል ይገልጾ። ብተወሳኺ፡ እዚ ብመኣዛታት ዝበልጸገ ጸህያይ ባሕሪ፡ ናይ ጥዕና ኢንዱስትሪታት ከም መኣዛዊ መተካእታን መመስርሒ መድሃኒታትን ክጥቀማሉ እየን። ኢንዱስትሪ መመላኽዒታት'ውን ኣብ ረብሓ ከውዕሎ ትጽቢት ይግበረሉ። ኣሽከናዚ፡ "ጸህያይ ባሕሪ ከም ብተፈጥሮ ዝተዳለወ ብሉጽ መግቢ ክቝጸር ዝግብኦ፡ ብዙሓት ጠቓምቲ ባእታታት ዘሎዎ ምንጪ መግቢ እዩ" ብምባል ይገልጽ። ጸህያይ ባሕሪ ንተመገብቲ ኣሕምልቲ ከም መተካእታ ከገልግል ከም ዝኽእል'ውን ብተወሳኺ ይገልጽ።

ሕርሻ ባሕሪ፡ ብፍላይ ከኣ ሕርሻ ጸህያይ ባሕሪ፡ ዘይከም ኣብ መሬት ዝግበር ሕርሻ፡ ሰፊሕ መሬት ዘይጠልብ፡ ጽሩይ ማይ ወይ ዘመናዊ ድኾዒ ወይ ጸረ-ባልዕ ዘይሓትት ብምዃኑ፡ ተወሳኺ ብልጫ ኣሎዎ።

እዚ ሕርሻ'ዚ ንኣከባቢ ዝብክል ወይ ዘዕኑ ነገር ዘይጥቀም ብምዃኑ፡ ዘላቕን ንጹህን ሕርሻ ኣብ ምስፋሕ'ውን ኣገዳሲ ተራ ክጻወት ትጽቢት ይግበር። ኣከባብያዊ ረብሓታት ውሁድ ሕርሻ ባሕሪ ብምግንዛብ፡ ብዙሓት መንግስትታት ኣተኩሮ ሂቦም ይሰርሕሉ ከም ዘለዉ ይጥቀስ።

***

# ጸዓት-ኣልቦ መጨንጉዒ ማይ

ጸዓታዊ ሓይሊ ብሓፈሻ ካብቶም ዘመንጭዉዎ ኣካላት ብምብጋስ ክንፈላልዮ ንኽእል። ንኣብነት ጸሓያዊ ጸዓት፡ ኤለክትሪካዊ ጸዓት፡ መካኒካዊ ጸዓት ወዘተ. ተባሂሎም ይፍለዩ። በዞም ዝተፈላለዩ ጸዓት ተጠቒምና ድማ መዓልታዊ ብዙሕ ዕዮታት ነሰላስል።

ናጻ ጸዓታዊ መጨንጉዒ ማይ ክብሃል ከሎ፡ ብዘይ ዝኾነ ሓይሊ፡ ካብ ዓይኒ ማያት ማለት ትሕተ-ባይታዊ ማይ፡ ባህርያዊ ስሕበትን ጸቕጥን ብምፍጣር፡ ብቐሊሉ ማይ ክትጭንጉዕ ዘኽእል ፈጠራዊ ምህዞ እዩ።

ኣብ ሃገርና ምስቲ ዘሎና ሕጽረት ማይ፡ ሓረስቶት ይኹኑ ዝተፈላለዩ ኣልማዕቲ ሕርሻ፡ ካብ ትሕተ-ባይታዊ ዓይኒ ማያት ብምጥቃም እዮም ሕርሻኦም ዘልምዑ። ነዚ ክዉን ንምግባር ድማ ካብቲ ዒላ ንመጨንጉዒ ዝኸውን ሞቶር የድሊ። ነዚ ሞቶር መንቀሳቐሲ ዝኸውን ድማ ሓደው ኤለክትሪካዊ ወይ ድማ ነዳዲ ክጥቀሙ ግድነት ይኸውን። ብመንጽር ወጻኢታት ምስ እንጥምቶ፡ ንነዳዲን ኤለክትሪክን ዝወጽእ ገንዘብ፡ ኣዝዩ ብዙሕ ስለ ዝኾነ፡ ንሓረስቶት ከቢድ ብድሆ ኾይኑ ይቕጽል ኣሎ።

ነዚ ሽግር ንምፍታሕ ድማ ውሑድ ወጻኢታት ብምግባር፡




ንቐጻሊ ብዘይዝኾነ ነዳድን ኤለክትሪካዊ ሓይልን፡ ማይ ካብ ዓሞቕቲ ዒላታት ክትጭንጉዓሉ ዘኽእል ምህዞ ተኣታትዩስ ድሮ ብደረጃ ዓለም ክስርሓሉ ጀሚሩ ኣሎ።

ናጻ ጸዓታዊ መጨንጉዒ ማይ ንምስራሕ ዘድልዩ ነገራት

- በርሚል ወይ ፊስቶ ማይ ምስ መኽደኑ
- Pvc ወይ ካርትሽ ትቦ ማይ
- መገጣጠሚ ዝኸውን ትቦታት

ኣሃዱ ሕርሻዊ ምህዞን ሰንዓን
ጨንፈር ስርዓት ስትራተጅያዊ ሓበሬታ ሕርሻ

# ብኻደ...

ባህልቢ ጕይትኦም



<u>1ይ መተሓሳሰቢ</u>፡- ነዛ ጽሑፍቲ እቶም ኣብ 'ሃገረ-ሰብ' ተወሊድኩም ዘይዓበኹም ወይ ጥሪት ዘይጓሰኹም፡ ጎሲኹማ ክትሓልፉ እላቦ። ምኽንያቱ፡ ላም ክትትሎ (ክትሰረር)፡ ጤል ክትህበብ፡ በጊዕ ክትዕረግ (ክትህበብ)፡ ኣድጊ ክትዕሰብ (ክትርገጽ)... ዝብሉ ቓላት ትርጉሞም ክትሓቱ ካልእ መዝገበ ቓላት ከድልየኩም እዩ።

ሰብ፡ ንዓይ ሓዊስካ 'ከማና ዝበልሕ ፍጡር የሎን' ንብል'ሞ፡ እቶም ካልኦት ፍጡራት ዘይገብሩዎ ተግባር ድማ ንፍጽም። እዛ ኣበሃህላ ከይትርስዕዋ።

ነቲ ተወሊደ ዝዓበኹሉ ሃገረ-ሰብ ዓድና፡ ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ናይ ምብጻሕ መደብ ከም ቀንዲ ዋኒነይ ካብ ዝሕዞ ዓመታት ኣቑጺረ ኣለኹ። ቅድሚ ዓመት፡ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ ዓድና በጺሐ ነይረ። ሎሚ ዓመት'ውን ብፍሉይ ናብ መኻርምና (ደምበና)፡ ነተን ሕሉብ ኣሓና ንምርኣይ ወሰንኩ። ኣብቲ መኻርምና ምስ በጻሕኩ፡ እተን ከብትና ኣለዳ ወፊረን ጸንሓኒ። ክሳዕ ዝምለሳ ኸኣ ነቲ መኻርምና፡ ኮለል እናበልኩ ተዓዘብኩዎ። ገለ ካብ ዝተዓዘብኩዎ፡ ጸባ ክሳዕ ኣፋ ቅጽጽ ዝበለት ቶፋ (ኣልባ)፡ ዝሕላል ጸባ ዝመልእ ኩሮ (ጓጉድ)፡ ንማዕጠኒ ቶፋ ዝተዳለወ ጎኖቕ፡ ኣብ ኳዛ ኣዔታቶም ዝጽበዩ ኣብታይ፡ ብሓዊ ዝተበልዐት ገረድ፡ ኣብ ገረብ ጠልጠል ዝበለት ዓረም፡ ብጽቡቕ ዝተ'ረበ ዓራት ሰቕሎ ወዘተ. ይጥቀሱ።

<u>2ይ መተሓሳሰቢ</u>፡- ሕጂ'ውን እዞም ን1ይ መተሓሳሰቢ ሸለል ኢልኩም ምንባብ ዝጀመርኩም፡ ብሰንኩ ድማ ብዘይ ትፈልጥዎም ቓላት ተሸጊርኩም ዘለኹም፡ ካብኡ ዝገደደ ሽግር ከየጓንፈኩም ናብ ካልእ ምንባብ ክትከዱ እላቦ። እንተ እቶም ከምዚ ከማይ ወይ ድማ 'ደለይቲ ፍልጠት ሃገረ-ሰብ' ግና ንኺድ ብሓደ።

ኣብ ኣለዳ ዘርፈዳ ኣሓናን ኣጣልናን ምስ ደቀን ንኽራኸባ እናነቀዋ ካብቲ ጎቦ ወሪደን ናብ ደምበአን ዘብዘብ ክብላ ተዓዘብኩወን፣ ኣብ ጥቓይ ክሳዕ ዝበጽሓ ድማ ንኽርኤን ተሃንጠኹ። እቲ መኻርምና፡ ብዓበይቲ ጎቦታት ዝተኸብበ ስለዝኾነ፡ ድምጺ ናይ'ተን ከብትና ኣብቲ ጎቦ ተጋጭዩ መረዋሕ (መቓልሕ) መሊሱ፡ ኣብ እዝነይ ክበጽሕ ከሎ፡ ባህታ ይፈጥረለይ ነበረ። ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ሓደ ብመልክዑ ግሩም፡ ግን ከኣ ኣብ ምጉባዝ ዘርከብ ዲበላ ምስ ሓንቲ



ዘይተበኰረት ኣርሕዶ ኮለል ክብሉ ተዓዘብኩ። ብዘይካ ጾታኦም ካልኦም ፍጹም ይመሳሰሉ ነበሩ። ብፍላይ ሕብሮም፡ ሓደ ዓይነት ኹይኑ ጨበረይቶት እዮም። እቲ ዲበላ ነታ ኣርሕዶ፡ ንህባ ክልምና፡ ንሳ ድማ እንተስ ንቐልዓለም ወይ እንተስ ደስ ግዲ ዘይበላ፡ ክትኣብዮ ክረባረቡ ተዓዘብኩዎም። ንሱ እናለመና፡ ንሳ ክትሃድም ዋላ ብጸድፊ ተተሓሒዞም ሸለው እብሉ። ኣብ ሹርጓና እንተኣተወት'ውን ምስኣ ይኣቱ። እቲ ምትህልላኾም ርኢኻ፡ 'ኣይረኸብ' እዩ ዝብል። 'ምናልባት ግን ካልእ ዓርኪ ከም ዘላቶ ትፈልጠሉዶ ትኸውን? ወይሲ ንሳ ካልእ ዓርኪ ኣሎዋ ኰይኑ እዩ' ብምባል ኣብ ሓሳባት ተሸመምኩ። ግን ፍላይ ማንታኣ ክኸውን ይኽእል'ዩ፣ ሓወይ ኢላ ትኣብዮ እንተልያ'ውን ልቦና እዩ። ብዝኾነ ሕጊ ዘይብሎም ኰይኑ'ምበር መሰላ እዩ ዝግህሳ ዝነበረ። ኣብ ሰብ እንቋዕ ከምኡ ኣይኩነ'ምበር፡ ኣብ ፈቐዶ ከተማታት፡ ንሓንቲ ጽብቕቲ 'ሕራይ' ክተብል ሸንኰለል ምኾነ። ክንደይ መንእሰይ ከኣ ብሓደጋ ተሸከርከርቲ ምሰንከለን ምሞተን። ብዝኾነ፡ መሰል ኣንስትዮ እንስሳታት እንተዝሕሎ ምሓሸ። ምስ ነብሰይ ካብ ምምጓት ሓሊፈ ካልእ ፋይዳ ኣየምጻእኩን።

ከምዚ ኢለ ኣብ ሓሳብ ተሸሚመ ከለኹ፡ ሓደ ተዳጉኑ ዝሓደረ ናይ ጎረቤት ድልዱል ዲበላ ተፈንዩ፣ ናብቲ ደምበና ደበኽ በለ። እቲ ጋሻ ዲበላ ምስ መጸ፡ ወዮ ክልምን ዝጸንሐ ዲበላና፡ ፈሪሁ ነታ ኣርሕዶ ምህባብ ኣቋሪጹ ኣማዕድዩ ጠመታ። እቲ ብጉልበቱ ዝተኣማመን ዲበላ ጐረቤት፡ ኣብ ማእከል ኣጣልና ደው በለ። እታ ነቲ ዲበላና ኣቕቢጻቶ ዝጸንሐት ኣርሕዶ፡ ነቲ ጋሻ ዲበላ ምስ ረኣየቶ፡ ጭራኣ ሰልሰል ብምባል፡ ባዕላ ህባ ደልያ ከም ዘላን ብዘይ ዝኾነ ጻዕሪ ንርክብ ፍቓደኛ ምኻናን ገለጸትሉ። እቲ ጋሻ ዲበላ'ውን ግዜ ኣይወሰደን - ንኽስቀላ። እቲ ዲበላና፡ ኣብ ቅድሚኡ ንኻልእ ሕራይ ዝበለት ጓል ደምበኡ ብውሽጡ እንታይ ተሰሚዕዎ ይኸውን... ባዕለኹም ገምቱ። ከምዚኣ እንተተጓንፈኪ'ሞ ንበል፡ ጓል ሃገርካ እናለመንካያ፡ ሓደ ካብ ካልእ ዝመጸ ወጻእተኛ ከይለመና ባዕላ ሕራይ ምስ እትብሎ፡ እንታይ ምተሰመዓካ? ብዝኾነ 'ካብ'ዚ የድሕነና' እዩ ዘብል፣ ብፍላይ እቶም ኣብ መርዓን ደርዓን ዘይበጻሕኩም።

እተን ኣሓና፡ ናይቲ ብጸባ ተመልሚሉ ዝዓበየ ምኻኑ ኣካላቱ ዝምስክረሉ ጓሳና፡ ድምጹ እናሰምዓ እምባሕ ክብላ ጀመራ። እቲ ጓሳና ኸኣ ኸሮ ጭጭ ኣቢሉ ድሕሪ ምዕጣን፡ ማሕለኻ ኣልዒሉ ከጓንፈን (ክሓልበን) ጀመረ። ኣብዚ ኣጋጣሚ ድማ እየ ዝያዳ ዘመሰጠኒ ጉዳይ ዝተዓዘብኩ። ሓደ ንኽትርእዮ ደስ ዝብል መንጓድ ኣርሓ ብዕራይ፡ ነተን ከብቲ ሓሓሊፉ ክሽትተን (ፌን'ፌን) ረኣኹዎ። ንምንታይ ምኻኑ፡ ነቲ ተደቢሩ ኸሮ ብእግሩ ቓቚሩ ዝሓልብ ዝነበረ ጓሳና ሓተትኩዎ? ከምዛ ምስ ከብቲ ዘይዓበኹ፡ "ስራ ዝደለየት

ከይትህሉ'ዩ ዘፍትሽ ዘሎ" ምስ በለኒ፡ 'ወይ ጉድ! እሞ ላቦራቶሪ ኣብ ኣፍንጫኡ ኣላቶ!' ብምባል ብውሽጠይ ሓሲበ ፍሽክ በልኩ። "መላእ እንተኾይና ኣይቀርባን'ዩ፡ ዋላ ናይ መዓልትታት ይኹን" በለኒ። "መላእ እንስሳ ክትዋሰብ ርእየ፣ ዝብል ሰብ እንተሰሚዕካ ሓሳዊ በሎ" ምስ በለኒ። ተገሪመ፡ "ዋላ ሰብ?" በልኩዎ። እናሰሓቐ "ሰብ ደኣ እንታይ ልቢ ኣሎዎ" በለኒ።

ብሓሳበይ፡ 'እዚ ኣምላኽሲ እንቋዕ ደኣ ንእንስሳታት እታ ላቦራቶሪ ናይ መፍለጢ ጥንሲ ኣብ ኣፍንጫኦም ሰርሓሎም'ምበር ኣበየናይ ሕክምና ከይዶም ጥንሲ መረጋገጹ። ከምኡ እንተዘይከውን ነይሩስ እንስሳታት ኣብ ሕክምና ተሰሪዐን ምተመርመራ ማለት እኮ'ዩ።' በልኩ። በዓል ሓርማዝ ኣብ ክሊኒካት ዘዘው ክብላዶ ተራእየናኹም።

እቲ ቐንዲ ዘተሓሳሰበኒ ዘሎ ግን ናይቲ ዲበላን እታ ኮለል ዘበለቶ ኣርሒዶን እዩ። ነታ ዕላል ብዛዕባኦም ንኽትከውን ብምባል፡ ነቲ ጓሳና "እዚ ዲበላ፡ ነዛ ክ'ሃባ ዝጸንሐ ኣርሒዶ ስለምንታይ'ያ ኣብያቶ። ብኣንጻሩ ነቲ ኻልእ ምስ መጸ ሕራይ ኢላቶ" ኢለ ሓተትኩዎ? "ትዝክርዶ"? ኢሉ ብሕቶ ጀመረለይ።

"ዓሚ ከምዛ ሎሚ ምስ መጻእካና ዕንበብ ጤልና ክትወልድ ደልያ ክትጸዓር ክትጸንሓካ"። እወ፡ እቲ'ኳ ማንታ መሓስኣት ክትወልድ፣ 'ኣበይ ክርስያ ደኣ፡ ምስ ብሩኽ ወደይ፡ ብሓደ ዕለት እንድዮም ተወሊዶም'።


"እወ ሓቅኻ ሰበይትኻ ሓሪሳ ኢሎም'ኳ ካብ ሕክምና ደዊሎምልካ" በለኒ። "በል እዞም ድሮ ጎቢዞም ወጠጥ ክበሃሃሉ ዝጸንሑ እቶም ሽዑ ዝተወልዱ መሓስኣት እዮም" በለኒ።

'እዋእ! እሞ ንሓብቱ እዩ ክልምና ጸኒሑ፣ ተጋግዩ' በልኩዎ። 'እንታይ ኣሎዎም፡ እንስሳታት ብሩኻት እንድዮም" ብምባል ምሕላቡ ቐጸለ።

ኣነ'ሞ ኣብ ሓሳብ ጠሓልኩ፣ ንድሕሪት ድማ ብሓሳብ ተመለስኩ። 'እታ ጤልና ውልድ ምስ ኣበለት፡ እቶም መሓስኣት ድሕሪ ፍርቂ ሰዓት፡ ብድድ ብምባል ሰንከልከል እናበሉ ምኻድ ከም ዝጀመሩ፣ እታ ጤል'ውን ከይጉነፍ ኣይበለት፣ ማይ-ድጋም ኣይተነጽገላ፣ ገለብ፡ ገዓት ሳልስቲ (ዓሮ) ኣይኣዘዘት፣ ብዘይዝኾነ መሰል ምሕታት መዓልታዊ ንጥፈታታ ከም ዝጀመረት እዝክር። እንተ በዓልቲ ቤተይ'ሞ፡ ኣምቡላንስ መኺድን መምጽእን ንሕክምና፡ ኣብ ሕክምና ሓገዝ ሓኻይም፡ ኣብ ገዛ ምስ ተመልሰት ክንደይ ቀንጠ'መንጢ፡ ጠስሚ ናይ ሓሙሽተ፡ ፊኖ፡ ንቈልዓ ዳይፐር (ፓምፐር)፡ ገዓት ሳልስቲ፡ ገለብ፡ ጥምቀት ወዘተ.። እቲ ዝተወልደ ሕጻን ከኣ'ሞ ክታበት ካብ ዝውለድ ክሳዕ ሕጂ ናብ ሕክምና ክንመላለስ ጦቕ ኢልና። ኣብ ገዛ ድማ ንፋስ ከይወስድ ክንደራርብ ትዒብና። እንተ እቶም ምስኡ ዝተወልዱ መሓስኣት፡ ብዘይ ክታበት፡ ብዘይ ፓምፐር፡ ንፋስ ከይወስዱ ኣይተሸገሩ፣ ድሮ ጎቢዞም ስራ ምጅማሮም ደንጸወኒ። ምኽንያቱ፡ እቲ ወደይ ኣብ ፓምፐር ምሻን ኣይገደፎን፣ እግሪ ኣይተኸለ፣ ክሳዕ ሕጂ የሸግረና ኣሎ። እሞ እንታይ ደኣ እዞም እንስሳ ኣምላኽ ዓቕሞም ርእዩ ድዩ እዚ ህይወት ኣቃሊልሎም። እቲ ዝገርመኩም፡ እታ ምስታ ጤል ብሓደ ዝሓረሰት በዓልቲ ቤተይ፡ ድሮ ናይ 10 ወርሒ ጥንሲ ኣለዋ። "'ታይ እዋናዶ" ኢልኩም፣ ንዓይ'ውን ገሪሙኒ እዩ። እታ ምስ በዓልቲ ቤተይ ዝወለደት ጤል ክሳዕ ሕጂ ምስ ዲበላ ኣይተራኸበትን። ዋላ እንተ ተራኸበት፡ እቲ ወቕቲ ደረቕ ሓጋይ ስለዝነበረ፡ እቲ ዲበላ ኣይቀርባን እዩ። ንሳ'ውን ኣይተፍቅደሉን እያ። መብዛሕትኦም እንስሳታት (ከም በዓል ኣድግን ከልብን ከይሓወስካ) ኣንስተይቲ ረኺብና ኢሎም፡ ንርክብ ኣይሓቱዋን እዮም። ወቕቲ ኣሎዎም፣ እኹል ሳዕሪ ዘሎዎ ከምኡ'ውን እቲ ዝውለድ ኣበየናይ ወርሒ እንተተወሊዱ እዩ፡ ብመግቢ ዘይሸገር ወዘተ. ኣብ ግምት የእትዉ እዮም። እንታይ ደኣ እዚ ሰብ፡ ወቕቲ ኣይፈልጥ ገለ ... ዝብል ሓሳብ ክመጸካ ንቡር እዩ። መልሲ ግን የብሉን። ብዝኾነ እዚ ኣፈጣጥራና ዘገርም እዩ። ብኻዶ ...።

## ቀመም ፍረ ጻዕሪ




ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዝነብሐ ኸልቢ እምኒ ትድርቢ እንተኼንካ፡ ናብ መዓልቦኻ ኣይትበጽሕን ኢኻ።

ዊንስተን ቸርችል




መኸተ ምክልኻል እንበጣ ምድረበዳ